ሻንፈር

✉ፍቕራዊት ልቢ ወለድ ዛንታ✎

ሻፈርሜላ✎

* ‘ኣሜሪካውያን ንኣንጀሊና ጆሊ ዘድንቁ፡ ንኤርትራዊት ሄርሜላ ስለዘይርኣዩ እዮም!’
* ‘ኮኾብ PRISON BREAK ማይክል ስኮፊልድ፡ ቕዳሕ ኢዮብ’ዩ!’
* ‘ንሞናሊዛ ዝቕበአ ሌናርዶ ዳቪንቺ፡ ፈጣሪ ንሄርሜላ ከም ዝሰርሐ ክፈልጥ ኣለዎ!’
* ‘ኢዮብ ናይ ፍቕሪ ኣርሰን ቨንገር’ዩ!’
* ‘ምናልባት እዚኣ እታ ንትሮይን ሲፓርታን ዘናቕተት ሄለን ክትከውን ኣለዋ!’

ብትኤል ገና -ሽሊዳማርያም

መእተዊ

ክቡር ኣንባቢ፡ እዛ ከተንብባ ትዳሎ ዘለኻ መጽሓፍ፡ ኣብ ማሕበራዊ ህይወትን ጾታዊ ፍቕርን ዝያዳ እተተኩር ልቢ-ወለዳዊት መጽሓፍ'ያ።

ንፍቕርን ጓል ኣንስተይትን ከም ኣቕሓ ብገንዘብ ክትዕድነም ምፍታን፡ ብዘየለ ቓላት ነብስኻ ከተቕናጁ ምፍታንን ዓስቡን፡ ዘይበሰለ ህዉኽ ውሳኔታት ዘስዕቦ ሓደጋን መዘዙን፡ ናይ ቐልዲ ፍቕሪ ኣንፈቱ ስሒቱ ሓቐኛ ስምዒት ክፈጥር፡ ህይወት ሃብታማት ዝነዩላ ድኻታት ዝዕዘቡላን መድረኽ ጌርካ ምሕሳብን ጸገማቱን፡ ኩናት ውሽጢ ንደገ ወጽዩ ርእሱ ዝኸኣለ ሳዕቤን እንከኸትል፡ ተበዳሊ ሕነኡ ክፈዲ ሃነፍነፍ ክብል ዝግድዶ ጠንቂን ውጽኢቱን፡ ኣብ ልቢ ሰባት ክፍኣት ዘሪእካ ሓጥያት ከተቡቑሉ ምፍታን ዝህቦ ጻማ፡ ፍቕሪ ገንዘብ ንሕልና ኣዕዊሩ ኣራዊት ክልወጥ ከም ዝኽእል ዝገሃደሉ ተርእዮ፡ ሕልሚ ሰባት ቢቲንካ ውልቓዊ ረብሓኻ ክትሃንጽ ምፍታን ዝህቦ ውጽኢት፡ ንሓቐኛ ፍቕሪ ዝግባእ መስዋእትን ትብዓትን፡ ኣብ ዝብሉ ዝተፈላለዩ ዛዕባታት ኣቶኩራ ዘላ መጽሓፍ'ያ።

ክቡር ኣንባቢ፡ ሰላም ሰባት ዘሪግካ፡ ሰላምካ ምውሓስ ምጽዓር ልቦና'ዶ ዕሸነት? ገንዘብ ወረቐት ክንሱ፡ ከም ፈጣሪ ኣምለኽቲን ሰዓብትን ከጥሪ ዝኽኣለሉ መኽንያት እንታይ'ዩ? ብዋጋ ሰባት ዝዕደግ ክብሪ ዕድመ ክህልዎ ድዩ? ዓይኒ ሕልና'ኻ ዓሚትካ ዓይንኻ ጀሕ ምባል፡ ካብ ዓይነ ስዉር በየናይ መለከዒ የፍልየካ? ናይ ዝብሉ ኣገደስቲ ሕቶታት መልሲ ኣብዛ መጽሓፍ ኣሎ።

ክቡር ኣንባቢ፡ ካብ'ታ ኣብ 2014 ዘሕተምከዋ 'ምጾታት ፍቕሪ!' ዘርእስታ ቦኽሪ መጽሓፈይ፡ ብዙሕ ከም ዝተመሃርኩ እምነት ኣሎኒ። ኣብ ስርሓተይ ተኣማንነት ከሕድርን፡ ንዝበለጸ ስራሕ ክጽዕርን፡ ቐዳመይቲ መጽሓፈይ ልዑል ኣበርክቶ ነይርዋ። እዛ ናብ ኣንብብቲ በቒዓ ዘላ ካልኣይቲ መጽሓፈይ ከኣ፡ ነቶም ካልእ መጽሓፍ ንክሰርሕ ዘበጋሱንን ዘበራቱዕንን ደገፍተይ ህያብ ትኹነለይ።

ክቡር ኣንባቢ፡ ኣብ መወዳእታ ብመንገዲ ንባብ ናብ መጽሓፈይ ክትገይሽን፡ ዑደት ክትገብርን ብኽብሪ ይዕድመካ። ምስ'ዚ ፈጢረዮ ዘለኹ ልቢ ወለድ ግን ከኣ ካብ ክውንነት ዘይርሓቐ ዛንታይ ተላለ። ትሕዞ ሒዝካ ብጽሓኒ ኪይመስል ዘረባይ። ኣንብበኒ'ሞ፡ ንባብካ ከኣ ንገረኒ። ንዝህልወካ ርእይቶ ብሃንቐውታ ከም ዝጽበ፡ ጌና ንባብ ኣብ ምጅማርካ ከፍልጠካ እደሊ። ሰናይ ንባብ!

ደራሲ- ኣልጌና ወልደማርያም

ቕ.ስልኪ -07486152

<u>ምስጋና!</u>

ብሓፈሻ ንኩሎም እቶም እዛ ስራሕ ኣብ መፈጸምታ ንኽትበጽሕ ዝተሓባበሩኒ ውልቐ ሰባትን ትካላትን፡ ልባዊ ምስጋናይ የቕርበሎም። ገለ ካብኦም ንምጥቓስ ከኣ፡

ብኮምፒተር ንዝጸሓፉለይ ኤደን ዓንደን ልዋም ኣስገዶምን፡ ናይ ገበር ኣርትዖት ዝገበረትለይ ኤደን ሃብተኣብ፡ ምኽሮን ማዕዳን እናሃበት ዘተባብዐትኒ ዶኒክ ኣድሓና፡ ኣብ ውዑዩን ዝሑልን ኣብ ጎኖይ ኮይኖም ጸግዒ ዝኾኑኒ፡ ኣዕሩኽይ ዓወት ኣብርሃም፡ መምኡዓወት ግርማይ፡ መምኡ ሚካኤል ኣስመሮም፡ መምኡ ሃኒባል መለስ፡ ንዋታዊ ሓገዙ ንዘይበቐቕለይ ተስፎም ብርሃነ፡ ንመምኡ ቬኑስ ፍጹምብርሃንን ሓብታ ወይዘሮ ኣርያም ፍጹምብርሃንን፡ ልዑል ምስጋናይ ከቕርበሎምን፡ ኣብ ካሕሳኹም የውዕለንን ክብሎም ይፈቱ!

—

1.A. 'ንክምስታ ሰኒት ከም መደንዘዚ ተጠቒምካ፡ ንኣወዳት መጥባሕቲ ከተካይደሎም እከኣል'ዩ!'

ካብታ ዝተሳፈረላ ኣውቶቡስ ምስ ወረደ፡ ልዕሊ ንቡር ከፈጥን ተራእየ። ናብ ዝተመደቦ ቦታ ስራሕ ከበጽሕ'ዩ ዝህንደድ ነይሩ። ካብ ኮሌጅ ምስ ተመረቐ ብኣልጉሎት ከም መምህር ኮይኑ'ዩ ዝሰርሕ። ጌና ኣብ ዝምህረሉ ቦታ ስለዘይበጽሐ፡ ካብተን ኣብ ብሎኮ ዝነበራ ምኒባሳት ክሳፈር ነይርዎ።

እተን ሚኒባሳት ተተበኒሰን ኣመና ቁልጡፋት ሙኺነን እኣምን'የ። እቲ ጸገም ክሳብ ዝመልኣ ዝወስድኡ ግዜ'የ። ዕድል ገይሩ ንኽትመልእ ሓደ ሰብ ጥራይ ዝተረፋ ሚኒባስ ክረክብ ተሃንጠየ።

ዕድል ኣይገበረን። ተረኛ ሚኒባስ ካብ ሓሙሽተ ዘይሓልፉ ሰባት ጥራይ'ያ ጽዒና ጸኒሓቶ። ምስ ኩቱር ሕርቓኑ ድማ ብቕድሚት ቦታ ስለዝረኸበ ተሳፈረ። ክንደይ ዝኣክል ግዜ ክጽበ ከምዝኾነ ከይፈለጠ፡ ብውሽጡ ተረበሸ። ነታ ሚኒባስ ዝመልኡ ተማሃሮ ቀልጢፎም ክመጹሉ ተረበጸ።

"ሰላም ዝወደይ።" ኣብ ሓሳብ እንከሎ ብደገ ሓንቲ ሰበይቲ ክትደሃዮ ሰምዐ። መገዲ ኣርበዓታት ዘፋረቐት ወይዘሮ'ያ።

"ሰላም ማማ!" ቬትሮ እታ መኪና ተራሕዩ ስለዝነበረ፡ ብዘይ ጸገም ክረዳድኡ እኽእሉ'ዮም። ነታ ሰበይቲ ቕድሚ ሎሚ ርእይዋ ዝፈልጥ ኣይኮነን።

"መምህር ዲኻ?" ከተረጋግጽ ሓተተት እታ ወይዘሮ።

"እወ ልከዕ ኣለኺ።" ንሕቶኣ መልሲ ሃበ።

"እሞ መልእኽቲ ነይራትን'ስ፡ ከተብጻሓለይ ምኻኣልካ'ዶ ዝወደይ?" ብምቕሉል ኣገባብ ድልየታ ገለጸትሉ። ዝተሸገረት'ያ ትመስል።

"ጸገም የለን።" ንሱ'ውን ብምቕሉል ኣገባብ መለሰላ።

"ጓለይ ኣላ ምሳኹም ትምህር። ኣድራሻ ኣብዚ ኣለካ። በጃኻ ዝወደይ ተገዲስካ እዛ ሳንጣ ኣብጻሓለይ።" ብምባል ነቲ ኣድራሻ ጓላ ዝነበሮ ዕሹግ ሳንጣ ኣቐበለቶ።

"ጸገም የለን ማማ ከብጻሓልኪ'የ።" ንሳንጣኣ ብኽብሪ ምስ ተቐበለ፡ ቕሳነት ክትረክብ ዝበሎ'ዩ። ብተፈጥሩኡ ሰባት ኣብ ልዕሊኡ እምነት ኣሕዲሮም ክዓርፉ

ዝደሊ ሰብ'ዩ። እሙን ሙኺን እቲ ዝበለጸ ስልቲ ህይወት ሙኺኑ እናነገሩ ዘዕብዩ ስድራ'ዮም ዘለውዎ። 'እምነት! ልቢ ሰባት ከዕርፈሉ ኢልካ ኣብ ውሽጥኻ ትሃንጾ፡ ዋጋ ዘይከፈሎ ሆቴል'ዩ!' ዝብል እምንቶ ኣለዎ።

"መን'ሞ ክብል ስምካ? ኣነ ኣለምጸሃይ'የ ዝበሃል።" መልእኽታ ንመን ከም ዝሃበቶ ክትፈልጥ ግዴትኣ'ዩ። ዋላ'ኳ ከም ሰብ ክትኣምን ከምዘለዋ ትፈልጥ እንተኾነት፡ ክትጥንቐቕን ክትጠራጠርን ከምዘለዋ'ውን ኣይትስሕቶን'ያ።

"ኣራም'የ ዝበሃል። ባዮሎጂ'የ ዝምህር። እንተደሊኺ ናይ ዓርከይ ቕጽሪ ሞባይል ኣላ ውሰዲ'ሞ፡ ኣብጺሐዮን ኣየብጺሓዮን ምሸት ደዊልኪ ኣረጋግጺ።" መንነቱ ኣፋሊጡ፡ ምስኡ ኽራኽባ ዝኽእል ቕጽሪ ሞባይል ከህባ ጸገም ከምዘይብሉ ሓበራ።

"ሐራይ ዝወደይ! ሃበኒ በል።" ዝሃባ ቕጽሪ ወሰደት'ሞ ብሰላም ድማ ተፈለየቶ።

****

እቲ ኣራም ዝምህረሉ ቤት ትምህርቲ፡ 35 ኪሎሜትር ካብ ኣስመራ ርሒቑ ዝርከብ ዓዲ'ዩ። ንኽባቢ 3000 ተመሃሮ ዘኣንግድ ዓቢ ማዕከን ትምህርቲን ፍልጠትን ድማ'ዩ። ካብ ከባቢ ትሽዓተ ዓድታት እናመጹ ዝመሃሩ ተማሃሮ'ዮም ዘለውዎ። ኣብታ ዓዲ ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ፡ ዘምህራ ሰለስተ ዝተፈላለያ ቤት ትምህርታት'የን ዘለዋ። ኣብ ርእሲኡ ውን ጨንፈር ሚንስትሪ ሕርሻ፡ ብርክት ዝበሉ ኣባላት ዘለውዋ ማእከል ጥዕናን ናይ ምምሕዳር ሰራሕተኛታት ኣብታ ዓዲ ኣለዉ። በዚ መጠን ከኣ ቕጽሪ መምሃራንን ሰራሕተኛታትን ብርክት ካብ ምባል ዓጋቲ ኣይረኽበንን። ብጠቕላላ ክሳብ ልዕሊ 350 ዝኾኑ ናይ መንግስቲ ሰሕተኛታት ኣለዉ። ኣራም ኣብታ ካልኣይ ደረጃ'ዩ ዝምህር።

ምስ ዘሎ ራሕቒ፡ ኩሎም እዞም ሰራሕተኛታት መዓልታዊ ናብ ቤቶም እናተመላለሱ ክሰርሑ ዝከኣል ኣይኮነን። ነዚ ሽግር ንምፍታሕ ከኣ፡ ብምትሕግጋዝ ነበርቲ እቲ ዓድን መንግስትን፡ ንመደቕሲ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ብዙሕ መደቕሲ ክፍልታት ኣሎ። ኣጎልጐሎት ሓይሊ ኤለክትሪክን ገለ ገለ ዱኳናትን ስለዘሎ፡ እቲ ናይ መምሃራንን ሰራሕተኛታት መንግስትን መደቕሲ፡ ብለይቲ እንክትዕዘቦ ከተማ'ዩ ዝመስል። ኣብ ርእሲኡ ውን ናይ ደቒ ኣንስትዮን ደቒ ተባዕትዮን መደቕሲ ተባሂሉ ውን፡ ኣብ ክልተ ክፋላት ይገማማዕ'ዩ።

እታ መደቀሲ ከፍሊ፡ ዝያዳ ብጽሬታን ጽፈታን ትልለ ከፍሊ'ያ። ኣባላታ ኣርባዕተ'ዮም። ዋላ'ኳ ቕድሚ ናብዚ ቦታ ምምዳቦም ዘይፋለጡ እንተነበሩ፡ ናይ ሓባር መዳቕስቲ ምስ ኮኑ ግና ኣዕሩኽ'ዮም ኮይኖም። እቶም ኣባላት-

ሜሮን! ኣመና ህዱእን ለባምን መንእሰይ'ዩ። ኣብ ግዜን ሰባትን ፍሉይ ኣኽብሮት ኣለዎ። ንነገራት ተሃዊኽካ ፍርዲ ምሃብን፡ ምክሸማሸን ካብ ጠባያቱ ኣይኮነን። ርጡብ እምበር ቅልጡፍ ንክኸውን ኣይተዓደለን። ኣብ ርእሲኡ'ውን ካብ መደቡ ወጻኢ ዘይከይድን፡ ዕላምኡ ንምህራም ከይሰልከየ ዝጽዕትን ሰብ'ዩ።

ዮናስ! ዘረባ ዝፈቱን ትሑት ጽን ኢልካ ናይ ምስማዕ ዓቕሊ ዝውንን መንእሰይ'ዩ። ከም ሰብ ተዋዛይን መስሓቕን ምኳኑ'ዩ ዝምስከረሉ። ኣብ ኣከዳድና ሕሉፍ ተገዳስነት'ዩ ዘለዎ። ወዲ ርኹባት ስለዝኾነ ዝስእኖ የብሉን። ሓንሳብ ሓንሳብ'ውን ብሃብቱ ዝምካሕን፡ ብገንዘቡ ኩርዓት ዝስምዖን ሰብ ይኸውን'ዩ።

ኢዮብ! ዋላ'ኳ ሜሮን ዝሑል እንተኾነ፡ ኢዮብ ግና ኣመና ዝሑል'ዩ ልዕሊ ሜሮን። ብሓፈሻ ኣብ ኩሉ ንጥፈታት ማእከላይ መምዘኒ'ዩ እኳ ተሃለዎ፡ ኣመና በሊሕ'ዩ ግን። እንተደልዩ ብተንኮል ከውሒ ከነድል ጸገም የብሉን። ብተወሳኺ ብሰብ ዝጽሎን ነብሱ ሃስዩ ምእንቲ ረብሓ፡ ከብሩ ከሳብ ምጉዳል ዝኽይድ ዓይነት ሰብ'ዩ። ዋላ'ኳ ኣብ ናብራ ምስ ርኹባት ዝጽብጸብ ሰብ እንተዘይኮነ፡ ኣብ ገንዘብን ንብረትን ልዑል ተገዳስነት'ዩ ዘለዎ።

ኣራም! ብሓፈሻዊ መግለጺ ጥዑም'ዩ። ካብ ኩሎም ደቂ ገዝኡ እቲ ብመነባብሮ ዝተሓተ'ዩ። ዋላ'ኳ ኩለንትንኡ ዝጽላእ ተዘይኮነ፡ ብመነባብርኡ ከማርር ዝስማዕ ውልቀሰብ'ዩ። ከም ባህሪ ግና እሙንን ትሑትን ካብ ምኳን ኣይተዓግተን። ኣብ መንፈሳዊ ህይወት ዘለዎ ተገዳስነት ልዕሊ ማንም ካብ ደቂ ገዝኡ'ዩ።

****

"እቲ ወዲ ደኣ ደጊሙ እንድዩ ደብዳቤ ጽሒፉለይ።" በለት ራሄል ነተን ኣኣብ ዓራተን ኮይነን ዝከታተላኣ ዝነበራ መሓዙታ፡ በብእብረ እናጠመተተን። ንሰን ውን ኣብታ ናይ ማእከላይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝምህራ መምሃራንየን። ፋዱስ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ድሕሪ ምሳሕ'ዩ። ምስ ተመገባ ክድቅሳ ኣይመረጻን። ማይ ዘይጠዓመ ዕላል ራሄል፡ ኣቓልቦኣን ጸዊዑ ንድቃሰን ዘሳንነ ይመስል።

“ሕጂ’ኸ እንታይ ኢሉ’ዩ ጽሒፉልኪ? ጌና ኣይቀበጸን።” ክምስታ ኣሰንያ ኣድመጸት ስኒት። ክምስታኣ፡ ንመልከዓ የማናይ ኢዱ’ዩ። ዋላ’ኳ ብተፈጥሮኣ ጽብቕቲ እንተኾነት፡ ኣጋጣሚ ተፈጢሩ እንተኣኸመስሚሳ፡ ጽባቐኣ መስፈሪ’ዩ ዝስእን። “ንክምስታ ስኒት ከም መደንዘዚ ተጠቒምካ፡ ንኣወዳት መጥባሕቲ ከተካይደሎም እከኣል’ዩ!’ ዝብል ኣድናቆት ብቕጸሊ ይውሕዝ’ዩ።

“ሓሚመልኪ ሞይተልኪ’ዩ።” ጸጉራ እናፈተለት ተዛረበት ራሄል። ምልክዕቲ’ያ። ማእከላይ ቁመት ትውንን፡ በዓልቲ ተበሃጊ ከደራይ ሕብሪ ገጽ’ያ። ወዝ ፍረ ገጻ፡ ምስ ቃተኛ ከደናግር ዓቕሚ ኣይሰኣኖን። ህሩፍ ክበልዖ ዘወናውን ምግቢ’ዩ።

“ኣወዳት ከኣ! በቃ ሓሚመልኪ፡ ሞይተልኪ ተጸሊለልኪ ክብሉ ክነብሩ። ክስልኾወና ከም ዝኸእል ኣይግምቱን ድዮም? መዓር’ውን እኳ ይምኖ’ዩ።” መደረት ሄለን። ፈጣሪ ዝዓደላ መልክዕ ብሰሪ ተገዳስነታ ደጓሕነቱ ነክዩ’ዩ። ኣብ ነብሳ ዘለዋ ግዳሴ ከም ናይ መሓዙታ ኣይኮነን። ካብ ኣብ ስነ ጽባቐ፡ ኣብ ዋዛን ዳእላን ክትጸቕጥ ይሰልጠላ። እታ መስሓቕን ተዋዛይትን ጓል፡ ናይ ክፍለን ንሳ’ያ።

“ኣበሃህላኺ ኣይተረደኣንን?” ሕቶ ኣልዓለት ራሄል። ሕቶኣ ግን መልሲ ስለ ዝደለየትላ ኣይኮነትን ወፍያታ። ዝለመድኡ ሰሓቕ ከይናፍቕኦ’ዩ ዕላምኣ።

“ኣበሃህላይ ደኣ፡ እዚ ንፍቕሪ ብስም መላእኽቲ እናኣማለድካ ዝግበር ልማኖ፡ ከምዘይቅየር መግቢ ፍጊዕ ክብለና ጀሚሩ ኣሎ።” ምስ በለት፡ ግብረ መልሲ መሓዙታ ድሙቕ ሰሓቕ ካብ ሙኺን ዝዓገቶ ሓይሊ ኣይረኽበን።

“እንታይ’ሞ ወሲንኪ? ማለተይ ዳግመ ግምት ክትገብሪ ትሓስቢ ኣለኺ ዲኺ? ወይ’ስ ዝልወጥ መርገጺ የብልክን?” ኣስቂጣ ዝጸንሓት ሄርሜላ ዝበለቶ’ዩ። ኣብ ፍረ ገጽ መሓዙታ ዕትበት ክንዛሕ ኣይደንጎየን። ኣዒንተን ተኺለን ግብረ መልሲ ራሄል ክሰምዓ ድልወነተን ዘረጋገጻ’የን ዝመስላ።

“መቸም ካባኽን ዝሕባእ የብለይን። መጀመርታ’ኳ ኣመና’የ ዝጸልኡ ነይረ። ሓቂ ይሓይሽ ሕጂ ግና ኣይጸልኡን’የ።” ውሽጣዊ ሓሳባታ ገለጸትለን።

“ፈቲኽዮ ኣለኺ ማለት’ዩ።” ስኒት ተቐዳዲማ ርእይቶኣ ወንጨፈት።

“እወ።” ተሰማምዐት ራሄል። ስምዒታ ክትከውሎ ኣይመረጸትን። ነዘን ኣብ ቦታ ስርሓ ዝተላለየተን መሓዙታ ኩለንትናኣ ትሓብኣለን ኣይኮነትን።

“ሐራይ በልዮ።” ምኽራ ለገሰት ስኒት። መርገጺአ ንሱ’ዩ። ካብ ፈተወቶ ዘዛርብ የብላን። ፍቕሪ ቀልዓለም ዝግበረሉ መኣዲ ኮይኑ ኣይስመዓን’ዩ።

“ኣነ’ስ ኣዕሚቕኩኪ ተሓሰብክሉ ክመርጽ’የ። ባህርያት ሰባት ብዋዛ ስለዘይፍለጥ፡ ግዜ ከም ዘድልየኪ ኣይትረስዒ።” ሄርሜላ ምስ ኣድራሻ ሓሳባታ ኣላለየተን። ሄርሜላ ግብረ መልሳ ምስ ሃበት፡ ኣቓልቦ ራሄል ናብ ሄለን’ዩ ተጠምዚዙ።

“ኣነ’ስ ካብ ፈተኽዮ ኣካይዳ ዕቡያት ዝዓብሰልኪ የብሉን በሃሊት’የ። ተስፋ ከይቆርጽ ቐልጢፍኪ ተተሰማማዕኪ ኣርባሒ’ዩ።” ኣድመጸት ሄለን። ራሄል ግን ዝተቐርቀረት ክትመስል ምስ ዘይሩጉእነት ተመሓዘወት።

“እንተሓሰበትሉ እምበር ምሓሸ።” መርገጺኣ ኣጎልበተት ሄርሜላ። ‘ክልተ ግዜ ከይሓሰብካ ትፍጽሞም ነገራት፡ ዕድል እንተዘይተሓባቢሩዎም፡ ኣብ ካዝና ውድቀት ሞባእ ክኾኑ ዝለዓለ ተኽእሎ ኣለዎም!’ በሃሊት’ያ።

“ግዜ ምጥፋእ’ዩ ሄርሜላ። እንተፈትያቶ ዘሕስብ ምኽንያት የብላን።” ስኒት ብወገና’ውን መርግጺአ ኣደላደለት።

“ስኒት ሓቃ’ላ። ፍቐሪ ክኹሕኩሓካ እንከሎ፡ ቀልጢፍካ ተዘይሰሚዕካዮ፡ ብዘይካ እዝንኻ ዝሕተተልካ የለን። ሓንሳብ ሕቐኡ ዝሃበካ ፍቐሪ፡ ገጹ ክጠውየልካ ዘይክእለሉ ህሞት ስለዘሎ ድማ ኣይትዓሸዊ ራሄለይ። ምስ ጣዕሳ ደቒ ዕቑብ ከይትኾና።” ሄለን ኣብ ጎኒ ስኒት ቆመት።

“ከምዚ ሄርሜላ ዝበለቶ ግዜ በሊዐ እንተሓሰብኩሉ ዝሓሸ ይመስለኒ። ሓሲብካ ዝኣተኻዮ ዘጣዕስ የብሉን። ተስፋ ዝቐርጽ እተኾይኑ ድማ፡ ኣብ ልዕለይ ዘለዎ ኣረዳድኣ ትሑት ምኽኑ’ዩ ዘፍልጠኒ ዘሎ። ዝደልየኒ ተኾይኑ፡ ክሳብ ሐራይ ዝብሎ ክጽበየኒ ኣለዎ።” መጠቓለሊ ዘረባ ዝኸውን ሓሳባት ካብ ራሄል ወጸ።

****

መልእኽቱ ኩብጽሕ ነይርዎ። እታ ዝለኣኽቶ ሰበይቲ ኣድራሻ ስለዝሃበቶ ሽግር ኣይነበሮን። ከባቢ ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ’ዩ ናብ መደቀሲ ደቀንስትዮ ከይዱ። ክላስ ስለዝወዓሎ እትው ምስ በለ መልእኽቱ ኣየብጽሐን።

ናብ መደቀሲ ክፍሊ ደቀንስትዮ፡ ወዲ ተባዕታይ ክኣቱ ስለዘይፍቀድ ሰብ ልኢኹ ክጽውዓ ከምዘለዎ ተረዲእዎ’ዩ። ዕድል ጌሩ ትላኣኾ ሰብ ኣይሰኣነን።

ምሉእ ኣድራሻ ዝደለያ ሰብ ሓቢሩ፡ ቀልጢፉ ክትጽዋዓሉ ተማሕጺኑ'ዩ ሰዲዱዋ። ብዘይክኡ ካልእ ዝጽበ ወዲ ስለ ዘይነበረ፡ ተጸዊዓ ትመጽእ ጓል ከም ዘይትጋግዮ ፈሊጡ ነበረ።

ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ሓንቲ ጓል ናብኡ ትመጽእ ምንባሩ ኣስተብሃለ። ብቐለልቲ ቃላት መኺኹ'ዩ። ጸጉሪ ርእሳ፡ ኣብ እንግድዓኣ፡ ከዕርፍ ፍቓድ ዘለዎ'ዩ። ተራር ኣፍንጫኣ፡ ኣብ ጽባቐኣ ትጸወቶ ተራ 'እወታዊ'ዩ!' ጥራይ ኢልካ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ናይ በናና ቕርጺ ዝወነነ ከናፍራ፡ ቕንጅና ዝሸየጦ ዕሙር ሱጥር ማርኬት ኮይኑ ይስመዓካ። መኻፍቲ ኣፋ ምስ ተራሕወ ዝቕልቀሉ ኣስናና፡ ብስጡምነቶምን ውህደቶምን ብኣብነት ክጥቀሱ ዘለዎምዮም። ኣብ ኣፍልባ ዝተወጥሑ ኣጥባታ፡ ብርቱኺን እምበር ኣጥባት ኣይመስሉን። ቀጢን ሽምጣ፡ ሃንዳሲ ብሉጽ ቅርጻ ምንባሩ ኣየማትእን። ብሕጽር ዝበለ ኣዝያ መልከዐኛ ጓል ሄዋን ናብኡ ገጻ መጸት። ሕልሚ እምበር ክውንነት ምስኡ ዝነበረ ኣይመስሎን።

ኣብቲ ቦታ ንኣዋርሕ ምሂሩ'ዩ። ነዛ ቐንጆ ግና ርእይዋ ኣይፈልጥንዮ። 'ኣንታ'ዛ ሰበይቲ ናብ መልኣኽ እምበር ልኢኻትኒ!' ብምባል ተምሳጡ ብውሽጡ ገለጸ።

"ሰላም!" ኣብ ጥቕኡ ምስ በጽሐት መታን ከተላልዮ ተዛረበ። ከም መስትያት ዘንጸባርቕ ፍረ ገጻ፡ ብፍላጥ ኣብ መዓር ተኣሊኹ ዝወጸ መሰሎ። ኣብ ዘይቲ ሓንቢሳ ዝወጸት ክትመስል ብልጭልጭ ክትብል'ያ ተራእየቶ።

"ሰላም! ንስኻ ዲኻ ጸዊዕካኒ?" ንዝያዳ ምርግጋጽ ሓተተት። ኣብ ከባቢኣ ካልእ ወዲ ትርኢ ስለዘይነበረት፡ ተኣማሚና'ያ ተወኪሳቶ።

"ጽቡቕ ኣለኺ።" ግብረ መልሲ ሃባ። ጸጉሪ ርእሳ፡ ንቕድሚት ሓሊፉ ነጥባታ ክኽውል ዝጋደል ዝነበረ'ዩ ዝመስል። ዝለበሰቶ ቱታ ስረ፡ ንቕርጻ ኣጉሊሑ የርኢ ብምንባሩ ናይ ተመስጦ ስምዒታት ክሸምተሉ ኣይደንንየን። ነዛ ፍጥረት ጌጋ ሰኣነላ።

"እ. . ሄርሜላ ይብሃል።" ብሰሓቢ ቃና ስማ ኣፍለጠቶ። ጸኒሓ ግና ብስማ ስለ ዝጸውዓ፡ ስማ ክጠፍኡ ከምዘይከእል ተረዲኣ፡ ከምኡ ብምግባሩ ተጣዕሰት።

"ኣራም ይበሃል።" ንሱ'ውን ስሙ ኣላለያ።

"ናይ ደሓን ዲኻ?" መምጹእኡ ክትፈልጥ ጠየቐቶ። ርእያቶ ትፈልጥ ኣይነበረትን። ንኣዒንታ ቦኽሪ'ዩ ነይሩ።

“ናይ ደሓን’የ።” ናይ ደሓን ምኺኑ ኣረጋገጸላ።

“ማለት ብምንታይ ጸዊዕካኒ?” ዘሀውኽ ስራሕ ዝነበራ ትመስል።

“ንምንታይ ዝጸዋዕኩኺ ይመስል?” ክምስ በለ። ክም ሰብ ክኽሰራ ኣይደለየን። እዚ ክረጋገጽ እንተኾይኑ፡ ድማ ንዘርርቦም ብፍላጥ ከናውሉ ነይርዎ። ግዜ’ዩ ዝዕድግ ነይሩ። ግዜ ብሕቶ ዝግዛእ ተኾይኑ፡ እዚ መፈተንታ ኢሉ’ዩ ሓሲብዎ።

“ክግምቶ ኣይክእልን’የ።” ሓጺር መለሰት። ክላለይዋ ዝደለዩ መንእሰያት ብብዝሒ ክምዝጽውዕዋ ትፈልጥ’ያ። ንኣራም’ውን ካብኡም ፈልያ ኣይረኣየቶን።

“ቅሩብ’ከ?” ክም ልኡኹ መሰረት፡ ንብረታ ደርብዩላ’ዩ ክኽይድ ነይርዎ። ግና ዘይሓሰቦ ረኺቡ። መልእኽቱ ኣብ ኢዳ ከየበጽሐ፡ ፍትወታ ንልቡ ኳሕኩሑ። ንፍቐሪ ዝቕድም ስለ ዘየለ! ‘ሕማቕ ዜና ንጃማይካውያን፡ ፍቕሪ ክብረ ወሰን ቕልጣፈ ካብ ዩስያን ቦልት መንጢሉ ኣሎ!’ በለ ብልቡ።

“በጃኻ ባዕልኻ ንገረኒ።” ተማሕጸነቶ።

“ካብ ማማኺ’የ ተላኢኽ መጽየ።” ምሕጽንትኣ ስለዝኽበዶ መምጽኢኡ ገለጸላ። ንሳ ትመስል ጽብቕቲ እናተማሕጸነቶ፡ ንምሕጽንትኣ ከም ዓንቓፊ እምኒ ተሳጊርዎ ክሓልፍ ነብሱ ኣይገበረሉን። ዓቕኑ ብዘየገድስ ጽባቐ ሓይሊ ስለዝኾነ፡ ብሓይሊ ቑንጅንኣ ክሰዓር ንቡር ኮይኑ’ዩ ተሰሚዕዎ። ‘ምሕጽንታ ጽብቕቲ ጓል፡ ንወዲ ልክዕ ከም ዓሰርተ ትእዛዛት ፈጣሪ’ዩ!’ በለ ብሓሳቡ።

“ካብ ማማ?” ተሃንጥያ ሓተተቶ።

“እወ። ካብ ኣስመራ ናመጻኹ ኣጋጣሚ ምስ ረኸበትኒ፡ እዚ ሃባ ኢላ ልኢኻትኒ። ኣድራሻኺ ስለዝሃበትኒ ብዙሕ ኣይተሸገርኩን።” ንብረታ ኣቀበላ። ዕላሎም ኣብዚ ክዛዘም ግና ኣይደለየን። ተቐዲሑ ዘይውዳእ ጽባቑ’ዩ ዘስተማቕር ነይሩ።

“የቐንየለይ።” ኣመስገነት ሄርሜላ።

“ገንዘብኪ። እ. . . መምህር ዲኺ?” ‘ዕላል ክፈጥር ዘይክእል ወዲ ንጓል ካብ ሓወልቲ ፈሊኻ ዘይርእ ጠባይ’ዩ ዘለዎ!’፡ ኢሉ ስለዝኣምን’ዩ ሓቲትዎ።

“እወ።” ሓጺር መለሰት። ንዕላል ምኽንያት ዝኸውን ሰፊሕ መልሲ ከተውጽእ ድልየታ ኣይኮነን።

“ጽቡቕ። እንታይ ደኣ ትምህሪ?” ከይተዳህለ ካልኣይ ሕቶ ወሰኽ ኣራም። ዋላ’ኳ ዘይከም ካልኦት ደፊሩ ከዕልላ እንተኽኣለ፡ ሄርሜላ ክትፈጥሮ ትኽእል ብድሆታት ቀሊል ከምዘይኮነ ግና ክግምቶ ኣይተሸገረን።

“ሳይንስ። እሞ ክኸይድ።” ክሳብ ክንድኡ ዝኣክል ግዜ ምሕሻሻ ባህ ኣይበላን።

“ኣበይ ክንራኸብ ንኽእል?” ትም ኢሉ ከፋንዋ ውሽጡ ኣይኣዘዘን። ካልእ መዓልቲ ከዕልላ ዕላማ ኣለዎ። ‘ንርግቢት ጋብያኻ ክትሕብራ ዘይኮነ’ስ፡ ኣብ ዘላቶ ኬድካ ናብ ጋብያኻ ምስ ተምጽኣ ኢኻ ዕዉት ትኸውን!’ ዝብል መምርሒ ኣለዎ።

“ንምንታይ?” ቅጭ ስለዝመጻ ዝሓተቶ’ዩ።

“ከነዕልል ስለዝደለኹ’የ።” ዘይተጸበዮ ስለዝገጠሞ ብዘይ ንቡር ኣገባብ መለሰላ። ኣዘራርብኣን ኣጣምትኣን ተባላሚ’ዩ ነይሩ። ብምስላ መልኣኽ ዝሰመያ ጎርዞ፡ ብሓፈሻዊ ጠባያ ‘ቕንፍዝ!’ ክሰምያ ተደናደነ።

“ቕልዑ’የ ዝምህር ኣየርክበሉን’የ።” ተገናጨረት። ንኣራም’ውን ካብቶም ፈቲናኺ ተጸሊልናልኪ ዝብሉ ፈልያ ኣይረኣየቶን።

“እዋእ . . . ኣነ’ውን እኳ ከማኺ እኳ’የ።” ስለዝተቕጻጸሮ እምበር ፍጹም ተዳሂሉ’ዩ። እንተወሓደ ናብኣ ተላኢኹ ስለዝመጸ፡ ዋላ’ውን ደስ ኣይበላ ከምኡ ኢላ ክትምልሰሉ ኣይነበራን በሃላይ’ዩ። ንምልኣኹ ዓስቢ ዝደለየሉ ይመስል።

“እሞ ስራሕካ ግበር።” ሃንደበት ናብ ነብሪ ተለወጠት።

“ሐራይ በሊ።” ሸተት በለ። ከም ብኽሳራ ዝተበልዐ ነጋዳይ ርእሱ ብምድናን ካብኣ ክርሕቕ ጀመረ። ስዕረቱ ቕሑም ኣቢሉ ናብ ቤቱ ክበጽሕ ተሃንጠየ።

1.z ‘ምሕጽንታ ጽብቕቲ ጓል፡ ንወዲ ልከፅ ከም ዓሰርተ ትእዛዛት ፈጣሪ’ዩ!

2

2.A. *ንጠማዕ ምሃብ ዘላምድ'ኳ ፍቕሪ'ዩ!*

"ዳዊት ዓርከይ! ተሻቒለ። ካልኦት ከይውንንዋ እናፈራሕኩ ይድቕስ የለኹን። ኩሉ ሕቶታተይ ትነጽጎ ስለዘላ ከኣ፡ ብጓሂ ምብላዕ ምስታይ'ውን ጸገም ይኾነኒ ኣሎ።" በለ መድሃኔ፡ ነታ ልቡ ዝሰለበት ራሄል እናዘከረ።

"ሸቐልቀል'ባ ኣይትበል መድሃኔ። ናትካ እንተኾይና ናብ ትኸዶ የብላን። እንተዘይኮነ ድማ ንሳ ጥራይ ድያ ጓል? መምህር ኣማራጺታት ኣይስእንገዩ።" ተዛረበ ዳዊት። ኣዘራርብኡ ግና ንስምዒታት ፍቕሪ መድሃኔ፡ 'ብካልኦ!' ዝዋቓዕ'ዩ ነይሩ። ስምዒታት ፍቕሪ ከም በሽቓጥ ህጻን፡ ቕብጥሮት ከምዝደሊ ዝተረድኦ ኣይመስልን። ምስ መድሃኔ ኣብታ መባእታ ቤት ትምህርቲ'ዮም ዝምህሩ።

"ንዓይ ትኸውን ንሳ ጥራይ'ያ። ከምኣ ገይራ ተንበርክኸኒ ጓል ሄዋን ፍጹም ኣይክትህሉን'ያ።" ተቋውምኡ ኣስምዐ። ኣብ ልቡ ካብ ራሄል ትበልጽ ጓል የላን። ዋላ ንፍቕራዊ ሕቶኡ ትንጸግ፡ ፍቕሪ ዝኽሓሎ ተስፋ ግና ኣለዋ። ተስፋ ምቕራጽ ንቤት ጽሕፈት ፈቃር ልቡ፡ ኳሕኩሕዎ ዘይፈልጥ ጋሻ ስምዒት'ዩ።

" 'ፍቕሪ ፈለማ መወድኢ እኽሊ!' ክበሃል ኣይሰማዕካን? ክሳብ ዝስልችወካ'ዩ። ደሓር'ኳ . . " ንቑጥዐ መድሃኔ 'እንጃዕ ብደሓን መጻእካ!' ዝብሉ ቓላት ፈነወ።

" 'ኣብ ኩናት ዘይወዓለ በሊሕ!' ድዩ ዝበሃል? ምስ በጽሓካ ካባይ ክትገድድ ኢኻ።" ተነበየ መድሃኔ። ከም ልምዱ ሕርቓኑ ከይደንጎየ'ዩ ኩተፍ ኢሉ። ኣብ ዝሓርቐሉ እዋን፡ ጽልኢ ዘኣንፍቱ ስምዒታት ኣብ ገጹ ስራሕ ከፈጥረሎም ምርኣይ ንቡር'ዩ። 'ፍቕሪ ዘጃህር ስምዒት ኣይኮነን!' በሉ ብልቡ።

"ስማዕ እንዶ! ነዛ ጓል ኣበይ ትፈልጣ? ሐራይ መልከዓ ጽብቕቲ'ያ። ጠባያ ኣይትፈልጦ ገሊኣ ኣይትፈልጦ ሰኞ ኢልካ 'ኣፍቒረያ!' ምባል ውርዙይነት ከይመስለካ። ትቕድሞ ንዘይብልካ ኣይትጉየ።" ተዳመጸ ዳዊት። ህዉኽ ኣይኮነን።

"ፍቕሪ ቕድመ ኩነት የብሉን ዳዊት። ጠባያ ይሕመቕ ይጸብቕ፡ ንስለ ፍቕሪ ከይፈተኹ ክቕበሎ'የ። ሓይሊ ፍቕሪ፡ ንጠባይ ሰባት ክልውጥ ዘይክእል ኣይኮነን። ንጠማዕ ምሃብ ዘላምድ'ኳ ፍቕሪ'ዩ። ንፈታው ነብሱ ሓልዮት ዝምህር'ውን ፍቕሪ'ዩ።" 'ፍቕሪ ብዘይ ኩርሽ ዘስተምህር ደብተራ'ዩ!' በለ ብሓሳቡ።

“ደጋዊ ትርኢታ መሲጡካ ኣፍቒርካያ ኣለኻ። እዚ ናይ ዓይኒ ፍቕሪ’ዩ። ሓቀኛ ፍቕሪ ግና ኣብ ግሉጽነትን ምውህሃድ ባህርያትን’ዩ ዘሎ። ንሱ ድማ’ዩ ነባሪ። እዚ ናትካ ግን ምስ ግዜ፡ ማለት ኣሚንትኻ ምስ ኣረገ ወይ ንሳ ምስ ተባላሸወት፡ ፍቕርኻ ክበሊ’ዩ ማለት እኳ’ዩ።” ንመርገጺ መድሃኔ ዝጸባእ መልእኽቲ ኣመሓላለፈ።

“ትርዳእ ሰብ ኣይኮንካን።” ጸርጸር በለ።

“ባህራ ኣይፈለጥካዮን’የ ኢለ። ባህርኻ ምስ ባህራ ተወሃሂዱ ምሉእነት ምስ ዝፈጥር ድማ’ዩ ሓቀኛ ፍቕሪ ዝበሃል። ጥዕይቲ ድያ ሕምምቲ ከይፈልጥካ ግና ዓጀውጀው ትብል ኣለኻ።” መብርሂ ሃቦ። ታህዋኽ መድሃኔ ኣየሐጎሰን። ታህዋኹ ጽባሕ ንግሆ ከየውድቕ’ዩ ስግኣቱ። እንተ ወዲቕካ ምትሳእ ፈውሲ’ዩ። እንተኾነ ውድቀት ጥዑም ጥዑም ጥዒምዎ፡ ኣብ ዝወደቕ ንምድቃስ ኮቦርታ ከይጠልብ’ውን ፍርሂ ኣለዎ።

“ምንም ዘይትፈልጥ ገርሂ ጓል ገዛ’ያ ራሄል። ከምዘን ደድሕሪ ኣወዳት ተርሞስሞስ ዝብላ ኣይኮነትን። ክብረታ ዓቒባ ትኸይድ እድብቲ’ያ።” ዘይፈልጣ ክነሱ ከጸብቕ ዘገደዶ ፍቕሪ’ዩ። ዋላ ውን ክንዲ እምባ ዝኸውን ኣበር እንተዝርእየላ፡ ኣተሓሳስብኡ ኣይምተለወጠን። ዝኾነት ትኹን ከጽብቕ ዝኣዘዞ ፍቕሪ’ዩ።

“መተዓብይትኻ ድያ እዛ ጓል? ብወዝቢ ዝረኣኻያ’ሞ፡ ብጽባቐኣ ከም ዘፍቕርካያ’ዶ ኣይኮንካን ኣዕሊልካኒ? እድብቲ ሙኳና ብኽመይ ትፈልጥ? ደጋዊ ትርኢታ ግድን ድዩ ንውሽጣዊ ባህራ ክገልጾ? ጓል ገዛ ትመስል ኣመንዝራ ክትህሉ ኣይትኽእልን ድያ?” ልቢ መድሃኔ ፈግ በለት። ሕርቓኑ ቐልጢፉ ዘርሕቐ ኣይመስልን።

****

“ኢዮባ! ናብታ ጓል’ዶ ንደውል?” ዮናስ ጋዜጣ የንብብ ንዝነበረ ኢዮብ ሓተቶ። ፈተና ክእርም ስለዝጸንሐ፡ ከም መዘናግዒ ስለዘሓሰቦ’ዩ ሓቲትዎ። ሰባት ናብ ዝሃብዎ ቕጽሪ እናደወልካ ናይ ምዝንጋዕ ኣመል ኣለዎ። ዝደውለሉ ቕጽርታት ናይ ኣዋልድ’ዩ። ብፍሉይ እዛ ናይ ሎሚ ቕጽሪ፡ ሓንቲ ካብ ምስኣም ናይ ዝምህራ’ያ።

“እሞ ኢልካ?” ኢዮብ ውን ልምዲ ስለዘለዎ፡ በቲ ዮናስ ዘምጽኦ ሓሳብ ተሓጎሰ።

“እወ ከነራስና ላለና።” ታሕታይ ከንፈሩ ብስኑ ነኽሰ።

“ግና ሜሮንን ኣራምን ምስ መጹ ዘይኮነልና። ” ስክፍትኡ ገለጸ ኢዮብ።

“ባዕሎም ይፈልጡ! ንዓ ጥራይ ንስኻ።” ሞባይሉ ክጠዋውቕ ተራእየ።

“በል ላውድ ስፒከር ግበራ።” ዘረባ ናይታ ዮናስ ዝድውለላ ጓል፡ ብንጹር መታን ክሰምዕ’ዩ ከምኡ ኢሉ። ዮናስ ኣብ ከምዚ ንጥፈታት ዘባኽኖ ገንዘብ ክሓስብ ኣይደልን’ዩ። ንዕኡ ዘገድሶ ከመይ ኣቢሉ ይስሕቕ’ዩ። ‘ዮናስ ብወጻኢታቱ ኣብ ዝኣንዶ ሓዊ፡ ኢድካ ምስሓን ሓጥያት ኣይኮነን!’ ዝብል ብሂል ኣለዎ።

“ትድውል ኣላ ከይትዛረብ።” ኣጠንቐቐ ዮናስ። ኢዮብ ተተዛሪቡ ክኽሸሑ ሙኺኖም ይፈልጥ’ዩ። ስለዚ ከኣ’ዩ ቐዲሙ ኣጠንቂቕዎ።

“ሄለው!” ድምጺ ናይ ጓል ተሰምዐ።

“ሰላም ሄለነይ! ከመይ ኣለኺ? ካብ ዝገርመኪ ዶዘር ዘይትስከሞ ናፍቕትኪ ተሓንጊጠ ሕማቕ ኣለኹ። ደሃየይ ክትፈልጢ ኣይትድውልን?” ከምቲ ልሙድ ተዛረበ ዮናስ። ከምዚ እናገበረ’ዩ ገንዘቡን ግዚኡን ዘባኽን።

“ዋው! ንፉዕ ተዛራቢ ትመስል። ኣይፈለጥኩኻን ግን ?” ተዛረበት እታ ጓል።

“ኣይዘከርክንን ዲኺ?” ትፈልጦ ከምዝነበረት ጌሩ ሓተታ።

“ኣይዘከርኩኻን። ማለት ዝድውለሎም እምበር ዝድውሉለይ ኣይፈንጦምን’የ።” ንሳ’ውን ሓሊፋ ጸንሓቶ። ከራስና ዝሓሰበ ብግምጣሉ ከተራስኖ ጀሚራ ነበረት።

“ብዝኾነ ኣብ ኣስመራ ዮናስ’ዮም ዝብሉኒ። ኣብዚ ናይ ስራሕ ቦታና ግና ‘ሙሃነት!’ እየ ዝበሃል። ህቡብ ስለዝኾንኩ ትፈልጥኒ ትኾኒ ኢኺ።” ዓቲቡ ተዛረበ።

“እ . . . ወ! ፈሊጠካ ኣለኹ። ሓሳብካን መልክዕካን ከብዲን ሕቑን’ዩ። እዚ’ዩ ኢለን ምስ ኣርኣያኒ፡ ከልቢ ገዛውትና መሲልካኒ ክጽወዓካ ሓሲቢ ነይረ።” ሓያል ዘለፋ ወርወረት። ዝርርቦም ዝሰምዕ ዝነበረ ኢዮብ፡ ሰሓቑ ክቆጻጸር ክሳብ ዝጋደል ኮነ። ካብተን ቐድሚ ሕጂ ዮናስ ዝድውለለን ኣዋልድ፡ ፍልይቲ ኮይና’ዩ ረኺቡዋ።

“ተጻራፊት ኢኺ።” ዝብሎ ምስ ጠፍኦ ድሕሪ ናይ ካልኢታት ቓልሲ ዝረኸበን ቓላት ደርበየላ። ከምዚኣ ዝኣመሰለት ኣሸጋሪት ጓል ገጢማቶ ስለዘይትፈልጥ፡ ብዝግባእ ነቲ ዝለመዶ መስርሕ ክወጾ ኣይተራእየን።

“ኢሂ! ሙሃነተይ ተዛረብ’ባ። ክትዛረብ’ዶ ኣይኮንካን ደዊልካ?” ከም ኣጆማምርኡ ክቕጽል ኣይሰምዓቶን። በዳሂ ወዲ ክ’ኸውን’ዩ ነይሩ ትጽቢታ።

“ክዛረበኪ ዘየኽኣለኒ ዕንቅፋት ፍቕር’ኺ’ዩ። ብፍቕር’ኺ ከም ግረሲኒ ደሪቕ።” ክተዓጻጸፍ ፈተነ። ክተዓጻጸፍ ክብል ከይሰባበር ፍርሒ ዝነበሮ ይመስል።

“ሙሃነተይ! ከምኡ ኣይትኹን። ከይትደርቕ ፈሳሲ ኣብዝሕ።” ምልጋጽ ቀጸለት።

“ከንራኸብ ምደለኹ።” ድሌቱ ገለጸ ዮናስ።

“ስለምንታይ?” ላግጺ ኣቋሪጻ ሓተተት።

“ክላሊየኪ ደልየ ኣለኹ። ልክዕ’ዩ ከራስነኪ’የ ደዊለ ኔረ። ሕጂ ግና ሓሳበይ ቀይረ ኣለኹ።” ንኢዮብ ዘገረመ ዘረባ ኣስመዐ። ኩነታት ዘይከም ዝተጸበዮ ኣንፈቱ ለወጡ። ጸወታ ናብ ቁም ነገር ዝተለወጠሉ ኣጋጣሚ ደበኽ በለ።

“ንኽላለየኒ ዝደሊ ሰብ ሓንቲ ሕጊ ነጊረ’የ ዝቕርቦ። እታ ሕጊ ከምተተግብራ እንተፈሊጠ ድማ’የ ክላለየካ።” ቕድመ ኩነት ኣቕረበት።

“እንታይ’ዩ?” ከፈልጦ ተወከሳ።

“ምስ ረኣኻኒ ከም ዘይተፍቐረኒ ቓል እቶ።” ኣገራሚ ቕድመ ኩነት ኣቕረበት። እዚ ንዮናስን ኢዮብን ብልቦም ከም ዝስሕቑ ዝገበረ ክስተት ኮይኑ’ዩ ሓሊፉ።

“ሐራይ።” ተሰማመዐ ዮናስ። ነዛ ብዓይኑ ርእይዋ ዘይፈልጥ ኣመና ኣገራሚት ጎርዞ፡ ናይ ምርኻብ ድሌት ክህውጾ ተፈለጦ። እተን ቤት ትምህርታት ሓደስቲ ስለዝነበራ፡ መብዛሕትኣም መምሃራን ዝፋለጡ ኣይኮኑን።

“ጽባሕ ከምዚ ሕጂ ደውለለይ’ሞ፡ ኣበይ ከምንራኸብ ክሕብረካ’የ። ቓው ካብዚ ሰዓት ኣሕሊፍካ ኣይትደውለለይ። እንተደዊልካ‘ውን ኣይክቕበለካን‘የ።” ሃንደበት ሞባይላ ዓጸወታ። ከይደለኹ ዘይብሉ‘ያ ካብ መስመር ወጽያ።

“ዋው! ኣንታ ከመይ ዓይነት ጓል’ያ?” ኣድናቕቱ ገለጸ ኢዮብ።

“ይገርም’ዩ።” ኩሉ ኣንፈት ሓሳባቱ ናብኣ ክቓንዮ ኣይደንጉየን።

2.Z. “ጓል ገዛ ትመስል ኣመንዝራ ከትህሉ ኣይትኽእልን ድያ?”

3

3.A. ዕዉት ንሙኺን እቲ መጀመርያ ክትሰዕሮ ዘለካ ጸገም ዘይኮነ ሰ ገዛእ ርእሰኻ!

ጽባቐ እታ ዓዲ ኣብ ሰዓታት ምሸት ካብ ቐትሪ ንላዕሊ'ዩ እንተተባህለ፡ ናይ ምግናን ቓላት ኣይኮነን። ኣብ መደቐሲ መምሃራን ንገዛውቲ ኣማእኪሉ ዝነበረ ጎደና፡ እቲ ዝደመቐ ክፋል ናይ'ታ ዓዲ'ዩ። ኣብ ጫፍ ጫፉ ዝተተኽለ ኣብ ምጭብጫብ ዝርከብ ስዩ፡ ንጎደና ሓርነት ዘዘከርን ዘናፍቐን'ዩ። ብናይ ጎደናታት ብርሃን ልዕሊ ዝኾነ ስለዝወቀበ፡ መርፍእ ጠፊኡካ'ውን ትሽገረሉ ኣይኮነን።

ካብ ናይ መምሃራን ቤት ተቪ ንዕረፍቲ ዝወጻ ሄርሜላን ራሄልን፡ ኣብዚ ጎደና ሰለይ ክብላ ይርኣያ። ምሸት ድሕሪ ምምጋበንን ቲቪ ምዕዛበንን ከምዚ ክንብራ ልሙድ ንጥፈት'ዩ ንዕአን።

"ንምንታይ ተጣዒስኪ?" ሓተተት ራሄል።

"ኣይተረደኣንን። ኣወዳት ከምኡ ጌረ ገጽ ከምዘይከላእኩ፡ ኣብዚ ወዲ ግን ኣመና ተጣዒሰ። ካብ ዝገርመኪ ካብቶም ኩሎም ዝተዛረቡኒ ንሱ ፍሉይ'ዩ።" ንጹር መግለጺ ኣስመዐት ሄርሜላ። ኣብ ውሽጣ ዘሎ መጠን ጣዕሳ፡ ኣብ ምሉእ ህይወታ እቲ ዝበኣሰ'ዩ። ተግባራታ ኣብ ሓሳባ እናመጸ ምጽናዕ ከምዝኸልኣ ኣይዘንግዐትን።

"ብኽመይ ደኣ ፍሉይ ኮይኑ?" ክትሓትት ስለዝነበራ ጥራይ ሓተተት። ከም መሓዙት መጠን ጽቡቕ ጌረንየን ዝፋለጣ። ሄርሜላ 'ፍሉይ!' ትብሎ ወዲ ኣብ ርእሳ ክትቐርጾ ፈተነት። 'ሄርሜላ ፍሉይ እትብሎ ወዲ ደኣ፡ ምንኣስ ሓዉ ንሌናርዶ ዲካፕርዮ ክኸውን ኣለዎ እምበር!' በለት ብልባ።

"ካብ ማማ ስለዝተላእከ'ኳ ኣይኮንኩን ፍሉይ ኢለዮ። ገለ ንዓይ ክርደኣኒ ዘይከኣለ ስምዒት ፈጢሩለይ። ክኸይድ ምስ ደለየ ጸዊዐ ይቐሬታ ክሓቶ ሓሲበ ኔረ። እንተኾነ ድፍረት ኣይረኸብኩን።" ጣዕስኣ ናብ ፍረ ገጻ ዝለሓመ ክመስል ገጻ ድውንውን በለ።

"እዋእ! . . . እሞ ፈቲኺዮ ኣለኺ?" ንሄርሜላ ፍቐሪ ክሕዛ ይኽእል'ዩ ኢላ ስለዘይትሓስብ፡ እቲ ኣጋጣሚ ካብ ካልእ ኣመና ዝተፈልየ ኮይኑ ተሰምዓ። ሄርሜላ 'ፈትየዮ!' እንተ ኢላታ፡ ኣብ ታሪኽ ምሕዝነቱን ዘይትርሳዕ ዕለት ከምትኸውን ርግጸኛ ነበረት። ሕቶ ብዙሓት መናእሰይ ክትነጽግ እምበር፡ ባዕላ ካልእ ክትፈቱ ንራሄል ዘይእመን ዛንታ'ዩ። ካብ ሓጺን ዝተሰርሐ ልቢ ትውንን'ዩ ዝመስላ።

“ብሓደ መዓልቲ’ሞ ከመይ ኣቢላ ክፈትዎ?” ንጹር መግለጺ ክትህብ ትኽእል ኣይኮነትን። ፍቕሪ ንልባ ነጊድዎ ስለዘይፈልጥ፡ ብዛዕባ ፍትወት ትፈልጦ የብላን።

“ፍቕሪ ተኣምራት’ዩ ሄርሚ። ክኸውን ዘይክእል ጌርኪ ኣይትሕሰብዮ። ግና መጀመርያ ፈቲኽዮ ዲኺ ኣይፈተኽዮን ኣረጋግጺ።” ማዕደኣ ሰው ኣበለት ራሄል።

“እንድዒ!” ሽግራ ፈጣሪ ክፈትሑ ዝደለየት ክትመስል ንላዕሊ ጠመተት። ሰማይ ብከዋኽብቲ ተዓጂቡ፡ ልዕሊ መጠን ገሪሙን ወቂቡን ተዓዘበቶ። ወርሒ’ውን ብወገና ልዕሊቶም ከዋኽብቲ ደሚቓ፡ ንጽባቐ ሰማይ ኣጎልቢታቶ ተራእየት። እዚ ግና ንሄርሜላ ኣቓልቦኣ ዝስሕብ ኣጋጣሚ ኣይነበረን። ዋላ’ኳ ኣዒንታ ናብቲ ጽባቐ ተፈጥሮ የቋምት፡ ውሽጣ ርጉእ ስለዘይነበረ ግና ከም ተራ ነገር’ያ ሸፈፍ ኢላቶ።

“ማዕረ ክንድኡ’ባ ኣይትረበሺ። ኩሉ ድሕሪ ህይወትኪ ምኺኑ ፍለጢ።” ኩነታት ሄርሜላ ስግኣት እናፈጠረላ ምስ ከደ ዝበለቶ’ዩ። እታ ንኽልተ ዓመታት ትፈልጣ ሄርሜላ፡ ብሓደ መዓልቲ ጥራይ ዝራኣየቶ ወዲ ክትሓስብን ክትርበሽን ነተን ዝተረፋ መሓዙት ፍጹም ዘይእመን ድራማ’ዩ።

“ኣበይ ክረኽቦ ይኽእል?” ካብ ራሄል መልሲ ዝደለየት’ያ ትመስል። እንተኾነ ብዛዕባ ራሄል ርእያቶ ዘይትፈልጥ ወዲ‘ያ ትሓትት ነይራ።

“እንድዒ።” ዝገረማ ራሄል ሓጺር መለሰት።

“እውይ! . . እዛ ዕለት ክትፍጠር ኣይነበራን።” ናይ ዘይትስፍዋት ቓላት ኣስመዐት። ቐድሚ ሕጂ ትስፍውቲ ጓል’ያ ነይራ። ንዝገጠማ ሽግራት ብተስፋ፡ ክትቐልሶን ክትቓለሶን እትርእ ሓያል ሰብ ሙኺን ገዲፉቶ ነበረት።

“መን’ዩ’ሞ ስሙ?” ሃንደበት ሓተተት ራሄል።

“ኣራም’ዩ ኢሉኒ። ኣበይ ከም ዝምህር ክሓቶ ነይሩኒ። ግን ኣይገበርኩዎን።” ንምስ ጭራ ፈረስ ዝመሳሰል ጸጉሪ ርእሳ እናፈተለት ተዛረበት።

“ብወገነይ ክደልዮ ክፍትን’የ። ንሄለንን ስኒትን ተነኪርከየን’ውን ኣብ ውሽጢ ሓጺር መዓልታት ክንረኽቦ ንኽእል ኢና። ደሓር ከኣ ብልክዕ መምህር ተኾይኑ ኣይንስእኖን ኢና።” ከተተባብዓ ተዛረበት ራሄል።

“ጽቡቕ።” ተሰማምዐት ሄርሜላ።

“ወይ’ውን . . .” ሃንደበት ሃጠመት ራሄል።

“እንታይ?” ክትቐጽል ድርኺት ፈጠረትላ።

“ ‘ንሄርሜላ ዝመሰጥካ ወዲ፡ ብኽብረትካ ካብቲ ‘ማማ ከተማ!’ ንምጽዋት ተሓቢእካሉ ዘለኻ ቦታ ውጻእ!’ ዝብል ሓበሬታ ንልጥፍ።” ንሄርሜላ ከተስሕቕ ዝመሃዘቶ’ዩ። ኣትያቶ ካብ ዘላ ዓዘቕቲ ሓሳባት፡ ከተገላግላ ክትወሳወስ ነይርዋ።

“ኣቲ ስዲ!” ሄርሜላ ክርትም ኢላ ሰሓቐት።

****

“ከሳብ ክንድኡ ዘቕጥዕ የብልካን። ‘ኢድካ ኣብ ባሕሪ ኣእትዎ፡ ወይ ዓሳ ሒዝካ ትወጽእ ወይ ከኣ ተሓጺብካ ትወጽእ!’ ዝብል ምስላ ዘከር።” እቲ ህዱእ ሜሮን ናብቲ ምስኡ ዝነበረ ኣራም እናጠመተ ርድኢቱ ገለጸ።

“እዚ’ኳ ግፍዒ’ዩ። ስእነት ናይ ገዛና፡ ኣብ ኣቕሑትና ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ገጻይ’ውን ዝርእ’ዩ ዝመስል።” ከማርር ተሰምዐ ኣራም። እቲ ከም ቀንዲ ጉድለቱ ዝጥቐስ ጉዳይ ምምራር’ዩ። ብዛዕባ እቲ ብጻዕሩ ክኣልዮን ከበርዕኖን ዝኽእል ስእነት፡ መምህስ ተተንከፈ ከማርር ንቡር ተርእዮ ካብ ዝኸውን ኣይወሓደን።

“እዛ ዘረባ ዘይትገድፋ! ጓል ገፈዓትኒ ኢልካስ ብስእነትካ ከተማርር። ክትላለያ ፈቲንካ። ንሳ ግን መደብ ኣይነበራን። ብዛዕባኻን ብዛዕባ ናብራኻን ትፈልጦ ከም ዘይብላ እናፈለጥካ ከመይ ኣቢልካ ከምኡ ትብል?” ሜሮን መደረ። ‘ምምራር፡ ምስ ወደቕካ ከይትትስእ ኣትሪሩ ዝሕዝ ጨፈቕ’ዩ!’ ዝብል እምንቶ ኣለዎ።

“ዕድል’ዩ በጃኻ።” ኣራም ተዛረበ።

“ናይ ምንታይ ዕድል?” እቲ ከማርር ዘይደልዮ ሜሮን ተቐላጢፉ ሓተተ።

“ዕድል ስለዘይገበርኩ ማይ ትመስል ጓል ከሲረ። ብቐደሙ’ውን ድኻ፡ ዕድልን ገንዘብን ክህልዎ ኣይረኣናን።” ዘረባ ሓናፈጸ ኣራም። ዓቕሊ ጽበት’ዩ ዘዛርቦ ነይሩ። ልክዕ’ዩ ሄርሜላ እታ ንመጀመርታ እዋን ክላለያ ዝሓሰበ ጓል ኣይነበረትን። ግና ካብ ኩለን እተን ዝተላለየን ዝተፈልየት’ያ ነይራ።

“ዘይከውን እስከ ኣይትዛረብ። ምስ’ዚ ኩሉ ልቦናኻ ጨው ዘይብሉ ዓሻ ዘረባ ክትዛረብ ክሰምዓካ ከለኹ ብጣዕሚ ኢኻ ተሕርቕኒ። ኣርኣያ ሕብረተሰብ ክትከውን ዘለካ መምህር ሙኺንካ’ባ ኣይትረስዕ።” ኪኖኡ መታን ከይቐጽል’ዩ ከምኡ ኢሉ። ምስኡ ምኒን እንተኢሉ፡ ኣራም ከም ዝብርትዕ ይፈልጥ’ዩ። ስኡን

ሙኺኑ ይፈልጥ'ዩ። ከጸናንያ እምበር፡ ኣብ ምምራር ክተሓባበሮ ፍቓደኛ ኣይኮነን።

"ማራ ኽኣ ናፊቐያ።" ስምዒት ውሽጡ ገለጸ ኣራም።

"መን'ዩ ስማ ኢልካያ?" ንስምዒቱ ነስዩ ናቱ ናይ ባዕሉ ሕቶ ከቕርበሉ ተሰምዐ። ብኡ ኣቢሉ ካብ ምምራር ከናግፎ መደብ ሓንጺጹ ነበረ።

"ሄርሜላ'ዩ ስማ።" ንስማ ጸቒጡ ኣድመጸ ኣራም። ብከመይ ከም ዝሰለበቶ ምንም ኣፍልጦ የብሉን።

"ጽቡቕ ስም'ዩ ዘለዋ።" ሜሮን'ውን ኣድናቕቱ ገለጸ።

"መዓስ ክረኽባ ይኽእል?" ብህንጡይነት ሓተተ ኣራም። ብዝተበሃላዎ ከይተራኸቡ ክተርፉ ሓሳባቱ ኣይኮነን።

"ኣድራሸኣ ካብ ፈለጥካዮ ኣብ ዝጠዓመካ ክትረኽባ ይከኣል'ዩ።" ካብ ምምራር ስለ ዘንደልሃጸ ብሓጎስ ግብረ መልሱ ሃበ ሜሮን።

"ግና እዛ ኩሉ ዝጥምታ ጽብቕቲ፡ ክሳብ ሎሚ ዓርኪ የብላን ኢልካ ትሓስብ?" ንመደባቱ ዝዓናቕፍ ሓሳብ ኣምጽኡ። ብሃብታማት ኢና በሃልቲ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዝኹሕኳሕ ልቢ ከይህልዎ ሰግኡ። ዓይኒ ኣወዳት ናብ ዓይኒ ዘይትኸድን ሄዋን ከም ዘንከባለል ኣይተጠራጠረን። ብልከዕ ሄርሜላ ከምዚ ተኾይና፡ ልቡ ከም ብሽኮቲ ዘይስበረሉ ምኽንያት ኣመና ውሑድ ምንባሩ ክግምት ፍጹም ኣይተሸገረን።

"እዚ'ሞ ኣሸንኳይ ኣነ ንስኻ'ውን ኣይትፈልጦን ኢኻ። ከይስዓሩ ፈሪሖም ጸወታ ዘጀርጹ ኣብ ቕጽሪ ዕዉታት ከም ዘይኣትዉ እመን። ስለዚ መስጣን ውሕስነት ፍጠረላን እምበር፡ ብዛዕባ ዘይትፈልጦ እናሓሰብካ ክትጭነቕ የብልካን።" ማዕዳ ሃቦ። ከም ኣመሉ ብኑብሰ-ምትሓት ተቕሲቡ ከየማርር መታን'ዩ ከምኡ ኢሉ።

"በል እስከ ሐራይ።" ሜሮን ዝሃቦ ምኽሪ ጠቓሚ ከም ዝኸውን ኣሚኑ ተሰማምዐ ኣራም። ግና ንውሽጡ ክስዕር ኣይከኣለን። ዕዉት ንሙኺን እቲ መጀመርያ ክትስዕሮ ዘለካ ጸገም ዘይኮነ'ስ ገዛእ ርእስኻ ምንባሩ ኣይፈለጠን።

3.Z. *'ምምራር፡ ምስ ወደቕካ ከይትትሰእ ኣትሪሩ ዝሕዝ ጨፈቕዮ!'*

4

4.A. ፍቕሪ ዘምጽአ ናፍቕት ፈርማታ የብሉን!

መዓስ ካብ ስራሕ ከም ትፍደስ ፈሊጡ፡ ካብ ዝጸናተዋ ኣይወሓደን። ዘፍቕረ ልቡ ከይሃወጾ ኣይተረፈን። 'ጭንቂ ፍቕሪ ካብ ቃንዛ ኩሉምቲ ንላዕሊ'ዩ!'፡ ብምባል'ዩ ዝገልጾ። ንራሄል ካብ ዘፍቕር ንደሓር ጽፉፍ ዝነበረ መደባቱ፡ ከም ንፋስ ዝኣተዎ ዓውዲ ምጥርናፍ ኣብዩዎ'ዩ። ጠባዩ ክረቅቕን ብዝኾነን ብዘይኮነን ክንጸርጽርን ዘስተብሃልሉ፡ ምስ ሻቕሎት ሽርክነት ካብ ምፍጣር ዓዲ ኣይወዓሉን።

እታ ንልቡ ብበሊሕ ኩናት ዝተርበዓት ራሄል፡ ሃንደበት ኣብ ኣዒንቱ ኣተወት። ስርሓ ወዲኣ ትወጸሉ ኣብ ዝነበረት እዋን'ዩ። ንዕኣ ኢሉ ስለዝመጸ ናብኣ ከቕርብ ነይሩዎ። ስክፍታን ፍቕሪን እናተዋጃበርዎ፡ ኣእጋሩ ናብ ኣንፈት ራሄል ኣምርሐን። ከም ቀደማ ብዘይ ፍሕሸው ኣገባብ ከይትቕበሎ ፍርሒ ኣለዎ። ብዝተኽእለ መጠን ኣብ ትሕቲ ቑጽጽሩ ከእትዋ ፈተነ ኣካየደ። እንተኾነ ብኽፈል'ዩ ሰሊጥዎ። እቲ ክቆጻጸሮ ዘይከኣለ ፍርሒ፡ ኣብ ገጹ ዝተፈርሸሐ ከመስል፡ ገጹ ድህልህል በለ።

'ኣብ ቐድሚ ጓል ተባዕ መሲልካ ምርኣይ፡ ኩሉ ዓይነታዊ ጅግና'ዩ ዘጸውዓካ። ስለዚ ትባዕ!' ሕልንኡ ዘመሓላለፈሉ መልእኽቲ'ዩ ነይሩ። ግና ንክተብዕ ግዜ ከይረኸበ ናብ ራሄል ኣዝዩ ቀረበ።

"እ . .ሰላም ራሄል።" ብዝተደናገረ መንፈስ ተዓጂቡ ዘምሎኞ ዘረባ'ዩ ነይሩ። ራሄል ግና ከየስተብሃለትሉ ስለዝጸንሐት፡ ስንባደኣ ክትሓብኦ ኣይከኣለትን።

"እ . . . ሰላም!" ኢዳ ንሰላምታ ዘርግሓትሉ። ንመጀመርያ እዋን'ዩ ነይሩ። እንታይ ሓሲባ ከምኡ ከምዝገበረት ምስጢር'ዩ ንዕኣ። ኢዱ ሰዲዱ ዓጸፌታ ምስ መለሰላ፡ በተን ሕፍረት ዓሲሉወን ዝነበረ ኣዒንታ ጠመተቶ። ጠሙተኣ ግን በዓል ነዊሕ ዕምሪ ኣይነበረን። ከም ቀጢን ዕንጨይቲ ክስበር ኣመና ሒደት ካልኢታት ጥራይ'ዩ ሓቲቱ።

ተስፋ መድሃኔ ንእለት ብዕጽፍታት በረኸ። እታ ትማሊ ብገሳጺ ኣገባብ ካብ ቐድሚኣ ከም ዝርሕቐ ትገብሮ ዝነበረት ራሄል፡ ዘርኣየቶ ምቕሉልነት ንሞራሉ ከዛይዶ ተራእየ። በዚ ድማ ሻቕሎቱን ፍርሑን ካብኡ ክእለ ተቐሰበ። ዘፍቕረ ንክሕነስ ወይ ክሓርቕ ንእሽቶ መኽንያት ከም ዝደሊ ከኣ ንእግረ መገዱ ፈለጠ።

“ናፊቐኪ ራሄል። ዓቕለይ ምስ ጠለመኒ’የ ክረኽበኪ መጽየ።” ፍቕሪን ናፍቐትን መካይዲ ግዲ ኮይኖም፡ መቐረታ ዘፈልጦ ከንሱ ክናፍቓ ጀሚሩ’ዩ። ንናፍቕቱ ክቆጻጸር ዝኽእል ኣይነበረን። ‘ፍቕሪ ዘምጽኦ ናፍቐት ፌርማታ የብሉን!’ ምስ ዝብል ሓሳብ ይሰማማዕ’ዩ።

ራሄል ሰሚዓቶ ጥራይ ኣስቀጠት። ንከናፍራ በናጢሱ ዝወጽእ ናይ ግብረ መልሲ ቓላት ኣይነበራን። ግና ንዘስተብሃለ ኣጠማምተኣ መልሲ ዝሃበ’ዩ ዝመስል። መድሃኔ ኣንቢብዎ ድዩ ኣየንበቦን ብዘየገድስ፡ ዓይኒ ራሄል ልባን ልባ ኮይኑ ነበረ። ‘ስምዒታት ጓል ዘየንብብ ወዲ፡ ንፍቕርን ዝምድና ምስ ኣዋልድን መሃይም’ዩ!’ ዝብል ርድኢት ኣለዋ። ጓል ንኽትዛረብ ግድን ኣይኮነትን ንልሳና ኣብ ስራሕ ተውዕል። ዋላ ደኣ ንጹር ጽሑፍ ኣይሃልዋ’ምበር፡ ኣዒንታን ኣካላዊ ስምዒታን ገናጺልካ ዘይውዳእ ዓቢ መጽሓፍ’ዩ። ‘ዓይኒ ጓል፡ መስተውዓልቲ ጥራይ ዝሰምዕዎ ልሳን ከብቕኒል ይኽእል’ዩ!’ ዝብል ዘረባ ዘኪራ ነበረት።

“ጸቕጢ ጌረልኪ ይኸውን’የ። ዘፍቐረን ዝጠመየን ክልምኑ ምውዓሎም’ዩ። ለዋህ ሰማዒ ከኣ የጓንፈሎም።” ገለ ምቹእነት ክፈጥረላ ዓሊሙ ተዛረበ።

“ዝፈጠርካለይ ጸቕጢ የለን።” ንዕርዲ ከናፍራ ኣፍሪሶም ዝወጹ ቓላት’ዮም። ህርመት ልባ ፈጠነ። ኩነታታ ከምቲ ናይ እዋን ደሓን ዘይምንባሩ ርግጸኛ’ያ። ኣብ ልዕሊ መድሃኔ በየን ከምዝመጸ ዘይተፈለጣ፡ ናይ ፍትወት ስምዒታት ከተሳሲ ጀሚራ ምንባሩ ትኣምን’ያ።

“ኩሉ ግዜ ብኣኺ’የ ዝሓስብ ራሄል።” ሓጺር ተዛሪቡ ግብረ መልሳ ተጸበየ። እንተኾይንኡ ከም ተዕልል ከንብራ መደቡ’ዩ። ‘ንጓል ከምተዕልልን ከምትስሕቕን እንተዘይጌርካያ፡ መወዳእታኻ ፍሽለት’ዩ ከኸውን!” ዝበሎ ሰብ ዘከረ።

“ስለምንታይ?” ብሕፍረት ደኒና’ያ ሓቲታቶ። እታ ሕቶ ዋላ’ኳ ንራሄል ተሕፍር ተነበረት፡ ንመድሃኔ ግና ትብዓት ትውስኽ’ያ ኮይና። ክትሓቶ ብምግዳሳ ጥራይ ዓቢ ነገር’ዩ። ቕድሚ ሎሚ ንዝሓተታ ክትምልስ ውን ዕድል ትህቦ ኣይነበረትን።

“ልዕሊ ዝኾነ ስለዘፍቐርኩኺ። ከም ኣብ ኣጻምእ ዝርከብ ፈለግ ስለዝጸምኣኪ።” ብዘደንግጽ ኣገባብ ተዛረበ። እዚ ነታ ጽን ኢላ ትሰምዖ ዝነበረት ራሄል ከብዳ ዝበልዕ ኩነት’ዩ። ንሳ’ውን ከም ተፍቅሮ ክትገልጸሉ ሓሰበት። ግና ናይ መጨረሽታ ፍኹሰት ኮይኑ ተሰመዓ። ‘ተቐዳዲማ ፍቕራ ትገልጽ ጓል፡ ንፍዕቲ ገላጺት ዘይኮነት

‘ከንቲት’ዩ’ ስማ!’ ዝብል መምርሒ ዘለወን ኣዋልድ እየን መሓዙታ። ‘ሓደ ዝኽንፈን ኣዕዋፍ ብሓደ ይበራ!’ ስለዝኾነ ድማ፡ ንሳ’ውን ከምቲ ናተን ክትሓስብ ግድን’ዩ ነይሩ።

“ኣነ ክኸይድ መድሃኔ።” ስሙ ንመጀምርታ እዋን ኣድመጸታ። ልባ ተረቲዓ’ያ። ኣፋ ክሳብ ዝርታዕ ዘጸቢ ኣይነበራን። ካብ ከም ተፍቕሮ ክትገልጸሉ፡ ኣብ መደቀሲ ክፍላ ብፍቕሪ ምቕንዛው ይሕሻ። ጥዑም ቃንዛ ከምዘየለ ግና ትፈልጥ’ያ።

“እሞ መዓስ ኢና ደኣ ከንራኽብ?” ዕላሉ ከየወድኦቶ ክኸይድ ምባላ ኣየሐጎሰን። ግና ኩሉ ንዉሽጡ ገይሩ፡ መዓስ ከምዝጥዕማ ሓተታ። ቕድሚ ሕጂ ከምዚ ኢሉ ንኽሓታን ከዘራርባን ዕድል ትህቦ ስለዘይነበረት ብመጠኑ ዓጊቡ ነበረ።

“እንድዒ።” እንታይ ከም ትብል ስለዝጠፍኣ ብሃውሪ ተዛረበት።

“ማለተይ መዓስ ይጥዕመኪ?” ብኣኽብሮት ዘጀብጀቦ ኣደማምጻ ዳግማይ ሕቶ ኣቕረበላ መድሃኔ። ኣብ ገጻ ዝርኣዮ ርቡሽ መንፈስ ከቕስኖ ኣይከኣለን።

“ጽባሕ ከምዚ ሕጂ።” ክትቐጻጸሮ ዘይከኣለት ስምዒት ኣብ ውሽጣ ተኻዕወ። ከም ዘፍቕረቶ መድሃኔ ክፈልጥ ስለዘይትደሊ፡ ከምኡ ብምባላ ዝተጣዕሰት ኮይኑ ተሰምዓ። ካብ ከም ዘፍቕረት ክትፍለጥ ከላ ገይሩ ዝዓቢ ውርደት የለን በሃሊት’ያ።

“ሐራይ።” ተሰማምዐ መድሃኔ። ሓጎሱ መዐየሪ ክስእነኡ ኣይደንጎየን። ከም ዘየቋርጽ ፈለግ ኣብ ውሽጡ ሻሕ ሻሕ ክብል ተፈለጦ። ዓለም ከም ሎሚ ገይራ ፍትሓዊት ዝኾነት ይመስሎ ኣይነበረን። ንፈጣሪኡ ብጅምላ ከመስግን ጀመረ።

“እሞ ክኸይድ ቻው።” ኢላቶ ድማ ተዓዝረት ራሄል።

ነገራት ዘይከም ዝተጸበዮም ዝተቓንዕሉ መድሃኔ፡ ብሓጎስ ተዓጂቡ ናብ መደቀሲ ክፍሉ ኣምርሐ። ንዳዊት ዓርኩ ብዛዕባ ራሄልን ተስፋታታን ከዕልሎ ህንጡይነት ኣሕዲሩ’ዩ። ካብ ዘፍቀረ ንላዕሊ ህንጡይ ክርከብ ስለዘይክእል።

****

እታ ክፍሊ ብዋዕዋዕታ ተናወጸት። ኣብ ከባቢኣ ዝነበራ ካልኦት ክፍልታት ከይተረበሻ ኣይተረፋን። እቶም ኣብታ ክፍሊ ዝድቕሱ መምህራን ቕድሚ ሕጂ ረበሽቲ ኣይነበሩን። ሎሚ ግና መደቐሲ ክፍሎም ክትጭደድ ከሳብ ትደሊ ረበሹ።

እቲ ረበሻ ብኢዮብን ዮናስን ዝተላዕለ'ዩ ነይሩ። ዮናስን ኢዮብን ምስታ ቐድሚ ሓደ መዓልቲ ዝደወሉላ ጎርዞ፡ ተራኺቦም ምስ መጹ'ዩ እቲ እዋን። ኩሎም ኣባላት እቲ ክፍሊ በብወገኖም ይዛረቡ ስለዝነበሩ፡ ብንጹር ዝስማዕ ፍረ-ዘረባ ኣይነበረን።

"ስቐ እስከ በሉ።" ሜሮን ብዓውታ ጨደረ። ብዓውትኡ ዝተገረሙ ደቂ ክፍሉ ድማ፡ ኣብ ውሽጢ ካልኢታት ጸጥ በሉ። ኩነታት እታ ክፍሊ ናብ ንቡር ተመልሰ። "እንታይ ከም ዝገጠመኩም ንገሩና?" ናብ ዮናስን ኢዮብን እናጠመተ ተወከሰ።

"ኣንታ ናይ ሎሚ መዓልቲ ዘረባ የብሉን።" ኢዮብ ቐዲሙ ተዛረበ። ኣብ ፍሉይ ናይ ኣግርሞት ስምዒት ተወጢሑ ዝነበረ'ዩ ዝመስል። ኪኖ እቲ ዝተዛረቦ ከይቐጸለ ርእሱ ነቓነቐ። እቶም ብዛዕባ እቲ ጉዳይ ኣፍልጦ ዘይነበሮም ኣራምን ሜሮንን፡ ካብኡ ገለ ይጽበዩ ምንባሮም ዘንጊው ሃጠመ።

"ኣንታ ገለ'ባ በሉና።" ትጽቢት ዝነውሐ ኣራም ተዛረበ።

"ሓቂ'ሎ። እታ ጓል ከመይ ድያ?" ሜሮን'ውን ብተርኡ ተዛረበ።

"ብዙሓት ኣዋልድ ርእየዮ'ሞ ከምዚኣ ግን ኣይረኣኹን። ስከፍታን ሕፍረትን ኣብ ቦትኣ የለን። ከነራስና ዝኸድና ኣራሲናን ጥራሕ ጁባና ገይራን ንገዛና ሰዲዳትና።" ዮናስ ገለ መግለጺ ሃበ። ግና ንሜሮንን ኣራምን ኩለንትናዊ መግለጺ ኣይነበረን።

"ጥራሕ ጁባና? ከቲራኩም ድያ?" ኣራም ሓተተ።

"ምኽታር ድኣ ጽቡቕ እንድዩ።" ድሕሪ ምዝራቡ፡ እንታይ ከም ዝዘከረ ብስሓቕ ክርትም በለ ኢዮብ። ዮናስ'ውን ንኢዮብ ብምኽታል ብስሓቕ ፍሕስ በለ።

"እንታይ ድያ ኢላትኩም?" ዓቕሉ ዝወድአ ኣራም ብነድሪ ሓተተ።

"መጀመርታ ምስ ከደና፡ ከተዕልሉ ዲኹም መጺኹም ኢላ ሓቲታትና። 'እወ!' ኢልናያ። እሞ ጽሚቕ ከይሰተኹ ዕላል ስለዘይመጸለይ፡ ግድን እንዳ ሻሂ ንኺድ ኢላ።" መግለጺ ሃበ ዮናስ። በዚ ሜሮንን ኣራምን'ውን ከይሰሓቑ ኣይተረፉን።

"እሞ እንታይ ኢልኩማ?" ሓተተ ሜሮን።

"ኣማራጺ ኣይነበረናን። ምስ ካልኣይታ ናብ እንዳ ሻሂ ሒዝናየን ኣቲና። እቲ ዝገርም ጽሚቕ ኣዚዛ'ውን ስቐ ኣይበለትን።" መልእ ኢዮብ።

"እንታይ ካልእ ደኣ?" ሓተተ ኣራም።

“ቕኒት ድምጻይ ከመዓራረ ፓኒኖ ከበልዕ ኣለኒ ኢላ፡ ፓኒኖ ንዕኣን ንመሓዝኣን ኣዚዛ። ንሕና ከኣ ዕዳ ከይከብደና ሻሂ ኣዚዝና። ዓርከኹም ገንዘብ ኣብዚሐ ስለዝተማላእኩ፡ ንኢዮብ ኣኹሪዐዮ’የ። እምበር ኢዮብ’ሲ ንፈውሲ ማሕላ’ውን ጥር ትብል ገንዘብ ኣብ ጁብኡ ኣይነበሮን።” ሰሓቕ ምስ ዛዘመ ናብ ኢዮብ እናጠመተ ተዛረበ። ዝገበሮ ሓለፋ ተዘይነጊሩ ይሓምም’ዩ።

“ይብለካ እታ ጓል ዘይትዛረቦን ጤል ዘይትለቕሞን የለን። ከነራስና ዝጀመርናዮ ዘረባ ተገምጢላ ንዓና ብዘዋርድ ኣገባብ ተቕርቦ ነይራ። ተሓጋጊዝና’ውን ኣይከኣልናያን።” በለ ኢዮብ።

“እታ ካልኣይታ’ኸ?” ሓተተ ኣራም።

“ኣይ! . . . ብዛዕባ እታ ካልኣይታ ተዛሪቦ’ውን ዝውድኡ ኣይኮንኩን። ኣይተዛረበትን ግና . . ” ክቕጽል ኣይከኣለን ዮናስ። ሰሓቕ ኣቑሪጹ ናብ ሓሳብ በረረ።

“ዝተመሰጥካ ትመስል? ከመይ ዓይነት ጓል ድያ ሒዛትልኩም መጽያ?” ሓተተ ሜሮን። ዮናስ ዝጀመሮ ዘረባ ስለዘይቕጸሎ፡ ኣብ ትጽቢት ተሸሚሙ ዝተዛረቦ’ዩ። ምናልባት ገለ ኣደናቒ ባህሪ ዘለዋ ጓል ሄዋን ከይትኸውን ገሚቱ’ዩ።

“ማርያም እንተበልክዋ ኣይገፍሓ ኣይጸባ ማዕቀና’ዩ። ከምኣ ጽብቕቲ ጓል ኣብ ዝኸድካ ኬድካ ደሊኻ ክትረክብ ዘይክኣል’ዩ። ካብ ዝገርመኩም ክሳብ ሕጂ ካብ ኣዒንተይ ኣይተኣልየትን።” ኣድናቕቱ ብስምዒት ክገልጽ ተሰምዐ ዮናስ።

“ዮናስ ጽብቕቲ ትብላ ደኣ፡ ከመይ ዝበለት ድያ?” ሓተተ ኣራም። ንዝርኣያ ጓል ሄዋን ናይ ምቕንጻብ ልውል ክእለት ዝነበሮ ዮናስ፡ ዝሃቦ ሓበሬታ ኣገሪምዎ’ዩ። ዋላ’ውን ኩሎም ኣባላት ናይቲ ገዛ፡ ጽብቕቲ ኢሎም ንዘጽደቕላ ጎርዞ፡ ኣበራት እናምጻኡ ዘካፍእ ሰብ’የ። ነቲ ዘይዓግብ ዓይኒ ዮናስ ብዘይተረፍ ዝመልኡት ጓል ሄዋን፡ መን ክትከውን ከምትኽእል ከኣ ሓሰበ። ‘ንዓይኒ ዮናስ ትመልእ ቕንጆ ኣብ እንተተራኣያ፡ ስማ በዮንሰ ክኸውን ኣለዎ!’ ከኣ በለ ብሓሳቡ።

“ዮናስ ንጓል ናይ ምክፋእ ዲግሪ ከምዝነበሮ ትፈልጡ ኢኹም። እታ ምሳና ዘምሰየት ጓል ግና ኣበር የብላን። ፈጣሪ ብዘይ ቁጠባ’ዩ ሰሪሕዋ። ንካልኦት ሰባት ዝተሓስበ ጽባቐ ኣብኣ’ዩ ጠፊዕዎ መስለኒ። እዞም ብግናይ መልክዕ ዝሳቐዩ ሰባት፡ ገለ ክፋል ክህልዎም ዝነበሮ ጽባቐ ወፍዮሙላ’ዮም።” ኢዮብ’ውን ተመሳሳሊ ሓሳብ ከቕርብ ተሰምዐ።

“እሞ ንሕና’ውን ከንርእያ ዝነበረና ጓል’ያ ማለት’ዩ?” ተደነቐ ሜሮን።

“መን’ዩ’ኸ ስማ?” ኣራም ጠየቐ።

“ ‘ስም ይመርሕ፡ ጥዋፍ የብርህ!’ ዝብል ምስላ ሰሚዕኩም ትኾኑ። ማርስ’ዩ ስማ። ካብ ማርስ ስለዝመጸት’ዩ ዝኸውን። ከም ሓቂ’ውን ከምኣ ኣብዛ ናትና ፕላኔት፡ ትፍጠር ኣይትመስለንን።” ምግናን ዝተሓወሶ ቃላት ሰንደወ ዮናስ።

“ዮናስ ፈትዩዋ’ዩ ዘሎ።” ኢዮብ መግለጺኡ ሃበ።

“እዋእ!. . . ማለተይ እታ ጓል ብልከዕ ከምዚ ዝገለጽኩማ እንተኾይና፡ ክሳብ ሎሚ ከይተታሕዘት ትጸንሕ ትብሉ?” ሓድሽ ሓሳብ ካብ ሜሮን ነቐለ። ምግናን ዘይተሓወሶ መግለጺ እንተነይሩ፡ ብዙሓት ሃደንቲ ጽቡቓት ከም ዘለዉ ይፈልጥ’ዩ። ‘ኣብ ደረት ጽርግያ ኣናሃለወት ቐንጣቢ ትስእን ዕንባባ የላን!’ ምስ ዝብል ሓሳብ ይሰማማዕ’ዩ።

“እዚ’ሞ ናባይ ግደፎ! ሳላ ገንዘበይ እንታይ ከይስኣን ኢልካዮ? ዝገበርኩ ገይረ ናተይ እንተዘይለዋጠያ ወዲ ኣልኣዛር ኣይኮንኩን።” ከም ኣመሉ ብትዕቢት ተዛረበ ዮናስ። ገንዘብ ኩሉ ነገር ከም ዝኾነሉ ዝኣምን መንእሰይ’ዩ። ስድርኡ ርኹባት ስለዝኾኑ፡ ልዕሊ ብጽቱ’ዩ ገንዘብ ዝረክብ። በዚ ድማ ዕለታዊ ብገንዘቡ ከይተመኩሓን ከይተጀህረን ዝኾነሉ ኣይኮነን። ‘ገንዘብ ናብ ድልየታትካ ዝመርሕ ታክሲስታ እምበር፡ ወረቐት ከበሃል የብሉን!’ ዝብል እምንቶ ኣለዎ።

“ስምዓኒ! እዚኣ’ኳ ጓል እምበር ንብረት ኣይኮነትን ብገንዘብ ትመጽእ።” ተቐውሞ ካብ ሜሮን ተሰሞዐ። ዮናስ ብገንዘቡን ሃብቱን ከምካሕ ከሎ ፍጹም ዝብርሆ ኣይኮነን። ዋላ’ኳ ሓይሊ ገንዘብ ዘይዝንግዖ ተኾነ፡ ክሳብ ክንድኡ መጀሃሪ ወነንቱ ክኸውን ግን ኣይድግፎን’ዩ። እቲምንታይ ሰብ’ዩ ንገንዘብ ሰሪሕዎ። ስለዚ ‘ሰብን ገንዘብን መዛኑ ኣይኮኑን!’ በሃላይ’ዩ።

“ድሓን ኣይትሸገር ብገንዘበይ ኣብ ኢደይ ከምትኣቱ ጥራይ እመን።” ዘረባ ሜሮን ባህ ዘይበሎ ዮናስ፡ ተጸዊጉ መለሰ። ንገንዘብ ዘነኣእስ ሰብ ኣይብርሆን’ዩ። ድሕሪ’ዚ ኣብታ መደቀሲ ክፍሊ ዝተሰምዐ ድምጺ ኣይነበረን።

4.Z. ‘ኣብ ደረት ጽርግያ ኣናሃለወት ቐንጣቢ ትስእን ዕንባባ የላን!’

5

5.A. *'ፈጣሪ ክሰርሓካ ከሎ እምንን ቸሜንቶን ክሳብ ዘየቐበልካ ብጸጋኻ ኣይትመካሕ!'*

"ከንፈርኪ ጽቡቕ ምኺኑ ትፈልጢ'ዶ ሄርሜላ?" ራሄል ናብ መሓዛኣ ብምምልካት ጠየቐት። መኻፍቶ ኣፋ ብጣዕሚ'ዩ ዝምስጣ። ዋላኳ ናታ'ውን ጽቡቕ እንተኾነ፡ ልዕሊ ናይ ሄርሜላ ከምዘይከውን ግና ትኣምን'ያ። 'ከንፈር ሄርሜላ፡ ፈጣሪ ብሉጽ ፈለኛሞ ሙኺኑ ንምንጻር ዝተሰርሐ'ዩ!' በለት ብልባ።

"ትጻወቲ ኣለኺ?" ክምስ በለት። ጽባቐ ከንፈራ ብዘይ መጠን ምኺኑ ዝነግሩዋ ሰባት ብዙሓት'ዮም። ስለዚ ራሄል ዝበለቶ ሓድሽ ኣይነበረን። ንከናፍራ ባዕላ ስለዘይሰርሓቶ ግና ክትምካሓሉ ኣይትደልን'ያ። 'ፈጣሪ ክሰርሓካ ከሎ እምንን ቸሜንቶን ክሳብ ዘየቐበልካ ብጸጋኻ ኣይትመካሕ!' ዝብል መምርሒ ኣለዋ።

"ብሓቀይ'የ ሄርሚ።" ኣብ ኢዳ ጠቐዐትላ።

"ካብ ናትኪ'ውን ዝጽብቕ ኣይኮነን።" ከም ሰብ ብዛዕባ ጽባቐ ክዝረብ እንከሎ ሓበን ከይተሰምዓ ኣይሓልፍን'የ። ግና ሓበና ደገ ከተናፍሶ ኢላ ኣይትሓስብን'ያ። ከምኡ ምግባር 'ገበን!' ምኺኑ እናተነግረት ዝዓበየት መንእሰይ'ያ።

"ኣበይ'ሞ ክረኽቦ?" ኣስተማሰለት ራሄል። ዋላ'ውን ጽቡቕ ከንፈር እናወነነት፡ ከም ናይ ሄርሜላ ብጣዕሚ ጽቡቕ ስለዘይኮነላ ኣይዓገበትን። ንዘለካ ዘይምቕባልን ክትውስኽ ምድላይን ባህርያት መብዛሕትና ደቂ ሰባት ካብ ዝኸውን ኣይወሓደን። እታ ብኩለንትናኣ ጽብቕቲ ራሄል፡ ነተን ብትሕቲኣ ዝስርዓ ከይዘከረት፡ በታ ብቑሩብ ትበልጻ ሄርሜላ ምቕንኣ ኣይገርምን'ዶ! ወዲሰብ ዝዓግብ ሸውሃት እንተዝህልዎ፡ ጋግ መሬትን ነትን ብዘገርም ቅልጣፈ ምጸበበ።

"ረኺብክዮ ኣለኺ።" ሓጺር መለሰት ሄርሜላ።

"ነዘን ወርቃውያን ከናፍርኪ ዝስዕም ወዲ፡ መን ከም ዝኸውን ክፈልጦ ተሃንጥየ ክጽበዮ'የ።" ሄርሜላ ነዚ ምስ ሰምዐት ክርትም ኢላ'ያ ስሒቓታ።

"ስምዒ እንዶ ሄርሚ ሓፍተይ።" ተዛሪባ ከተብቅዕ ክትምልእ ግና ኣይተጸበየትን። ሃንደበት ንሄርሜላ ጠሚታታ ፈዘዘት።

"ኢሂ ራሄለይ።" ብስቕታኣ ዝተገረመት ሄርሜላ ተዛረበት።

“ከናፍርኪ ንመን ኢኺ ከተረክብየን ?” ክምስ ኢላ ሓተተት።

“ነቲ ብልቢ ዘፍቕሮን ዝምርዓዎን።” ሓጺር መለሰት ሄርሜላ።

“መን‘ዩ?” ሕጂ‘ውን ክትሓትት ተሰምዐት ራሄል። ካብ ሄርሜላ ክትፈልጦ ዘለዋ ኣገደስቲ ነጥብታት ዝነበራ‘ያ ትመስል። ዓርኪ ክምዘይብላ እናፈለጠት ክምኡ ምባላ፡ ንሄርሜላ ዘገረም ክስተት ካብ ም‘ኺን ክምዘይቦክር ግና ግምታ‘ዩ።

“ዓርኪ‘ዶ ትፈልጥለይ ኢኺ?” ተገሪማ ሓተተታ ሄርሜላ።

“ማለተይ መን ክኸውን ኢልኪ ትግምቲ?” ንሕቶኣ ብመጠኑ ምምዕርራይ ገበረትሉ ራሄል። ኣየናይ ዕድለኛ ወዲ ክንፈር ሄርሜላ ክምዝስዕም ምፍላጥ ልዕሊ ዝኾነ ዘገደሳ‘ያ ዝመስል። ‘ክንፈር ሄርሜላ ዝስዕም ወዲ፡ ምስ መልኣኽ ፍቕሪ ኣቑዲሙ ምሕዝነት ክምስርት ኣለዎ!’ በለት ብሓሳባ።

“ፈጣሪ ይፈልጥ።” ክትግምት ኣይደለየትን።

“ኣራም ኣይኮነን?” ስም ጠቐሰት ራሄል።

“እዋእ!. . . ራሄል። ከመይ ኢልኪ ክምኡ ኢልኪ?” ሰንበደት ሄርሜላ። ንምንታይ ንኣራም ኣልዒላ ከም ዝተዛረበት ሓሲባ ተገሪማ ነበረት።

“ማለተይ ስሙ ሃተፍተፍ ኢልኪ ስለዝጸዋዕክዮ‘የ። እምበር‘ዶ ሓንቲ መዓልቲ ጥራይ‘ያ ትፈልጦ? ኢለ ተገሪመ‘የ ዘለኹ።” ኣብ መወዳእታ ሓሳባታ ግልጺ ገበረትላ። ምስቲ ኣብ ሞንነ ድቃሳ ስሙ ክተልዕሎ ዝሓደረት ኣራም፡ ካልእ ንሳ ዘይትፈልጦ ርክብ ከይህልዋ ጥርጣረ ኣለዋ።

“ናይ ብሓቂ ዲኺ ራሄል?” ብዛዕባ ለይቲ ዝበለቶ ክትዝክር ስለዘይከኣለት፡ መተኣማመኒ ቃላት ካብ ራሄል ደለየት። እዚ ራሄል ዝበለቶ ቅኑዕ እንተኾይኑ፡ ገለ ንሳ ዘይትፈልጦ ነገር ኣብ ውሽጣ መጽዩ ክምዘሎ ክትኣምን ክትግደድ‘ያ።

“ብልበይ‘የ ስጋ ማማ።” ሓቃ ም‘ኺና ኣረጋገጸትላ። ዋላ‘ኳ ተጫራቒት እንተኾነት፡ ‘ስጋ ማማ!’ እንተ ኢላ ግን ኩለን እየን ዝኣምናኣ። ከምኡ ኢላ ምሒላ ከምዘይትሕሱ ኩሉ ቀራቢኣ‘ዩ ዝፈልጣ።

“እዋእ!. . . እዚ ወዲ ከመይ‘ዩ?” ከይተረደኣ ተዛረበት ሄርሜላ።

****

ማስቲካ ክዕድግ'ዩ ናብ ዱኳን ኣላጊሱ። ማስቲካ ናይ ምሕያኽ ልምዲ ካብ ዘጥሪ ክልተ ዓመት ኣለዎ። ማስቲካ ኣብ ኣፋ እንተዘየለ፡ ገለ ነገር ዝነደሎ ኮይኑ'ዩ ዝስምዖ። ኣብ ክላስ ክኣቱ እንከሎ ግና ማስቲክኡ ደርብዩ'ዩ ዝኣቱ።

"መን ሽምካ!" ኣብ ኣፈፌት ዱኳን ዝነበረት ጓል ሄዋን'ያ ጸዊዓቶ። ምስ ጠመተ ምጽውዓ ዘይኮነ'ስ ምጽባቕ መሰጦ። 'ጽብቕቲ ጓል ዝረኣየ ወዲ፡ ዓይኒ እምበር ልቢ የብሉን!' ንዝብል ባዕሉ ዘበገሶ ፍልስፍና ባዕሉ ዝረዓሞ ይመስል።

"እንታይ ክሕግዝ ?" ብኣኽብሮት ተዛረበ።

"ሳሙና ክገዝእ ኢለ መጺአ'ስ ሓንቲ ናቕፋ ግና ጎዲላትኒ። እንተለካ መልእለይ'ባ ክብለካ ደልየ'የ።" ድሌታ ገለጸትሉ እታ ጽብቕቲ። ኣብ ልዕሊኣ ዘንጸባረቐ ተገዳስነትን ክብረትን ከይመሰጣ ኣይተረፈን።

"እዚ ደኣ እንታይ ጸገም ኣለዎ?" ሓንቲ ናቕፋ ኣውጺኡ ሃባ። ብዘይካ እታ ናቕፋ ኣብ ጁቡኡ ካልእ ገንዘብ ኣይነበሮን። ብሰንኪ እታ ጓል ማስቲካ ከም ዘይሕይኽ'ውን ይፈልጥ'ዩ። ግና ብዛዕብኡ ክሓስብ ዕድል ትህብ ጎርዞ ኣብ ቅድሚኡ ኣይነበረትን። ምእንቲ ቆንጆ ማስቲካ ከይሓየኽ እንተወዓለ፡ ብዙሕ ጸገም ዘስዕበሉ ኣይኮነን። 'ምእንቲ ሞንጎ ትሕለፍ ኣንጭዋ'ኳ! ዝበሃል።

"የቕንየለይ።" ኣመስገነት።

"መን'ዩ እሞ ስምኪ?" ኣመስጊና ከይትዕዘር ፍርሒ ኣለዎ። ኣብ ሓደ እዋን ቆንጆን ማስቲካን ክኸስር ንቡር ኣይመሰሎም። 'ብዋጋ ማስቲካ፡ ዓይኒ ዘይተኽድን ቕንጆ እንተተላሊኻ፡ ምልክት ሰናይ መዓልቲ'ዩ!' በለ ብሓሳቡ።

"ስኒት ይበሃል።" ብኽምስታ ኣሰንያ ስማ ኣላለየቶ።

"ዋው! ጽብቕቲ ስም።" ኣድናቕቱ ወርወረላ።

"ናትካ'ኽ?" ብጊደኣ ሓተተት ስኒት። እንተወሓደ ጽቡቕ ዝገበረላ መንእሰይ'ዩ። ኣብ መንገዲ እንተተራኺቦም ክትዳሃዮ መታን ስሙ ክትፈልጣ ከገድሳ'ዩ።

"ሜሮን ይበሃል።" ንሱ'ውን ስሙ ሓበራ።

"ናትካ'ውን ጽብቕቲ ስም'ያ። ካብ ዝገርመካ ምንኣስ ሓብተይ ሜሮን'ዩ ስማ።" ብተዘዋዋሪ ምስ ስሙ ጽቡቕ ምትእስሳር ከምዘለዋ ኣፋለጠቶ። ምስ ዝኾነ ሰብ

ከተዕልል ትኽእል ሰብ'ያ። ካብተን ኣርባዕተ መሓዙት፡ ብዋዒኣ ድሕሪ ሄለን ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትስራዕ'ውን ንሳ ባዕላ'ያ።

"ኣይትሓዝለይ ስኒት ትበሃል ሓፍቲ የብለይን።" ተዋዘየ ሜሮን። ዋዛ እቲ ብቀሊሉ ንኣዋልድ ክትምስጠሉ ዘኽእል መሳርሒ ምኽኑ'ዩ ዝኣምን። 'ዋዛ፡ ናብ ልቢ ጓል ዘእቱ ትኬት ትዕድገሉ ባጤራ ክኸውን ተኽእሎ ኣሎ!' ምስ ነብሱ ተዛረበ።

"ተዛራቢ ኢኻ።" ድሕሪ ምስሓቓ ዝበለጾ'ዩ። ብባህሪኣ ኣፍካ ዘየኽድን መሰሓቕ ወዲ ጠላሕ ዝብላ ጎርዞ'ያ። እዞም ከም ዓባሳት ከይተዛረብካዮም ዘይዛረቡ ኣወዳት፡ ክጽልእዋ ጉድ'ዮም። እዚ ማለት ግን ሃተፍተፍ በሃልቲን ብዛዕባ ፍጹም ዘይጠቕሙ ነገራት ዝዛረቡ ኣወዳት ይፍተውዋ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ከም ዝዛረብን ከም ዘስሕቕን ዝርዳእ ወዲ'ያ ትፈቱ።

"ተራኺብና ከነዕልል ምደለኹ።" ከይተሰከፈ ድሌቱ ገለጸላ ሜሮን።

"ጸገም የለን። ካባይ እንታይ ትጽበ?" ካብዘን ምስኡ ዘሕለፈተን ሒደት ደቓይቕ ተበጊሳ እንተ ገምጊማቶ፡ ከምዘይጽላእ ውሽጣ ባዕሉ ሓበራ። ዘይጽላእ ወዲ ከምስጣ ንቡር ስለዝኾነ።

"ቴሌፎንኪ ሃብኒ ።" ድሌቱ ብሓጺር ቃላት ገለጾ።

<u>5.Z. 'ከንፈር ሄርሜላ ዝስዕም ወዲ፡ ምስ መልኣኽ ፍቕሪ ኣቑዲሙ ምሕዝነት ክምስርት ኣለዎ!'</u>

****

6

6.A. *‘ቕንዕና ጻማ እንተዝህልዎ፡ ቶኹላ ነታ መስኪን በጊዕ ደንጊጹ ምኑሓፉ!’*

“ኩሉ ሻዕ’ዩ ዝቓወመኒ።” ተዛረበ ዮናስ። ሰራውር ግንባሩ፡ ደገ ወጺኡም ከናፈሱ ዝደለዩ ክመስሉ፡ ንቆርበቱ ወጠሩዎ። ስምዒቱ ዝቐጻጸር ዓይነት ሰብ ኣይኮነን።

“ማራ’ዶ ተገዲስካሉ ሓቀይ? ረስዓዮ እስከ።” ተዛረበ ኢዮብ። ብዛዕባ ሜሮን’ዮም ዝዛረቡ ነይሮም። ዮናስ ዝኸፍሎ ኮኳ ይሰቲ ስለዝነበረ’ዩ ከምኡ ኢሉ። ሜሮን ዝበሎ ቅኑዕ ምንባሩ ኣይጠራጠርን’ዩ። እንተኾነ ንሜሮን ክሕለቕ ክብል፡ ኮኩኡ ክርሸን ኣይመርጾን’ዩ። ቕንዕና ኮኳ ከምዘይጋብዘ ይፈልጥ’ዩ። ‘ቕንዕና ጻማ እንተዝህልዎ፡ ቶኹላ ነታ መስኪን በጊዕ ደንጊጹ ምኑሓፉ!’ በለ ብልቡ።

“ሓደ ሓሳብ ኣሎኒ ።” ተዛረበ ዮናስ።

“እንታይ’ዩ?” ሓተተ ኢዮብ ካብቲ ብሳላ ዮናስ ዝረኸቦ ኮኳ እናጨለጠ። ዕድመ ንዮናስ ዝሰኣኖ ኣይነበረን። ዕለታዊ ናብ እንዳ ሻሂ ከይዱ ዘድልዮ ክእዝዝ ተፈቒዱሉ’ዩ። ንሱ ስለ ዘይከፍሎ ድማ ዋላ’ውን ኣስቢሑ ክእዝዝ ስክፍታ የብሉን። ዘይስንኻ ሑዳ እንተ ቕርጠምካሉ ስለዘየቕንዙ።

“ነዛ ጓል ተማዊተ ከርግጻ’ዩ።” መደቡ ሓበሮ። ከምኡ ክገብር እንተኾይኑ ናይ ኢዮብ ሓገዝ ከም ዘድልዮ ኣይስሕትን’ዩ። ካብ ኣራምን ሜሮንን ዝረኽቦ ሓገዛት ንዕኡ ዝጠቕም ስለዘይኮነ’ዩ ኣንሳሒቡ። ንሶም ሰብ ሕልና’ዮም። እቲ ብገንዘብ ኣስዲው ናብ ሕማቕ ይኹን ጽቡቕ ክሸሞ ዝኽእል ሰብ ኢዮብ’ዩ። ‘ኢዮብ ምእንቲ ገንዘብ፡ ካብ ኣፍ ኣንበሳ ስጋ ኣውጽእ ተባሂሉ ውን ከድሓርሕር ዘይርእ ሰብ’ዩ!’ ምስ ዝብል ምሉእ ሓሳብ ይሰማማዕ’ዩ።

“ጸገም የብሉን። ሃብታም ኢኻ። መልክዕካ’ውን ጽቡቕ’ዩ። ሓንቲ ጓል መንነታ ብዘየገድስ ከምዚ ናትካ ብልጫታት ዘለዎ ወዲ ተረኺባ ዓይና ትሓሲ ኣይኮነትን።” ተስፋ ሃቡ። ስለዝኣመነ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ? ዝበልዐት ከብዲ . . .

“ኣብ ጎነይ ኩን። ገዛና ኣብ ክልተ ተገማሚዓ’ያ። እታ ዝበለጸት ጉጅለ ግና እዛ ናትና’ያ።” ብትዕቢት መግለጺኡ ሃበ። ኢዮብ ብዝበሎ ተሓጉሱ ደረቱ ክነፍሕ ዝተረፎ ኣይነበረን። እቲ ዘስሕቕ ኢዮብ ካብ ልቡ ዝተዛረቦ ዘረባ ስለዘይነበረ’ዩ።

“ብኽመይ ደኣ ከምኡ ኢልካ?” ክምስታ ብምርኣይ ሓተተ ኢዮብ።

“ኣነ ሃብታም ንስኻ በሊሕ። ኣራምን ሜሮንን ግን ክልቲኦም ድኻታትን ዝጋነን ብልሒ ድማ ዘይብሎምን።” ዘሕፍር ዘረባ ደመረ። ኣብ ኮለጅ 3 ዓመት ዝተማህረ መንእሰይ’ዩ። ካብ 30 ዓመት ዝደንቆረ መፍለይ የብሉን። ከምቲ ኩሉ ዝነፈረ ርግቢት ዘይኮነ፡ ኩሉ ዝተማህረ’ውን ንቑሕን ለባምን ክኸውን ኣይክእልን’ዩ።

“ሓቅኻ’ኳ ኢኻ።” ብስሓቕ ፍሕስ በለ። ብድንቁርናኡ ብዙሕ ስለዝተገረመ’ዩ ስሒቑ። ዮናስ ሆየ ብዘረብኡ ዝሰሓቑ’ዩ ዝመስሎ ኔሩ። ኢዮብ ተንኮለኛ ይኸውን ብምንባሩ ኣይተጣዕሰን። ንሱ ግዚያዊ ረብሑኡ ጥራይ’ዩ ዘገድሶ። ብዛዕባ እቲ ሓቂ ክዛረብ እንተመሪጹ፡ ዮናስ ኽንድር ምኺኑ ይፈልጥ’ዩ። ‘ንበዓል ገንዘብ ጠብሮ እምበር ኣይተነድሮ!’ ዝብል መንእሰይ’ዩ።

“ብቕዳማይ ኣራም፡ ንሓንቲ ሰብ ሞባይልካ ሂበያ ኣለኹ። ምሳኻ ተዘይሃልየ፡ እቲ ንብረት ናብ ጓልኪ ኣብጺሐልኪ’የ በለለይ ኢሉኒ። ብቴለፎነይ ክጥቀም ሞኽ ኣቢሉኒ። ተደልዩ ሞባይልካ’ሞ ሃበኒ፡ ንስኻ ካልእ ዓድግ ዘይብለኒ።” ዲል ዝረኽበ ዮናስ ከም ኣመሉ ሃተፍተፍ በለ። ንሰባት ዝገበሮ ሓለፋ ምዝርዛር ክፈቱ ጉድ’ዩ።

“ይገርመካ እኳ’ዩ።” ‘ኣይስሓቕካን!’ ክይበሃል ንማለቱ ኣኽመስመሰ። ኣብ ገዝኡም ብዘይካ ዮናስ ሞባይል ዘለዎ የለን። ኩሎም ብናቱ’ዩም ዝጥቀሙ። ምስ ኢዮብ ኮይኑ ንኣራም ካብ ኣቆናጸቦ፡ ምስ ካልኦት ኮይኑ ከቆናጽቦ ድሕር ከምዘይብል ገመተ።

“ሕጂ ሎሚ ምሸት ምስታ ጓል ክራኽብ መደብ ሒዘ ስለ ዘለኹ ሓገዝ ክደልይ’የ።” ኮኳ ዝጋበዘ መታን ክሕግዞ’ዩ። ኣብ ገንዘብ ስድራቤቱ እምበር ኣብ ነብሱ ስለዘይኣምን፡ ከምኡ እንተበለ ንኢዮብ ዘስደምም ዘረባ ኣይኮነን።

“እንታይ ክሕግዝ ዓምና?” ተመቕሊሉ ሓተተ ኢዮብ። ‘ዓምና!’ ስለዝበሎ ብዘይ መጠን ከም ዝሕጎስ ርግጸኛ’ዩ። መዝሚዙዎ’ዩ። ካብ ዮናስ ዝረኽቦ ረብሓታት ብዙሕ ስለዝኾነ፡ ክሰላቹን ክሓርቹን ኣየዋጽኦን’ዩ። ‘ንዮናስ ምጥባር ምስ ዕሙር ዱኳን ምኽፋት ይመሳሰል’ዩ!’ ዝብል ሓሳብ ኣለዎ።

“እንታይ ኢለ ከምዝዛረባ ንገረኒ?” ድልየቱ ኣቓለዐ።

****

“ብኽምዚ እንተቐጺሉ ውድቕቱ ዘይተርፍ’ዩ።” ሜሮን ብዛዕባ ዮናስ ዝሃቦ መብርሂ’ዩ። ኣካይዳ ዮናስ ይብርሆ ኣይነበረን። እቲ ቀንዲ ንሰባት ፍቱዋት ዝንብሮም ረጃሒ፡ ኣብ ከምኡም ሰባት ዘንጸባርቕዎ ኣኽብሮት እምበር፡ ኣብ ማሕፉዶኡም ዝህሉ ገንዘብ ከምዘይከውን’ዩ ዝኣምን።

“ጽቡቕ ኣለኻ። ዮናስ ብቐሊሉ ክርድኣና ስለዘይክእል፡ ብኻልእ ኣማራጺ ተፈተንናዮ ይሓይሽ።” ኣራም ተዛረበ። እቲ ‘ህልኽኻ!’ ዮናስ፡ ብቐጥታዊ ዘረባ ዝስወጦ ኣይኮነን። ዋላ’ኳ ብዙሕ ግዜ ብዛዕባ ነብሱን ሃብቱን እናተጀሀረ ምዝራብ ከም ዘየጸብቐሉ እንተነገሩዎ፡ ዮናስ ግና ኣብ እዝኡ ልቢ ከቕምጥ ኣይከኣለን።

“ብምንታይ’ሞ ?” መንገዲ ተዓጽዎ ሜሮን።

“ኣይትረበሽ። ድሌት እንተሎ መንገዲ ኣሎ። ቀስ ኢልና ንሕሰብ።” ኣራም ረጊኡ ተዛረበ። ዮናስ ዓርኮም ኣብ ሕማቕ ክወድቕ ናይ ክልቴኦም ድሌት ኣይኮነን።

“እወ ንሱ’ስ ሓቅኻ።” ምስ ኣራም ተሰማማዐ። “ኣዲኣ ንሄርሜላ’ኸ ብዛዕባ’ቲ መልእኽቲ ኣይደወለትን?” ካልኢታት ተጸብዩ ሓተተ ሜሮን። ኣራም ብዛዕባ ሄርሜላ ዘለዎ ተገዳስነት ኣበየናይ ደረጃ ምህላው ንምፍላጥ ዓሊሙ’ዩ ሓቲቱዎ።

“ናይ ዮናስ ሞባይል’የ ሂበያ። ኣቐዲመ’ውን ንዮናስ ብዛዕባኣ ሓቢረዮ ኔረ። ግና ዝደወለት ኣይመስለንን። ዮናስ ምነገረኒ።” ብቕንዕና ተዛረበ። “ሄርሜላ ግና ካብ ዓይነይ ምውጻእ ኣብያ። ሜሮን ዓርከይ! ሎሚ ለይቲ ብፍላይ ከይደቀስኩ’የ ኣሕሊፈዮ።” ኣብ ውሽጡ ዝተሰላሰለ ጸቕጢ፡ ናብ ገጹ ክልሕም ኣይደንነየን። ‘ሄርሜላ ከም ኣብ ቕትሪ ኣብ ለይቲ ውን ትደምቕ ቕንጆ’ያ!’ በለ ብልቡ።

“ዘይትረኽባ። ማለተይ መን ይፈልጥ ኣብ ካልኣይ ግዜ ጽቡቕ ጌራ ትቕበለካ ትኸውን? ፍቕሪ ዝሓዘካ ኢኻ ትመስል።” ሜሮን ርድኢቱ ገለጸሉ።

“ከርስዓ ዝኽእል ተኽይነ እዛ ሰሙን ተጸሚመ ከሕልፋ ክፍትን’የ። ተዘይሰሊጡ ግና ኣማራጺ የለን ካልኣይ ሻዕ ክኸዳ’የ።” ውጥኑ ሓበረ ኣራም። ፍኹስ ዝበለ ኣቐራርባ ዝነበራ ሄዋን እንተትነብር ከምዚ ኣይምገበረን። ሄርሜላ ግና ብቕጻዒ ጠመተን ንተስፋኻ ዝሰብር ቃላትን ዝፈልጣ ሰብ’ያ። ‘ሄርሜላ ሰባት ከይቀርብዋ፡ ብስምዒታታ ትሪኳላታ ትሰርሕ ፍጥርቲ’ያ!’ ዝብል ርእሰ ርድኢት ኣለዎ።

“ጽቡቕ! ኣብ ጎንኻ ኣለኹ።” ንዝኾነ እንተታት ድልውነቱ ኣረጋገጸሉ ሜሮን።

“ብዛዕባ እታ ዝተላለኻያ ጓል’ኳ ኣየዕለልካንን።” ካብ ጉዳዩ ኣንሳሒቡ ናብ ሜሮን ተሰጋገረ። በቲ ሜሮን ዝበሎ ኩሩዕ’ዩ።

“ኣሃ ስኒት. . . “ ስሓቐ ሜሮን።

****

ናብታ ዓዲ ዝወርድ ቐሪ ሓፋር ኣይኮነን። እኳ ድኣ ከይኳሕኩሐ ዝኣቱ ደፋር እምበር። እቲ ምኽንያት ኣቐማምጣ ናይታ ዓዲ’ዩ ክኸውን ዝኽእል። እታ ዓዲብሓፈሻ እቲ መደቐሲ መምሃራን ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ሰጣሕ ጎልጎል ስለዝርከብ፡ ንቐሪን ንፋስን ዝከላኸል ተፈጥራዊ ሓይሊ የብሉን።

መድሃኔን ዳዊትን ኣብ ዓራቶም ተሰቐሎም ኮቦርትኡም ተሸፊኖም ይረኣዩ። ክልቲኡም ደብዳቤ ኣብ ምጽሓፍ እዮም ነይሮም። መድሃኔ ናብ ራሄል፡ ዳዊት ድማ ናብ ሓንቲ ጓል መሳርሕቱ ዝኾነት ጎርዞ። ፍልልዮም፡ መድሃኔ ብፍቐሪ ስለዝተሳቐየ’ዩ ዝጽሕፍ ነይሩ። ዳዊት ግና ንመዘናግዒ ክኾኖ’ዩ ዝሕንጥጥ ነይሩ።

“ሕጂ ከመይ ጌርኩም ክትህብዋ ኢኹም?” ዘይተዋሕጠሉ መድሃኔ ሓተተ። ናይ ዳዊት ስራሕ ምስ ቁምነገር ኣይጸብጸቦን። ንሓንቲ መሳርሕቶም ከራስን ክብል ጌርዋ ዘይፈልጥ ደብዳቤ ክጽሕፍ ስለ ዝራሉ ተገሪሙ’ዩ።

“ከይረኣየትና ኣብ ማእከል መጻሕፍታ ነቐምጠላ።” መለሰ ዳዊት። ዋላ’ኳ ከም ሰብ ምዝንጋዕ ዝፈቱ እንተኾነ፡ ብኽምዚ ኣገባብ ክዘናጋዕ ግን ፋልማዩ’ዩ። ‘

“እንተ ፈለጠትኩም’ከ?” ከይክሸሑ ዝሰግኣ መድሃኔ ሓተተ። እዚ በዓል ዳዊት ዝገብሩዎ ዘለው ኣዘዋዊሩ እንክሓስቡ፡ ካብ ጥቕሙ መዘዙ ከም ዝዓቢ ገመተ። ክዘናጋዕ ክብል ኣብ ጸገም ክኣቱ ከምዝኽእል’ዩ ዝሓስብ ነይሩ።

“ከመይ ኢላ’ሞ ክትፈልጠና? ስምን ኣድራሻን ዘይብሉ ደብዳቤ ኣብ መጻሕፍታ ንዲፍናላ እንተኸድና፡ ከትጥርጥረና ትኽእል’ውን ኣይኮነትን። ከም ሰብ ምሳና ብዙሕ ሰላምታን ኣፍልጦን ስለዘይብላ ከኣ፡ እቲ መስርሕ ዕውት ከም ዝኸውን ኣይትጠራጠር። መላለዩ ከኣ ይኾነና።” ድምብርጽ ከይበሎ ተዛረበ።

“ስለምንታይ ንዕኣ ክትጽሕፉላ መሪጽኩም?” እቲ ምሕታት ዘይርብርብ መድሃኔ ዝበሎ’ዩ። ኣብ ውሽጡ ዝዓቐሮ ሕቶ የለን።

“ኩነታታ ከጽልኣና መዓት’ዩ።” ሓጺር መለሰ ዳዊት።

“እንታይ ዘጽልእ ጠባይ ኣለዋ ?” መድሃኔ ተወሪሙ ተዛረበ።

“ማለት ኬፋት ገለ ዘይትግጥም ሰብ’ያ። ኩሉ ግዜ ንሳን ትምህርታን። ካብ ዝገርመካ ኣብ ስታፍና ‘ሮበት!’ እዮም ዝብሉዋ።” እናሳሓቐ ምኽንያት መጽልኢኣ ነገሮ። ንመድሃኔ ዝምስጥ መልሲ ከምዘይከውን ግና ከይተዛረበ እንከሎ ገሚቱ’ዩ።

“በቃ በዚ ጸሊእኩማ? ኣላ ንስኺም። እምበር’ዶ መምሃራን ኢኹም?” ብምግራም ርእሱ ነቐነቐ። “ስለምንታይ’ዮም ኣብ ዓለም እቶም ግቡኣም ዝገብሩን ንነብሶም ከመስሉ ዝፍትኑን ዝጽልኡ?” ከብድሆ ይኽእል’ዩ ዝብሎ ሕቶ ለኣኸ።

“ፍልስፍና ከኣ ጀሚርካ። እዚኣ እንድየ ዝጸልኣ። ንህይወት ብዓይኒ ናይ ሳይኮለጂ መጻሕፍቲ እናረኣኻያ። መጽሓፍን ህይወትን በበይኑ’ዩ ዝዓርከይ። ልቢ ግበር።” ካብ ሕቶኡ ንምህዳም ዝተጠቕመሉ ሜላ’ዩ።

“ይሓዝን።” ሓጺር ተዛረበ መድሃኔ።

“ሰለዘፍቐርካ ዲኻ ትሓዝን?” ተዋዘየ። ዋዛን ቁምነገረን ሓናፊጹ ዝርኢ ሰብ’ዩ።

“ብዝኾነ እዛ ደብዳቤ ጽባሕ ንራሄል ክህባ’የ። ንስኻ ከኣ ነታ ጓል። ጾስጣ ምዕዳግ ናባኻ’ዩ። ከይንጋገ ተጠንቂቕካ ዓሺግካ ኣብ ቦርደይ ኣጽንሓለይ።” ፍኹስ ዝበለ ትእዛዝ ኣመሓላለፈ መድሃኔ። ድኻም ሰለዝነበሮ ከድቅስ’ዩ ወሲኑ።

“ከሐጉሰካ ከፍትን’የ።” ዳዊት ዝበሎ’ዩ።

“ኣበሃህላኻ ኣይተረድኣንን?” ሓተተ መድሃኔ።

“ተላኢኹካ ዝፈልጥ ሰብ የለን። ኣነ ክለኣኽካ’የ።” ንነገራት ብዓይኒ መዘናግዒ ዝርኢ፡ ሕጉስ ክኸውን ዝብህን’ዩ። ዘጨንቕ ኣጋጣሚታት ንዳዊት ምንም ኣይኮኑን። ጽባሕ እንታይ ይኸውን ብዘየገድስ፡ ሎሚ ሕጉስቲ መዓልቲ ክትኮነሉ’ዩ ዝሓስብ። ‘ንጽባሕ ክትሓስብ ክትብል ጸሓይ ሎሚ ኣይተዕርብ!’ ዝብል መምርሒ ኣለዎ።

****

ካልኣይ ምስ ጸውዓ’ያ መጽያ። ግና ንዮናስ ዘገርም ኣይነበረን። ‘ጽብቕቲ ክልተ ሻዕ ከይተጸውዐት ቁሊሕ ኣይትብልን’ያ!’ ዝብል ዘረባ ካብ ኢዮብ ሰሚዑ’ዩ።

“ናይ ደሓን ደኣ ጸዊዕካኒ?” ሰላም ክትብሎ’ውን ኣይተገደሰትን። ንሽምጣ ብኣእዳዋ ሒዛ ንነገር ዝተዳለወት’ያ ትመስል ነይራ።

“ሰላምታ’ዶ ምቐረበኪ?” ብመልክዕ ዋዛ ተዛረባ። ከም ዝተዳህለ ኣብ ገጹ መታን ከይርአ ካብ ክሳድ ንላዕሊ ከኽመስምስ ተራእየ። ምስ ትጽቢቱ ዘይዛመድ ከውንነት’ዩ ጸኒሕዎ። “እ . . .ከመይ ኣለኺ?” ኩነታታ ንምፍላጥ ሓተታ።

“ጽቡቕ።” ሓጺር መለሰት። “እንታይ ኢኻ ደሊኻኒ?” ብጽዋ ሓተተቶ።

“እዋእ ማርስ!” ሰንበደ ዮናስ።

“ማርስ ኣይኮነን ሽመይ።”

ዮናስ ድንግርግር በሎ። ማርስ መጸዊዕኣ እንተዘይኮይኑ ክኣምኖ ከሸገር’ዩ። ንዝለኣኸን ኣዋልድ ማርስ’ዩ ክጽዋዓሉ ሓቲቱወን። ማርስ መጸዊዕኣ እንተዘይኮይኑ፡ ንምንታይ መጺኣ ኢሉ ሓሰበ። ግና ሓሳባቱ ክጠራነፍሉ ኣይበቕዑን።

“መን ደኣ እዩ ስምኪ?” ተገሪሙ ሓተታ። ጽዋግኣ ንጽባቐኣ ከህስስ ዓቕሚ ዝነበሮ ኮይኑ ኣይተሰምዖን። ካብ ዝረኣየን ኣዋልድ እታ ዝጸበቕት ንሳ’ያ ነይራ። ግን ግድን ኣይኮነን ጽብቕቲ ምቐልልቲ ክትከውን። ምቕልልቲ ነይራ እንትትኸውን ግና፡ እታ ንመልኣኽቲ ኣዚያ ዝቐረበት ፍጥርቲ ንዮናስ ምኾነት።

“ስመይ ንምንታይ ኣድለየካ?” ኣዒንታ ፈጢጦም ጽልኢ ፈልፈሉ። እንተ ንዮናስ ግና ከምኡ ኣይነበሩን። ከጸውዓኳ ዘይፈተውት፡ ስማ ክትሕብሮ ከመይ ኣቢላ ክትደሊ። ኣብ ፋልማይ ሌልኣም ስማ ኣጋግያ’ያ ሓቢራቶ።

“ክላለየኪ’የ ጸዊዐኪ። ክላለየኪ እንተኾይነ ድማ ስምኪ ክፈልጦ ኣሎኒ። ክላለየካ ንዝደለየ ብኣኽብሮት ክትቅበሎ ከኣ ጽቡቕ ስነምግባር’ዩ።” ንዕኡ’ውን ከይተረድኦ ለባም ዘረባ ኣንቶገ። ለባም ዘረባ ግድን ኣይኮነን ካብ ለባም ሰብ ክወጽእ።

“ሄርሜላ’ዩ ስመይ።” ቃላቱ ዝተሰወጣ ክትመስል ስማ ኣፋለጠቶ። በቲ ቅጥዒ ዘይነበሮ ዘረባኣ ንምንታይ ከምዘይተዳህለ ደንጽይዋ’ዩ። እቶም ብኽምዚ መስርሕ ትዛረቦም ኣወዳት፡ ፈርከሽከሽ ክብሉን ነብሰ ቁጽጽሮም ከህድሙን’ያ ትዕዘቦም። እዚ ምስኣ ዘሎ መንእሰይ ግና ካብኣቶም ኣመና ዝተፈለየ ኮይኑ’ያ ረኺባቶ።

“ክላለየኪ ስለዝደሊ’የ ጸዊዐኪ። ማለተይ ካብ ግዜኺ ገለ ደቓይቕ ገለ ስለዝሰረቕኩ ይቕሬታ። ሌባ ክባሃል ይኽእል ይኸውን። ግና መሓርኒ።” ከስሕቕ

ብምባል ተዋዘየ። ሄርሜላ ግን ይትረፍ ክትስሕቕ ክምስ'ውን ኣይበለትን። ከም ማዕዳ ኢዮብ፡ ጓል ተዋዛያይ ወዲ ከምትደሊ ስለዝተረድኦ'ዩ ከምኡ ገሩ።

"ንምንታይ ክትላለየኒ ደሊኻ?" ኣዒንታ ኣዕለበትሉ። ጠመተኣ ከም እሾኽ በለስ ዝዋጋእ'ዩ ነይሩ። ምስጢር ናይዚ ዘይደሃል ወዲ ክትፈልጥ ህንጡይነት ሓደራ።

"ደስ ትብሊን ምዕርግቲን ጓል ስለዝኾንኪ።" ኪንኡ ኣይቐጸለን። ክሳዕ ክንድኡ በዳሂት ኮይና ክትጸንሑ ኣይተጸበየን። ንዝደለያ ጓል ኣብ ዝደለዮ እዋን፡ ዘስድዕ ወዲ ምኳኑ'ዩ ዝኣምን። ንብዙሓት ናይ ፍቕሪ ጸንቢሩ ዝሰንገ መንእሰይ'ዩ። ብዙሓት ናብ ፍቕሪ ዝጸውዕኡ ጎራዙ ከዝርዝረን ይጽገም'ዩ። ህይወቱ ከምዚ እናኾነ፡ ኣብ መንገዱ ሄርሜላ ክረክብ ከሎ ከሰንብዶን 'ከምዚ ከኣ'ባ ኣሎ'ዩ!' ከብሎ ባህርያዊ'ዩ።

"በቃ በዚኣን ክትላለየኒ ደሊኻ?" ቃናኣ ናይ ምቑንጻብ ባህሪ ሓዘለ። ክሳብ ክንደይ ጽኑዕ ምትእምማን ኣለዎ ንምፍታሽ'ያ ከምኡ ገይራ።

"ንኽትፈልጦ ትደሊ እምበር ንትፈልጦ'ኳ ኣይትላልዮን ኢኻ።" ወርዘየ። ንባዕሉ'ውን ተገሪሙ'ዩ። ደፋር እምበር ለባም ኣይነበረን። ብሃብቲ ወለዱ ዝጀሃርን ካብ ኣፍንጭኡ ኣርሒቁ ዘይሓስብን ዮናስ፡ ቀሪፉ ዝደርበዮ'ዩ ዝመስል።

"ጽቡቕ ሓሳብ።" ዝበሎ ቅኑዕ'ዩ ነይሩ። ጌጋ ክትኣርየሉ ዝከኣል ምሉእ ሓሳብ ካብ ዮናስ ኣይወጸን። ካብዚ ዘረባ ጌጋ ከተውጽእ እንተ ፈቲና፡ ኮንትነት'ዩ ዓስባ። እቲ እንኮ ምርጭኣ ብዮናስ ምግራምን ምድናቕን'ዩ ነይሩ።

"እሞ ቕኑጽሪ ሞባይልኪ ክወስድ ፍቓድ ድዩ?" ተመቕሊሉ ሓተታ። ከመይ ገይራ ከም ዝተለወጠት ርእዩዋ'ዩ። ብዝመጸ ለውጢ ርእሰ ምትእምማኑ ክዕቢ ኣይደንጎየን። እዚ ደረቱ ከምዝነፍሕ ገበሮ። ጽጋብ ናይ ምጽዋር ዓቕሙ ትሑት'ዩ።

"07 . . ." ቕኑጽራ ሃበቶ። ነዚ ፍሉይ መንእሰይ ክትከስሮ ኣይደለየትን።

"እሞ ክድውለልኪ'የ። ሻሂ ንሰትየሉ እዋን ቀረባ'ዩ።" ከኽመስምስ ተራእየ።

"ሐራይ።" ንሳ'ውን ኣኽመስመሰት።

<u>6.z. 'ጽብቕቲ ክልተ ሻዕ ክይተጸውዐት ቁሊሕ ኣይትብልን'ያ!</u>

****

7

7.A. ንነገር ካብ እጅገኻ ሰብሲብካ ትጽበዮ፡ ስረኻ ሰብሲብካ እንታ ሃደምካሉ ይምረጸ!

ካብ መድሃኔ ዝተቐበለታ ደብዳቤ ከተንብባ እናታሃወኸት'ያ ናብ መደቀሲ ክፍላ አምሪሓ። መድሃኔ ዘይፈልጦ ፍቕሪ ካብ ትናቢ፡ መዓልታት ሓሊፉ'ዩ። ሓሳባታ ብመድሃኔ ዝጭወየሉ እዋናት ኣይሰሓወን። ገለ ካብ ናይ ለይቲ ሕልምታታ፡ ንመድሃኔ ዘጠቓልል ምንባሩ ትርስየ ኣይኮነትን።

ነታ ሰታሪት ቀስ ኢላ ቀረፈታ። ልባ ከም ኩዕሶ ክትነጥር ተፈለጣ። ፍቕራውያን ቃላት መድሃኔ፡ ኣብታ ምሒር ዝተሃንጠየትላ ደብዳቤ፡ ተሓቢኦም ጸኒሖም 'እምባሕ!' ክብልዋ ተመነየት። ምንዮት ጥራይ'ውን ኣይነበረን። ዝበዝሐ ሚእታዊት ተኣማሚና'ያ። ነታ ዝተዓጽፈት ደብዳቤ ብዝግባእ ዘርኢሓ ድማ፡ ብርቡጽ መንፈስ ንባብ ጀመረት።

"ዝኸበርኪ ሮበት፡-

ፈጣሪ ዝሰርሓ ፍጥርቲ ዘይኮንክሰ፡ ጀፓናውያን ዝሰንዕዋ ሮበት ምኺንኪ'የ ዝኣምን። ኩሉ ኩነታትኪ ናይ ጠረዋት'ዩ። ምናልባት ብሰባት ዘይኮነስ ብኣብ መጽሓፍ ዝዓስከሩ ቃላት ስለትግደሲ፡ ናይ ተቋውሞ ዘረባ ኣይጠፍኣክን ይኸውን። ግና 'ጠረው!' ምኺንኪ ዝምስከሩ ሰባት ከም ሃመማ እንዳ ጎሓፍ ብዙሓት'ዮም። ተማሃሮኺ ገለ ካብኣም'ዮም።

ጠረው መዓረይ፡ ንዓኺ ዘፍቕር ወዲ ከምዘይህሉ ከረጋግጸልኪ ይፈቱ። ፍቕሪ ትምጥዊ ጓል ዘይኮንክሰ፡ ቅጭ ተምጽኢ ፍጥረት ኢኺ። መልከዐኛ ኣይኮንክን። ኣሃ.... ሕጂ ተረዲኡኒ። ተጠማቲት ኣይኮንኩን ኢልኪ ዲኺ ምስ ፍቕርን ህይወትን ዓይንን ሓመድን ኮንኪ። ሽሕ ግዜ ክፍእቲ ኩነ፡ ክፉእ ምእካብ ዝብርሆም ኣወዳት ከም ዘለው ኣይትዘንግዒ። ኣነ'ውን ሓደ ካብኣም'ዩ። ማለት ኣፍቒረኪ ዘይኮነስ ደንጊጸልኪ ኣለኹ። ፈጣሪ ንጽድቒ ተሓሰበለይ ኣይፍለጥንየ።

ጠረወይ፡ ንገለ መምሃራን ሰታፍና ጽልኣት ከም ተሕድርሎም ክነግረኪ እንከለኹ፡ ብጅምላ ይሓዝንን ይጉህን። ከም ደንጋጺኺ መጠን ማለተይ'የ። ሓዚነን ጉህየን ዘምጽኡ ለውጢ ግና የለን። እታ ዝተጸልኦት ጓል ባዕልኺ ኢኺ። ምስታ ዝተጸልኦት ምፍቕር፡ ሓደጋ ይኸውንየ። ግና ጽድቒ ዘምጽእ ሓደጋ ኣይጽላእንየ። እቲ ዘገርም ዘይትዳሃሊ ምኺንኪ'የ። ኮንፌ ኣላትኪ። ክትኩዲ

እንከለኺ ገመል እንበር ሰብ ኮንኪ ትሰምዕዮም ሰባት ውሑዳት'ዮም። ኣነ ግና ከሐጉሰኪ 'ሰገን'ካ ኣይትኽእሎ ከም ኣሳጉማኺ!' ክብለኪ'የ። ንስለ ፍቕሪ ምሕሳው ሓጥዮት ኣይሕሰበለይን ይኸውን።

ጠረወይ ብፈጣሪኺ'ባ ኬፋት ፍለጢ። ተዘናግዒ ተሓደሪ። ገለ ምሳኺ ከዘናጋዕን ክሕደሰን ዝደሊ ወዲ ከምዘይህሉ ኣይትጠራጠሪ። ግብረ-ሰናይ ዝኽተል ወዲ ግና ባዕለይ ኣለኹኺ።

ንዓኺ ትመስል ሓፍቲ ሰለዘይብለይ ክድቅሰ ከለኹ ንፈጣሪ ምስጋና የብጻሉ'የ። ብዝኾነ ኣብ መወዳእታ ክብለኪ ዝደሊ ለብሚ ጥራይ'ዩ። ንፍዕቲ መምህር ምኺን ጽቡቕ'ዩ። እንተኾነ ነታ ክፍእቲ ነብስኺ ሕሰብላ። ጸገምኪ ተረዲኣዮ ሰለዘለኹ ካብ ጽባሕ ኣፍቓሪተይ ክትኮነ ፍቓደኛ ኮይነ ኣለኹ።

ካብ ግዱስ!

ገጽ ራሄል ከመቅጽበት ደበነ። ትጽቢታ ከም መዓልቱ ዘእከለ ዕምባባ ረገፈ። መድሃኔ ስለምንታይ ከምኡ ዓይነት ደብዳቤ ከም ዝጸሓፈላ ትፈልጦ ኣይነበራን። እቲ ንሳ ትፈልጦ ብጽቡቕ ጀሚሩ ዝነበረ ፍቕራ፡ ከም ዝተቐጸየ ጥራይ'ዩ። ዝተቐጸየ ፍቕሪ እንታይ ከምዝጽግኖ'ውን ኣይፈለጠትን።

"እዋይ!. . . ንዓይ'ዶ ክኾነለይ?" ብሓውሲ ምስትምሳል ተዛረበት። "ደሓን ከርእዮ እንድየ ነዚ ለማኒ።" ፈከረት። ሕርቓና ገንፈሉ፡ ነታ ዘንበበታ ደብዳቤ ቐደደታ። ኣብ ውሽጣ ፍቕራን መድሃኔን'ውን ከምቲ ደብዳቤ ይቀዳደዱ ነበሩ።

****

ብዘይካ ዮናስ ሰለስቲኦም ኣብ መደቀሲ ክፍሎም እዮም ነይሮም። ኣራምን ኢዮብን ኣኣብ ዓራቶም ብምኺን ጋዜጣ ከንብቡ ከለው፡ ሜሮን ድማ ብናይ ዮናስ ላፕቶፕ ክዘናጋዕ ይርኣ። ኣብ'ታ ክፍሊ ዮናስ ጥራይ'ዩ ላፕቶፕ ዝውንን። ኣብ ከምዚ ኩነታት እንከለው ድማ'ዩ ዮናስ ብደገ ጸኒሑ ናብ መደቀሲ ክፍሉ ዝኣተወ። ብዝረኣዮ ኣመና ተሓጎሰ። ምስ ሜሮን ዘነጋርም ነጥቢ ብምርካቡ'ዩ ተሓጉሱ።

"ስማዕንዶ ንስኻ! እዛ ላፕቶፕ ናተይ ድያ ናትካ?" ኣቓልቦ ኩሎም ደቂ ገዝኡ ዝጸውዐ ዓውታ ኣስመዐ። ኣዒንቱ ኣፍጢጡ'ዩ ዝጥምቶ ነይሩ። ብላፕቶፕ ተዛሪቡ ዝፈልጥ ኣይነበረን። ነቲ ንኽንድር ዝገደዶ ሜሮን ግና ነገሩ'ዩ ደልይዎ። ኣብ ልዕሊ ሜሮን ዘቕመጦ ጽልኢ ከዘልቀሉ ኣይተራእየን። ብባህሪኡ ህልኽና'ዩ። ብዝጠቕምን

ዘይጠቅምን ናይ ምትህልላኽ ባህሪ ዝውንን መንእሰይ'ዩ። 'ዛዕባ ምትህልላኽ ከም ኩዕሶ እግሪ እንተተሓሲቡ፡ ዮናስ መሲ'ዩ!' እናተባህለ ዝግለጽ ሰብ'ዩ።

"ደሓን ዲኻ?" ዝተገረመ ሜሮን ሓተተ። ናጨባ'ዩ ኮይንዎ። ብዛዕባ ላፕቶፑ ተዛሪቡን ተገዲሱን ዘይፈልጥ ዮናስ፡ ብኻልእ ጉዳዩ ተቐጢዑ መጽዩ ከይከውን ገመተ። ኣራምን ኢዮብን ውን ካብዚ ናይ ሜሮን ዝፍለ ሓሳብ ኣይነበሮምን።

"በዓል ንስኻ ከለኹም እንታይ ክንድሕን?" ኣመና ከምዝተቐጠዐ ገይሩ ተዋስኦ። ንሜሮን ከም ጸላኢኡ ገይሩ ክጥምቶ ሓሲቡን ወሲኑን'ዩ። ስለዚ ድማ ኣሽንኳይ ንገዛእ ላፕቶፑ ክጥቐመላ፡ ኣብቲ ገዛ ብሓንሳብ ምህላዎም'ውን ኣጽሊእዎ ነበረ። ዝሓለፈ ዕርክነቶም ተጠውዩ ክጥምቶ ኣይደልይን'ዩ።

"ደሓን ዲኻ ዮናስ ?" ኣራም ናብቲ ዝርርብ ተጸምደ።

"ኣየእትወካን'ዩ ንዓኻ።" ብዓውታ ኣጠንቀቐ ዮናስ። ብዓል ጉዳይ እናሃለወ፡ ኣራም ኣብ ዘይምልከቶ ክዛረብ ኣይተዋሕጠሉን።

"እንታይ ኮይኑ ዘየእትዎ?" ሜሮን ዝበሎ'ዩ። ዮናስ ዝኽተሎ ዘሎ መንገዲ ኣዕናዊ ክኸውን ከምዝኽእል ሓሰበ። ከም ዮናስ ተሃዊኹ ናብ ዘየድሊ ጉዳይ ክጠልቕ ፍቓደኛ ኣይነበረን። 'ንነገር ካብ እጅጎኻ ሰብሲብካ ትጽበዮ፡ ስረኻ ሰብሲብካ እንተ ሃደምካሉ ይምረጽ!' በሃላይ'ዩ።

"ምሳኹም ክዛረብ ኣይደሊን'የ። ብኽብረትካ ላፕቶፕይ ግደፈለይ። ድሕሪ ሕጂ ድማ ከይትሕዛ የጠንቅቐካ ኣለኹ። ኣብዚ ገዛ ብዘይካ ኢዮብ ካልእ ሰብ ንብረተይ ከይሕዘለይ።" ህጻናዊ መጠንቀቕታ ኣቕረበ ዮናስ። ካብ ብዝሒ ኣጻብዕቲ ኣእዳው ዘይበዝሕ ዕድመ ዘለዎም ቕልዑ፡ ዝሓስብዎ'ዩ ዝሓስብ ነይሩ።

"ሕራይ። ሕጂ ሓሪቕካ ኢኻ ዘለኻ ካልእ መዓልቲ ንዘራረብ።" ሜሮን ውርዙይ መንገዲ ተኽተለ። ተሃዊኹ ቃላት ክቐያይር ኣይደለየን። ኣብ ታህዋኽ ዝፍጠር ጌጋ ንምእራሙ ቀሊል ከም ዘይከውን ይፈልጥ'ዩ።

"ለባም ክትኮነለይ ኣይትፈትን ሜሮን። ፈራሕ ኢኻ። ለባም ክትከውን ኣይተዓደልካን።" ኣቐናጸቦ። ንነገር ተዓጢቁ ስለዝመጸ፡ ብዛዕባ ክስዕብ ዝኽእል ሽግር ክሓስብ ግዜ ኣይነበሮን።

“ከምቲ ዝደልዮ ለባም ክኸውን ኣይተዓደልኩን። ግና ካብ ፈራሕ ንላዕሊ ለባም ከምዘየለ ፍለጥ።” ሕርቓኑ ተቐጻጺሩ ተዛረበ ሜሮን። ከም ዮናስ ብኣንኑትን ትዕቢትን ዝተዓብዓበ መንነት ኣይነበሮንን። ከሳብ ኣፍ ኣውጺኡ ሓቂ ባዕሉ ዝዛረብ፡ ርእሱ ኣድኒኑ ክኸይድ ዝመርጽ ጭዋ ሰብ እምበር፡ ብኣነ ይፈልጥ ዝተጠቐዐ መንእሰይ ኣይነበረን። ‘ሓቂ ልሳን ኣለዋ!’ ዝብል እምንቶ ኣለዎ።

“ኣታ ቐየቓ እንዶ ግደፍዎ።” ኣይተዛረብካን ከይበሃል ተዛረበ ኢዮብ። ናይ ዮናስ ሓሳባት ንምንታይ ከምዝተላዕለ ኣይጠፍኦንየ። ግና ክቋወም እንተፈቲኑ፡ ዕጫ ሜሮንየ ክበጽሖ። እንዳ ሻሂ ከማዕድዎ ሙኺኑ ስለዝዘከረ ስቕታ መረጸ። ሕልንኡ ዘይቐበሎ ስቕታ’ዩ ነይሩ። የግዳ ብሕልንኡ ካብ ዘይከይድ ነዊሕ ስለዝገበረ፡ እዚ ዓቢ ጸገም ኣይኮነን ንኢዮብ። ኣብዚ እዋን ንኢዮብ ካብ ቕንዕና ዝዓቢ ጸላኢ የብሉን። ‘ኣብዛ ዘይፍትሓዊት ዓለም፡ ምስ ቅንዕና ዘዘው ምባል ማይ ከም ምሕጃን’ዩ!’ ዝብል ሓሳብ ከም መወከሲ ዝጥቐም መንእሰይ’ዩ።

****

“ሞባይልኪ ክትሕልዊ ከፊኡኪ። ትጽቢት ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ጸሎት ግበሪ መሓዛይ መዓረይ።” እታ ተዋዛይት ሄለን ዝበለቶ’ዩ። ምስ ስኒት ኣብ ተዕልለሉ ዝነበረት ህሞት’ያ ከምዚ ክትብል ተሰሚዓ።

“እንታይ እናበልኩ?” እናኽመስመሰት ሓተተታ ስኒት። ሄለን ብዛዕባ እንታይ ክትዛረብ ከምዝደለየት ፍጹም ኣይሓዘታን። “ሓንሳብ ሓንሳብ ትዛረብዮ ዘረባ’ኳ፡ ከይመመኺ ተውጽዮ’ዩ።” ወሰኸት።

“ኩነታትኪ ብደቂቕ ይከታተሎ ስለዘለኹ፡ ከተዕሽውኒ ኣይትሕሰቢ። ደሓር ከኣ ከይመመኹ ከምዘይዛረብ ልዕሊ ዝኾነ ንስኺ ትፈልጢ።” ሄለን ተኸላኸለት።

“እዚ ንግደፎ። እንታይ እናበልኩ ክጽሊ?” ብታህዋኽ ሓተተት ስኒት። ኣብ ፍረ ገጻ ናይ ህንጡይነት ምልክታት፡ ከም ናይ ቁስሊ ፕላስተር ተለጢፉ ተራእየ።

“ ‘ዝኸበርካ ፈጣሪ! ነዚ ቕጽሪ ሞባይል ሂበዮ ዘለኹ ወዲ፡ ቕጽረይ ከም ዘየጥፍኦ ግበር። ብምቕጻል ድማ ብህንጡይነት ከይተቓጸልኩ ቀልጢፉ ንኽድውለለይ ኣዘኻኽሮ!’ ትብሊ። ፈጣሪ ሓጥያት እምበር፡ ምእንቲ ሰብኣይ ምጽላይ ዝጸልእ ከይመስለኪ።” ንዘረብኣ ብናይ ኣእዳዋ ምንቕስቓሳት ኣወሃሃደቶ።

“ኣቲ ስዲ!” ስኒት ብሰሓቕ ተፋሕሰት።

“እንታይ ደኣ ስሒቕኪ? ቁምነገር‘ኳ’የ ዝዛረብ ዘለኹ። ከይተዛረብኪ ጸገምኪ ክፈልጥ ስለዝኽኣልኩ ኣድናቆት ጥራይ ክውሕደኒ‘ዩ። ስለዚ ከምቲ ናይ ዮናስ ጽሚቕ ኣዚዘኪ ኣለኹ።” ቀጺላ‘ውን ተዋዘየት ሄለን። ምውዛይ ዘሰልከያ ኣይኮነን።

“ኣድናቕት ጥራይ ኣይኣኽለክን? ጽሚቕ እንተደሊኺ ንዮናስ ሚስኮል ግበርሉ።” ስኒት’ውን ከም ሄለን ተጫረቕት። ሄለን መሓዛኣ ስለዝኾነት ሕጉስ‘ያ ትብል። ወትሩ ክትስሕቕን ክትሕጎስን ስለትደሊ፡ ህላው ሄለን ኣገዳሲ ባእታ’ዩ ንስኒት። ኣብ ዘይራኸባሉ እዋን ሰሓቕ ከም ስርዓት’ያ ትናፍቕ። ‘ሄለን ኣብ ልቢ ሰባት ሓጎስ ዘሪኣ ተቡቕ‘ል ጓል’ያ!’ በለት ብሓሳባ።

“ክሓተኪ’ንዶ ስኒተይ?” ዋዛ ገዲፋ ምስ ቁምነገር ተዋዓዓለት።

“ሐራይ ሕተትኒ።” ስኒት ድልውነታ ከተረጋግጽ ኣይደንጎየትን።

“ነቲ ወዲ ፈቲኽዮ ኣለኺ ዋላ?” ርጥብ ኢላ ሓተተት ሄለን።

“መጀመርያ ነቲ ወዲ’ሞ ኣይትበልዮ። ሜሮን ዝብል ጥዑም ስም’ዩ ዘለዎ። ናብ ሕቶኺ እንተተመሊሰ ግን፡ ከይሓሰኹ ከነግረኪ ኣይጸላእኩምን። ዝጽላእ ወዲ’ውን ኣይመስለንን።” ሓቀኛ ስምዒት ውሽጣ ግልጺ ገበረትላ።

“እንተዝሓተከ’ስ እንታይ ምበልከዮ?” ሕጂ’ውን ብልዙብ መንፈስ ተዓጂባ ክትሓትት ተሰምዐት ሄለን። ናይ ምጭራቕ መንፈሳ ጠቕሊሉ ካብኣ ግዒዙ ስለዝነበረ፡ ንፈለጥታ እተገርም ሄለን ኮይና ነይራ።

“እዋእ! . .ሄለነይ እንታይ ዲኺ ኮንኪ?” ኩነታት ሄለን ዘይኣንፈቱ ክሕዝ ዝረኣየት ስኒት ሓተተት። ክትምልሶ ዝነበራ ሕቶ ኣወንዚፋ፡ ናይ ባዕላ ሕቶ ምልዓላ ዘተሓሳሰባ ትመስል ኣይነበረትን።

“ድሒረ ክነግረኪ’የ። መልስለይ ፈለማ።” ሕቶኣ መልሲ ክረክብ ተማሕጸነት።

“ሜሮን ከምቲ ኣነ ዝደልዮ ወዲ’ዩ ኢልና ንሕሰብ። መጀመርያ ከም ጓል መጠን ብኣፈይ ሐራይ ኣይምበልኩን። ብልበይ ግና ምናልባት ምተሰማማዕኩ።” ከይሓብኣት መለሰትላ። ካብ ሄለን ክሕባእ ትደልዮ ምስጢር የብላን። ‘ጓል ብቓላት ክትዛረበሉ ዘይትደሊ ጉዳያት ኣለዋ!’ ምስ ዝብል ሓሳብ ትሰማማዕ’ያ።

“ስኒት ክትስምብዲ ኢኺ።” መመላእታ ዘይነበሮ ዘረባ ተዛሪባ ሃጠመት። ኣብ ውሽጣ ዝተዓቑረ፡ ግን ከኣ ምውጻእ ዝኣበየ ምስጢር ዝሓዘለት’ያ ትመስል። ገጻ ከም ቐደሙ ብርሁን ፍሕሽውን ኣይነበረን።

“እንታይ’ዩ ሄለነይ ?” ተረበሸት ስኒት።

“ፈትየ።” ሓጻርን ገላጺትን ቃል ኣስመዓት ሄለን። ኮኾብ ናይቲ ምስ ዮናስ ዝተላለያ ኢዮብ፡ ጨልጊምዋ’ዩ። ካብ ዝረኣየቶ ዕለት ንደሓር፡ ኣብ ሓሳባታ ቦታ ኣይሰኣነን።

“ኣይኣምንን’የ።” ብዓውታ ጨደረት ስኒት።

“እመኒ እምበር። ንእምነት’ዶ ቐሺ ደሊኹሉ።” ግብረ መልሲ ሃበት ሄለን። እቲ ዝበለቶ ብመሓዙታ ብቐሊሉ ክእመን ከም ዘይኮነ ኣቐዲማ ገሚታ’ያ። ኣሽንኳይ ብኣወዳት ብነብሳ’ውን ሓሲባ ትፈልጥ ኣይነበረትን ሄለን። ፈጣሪ ዝሃባ ጽቡቕ መልክዕ፡ ብሰሪ ነብሳ ምልዓል ከተድምቕ ዘይከኣለት ጎርዞ’ያ ነይራ።

“ንመን ፈቲኽዮ?” ብሄለን ዝተፈትወ ወዲ ክትፈልጥ ተሃንጠየት።

“ሕጂ ኣይነግረክን ’የ።”

<u>7.Z.ጽድቂ ዘምጽእ ሓዲጋ ኣይጽላእን’ዩ!</u>

****

8

8.A. *“ጸወታን ቑምነገርን ኣብ ዝዝውርዎ ገመድ፡ ‘ሃከቲ’ ዝጸወት ልቢ’ዩ ዘለኒ!”*

“እዋእ!” ስንባደ ሄርሜላ ከም ብርቱዕ ውሑጅ መዕገቲ ተሳእኖ። ምስ ራሄል’ያ ትዛረብ ነይራ። ኣርእስተን ብዛዕባ ካብ መድሃኔ ዝተላእከት ደብዳቤ’ዩ ነይሩ።

“ጠባይ መድሃኔ ብጣዕሚ ተቐይሩኒ። ከፍቕረኒ ዘይኮነስ ከራስነኒ ከም ዝቐረበ’ዩ ግምተይ።” ተከዘት። ፍቕሪ ዝሸትት ቓላት እናተጸበየት፡ ሕማቕ ዝገጠማ ጎርዞ’ያ። ተተከዘት ዘኽፍእ ኣይነበረን። ልባ ከም ቀጢን ዕንጨይቲ ተሰይሩ’ዩ።

“እሞ እንታይ መደብ ኣለኪ? ማለተይ ኣብ ጉዳይ መድሃኔ።” ትካዘ ራሄል ዝተዓዘበት ሄርሜላ ጠየቀት። ራሄል ውሽጣዊ ቃንዛ ከምዘለዋ ኣይተጠራጠረትን።

“ገጹ ክርኢ ኣይደልን’የ።” ብስምዒት ተዛረበት። ገጻ ዝዓጠረ ነጸላ ከመስል፡ ብጽውግታ ክተኣሳስር ተራእየ። ኣብ ፍቕሪ ዘይተጸበኻዮ ምርካብ ዘስዕቦ ቃንዛ፡ ልዕሊ ካልኦት ጸገማት ዝበኣሰ ስቓይ ከም ዝሸምት ዝተረደኦት ሰብ’ያ። ንእግረ መንገዳ ድማ፡ ኪኖ ዝምረቕ ፍቕሪ ዝርገም ፍቕሪ ከምዘሎ ፈለጠት።

“ግና ትፈትውዮ ኢኺ።” ቅልጡፍ ውሳኔ ራሄል ዘሰከፋ ሄርሜላ፡ ኣተሓሳሰበት። ኣንጻር ልብኻ ምጉዓዝ፡ ካብ ጥቕሙ መዘዙ ከይዓቢ ስክፍታ ኣዋህለለት። ስምዒታትካ ቀቲልካ ዝግበር ጉዕዞ ኣርባሕነቱ ጎሊሑ ክረኣያ ኣይከኣለን። ህይወት ንልብኻን ውሽጥኻን ሰሚዕካ ክትከዳ ዘለካ ጉዕዞ ም’ኺና’ያ ትኣምን።

“ሄርሜላ ሓፍተይ! ልክዕ ኣለኺ። ብውሽጠይ ጸይረዮ ዝጓዓዝ፡ ንዕኡ ድማ ዘይገለጽኩሉ ፍቕሪ ኣሎኒ። ግን ኣማራጺ የብለይን። ካብዚ ጉዳይ ክርድኡ ዝኽእል ነገር፡ ይጻወት እምበር የፍቕር ከም ዘየለ’ዩ። ፍቕሪ’ምበር ጸወታ ኣይደለኹን። ጸወታን ቑምነገርን ኣብ ዝዝውርዎ ገመድ፡ ‘ሃከቲ’ ዝጸወት ልቢ’ዩ ዘለኒ!” ንብዓት ሰዓራ። ንሄርሜላ ዘሰንብድ ንብዓት።

“ኣይትንብዒ።” ክትእብዳ ቀረበት። ብፍቕሪ ዝንባዕ ይመስላ ኣይነበረን። ኣብ ገለ ገለ ፊልምታት ትርእዮ ንብዓት ኣፍቕርቲ፡ ሓቂ ኮይኑ ይስምዓ ኣይነበረን። እዚ ሓሶት’ዩ ኢላ ትገልጾ ኣጋጣሚ፡ ኣብ ቀንዲ መሓዛኣ ምስ ረኣየት ግና ተደነቐት።

“ፈለማየይ’የ ኣፍቒረ። ከም ዘፍቅሮ ከፍቕረኒ ነይሩዎ። ስምዒተይ ኣበይ ከም ዝሓብኦ ኣይፈልጥን’የ። ፍቕሪ ይገዝእካ እምበር ኣይትገዝኦን። ግዝእቲ ፍቕሪ ኮይነ ክብደል ኣይገመትኩን። ምተረፈኒ ብኻ ዘየፍቀርኩ።” ጸርጸር ክትብል ተሰምዐት።

“ራሄለይ በቓ ንረስዓዮ።” እቲ ጉዳይ ክዕጾ ደለየት። ንራሄል ዘርብሕ ነገር’ያ ክትገብር ትደሊ። ስለዚ ብዛዕባ’ዚ ዘቕንዝዋን ዘንብዓን ጉዳይ ኪኖ ዝተዛረብኦ ክዛረባ፡ ኣድላይነቱ ኣይተራእያን።

****

ካብ ቀጽሪ’ቲ መምህራን ዝድቕስሉ ቦታ ወጺኻ ዝርከብ በረኻ መሳጢ’ዩ። ኣብቲ ከባቢ ዝበቁል ዓይነት ገረብ መብዛሕትኡ እዋን ታህሰስ’ዩ። ከም እኒ ዕረ፡ ታህበብ፡ ሃንቦ ሃምቦ፡ ሰራው፡ ካልኦትን ድማ ሓሓሊፍካ ዝረኣየሉ በረኻ’ዩ።

ዮናስን ኢዮብን በዚ በረኻ ክናፈሱ’ዮም ወጺኦም። እቲ ከባቢ ልዕሊ ዝኾነ’ዩ መሲጥዎም። ዋላ’ኳ ኣብቲ ከባቢ ኣዋርሕ ተሰርሑ፡ ቡቲ ከባቢ ግና ኣመና ውሑድ ግዜ’ዮም ተመላሊሶም።

“ከመይ’ሞ ረኺብካያ ማርስ?” መብርሂ ክወሃቦ ሓተተ ኢዮብ። ሓቂ ንምዝራብ ስለዝተገደሰ ኣይኮነን ሓቲቱ። ዮናስ ብዘይ ምሕታቱ ከይቅየም ዝገበሮ’ዩ። ዮናስ ክቕየም እንተኺኢሉ ንዕኡ ዘርብሕ ህይወት ኣይክኸውንን’ዩ። ‘ቒምታ ዮናስ፡ ኣፍ ደገ እንዳ ሻሂ ዝርግጥ ሊኬቶ’ዩ!’ በለ ብልቡ።

“ስማ ማርስ ዘይኮነ ሄርሜላ’ዩ። መጀመርታ ክትድህለኒ’ያ ፈቲና። ዓርክኻ ግና ቀሊል ሰብ ኣይኮንኩን።” ብትዕቢት ክምካሕ ጀመረ። ትዕቢት ዘይሩ ዘይሩ መውደቒኡ ከምዝኸውን ዝገመተ ኣይመስልን። ‘ትዕቢት፡ ባዕልኻ ብዝሓጸርካዮ እሾኽ ትውገኣሉ ግናይ ስምዒት’ዩ!’ ምስ ዝብል ብሂል ፍቕሪ የብሉን።

“ቀሊል ሰብ ኣይኮንካን።” ከሐጉሶ ዝበሎ’ዩ። ከም ዮናስ ዝቕልል ሰብ ርእዩ ከም ዘይፈልጥ ርግጸኛ’ዩ። ግና ባህ ይበሎ ኢሉ ብመደብ ዘውጽኦ ቃላት’ዩ። እቲ ጽቡቕ ነገር ይሕሱ ከም ዘሎ ዘቃልዕ ሰብ ኣይነበሮን። ዮናስ ድማ ቡቲ ዘረባ ክጠራጠር ዝኽእል ሰብ ኣይኮነን። ‘ብግጉይ ቃላት ኣብ ርእሲ ዮናስ ሲነማ ኣስሪሕካ፡ ኣብ ክውንነት ዘየለ ፊልም ከተርእዮ ይከኣል’ዩ!’ እናበለ ዝዛረብ ሰብ’ዩ።

“ይብለካ ከሊመ ከሊመ ሞባይላ ከም ትህበኒ ጌረ። ግና ትቕረብ ሰብ ኣይኮነትን። እዚ ኽማን ኣነ ኮይነ’የ እምበር፡ ካልኦት ደኣ ምሃደሙ።” ኢዮብ ዝኣጎደሉ ተስፋ ደሪኹዎ፡ ብሓበን ደረቱ ነፊሑ ሃተፍተፍ በለ ዮናስ። ኩሉ ሻዕ ካብ ሰባት ከም ዝበልጽ ገይሩ’ዩ ዝዛረብ። ካብ ምሒር ምድግጋም ተሰቢሉዎ’ዩ። ብገለ መለኪዕታት ካብ ሰባት ከምዝበልጽ እንተዘይተዛሪቡ፡ ገለ ዝነደሎ ኮይኑ ይስምዖ።

“ንስኻ ባህርያት ኣዋልድ ከም ከብዲ ኢድካ ስለትፈልጦ ጸገም የብልካን። ካልኦት ግና ካባይ ጀሚርካ እዚ ኣፍልጦ ይሓጽረና’ዩ።” ዘልመዶ ከይከልኡ ከይኣመነሉ ተዛረበ። ንሱ’ውን ንዘይኣምነሉ ምዝራብ ለሚዱዎ’ዩ።

“እንታይ መሲሉካ! ንጓል ከትፈርሓ የብልካን። ጓል ደፋር ወዲ’ያ ትደሊ። ገለ ኣወዳት ብጣዕሚ’ዮም ዘሕርቕኻ። ብፍርሒ ዝኣክል ዳርጋ ከም ዘይዛረቡ’ዮም ዝኾኑ። ኣዋልድ ከኣ ነዚ ፈሊጠን ይምዝምዝኦም።” ማዕድኡ ፈይ ኣበለ። ፈለማ ናብ ሄርሜላ ከኸይድ ከሎ፡ ካብ ኢዮብ ማዕዳ ከም ዝሓተተ ረሲዕዎ’ዩ።

“ጽቡቕ ኣለኻ።” ተገረመ ኢዮብ። ንሱ ጥራይ’ውን ኣይኮነን። ሰሓቕ ከይሞልቆ ኣብ ቃልሲ’ዩ ነይሩ። ዮናስ ከም ማዕዳ ዘቕረቦ ሓሳባት፡ ናቱ ምንባሩ ኣይረሰዖን። ኣብ ሄርሜላ ከጥቀመሉ እምበር፡ ተመሊሱ ንዕኡ መምከሪ ከኾኖ ኣይሓበሮን።

“ወዲ’ስ ትብዕ ተበለ’ዩ ዘምሕረሉ’ምበር፡ እዚ ስቕ ኢልካ ፈኾስኮስ ተመሊሱ ንዓኻ’ዩ ዝነድኣካ።” ለቢመ ኣለኹ ኢሉ ስለዝገመተ፡ ኣዘራርብኡ ከመዓራሪ ኣይከኣለን። ኩሉ እቲ ኢዮብ ብዛዕብኡ ዝዛረቦ ሓቂ ምኺኑ ስለዝፈልጥ፡ ተወሳኺ ሓይሊ ዝህቦ ረቓሒ’ዩ። ዝድግፎ እምበር ዝቃወሞ ሰብ ኣይደልን’ዩ። ምስ ሜሮን ዝተቐሓሓረሉ ቀንዲ ምኽንያት እዚ’ዩ።

“ሕጂ እንታይ’ዩ መደብካ?” ካብ ዝተላዕለ ኣርእስቲ ጠምዘዘ። ከምኡ እንተዘይገይሩ፡ ብማዕዳ ኣልባቡ ከም ዘጥፋኣሉ ይእምን’ዩ። እቲ ኣመና ጽቡቕ ነገር ግና፡ ናብ ዝደለዮ ኣንፈት ክልውጦ ዝኽእል ምኺኑ’ዩ።

“ኣብ ዝሓጸረ እዋን ከርግጸ’የ።” ብርእሰ ምትእምማን ተዛረበ። “ንሜሮን ድሌተይ ክንብር ከምዝኽእል ከፍልጦ’የ።” ፈከረ ዮናስ።

“ሜሮን ደኣ ንዒቑካ እንድዩ ዘሎ።” ኮነ ኢሉ ኩናት ንምውላዕ ተበገሰ ኢዮብ። ስራሕ ክህልዎ ተኾይኑ፡ ነገራት ከሳውር ኣለዎ። ኣብ ነገር ቕዳማይ ተጸዋዒ ንሱ ሙኺኑ ይፈልጥ’ዩ። ገለ ተሓጊዙ ሓለፋታት ክህልዎ ስለዝኾነ፡ ክኽተሎ ዘለዎ

መገዲ ንሱ'ዩ። ብስም ጉዳያት ምፍታሕ ክጽዋዕ ተኾይኑ፡ ቀዳምነት ጉዳያት ክጠናንግ ከምዘለዎ ዝፈልጥ በሊሕ ሰብ'ዩ። 'ናይ ኩናት በዓል ሞያ እንተኼንካ፡ ኩናት ንምውላዕ ድሉው ኩን!' ዝብል ኣዕናዊ መምርሒ ኣለዎ።

"እዚ ድኻ ተመሲሑ ዘይድረርሲ ንዓይ ክንዕቀኒ። እዋይ ነዐ ሞት! ከርእየካ'የ፡ ይብል ነይሩ ክትብለኒ ኢኻ ክብከዮ'የ።" ናብ ሓደገኛ ስምዒት ተወርወረ። ንተንኪል ኢዮብ ዝበቕዕ፡ ናይ ምምዝዛን ክእለት ጭሕሚ ሰበይቲ'ዩ ንዮናስ።

****

ገጻ ምስ ረኣየ ጭድድ ፍንጭሕ ክብል ደለየ። ኣብ ውሽጡ ዝመደበሩ ስምዒታት ፍቕሪ፡ ከም ብተይ ክዕንድሩ ተፈለጦ። ጽባቐኣ ካብ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ መዓልቲ ዝደመቐ ኮይኑ ተሰመየ። ብድሕሪኣ ስለዝነበረ ስማ ክጽውዕ ነይርዎ።

"ራሄል!" በለ መድሃኔ።

ስማ ዝተጸወዐ ራሄል ግና ተገልቢጣ ጠሚታ'ዶ ከተብቅዕ፡ ስቕ ኢላ መንገዳ ቀጸለት። ኩነታታ ጋን ዝኾኖ መድሃኔ ድማ ከርክባ ፈጠነ።

"ራሄል!" ኣመና ምስ ቀረባ ተዛረበ መድሃኔ። ማዕቢሉ ዝነበረ ርክቦም ናብ ዝነበሮ ክምለስ ሕርይኡ ኣይኮነን። እንታይ ከምዝኾነት ምሉእ ኣፍልጦ ኣይኣከበን። ዝሃባ ደብዳቤ እንተኣንቢባ፡ ልዕሊ ካልእ እዋን ጽቡቕ ኣቀባብላ ከተርእዮ ገሚቱ'ዩ መጺይዋ። እንተኾነ ግምቱ ክሰምር ኣይረኣየን።

"እንታይ ኬንካ?" ኣዒንታ ጽልኢ ዝነዝዕ ዘሎ መሰለ። ክትርእዮ ትብህግ ኣይነበረትን። ከም ዘየፍቅራ ኣረጋጊጻ'ያ። ብፍቕሪ እምበር ብትርጉም ዘይብሉ ጸወታ ከቕርባ ኣይመረጸትን። ንፍቕሪ እምበር ንጸወታ ዝኸውን ልቢ ኣይነበራን።

"ራሄል! እንታይ ኬንኪ?" ኩነታታ ምስ ረኣየ ዝበሎ'ዩ። ገጹ መሸከንከን ዝብል ስምዒት ዝኣተዎ ዓውዲ መሰለ። ድሕሪ ብዙሕ ጻዕሪ ዘምጽኦ ምቕሉልነታ፡ ሃንደበት 'ከይደ'ለኹ' ዘይብሉ ክሽረቦ ደንጺይዎ'ዩ።

"ይኣኽለካ። ድሕሪ ሕጂ ዘረባ ዝባሃል ከይተስምዓኒ። ከምዛ ዘይትፈልጠኒ ረጊድካኒ ኪድ። ኣነ ድማ ከምኡ ክገብር እየ።" መጠንቀቕታን መምርሕን ከተመሓላልፍ ተሰምዐት። ዝኾነ ይኹን ርክብ ምስ መድሃኔ ኣየድልየን'ዩ።

“ንምንታይ?” ኣብ ልቡ ከም ተኽሊ ዝቦቐለት ራሄል ከምኡ ምባላ ኣጉሃዮ። ካብ ልቡ ከም ጻህያይ ከምሕዋ ዝከኣል ኮይኑ ኣይተሰመዖን። እቲ እንኮ ከጉብሮ ዝኽእል ምኽንያታ ክሰምዕ ምሕታት’ዩ። እዚ ውን ፍቓደኛ እንተኾይና’ዩ።

“ዘይትረብሕ ሰብ ስለዝኾንካ።” ኣብ ገጽ መድሃኔ ዘለው ስምዒታት ንዝጨከነ ልባ፡ ዘደንግጽ ብቕዓት ኣይሓንገሩን። ኩነታት መድሃኔ ነታ ድሮ ካብ ፍቕሪ ነፊጻ ዝነበረት ልባ፡ ጸዊዑ ክመልሳ ትጽቢት የብላን። “ንዝተበደለ ልቢ ጸዊዑ ዝመልስ ፊሲካ ኣይተሰርሐን!’ በለት ብልባ።

“እንታይ ኣቢሰ?” ንራሄል ዘቕጥዕ ዝገበሮ ተግባር ኣይነበሮን። ‘ዘይረብሕ!’ ክጉብሮ ዝኽእል ጉድለታት ከም ዘይፈጸመ’ዩ ዝኣምን። ራሄል ብምንታይ ከምዝመዘነቶ ንጹር ግምት ኣይነበሮን።

“ንኻልኦት ሕተቶም ንዓይ ኣይትረብሸኒ። ፈላጢት ኣበሳኻ ክኸውን’ሞ ይትረፍ፡ ክርእየካ’ውን ድሌት የብለይን። ምስ ከማኻ ዘይጠቕሙ ሰባት ተራእያ ነይራ ክበሃል ስለዘይደለኹ፡ ብኽብረትካ ረሓቕለይ።” ውድእ ውድእ ኣበለቶ። ደብዳቢኡ ምስ ኣንበበት ጓሂኣ መሊኡ ፈሲሱ’ዩ።

“ራሄል ህድእ በሊ።” ብመጠኑ ከህድኣ ፈተነ። እታ ኣብ ካልእ ንቡር ህሞት ንመልኣኽ ትቀራረብ ራሄል፡ ምስ ነደረት ካብ ነብሪ ዘፍሊ ከምዘይብላ ንእግረ መንገዱ ፈለጠ። በዚ ምኽንያት ዝቕንስ ፍቕሪ ግና ኣብ ልቡ ኣይነበረን። ፍቕሪ ንሰብ ከምዘየለዎ ምቕባል እምበር ብዘለዎ ምጽላው ምጽላው ስለዘይኮነ።

“በጃኻ ርሓቕለይ።” ዝፈጸሞ ከይኣከል ምስኣ ምህላዉ ውን ጽቡቕ ስምዒት ኣይፈጠረላን። ‘ጠሪጣ’ስ እንተ ትሓንከለይ ደኣ!’ ዝብል ስምዒት’ዩ ወሪርዋ ነይሩ። ብቓላቱ ካልኣይ ሻዕ ክትደናገር ኣይኮነትን። ብሓንቲ እምኒ ክልተ ሻዕ ምዕንቓፍ፡ ግርህነት ዘይኮነ ዕሽነት’ዩ።

“ራሄል በጃኺ ስምዕኒ።” ክምሕጸና ተሰምዐ።

“ርሓቕለይ።” ብፍጥነት ብምሱዓም ካብኡ ተፈንተተት። ከርክባ ኣይፈተነን። ከምቲ ንሳ ካብኡ ትርሕቕ ዝነበረት፡ ፍቕሪ’ውን ምስኣ ይዕዘር ከም ዝነበረ ሓሰበ። ካብ ጠጠው ዝበሎ ክንቕሳቐስ ኣይተራእየን። ኣብ ዘለዎ ተዓኒዱ ተረፈ።

8.Z. ‘ንዘተበደለ ልቢ ጸዊዑ ዝመልስ ፊሲካ ኣይተሰርሐን!’

9

9.A. ‘ካብ ኩናት ዝጽውዕ ነቐፈታ፡ ሰላም ዝህብ ሰቕታ ይበልጽ!’

“እዚ ወዲ ፍጹም ጠባዩ ይለዋወጠና ኣሎ።” ሜሮን ዝበሎ’ዩ። ምስ ኣራም ብዛዕባ ዮናስ ይዘራረበሉ ኣብ ዝነበረ እዋን’ዩ። ከም ኣገዳሲ ዛዕባ ኣሻቒልዎ’ዩ። ድሕሪ እቲ ኣጋጠሚ፡ እታ ብኣብነት ትጥቐስ ቤቶም ኣብ ክልተ ተገማሚዓ’ያ።

“ኣነ እቲ ጌጋ ናትካ’ዩ እየ ዝብል።” ኣራም ንሜሮን ወንጀለ።

“ከመይ?” ሃዲኡ ሓተተ ሜሮን።

“ዝቋወሞ ከምዘይፈቱ እናፈለጥካ ኣይትቋወሞ። እናተጋየ ትም ኢልካ ክትዕዘቦ ነውሪ’ዩ። እንተኾነ ንርኢቶኻ ከም መናገሪ ምኽንያት ዝሓስቦ እንተኾይኑ፡ ተቓውሞኻ ኣዕናዊ ከም ዝኸውን ኣይትጠራጠር።” ተዛረበ ኣራም። ‘ካብ ኩናት ዝጽውዕ ነቐፈታ፡ ሰላም ዝህብ ሰቕታ ይበልጽ!’ ዝብል እምንቶ ይጥቐመሉ’ዩ።

“ሓሶት’ዶ ተዛሪበ’የ።” ንመግለጺ ኣራም ተቓውሙኡ ኣስመዐ። ነገራት ካብ ልክዖም ከምዘይሓልፉ ዝኣምን መንእሰይ’ዩ። ሰባት መታን ከይጸልእዎ ኣብ ውሽጡ ከሰትሮ ዝግደድ ምስጢር የብሉን።

“ጽቡቕ ኣለኻ ሜሮን። እኳ ደኣ ንዕኡ ዝጠቕም ኢኻ ተዛሪብካ። ግና ኣብ ዘይቦቱኡ ዝኣቱ ሓቂ ካብ ሓሶት ዘይሕሸሉ ኣጋጣሚታት ከም ዘለዎ ኣይትዘንግዕ።” ሓሳባቱ ገለጸ ኣራም። ጽቡቕ ምግባር ጽቡቕ’ዩ። እንተኾነ ጽቡቕ ተግባራትካ ብኣሉታውያን ሰባት ክንጸግ ከም ዝኾነ ምፍላጥ ልቦና’ዩ።

“እንድዕሉ በጃኻ።”

“ብዛዕባ እታ ዝተላለኻያ ጓል የዕልሂ። ብዛዕባ ዮናስ ዘዕለልናዮ እኹል’ዩ።” ኣንፈቶም ክጥምዘዙ መረጸ። እቲ ኩነታት ንሜሮን ምቹኡነት ከምዘይፈጠረሉ ኣንቢቡዎ’ዩ።

“ከድውለላ’የ ካብ ዝገርመካ ብጣዕሚ’ያ መሲጣትኒ። ቕርሺ ስለ ዝመላእኩላ ኢና ተላሊና። እቲ ነጊረካ ስለዝነበርኩ ኣይትርሶዖን ኢኻ። ቕርሺ ረኪስካ ዝፍጠር ዝምድና እንታይ ከምዝመስል ክፍትኖ ክኣ ይዳሎ ኣለኹ።” ካብ ዝጸንሑ ውጡር ሃዋሁ ወጽዩ፡ ብመጠኑ ክዋዘ ተሰምዐ።

“ፈቲኻያ ኣለኻ ሓቀይ?” ውሽጣዊ ስምዒታት ዓርኩ ክፈልጥ ሓተተ።

“ከይሓሰኹ ክነግረካ ‘እወ!’። ማለት ብዙሓት ኣዋልድ ደስ ይብላኒ ነይረን’የን። እዚኣ ግን ኣመና ፍልይቲ’ያ።” ሓቂ ተዛረበ። ቀልዓለም ክጉበር ኣይደለየን።

“እሞ ንምድዋል ደኣ ኣይደንነኻን? ረሳዒት ከይትኸውን።” ስክፍትኡ ገለጸ። ዝምድናታት ከደምቁ እንተኾይኖም፡ ርክባት ክበዝሑ ከም ዘለዎም ይፈልጥ’ዩ።

“ጽቡቕ ኣለኻ። ክድውለላ’የ። ግና ንስኻ’ውን ትዱንጊ ኣለኻ መስለኒ። ናብ ሄርሜላ ክትከይድ ኣለካ። ዘይልወጥ ነገር የለን። ምስ ግዜ ከውሒ’ውን ይቕየር’ዩ።” ናብ ጉዳይ ኣራም ተሲጋገረ ሜሮን። ንሱ’ውን ስክፍታ ነይርዎ’ዩ።

“ሓሲበዮ ኣለኹ።” ሓጺር መለሰ ኣራም። ናብታ ብዘይ ጽቡቕ ኣቀባብላ ዝቐረበቶ ሄርሜላ፡ ስኑ ነኺሱ ክምለስ ወሲኑ’ዩ። ኣብ ወሽጡ ባል ባል ዝብል ዝነበረ ፍቕራ ድቃስ ኣይሃቦን። ክርስዓ ኣይከኣለን።

****

ተንቐሳቓሲት ቴሌፎኑ ናይ ጸውዒት ድምጺ ምስ ኣስመዐት፡ ማዕጠጠጥ እናበለ’ዩ ክቕበላ ከይዱ። ብኣብ ስክሪን ሞባይሉ ዝረኣዮ ቕጽሪ ከይደንጎየ ክነቓቕሖ ተራእየ። ‘መን ደኣ ቴሌፎነይ ሂብዋ?’ በለ ብልቡ። ሄለን ጓል ገዝኣን መሓዝኣን ከም ዝኾነት ምስ ዘከረ ግና፡ ሕቶኡ ባዕሉ ተመለሰ።

“ሄሎው ሄርሜላ!” ድምጹ ኣመቓቒሩ ተዛረበ። ክድውለላ እምበር ክትድዉለሉ ዝጽበ ኣይነበረን። ኣብ ልዕሊኡ ብዘሕደረቶ ፍትወት ደዊላ ክትኸውን ዝለዓለ ግምቱ’ዩ። ኩርዓቱ ከም ዘየቋርጽ ፈለግ ሻሕ ሻሕ ክብል ተፈለጦ።

“ሄሎው መምህር ኣራም?” ዘይተጸበዮ ስም ጠቐሰትሉ። እታ ንመልኣኽቲ ኣመና ዝቀረበት ሄዋን’ያ ዝብላ ሄርሜላ፡ ነቲ ብስእነቱ ዝንዕቆ ኣራም ደልያ ክትድዉል ኣይገመተን። በኣተሓሳስብኡ ካብ ኣራም ብዕጽፍታት ከም ዝበልጽ’ዩ ዘስተንትን።

“ዮናስ’የ ሄርሜላ። ዘኪርከኒ?” ዝዘከረቶ ኣይመሰሎን።

“መን ዮናስ?” ኣብ ርእሳ ከም ዘይነበረ ሓበረቶ። ንዮናስ ዘሰንብድ ሕቶ’ዩ። ኣብ ልቢ ሄርሜላ ናይ ፍትወት ስምዒታት ከም ዝተኸለ’ዩ ዝሓስብ። ኣይ ሰሙን ኣይ ሳልስቲ ስለዝረስዓቶ ግና፡ ብውሽጡ ገለ ናይ ባዶነት ስምዒት ክቅንጥዎ ጀመረ።

“እቲ’ኳ. . .” ከዘከረኒ ይኽእል’ዩ ዝብሎ ቃላት ኣውጽኣ። እዚ ኩሉ ተዛሪቡ ከይትርስዖ’ውን ሰግኣ።

“ኣሃ . . . ዘኪረካ። ከመይ ደሓን ዲኻ?” ኣበሰረቶ። እዚ ንዮናስ ዓቢ ነገር’ዩ። ብቀሊሉ ዝሕጎስን ብቀሊሉን ዝጉህን ሰብ’ዩ ዮናስ። መጠን ሓጎሱ በቲ ሰባት ኣብ ልዕሊኡ ዘንበርዎ ትጽቢት፡ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዝወናጨፍ’ዩ። ሞራሉ ኣብ ኢድ ሰባት’ዩ ዘሎ። ‘ሓያል ተዛራቢ እንተኺንካ ብሞራል ዮናስ፡ ቕብቕብ ክትጻወት ጸገም የብሉን!’ እናበለ’ዩ ኢዮብ ዝገልጾ።

“ጽቡቕ። ከመይ ኣለኺ ንስኺ?” ኩነታታ ሓተተ። ብመጠኑ ፍኹስ ኢሉዎ’ዩ።

“ጽቡቕ። ኣራም ዝበሃል መንእሰይ ትፈልጦ’ዶ ትኸውን?” ብዙሕ ከትዛረብ ዝደለየት ኣይትመስልን። ቀልጢፉ ናብ ጉዳያ ተናጠረት።

“ኣራም . . . ኣራም . . . ኢልኪ? ኣሃ ዘኪረዮ ኣለኹ።” ብመደብ ዝገበሮ’ዩ። ነቲ ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ገዛ ምስኡ ዝድቅስ ኣራም ክርስዖ ኣይክእልን’ዩ። ግምት ዝወሃቦ ሰብ ከምዘይኮነ ክሕብራ’ዩ ደልዩ። ክሳብ ክንደይ ክትርድኦ ትኽእል ግና ርግጸኛ ኣይነበረን። ኣብ ልባ ቦታ ዝሃበቶ ሰብ ምንባሩ ስለዘይፈልጥ ዕድለኛ’ዩ።

“እሞ ኣራኽበኒ’ባ?” ብምቕሉል ኣገባብ ተዛረበት። ኣብ ልዕሊኡ ጥራይ ምቕልልቲ ዝኾነት ስለዝመሰሎ፡ ከየቕንኦ ኣይተረፈን። ብዛዕባ እንታይ ከምዝራኽቡ ከይፈለጠ ብቅንኢ ቅልው በለ። ነቲ ዝንዕቆ ኣራም፡ ሄርሜላ ትኣክል ብልጽቲ ጎርዞ ክትረኽቦ ምድላያ ኣገረሞን ኣደነቕን።

“ኣብ ጥቓይ የለን። ምስ ኣራም ድኣ ብኽመይ ትፋለጡ?” ኣብ ዘይመልከቶ ጉዳይ ጦብሎቕሎቕ ክብል ተሰምዐ። ኣብ ርቡሽ መንፈስ ስለዝነበረ ግና ንወጠምጠሙ ከስተባህለሉ ኣይከኣለን።

“እ . . ንማማ’ዩ ተሌፎን ሂቡዋ። ደልየዮ ነይረ። ናቱ ቴሌፎን የብሉን ሓቀይ?” ቀጥታዊ መልሲ ክትህብ ኣይተራእየትን። ዘድሊ ውን ኣይመሰላን።

“የብሉን። እንታይ ክብለልኪ?” ሓተታ። ኣራም ኣሽንኳይ ሞባይል ጥዑይ ክዳን ከምዘይብሉ ክነግራ ተወናወነ። ናይ ሰባት ክፉእ ነገር ክዕቅቦ ኣይደልን’ዩ። ክፍኣት ኣራም ድኽነት’ዩ። ድኽነት ጭውነት እንተተደሚሩዋ፡ ካብ ሃብቲ ኣጸቢቑ ከም ዝበልጽ ኣይፈልጥን’ዩ።

“ግድን ምጸኒ ኢላትካ በለለይ።” መልእኽታ ኣመሓላለፈት ሄርሜላ።

“ጸገም የለን ከመሓላልፈልኪ’የ።” ከም ዘይነግሮ ግና ርግጸኛ’ዩ። ነቲ ዘይጠቅም ኢሉ ዝሓስቦ ኣራም ብዛዕባ’ዚ ሄርሜላ ዝበለቶ ክነግሮ ንዕኡ ስግኣት’ዩ።

“የቐንየለይ። እሞ ቻው ሰልዲ የብላን ኪይትውድእ ሞባይለይ።” ክትፋነዎ ደለየት። ሄርሜላ ከምዚ ምባላ ግና፡ ንዮናስ ገለ ፍሉይ ዕድል ተፈጥረሉ።

“እሞ 20 ክሰደልኪ’የ።” ሓለፋታት ክገብረላ ተቐረበ። ሓለፋ ዝገበርካሉ ሰብ ኣብ ልዕሊኻ ኮርእዮ ዝኽእል ጠባይ ከመይ ከምዝኸውን ኪይደቀሰ ዝሓልሞ’ዩ። ናይዚ ቐዳማይ ኣብነት ኢዮብ’ዩ። ዕድመ ንገንዘቡ ዝሰኣኖ ኣይነበሮን። ብገንዘብ ፍቕሪ ክዕደግ ዝከኣል እንተኾይኑ፡ እዚ ኣጋጣሚ መፈተንታ’ዩ።

“ኖኖእ! ኣይትሸገር ዮናስ።” ብዘይ መጠን ተሰከፈት ሄርሜላ።

“ደሓን ዕጸውያ ጥራይ ክሰደልኪ’የ።” እዚ ኣጋጣሚ ኪይሓልፎ ዝፈርሐ ክመስል፡ ባዕሉ ዓጸዋ። ብተብተብ ድማ ናብታ ብመልከዓ ዝሰለበቶ ሄርሜላ ዕስራ ናቕፋ ሰደደ። እቲ መስርሕ ዕውት ከምዝኾነ ክሳብ ዝንግሮ ድማ ብሃንቀውታ ተጸበየ። ድሕሪ ገለ ካልኢታት ከኣ ሓሳቡ ሰመረሉ።

****

ምስ ዮናስ ስለዝተነራፈጠ፡ ብሞባይሉ ክድውል ዝኽእል ኣይነበረን። ስለዚ ናብ ዱካን ኪይዱ ክድውል ተገደደ። ውሽጡ ብንሱ ክፈልጦ ዘይክእል ስምዒት ክህወጽ ተፈለጦ። ከም ካብ ዘጨንቕ ህሞት ዝሰግኣ ሰብ፡ ክብዱ ተገላበጠ። ኣካይድኡ ከም ናይ ካልእ እዋን ኣይነበረን። ንኣጸቢቕ ዝፈልጦ ሰብ ገለ ለውጢ ኣይሩዎ።

ናብ ድካን ዘብጽሖ መንገዲ ተኽቲሉ እናተጓዕዘ እንከሎ፡ ግና ሓደ ኣቓልቡኡ ዝሰሓበ ጉዳይ ኣማዕድዩ ረኣየ። ኪይተፈለጦ ክምስ ክብል ተቐሰበ። ኣብ ኣፈፌት እታ ዱካን ንዕኡ ብዘይ መጠን ዘገድስ ጉዳይ ዝተመልከተ ይመስል።

እቲ ኣጋጣሚ ኪይሓልፎ ዝሰግኣ ክመስል፡ ከም ህውኽ ተብ-ተብ ክብል ተራእየ። ቐድሚ ናብ ኣፈፌት እቲ ዱካን ምብጽሑ፡ ትብዓቱ ኣብ ቦትኡ ምንባሩን ዘይምንባሩን ኣረጋገጸ።

“ቐርሺ ክምልኣልኪ’ዶ?” ኣብ ጥቓኣ ምስ በጽሐ ተዛረበ ሜሮን። ናብኣ ክድውል እናበለ ኣብቲ ፈልማይ ዝተራኸብሉ ቦታ ምስ ጸንሓቶ ገሪሙዎ’ዩ። እቲ ኣጋጣሚ መልኣኽ ፍቕሪ ዝኽሸኖ ፍሉይ ውዕለት ከይከውን ተጠራጠረ። ምስጋንኡ ልዑል ክኸውን ካልኢታት’ዩ ሓቲቱ።

“ሎም’ስ ኣነ’የ ዝምልኣልካ።” ተጠውያ መን ም’ኺኑ ምስ ተዓዘበቶ ብስንባደ ኣድመጸት ስኒት። ድሌት ልባ ከመይ ኢሉ ከምዝሰመረ ደንጽይዋ’ዩ። ንብዙሓት ዘወናውን ምዕጉርታ ክትበቀሉ ኣይተራኣየትን። ዋላ ደኣ ሜሮን ኣይፍለጦ እምበር ናፍቐት ነይርዋ’ዩ። ‘ሜሮን ቕርሺ መሊኡ ናፍቐት ዝእውድ መንእሰይ’ዩ!’ ኣብ ዝብል ነጥቢ ተሰማሚዓ’ያ።

“ከመይ ኣለኺ ስኒት?” ድሕሪ ድሙቐ ሰላምታ ኩነታታ ሓተተ። ጽቡቕ ክትህልወሉ ምንዮቱ’ዩ።

“ጽቡቕ። ንስኻ’ኸ?” ሓተተቶ። ንሳ’ውን ካብ ናቱ ዝፍለ ሓሳባት ኣይነበራን።

“ሰይጣን ኣይስማዕ ጽቡቕ ቀንየ። እዚ ግና ናፍቐትኪ ገዲፍካ’ዩ። ከምዛ ንዓመታት ዝፈልጠኪ ገይረ’የ ናፊቕኪ።” ኣብ ልባ ቦታ ከዋሃቦ ዘኽእል ዘረባ ሰንደወ። ሓሶት ኣይተዛረበን። ከማኡ ድማ ተሃዊኹ ከምኡ ምባሉ ቅር ኣይበሎን። ስከፍታን ፍቕሪን፡ ሕቐን ከብዲን ኮይኖም’ዮም ዝስምዑዎ። ‘ስኩፍ ወዲ ንጓል ካብ ሸግር ንላዕሊ ካልእ ኣይኮነን!’ በለ ብልቡ።

“ናይ ልብኻ ይግበሮ።” ብኽምስታ ተሰንያ ተዛረበት ስኒት። ቃላቱ ምስ ቅንዕና ዝተጎራበቱ እንተኾይኖም፡ ንሳ’ውን ከም ናቱ’ዩ ገጢምዋ። ኣይትፈልጦ ኣይትጥይቐ ካብ ምንፋቕ ዓዲ ኣይዋዓለትን።

“ንጽብቕቲ ጓል ኣይሕሱን’የ።” ንእግረ መንገዱ ቐንጀ ም’ኺና ሓበራ። ቅኑዕ’ዩ ነይሩ። ስኒት መልከፀኛ ጓል’ያ። ኣብ ዓይኒ ማንም ወዲ ተባዕታይ ከይተጸገመ ዝኣቱ ፍቱው ኮኾብ ከም ዘለዋ፡ ቀዳማይ ምስከር ባዕሉ’ዩ። ሓደ ካብ ግዳያቱ ስለዝነበረ። ‘ቕንጅና ስኒት ንልቢ ዝፍሕር ኣፍራዛ ኣለዎ!’ በለ ብሓሳቡ።

“የቐንየለይ ጽብቕቲ ስለዝበልካኒ። ብዘይ መጠን ከኣ ባህ ኢሉኒ ኣሎ። ንዝነደለ ገንዘብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ዝነደለ ሓጎስ ትምልእ ትኩር መንእሰይ ም’ኺንካ ከበስረካ ይደሊ።” ሓጎሳ መግለጺ ስኢናትሉ ነበረት። ዓሚል መስትያት ስለዝኾነት፡ ጽብቕቲ ም’ኺና ኣይጠፍኣን’ዩ። ግና ካብ መስትያት፡ ሰባት ጽብቕቲ ክብልዋ ይደምቀላ።

“የቐንየለይ ዘድልዮ ኣይመስለንን። ካብ ዝገርመኪ ክድውለልኪ እናበልኩ ኢና ተራኺብና። ዕድለኛ ም’ኺነይ ሎሚ’የ ፈሊጠ።” ኩነታታ የዕጊቡዎ ተዛረበ። ብኻልእ መዳይ፡ ውን ክድውለላ ከምዘለዎ ከምዘይረስዖ’ዩ ነጊሩዋ።

“ንዓይ ስለዝረኸብካኒ ዕድለኛ ኮንካ ማለት ድዩ?” ከተረጋግጾ ዘለዋ ነገር ዝነበራ ክትመስል ጸጫጣ ሓተተቶ።

“እወ።” ሓጺር ክምልስ ተቐሰበ ሜሮን።

“እሞ የቕንየለይ።” ከም ሕፍርፍር በለት። ኣብ ልዕሊኣ ዝነበሮ ተገዳስነት ገመተቶ። ዝግደሱላ ኣወዳት ኣለው። ግና እቲ ዝተገደሰትሉ ስለዝተገደሰላ፡ ልዕሊኡም ብሜሮን ዕግብቲ’ያ። ብባህራ ሕጊ ሚዛናውነት ትድግፍ’ያ። ሚዛን ዝኾነ ኣምር ናብ ሓደ ጥራይ እንተዛዝዩ፡ ዝፍጠር ጸገም ኣሎ በሃሊት’ያ። ምዕሩይነት ክህሉ እንተኾይኑ፡ ሚዛናውነት ክህሉ ከምዘሎዎ’ያ ትሓስብ። ‘ኣሸንኳይ ዝምድና ኮመደረ ዕዳጋ’ኳ ሚዛን ዝደሊ!’ ዝብል መምርሒ ኣለዋ።

“መዓስ ክንራኸብ ይጥዕመኪ?” ሌልኡም ክሰብሕ እንተኾይኑ፡ ርክቦም ብኡ መጠን ክዓቢ ከምዘለዎ ስለዝሓሰበ ዝበሎ’ዩ። ከም ድፍረት ኣይጸብጸቦን። ገጽ ርእ’ዩ ገይርዎ። ስምዒታታ ደጋፊኡ ምንባሩ ክጠራጠር ኣይከኣለን።

“ኣብ ኣስመራ ክንራኸብ’የ ዝደሊ። ስለዚ . . ” ባዕሉ ክቕጽል ዕድል ሃበቶ። እዚ ግና ብሕጊ ሚዛናውነት ኣይጠመተቶን።

“እሞ . . .” ቦታ መራኸቢኡም ምስ ሰዓቱ ገለጸላ።

9.Z. ‘ኣሸንኳይ ዝምድና፡ ኮመደረ ዕዳጋ’ኳ ሚዛን ዝደሊ!’

****

10

10.A. 'ፍቐሪ ዝጠመየ፡ ባኒ ንምቐላብ ጸደፍደፍ ዝብለሉ ኣብነት የለን!'

"ፍቐሪ ከምዚ ንስኻ ተሕልፎ ዘለኻ እንተኾይኑ፡ ፈጣሪ ካብ ፍቐሪ ክስውረና ምምሕጻን ከድልየና'ዩ።" ተዋዘየ ዳዊት። መድሃኔ ብጭንቐት ዝኣክል ናብቲ ብህዝቢ ንመምሃራን ዝዳሎ ምሳሕ ምኻድ ኣብይዎ'ዩ። ዳዊት ካብ ምሳሕ ምስ መጸ'ዩ ተዛሪቡ። ከምታ ዝገደፎ ኣብ ዓራቱ ተኾርምዩ'ዩ ጸኒሕዎ።

"በጃኻ ኢለካ ግደፈኒ።" ጽምዋ ዝሓረየ መድሃኔ ከምሕጸን ተሰሞዐ። ንመግቢ ዝኸውን ሸውሃት'ውን ኣይነበሮን። ልቢ ራሄል ምስ ተዓጽዎ፡ ሸውሃቱ'ውን ከምኡ ተዓጽይዎ'ዩ። ፍቐሪ ዝኸሰረ ኩሉ ስለዝኸስር!

"ነብስኻ ኢኻ በዲልካ። ምሳሕ ስጋ'ያ ነይራ። ጸብሒ ከምጻኣልካ ኣይከኣልኩን። ባኒ ግና እነህልካ።" ናብ ዝነበሮ ዓራት ደርበየሉ።

መድሃኔ ግና ጥሜት ፍቐሪ'ምበር ጥሜት መግቢ ኣይነበሮን። ንዝተደርበየሉ ባኒ ክቆልብ ኣይተገደሰን። 'ፍቐሪ ዝጠመየ፡ ባኒ ንምቐላብ ጸደፍደፍ ዝብለሉ ኣብነት የለን!' ክብል ተዛረበ።

"በጃኻ'ባ ብላዕ።" ለመኖ ዳዊት።

"ኣይጠመኹን።" ሓጺር መለሰ።

"መዓስ ምስ በላዕካ ኢኻ ከይጠመኻ ትጸንሕ?" ዝገረሞ ዳዊት ብዓውታ ተወከሰ። ካብ ዘፍቕር ንደሓር ከም ዘይቀሰነ'ዩ ተዓዚቡዎ። ቅሳነት ዘይትረኽበሉ ፍቕርን፡ ድቃስን ዘይትድቅሰሉ ዓቢ ዓራትን፡ ካብ ጥቕሚ ወጻኢ'ዩ በሃላይ'ዩ።

"ኣይትረብሸኒ!" ግርጭ በለ። ሕርቓኑ መዓስ ከምዝለዓል ፍሉጥ ኣይኮነን። ጭንቀቱ ከይኣኽሎ ካልእ ተደራቢ ክድመሮ ኣይጸወሮን'ዩ። ዝከኣል እንተኾይኑ ንብሕቱ ክኸውን'ዩ ዝደሊ። ካብ ስእነት ፍቐሪ ዝዓቢ ሕማም ኣይተጓነፎን።

"ነብስኻ ኣይትህሰ። ኣብ ከሰምር ዘይክእል ፍቐሪ ግዜ ምጥፋእ ልቦና ኣይኮነን። ምብልዕ ስለዝኣበኻ፡ ራሄል ክትፈልጠልካን ክትድንግጸልካን ከምዘይኮነት ፍለጥ።" ተቋወመ ዳዊት። 'ጾም ምእንቲ ዘይሰመረ ፍቐሪ፡ ፍረ የብሉን!' በለ ብልቡ።

“ዳዊት ግደፈኒ።” ኣንጸርጸረ መድሃኔ።

“ኣነ’ስ ይገድፈካ።” ክእለየሉ ወሰነ።

****

“ዝሓፍር ኣይኮነን።” ንመድሃኔ ዝገልጽ ቃላት ራሄል’ዩ ነይሩ። ምስ ሄርሜላ’ያ ተዕልል ነይራ። ውሽጣ ቐሱን ኣይነበረን። ነቲ ዘየፍቐራ ዝመስላ መድሃኔ፡ ክትገብረሉ ዝነበራ ኣቀባብላ ከምቲ ዝገበረቶ’ዩ ነይሩ።

“ጽንዕ በሊ ራሄለይ። ተቐያሚት ድማ ክትኮኒ የብልክን። ቅኑዕ መሲሉዎ ጌሩዎ ኣሎ። ብመጠኑ ብዛዕቡኡ ምዝራብ ገዲፍኪ ካብ ልብኺ ከተውጽዮ ይከኣል’ዩ።” ሄርሜላ ናብ ራሄል ዝቐንዕ መልእኽቲ ኣመሓላለፈት። ቡቲ ዘይሰመረ ፍቐሪ ሓዚና’ያ። ተኾነ ነታ ከተጻናንዓ እምበር፡ ጉህያ ጓሂ ክትድምረላ ዘድሊ ኣይኮነን።

“ጽቡቕ ኣለኺ።” ተሰማመዐት። “ንኣራም ክድውለሉ’የ ኢልክኒ ኔርኪ። ደዊልኩሉ’ዶ?” ካብ ዛዕብኣ ክትወጽእ ደለየት። ጽቡቕ ፍቐራዊ ዝኽሪ ዘይብላ ጎርዞ’ያ። ስለ ብዝኽሪ ፍቐሪ ምሕሳብ ጉድኣት እምበር ጥቕሚ የብሉን ንዕኣ።

“ናብቲ ዮናስ ኢሉ ዝተላለየኒ’የ ደዊለ። ዮናስ እቲ ንሄለን ከራስን ዝደወለ ወዲ ምኽኑ ፈሊጥክዮ ክትህልዊ ተስፋ ይገብር። እቲ’ኳ ማርስ ኢለ ዝተላለኹዎ።” ንራሄል ዘገረመ ዘረባ ካብ ከናፍር ሄርሜላ ወጸ።

“ንምንታይ? ካብ ኣራም ዮናስ ንላዕሊ ኣገዲሱኪ?” ድንግርግር ዝበላ ራሄል ሓተተት። መሓዛኣ ብኣራም እምበር ብዮናስ ክትግደስ ኣይረኣየታን። እዚ ለውጢ ካበይ ከምዝመጸ ምንም ትፈልጦ ኣይኮነትን። ‘ልቢ ሄርሜላ ምስ መንእሰያት ቦሊቮል ትጻወት ከይትህሉ!’ ዝብል ስግኣት ኣቐመጠት።

“ዝተለወጠ የለን። ልዕሊ ዝኾነ ኣራም የገድሰኒ። እንተኾነ ቡቲ ማማ ዝሃበትኒ ቐሩጽሪ ጌይረ ምስ ደወልኩ ዮናስ ተቐቢሉኒ።” ክሳብ ለይቲ ሎሚ ብኣራም ኣይቀሰነትን። ምስሉ ኣብ ኣዒንታ እናተሳእለ፡ ክቐጀላ ቀንዩ’ዩ። ካብታ ዝረኣየቶ ዕለት ንደሓር ብዛዕብኡ ከይሓሰበት ዝሓደረትሉ ለይቲ ኣይዝከራን’ዩ።

“ከመይ ኢሉ ?” ብምግራም ሓተተት።

“ናይ ውልቁ ሞባይል ስለዘይብሉ፡ ንማማ ናይ ዮናስ’ዩ ሂቡዋ። ዘይምርካበይ ሓሪቐ’የ። እንተኾነ ብዮናስ መልእኽቲ ሰዲደሉ ኣለኹ። መልእኽቲ በጺሑዎ

ከመጸኒ ድማ ይጽበ ኣለኹ። እቲ ኣጋጣሚ ግና ዘገርም ይመስል።" ኩነታቱ ብዝርዝር ኣዕለለታ። ንኣራም ረኺባ ይቕሬታ ክትሓቶ ትህንጠ ነበረት።

"መልእኽቲ ዮናስ ከም ዘብጻሓሉ ግና ርግጸኛ ዲኺ?" ሓተተት ራሄል።

"ንዮናስ ጽቡቕ ጌረ ስለ ዘይፈልጦ ተኣማሚነ ክምልሰልኪ ኣይክእልን'የ። ኣንፈት ዮናስ ግና ከሻቕለኒ ጀሚሩ ኣሎ።" ንዝተሓተተቶ መሊሳ፡ ሓድሽ ዛዕባ ኣንቀለት ሄርሜላ። ኣብ ጉዳይ ዮናስ ዘለዋ ኣመለኻኽታ ብመጠኑ ለውጢ ከርኢ ተዓዚባ'ያ።

"እንታይ ተረኺቡ?" ከም ኣመላ ሓተተት።

"ፍሉይ ም'ኽኑ ኣቕዲመ ነጊረኪ'የ። ሎሚ መዓልቲ ምስ ደወልኩሉ ከኣ 20 ናቕፋ ናብ ሞባይለይ ኣስኒሩለይ።" ንዮናስ ኣብ ዓይነ ሕልነኣ ሰኣለቶ። ብዝገበሮ ብልባ ኣመስጊናቶ'የ። ኪኖ ምስጋና ዝሓልፍ ስምዒት ግና ኣይተቐላቐላን።

"ሞባይልኪ ከምዘይብላ ምስ ነገርክዮ ድዩ?" ብተመልከተለይ ገመተት። ግምታ ቅኑዕ ከምዝነበረ ሄርሜላ ብርእሳ'ያ ሓቢራታ። "እሞ ንቦታ ኣራም ዝቓጸጽ ድዩ? ብ20 ናቕፋ ዝጥበር ልቢ ክህልወኪ ኢለ ኣይሓስብን'የ።" ገለ ለውጢ ተፈጢሩ ከይከውን ብዋዛ ተሰንያ ሓተተታ።

"ንኣራም ዝሃብኩዎ ቦታ ማንም ኣይወስዶን'ዩ። ብልክዕ ኣራም ከም ዝጸላእኩዎ እምበር ከም ዝፈትዎ ኣይፈልጥን'ዩ። ገለ ነገር እንተዘይተፈጢሩ ኣራም'ዩ እቲ እንኮ ከንፈረይ ክስዕም ዝበቅዕ ወዲ። ኣሽንኳይ 20 ናቕፋ፡ 20 ሚሊዮን ውን ዘስድዖ ልቢ የብለይን።" ድልየት ውሽጣ ከይሓብኣት ዘርዘረትላ።

****

"ከይትነግሮ። እቶም ንስኻ ደቒቕቲ ኢልካ ትንዕቆም ሰባት፡ ዓቢ ዕንወት ከውርዱ ከም ዝኽእሉ ፍለጥ። ንእሽቶ ነኺል ዓባይ መርከብ ከም ተጥሕል ዘክር። ንኣራም'ውን ብዓይኒ ኽምዚ ጠመቶ።" ኢዮብ ናብ ዮናስ ዝቕንዐ ማዕዳ ፈነወ። ንሄርሜላ ከውንን ተኽኢሉ፡ ፍሉይ ህያብ ከም ዘዳልወሉ ነጊሩዎ'ዩ።

"ኣነ'ውን ከምኡ ሓሲበ። ካብ ሄርሜላ ዝመጸ መልእኽቲ ንኣራም ምንጋር ሓደጋ ክኸውን ይኽእል'ዩ። እቲ ዝገርመኒ ግና እዚ ንኽፍእቲ ጓል'ኳ ከርግጽ ዓቕሚ ዘይብሉ ኣራም፡ ከመይ ጌሩ ንሄርሜላ ፈሊጥዋ?" ዘስደመመቶ ነጥቢ ጠቐሰ ዮናስ። ኣብ ልዕሊ ኣራም ዘለዋ ንዕቀት ብኮናትል ዝምዘን'ዩ።

“ዝገርም‘ዩ።” ብዘይካ’ዚ ካልእ ክውስኽ ኣይደለየን ኢዮብ።

“ሕጂ ነዚ ዘይጠቅም ኣራም ንረስዓዮ። ብዛዕባይ ከነዕልል ይደሊ ኣለኹ። ምስ ሄርሜላ ቆጸራ ከገብር’የ። ስለዚ ከተማኽረኒ ኢኻ።” ድሌቱ ገለጸ ዮናስ።

“ጠዋሊ!” ድልውነቱ ኣረጋገጸ ኢዮብ።

“እሞ ኮኳ እናሰተና ከነዕልል ይሓይሽ።” ቐዲምዎ ተንስኡ።

****

ልቡ ምስ ኣዘዞ’ዩ ክነቅል ተቀሲቡ። ጽቡቕ ዕድል ከጓንፎ ብውሽጡ ጸሎት ኣጽዓቐ። ናብታ መንደቕ ልቡ ዘፍረሰት ጎርዞ ይጓዓዝ ምንባሩ ዝገመተ ኣይነበረን። ከም ዝሓለፈ እዋን ብዘባሳጩ ኣገባብ ከይትቕበሎ ስግኣት ኣቀመጠ። ግና እታ ዘላ ክጽበ ምስ ነብሱ ወዲኡ‘ዩ። ‘ፈሪሕካ ኣይምወትን’ዩ!‘ ዝብል መርገጺ ተኸቲሉ’ዩ መጽዩ። ጽቡቕ ክገጥሞ’ዩ ምንዮቱ። ተዘይኮይኑ ግን ዝገብሮ የብሉን። ‘ክትቐጻጸሮ ንዘይትኽእል ነገር ተቀበሎ!’ ዝብል መምርሒ ዝዘከረ ይመስል።

ናብ መደቀሲ ደቀንስትዮ፡ ወዲ ክኣቱ ስለዘይፍቀድ ሰብ ልኢኹ ክጽውዓ ነይርዎ። ነታ ብእንኮ ጠመተ ልቡ ዝሰለበት ቆንጆ ትጽውዕ ሰብ ኣይሰእነን። ኣድራሻ ሄርሜላ ሓቢሩ ብህንጡይ መንፈስ ከጽበ ጀመረ። ብዕምቆት ከስተንፍስ ተራእየ። ሓይሊ ኣተናፍስኡ፡ ውልዕቲ ሽምዓ ከጥፍእ ዘይክእል ኣይነበረን። ብዛዕብኣ ከሓስብ ኩነታት ከባቢኡ ብንቐሓት ከከታተል ኣይከኣለን።

“ኣራም ከመይ ቀኒኻ?” እታ ከየስተብሃለላ ናብ ጥቕኡ ዝበጸሐት ሄርሜላ ዝበሎቶ’ዩ። ልባ፡ ዝጸውዓ ሰብ መን ምኽኑ ምስ ፈለጠት፡ ናይ ደስደስ ግዚያት ኣዊጃ’ያ። ደጊም ካልኣይ ግዚኣ ክትጋገ ምርጫኣ ኣይኮነን። ነቲ ኣብ ልባ ቦታ ዝሃበቶ ኣራም፡ ከምስ ብምባል ምዕጉርታ ወርወረትሉ። ዝቐነየቶ ስቓይ ከይምለሳ ዝፈርሐት ክትመስል ኣጥቢቓ ሰዓመቶ።

ዘይተጸበዮ ዝረኸበ ኣራም፡ ንሓጎሱ ክቆጻጸር ተጸገመ። እታ’ኳ ከም ዝደሃል ዝገበረቶ ሄርሜላ ብኽምኡ ኣገባብ ክትቅበሎ ዝሓልሞ’ውን ኣይነበረን። መታን መሊኡ ክቀብጽ’ዩ ናብኣ ካልኣይ ግዜ መጺዩ።

“ሄርሜላ ከመይ ኣለኺ?” ዝተሓተቶ ከይመለሰ ናቱ ሕቶ ኣዳለወ። ክምልስ ከምዘለዎ‘ውን ረሲዕዎ’ዩ። ፍቐሪ ንመን ዘየረስዕ!

“ጽቡቕ ኣራም ሓወይ።” ‘ሓወይ!’ ኢላ ናብ ነብሳ ኣጥበቕቶ። ፈለማ ዝተረኣኣዩላ ካብ ነብሳ ኣርሒቕቶ’ያ። ሕጂ ግና መካሓሓሲ ክትገብር ነይሩዋ። ዝቕነየቶ ብዝግባእ ስለትፈልጦ፡ ብቕልዓለም ካልእ ቃንዛ ክትድምር ዘድልያ ኣይኮነን።

“ንብረትኪ ብሰላም በጺሑ ክኸውን ተስፋ ይገብር።” ብመልከዕ ዋዛ ተዛረበ። ሄርሜላ ኣብ ልዕሊኡ ተርእዮ ዘላ ተገዳስነት፡ ንመጠን ፍትውቱ ከዕዝዞ ኣይተጸገመን። ሃንደበት ቀው ኢሉ ጠመታ። መጠን ኣልቦ ጽባቐኣ መመሊሱ ክምስጦ ኣስተውዓለ። ኩለንትናኣ ምስ ክትበልዓ ተወናውን ቱፋሕ’ዩ ኣተኣሳሲሩዋ። ንመንፈስ ሰባት ዘሕድስ ምኡዝ ሽታኣ፡ በዓል ውዕለት ኣፍንጭኡ ካብ ዝኸውን ደቓይቕ ተቐጺሩ’ዩ። ኣፍንጭኡ ልሳን ዘይብሉ ኮይኑ እምበር፡ ምስጋንኡ ከብጽሕ ኣይምተገበዘን። ‘ፈጣሪ ንሄርሜላ መታን ኣድናቕት ክንላመድ’ዩ ፈጢርዋ!’ በለ ብሓሳቡ።

“እሙን መልእኽተኛ ኢኻ።” ክምስ በለቶ። ጽሬትን ስሩዕነትን ኣስናና፡ ንኣራም ዝስሕብ ክኸውን ግምታ’ዩ። ኮኾቡ ኣብ ውሽጣ ቦታ ከምዘይስእን ኣረጋጊጻ ስለዝነበረት፡ ናታ ክኸውን ክትስሕቦ ነይርዋ። ንወዲ ክትምስጥ ዘይክኣለት ጓል፡ ንፍቕሪ ክትሕተት ክትጽበ ከም ዘይብላ እትኣምን ጎርዞ’ያ።

“የቐንየለይ ሓቕኺ ተኾንክ’ስ።” ብጽባቐ ኣስናና ተገሪመ። ካብ በረድ ዝጽዕዱ ኣስናና፡ መሲጥዎ’ዩ። ናብ ልባ ክትጠልቕ ዝጽውዕ ኳደረ ገይሩ‘ውን ሓሰቦ።

“ቕልዓለም ኣይፈቱን’የ።” ሓጺር ተዛረበት።

“ኮፍ ኢልና ከነዕልል ፍቓደኛ ዲኺ?” ደው ኢልካ ምዕላል ክሳብ ክንድ’ቲ ኣይጸልኦን። ግና ንቕሩብነታ’ዩ ከረጋግጽ ደልዩ። ምስኡ ምዕላል ክሳብ ክንዲ ምንታይ መሲጡዋ ወይ ሰልቺይዋ ኣሎ ዝፈልጠሉ ብልሓት ንሱ ኮይኑ ተሰምዖ።

“ጸገም የለን። ኣብቲ’ኣ ኮፍ ንበል።” ኪኖ ድልውቲ ምኽና ቦታ’ውን ክትመርጽ ተራእየት ሄርሜላ። ምስ ኣራም ዘለዎም ዝምድና ከምዕብል እንተኾይኑ ክትስከፍ ከምዘይብላ ሓሲባ’ያ። ስክፍታ ንድልየት ደለይታ ዝቕትል ሓደገኛን ክታበት ዘይተረኽቦን ሕማም ከምዝኾነ ስለትፈልጥ።

<u>10.Z. ስክፍታ ንድልየት ደለይቲ ዝቕትል፡ ሓደገኛን ክታበት ዘይተረኽቦን ሕማም’ዩ!</u>

****

11

11.A. ‘ጓል ኣንነሎ ሰምዒ፡ታ እምበር፡ ካንሸሎ ሰምዒ፡ታ ንምሕባር ድልውቲ ኮይና ኣይትፈልጥን!’

ኣብ ሞንነኣም ዝተፈጥረ ቅርሕንቲ ከቕስኖ ኣይከኣለን። ሕሉፍ ሓሊፉዎ ከምዛ ኣብ ሓደ ገዛ ዘይነብሩ ረጊጹዎ ምስ ሓለፈ፡ ከጻወሮ ኣይከኣለን። ስለ’ዚ ድማ ጉዳዮም ብምርድዳእ ክፍታሕ ወሰነ።

“ንምንታይ ኢኻ ደሊኻኒ?” ዮናስ ንሜሮን እናጠመተ ተገናጪሩ ሓተተ። መታን ክረዳድኡ ካብ መደቀሲ ክፍሎም ወጺኦም’ዮም። እቲ ጉዳይ ኣብ ሞንነ ክልቲኦም ስለዝነበረ፡ ኣራምን ኢዮብን ክሳተፉ ዘገድስ ኣይኮነን።

“ክንረዳዳእ’የ ጸዊዐካ።” ብምግንጫሩ ከይተቆጠዐ ተዛረበ ሜሮን። ብዘይ ጠቅም ቀንጠመጢ ክነራፈጡ ኣይደልዮን’ዩ። ከም ሰብ ኣብ ኮሌጅ ተማሃሮ ኣብ ዝነበርሉ እዋን ንዓመታት ብሓንሳብ ስለዝተቐመጡ፡ ባህሪ ዮናስ ይፈልጦ’ዩ። ከምቲ ኣራም ዝበሎ ሸለል ክብሎ ከምዘለዎ ሓሲቡ’ዩ ክረዳድኡ መበገሲ ባይታ ፈጢሩ።

“እንታይ ዘረዳድእ ኣለና ምሳኻ?” ብንዕቀት ተዛረበ። “ንስኻ ንዓይ ዘይተድልን ዘይተገድስን ሰብ ምኳንካ ጥራይ ፍለጥ።” ንምርድዳእ ዘይኮነስ ንምጉርፋጥ ባብ ዘርሑ ዘረባ ወሰኽ። ከም ሜሮን ገይሩ ዝጸልኦ ሰብ ደልዩ ስኢኑ’ዩ። እቲ እንኮ ኣብ መደቀሲኦም ዓብላሊ ከይከውን ዝቋወም ሰብ ንሱ ምኳኑ’ዩ ዝፈልጥ።

“ኣይትጋገ ዮናስ። ከም ሰብ ብዙሕ ጽቡቕ ህይወት ዘሕለፍና ሰባት ምኳንና ዘከር። ስለዚ ኩሉ ገዲፍና ከም ቀደምና ዝናፈቕ ህይወት እንተሕለፍና ይሓይሽ።” ለባም ዘረባ ኣስመዐ። ሜሮን ‘መባእስትኻ ለባም ይግበረልካ!’፡ ዝብል ኣበሃህላ ዘከረ። ናይ ብሓቂ ቅኑዕ ምንባሩ ምስ ዮናስ ምስ ተነራፈጡ’ዩ በሪሁሉ።

“ግደፈና እንዶ! ዝሓለፈ ህይወት ዋላ ዝተረፈ ህይወት ኣይትበለና። ኣነ ምሳኻ ዝኾነ ሰላምታን ርክብን ክህልወኒ ኣይደሊን’የ።” ውድእ ውድእ ኣበሎ። ተሃዊኽካ ምውሳን ገለ ካብ ኣሉታውያን ጠባያቱ’ዩ።

“እንታይ በዲለካ?” ሜሮን ሓተተ። መጠን ዓቕሉ ክቕንስ ተፈሊጡዎ’ዩ። ከም ዮናስ ዓቕልኻ ዘወድእ ሰብ ኣይተጓነፎን። ዝጥቀስ በደል ዘይፈጸመ ከንሱ፡ ብዮናስ ክግፋዕን ተረጊጹ ክሕለፍን ስለዘይደለየ’ዩ ከዘራርቦ መሪጹ። ዮናስ ግና . . .

“ምሳይ ትኽይድ ኣይኮንካን። ክጻወረካ ኣይክእልን’የ። ስለዚ ነገር ከይተምጽእ ምሳይ ከይትዛረብ።” ከፈራርሖ ተሰምዐ። በቲ ዘይብሱል ጠባዩ፡ ሜሮን ቐድሚኡ ዓቕሉ ክውድእ ከምዝነበሮ ኣይተሰወጦን። ንኽሓፍር ኣይሓስብን’ዩ።

“እምቢእ! . . . እንታይ ኢልካ?” ሃንደበት ባግ በለ ሜሮን። ተጻዋርነቱ ከም ሓዊ ዝዓለቦ ጠስሚ ክመክኽ ኣይደንጎየን። ኑቲ ገንዘብ እምበር ልቢ ዘይነበሮ መንእሰይ፡ ልዕሊ’ዚ ክጽመሞ ዝኽእል ኣይነበረን። ዓቕሊ ካብ ልክዑ እንተሓሊፉ፡ መንዓቒኻ ከምዝኸውን ፈቲኑ ፈሊጥዎ ነበረ።

“ምሳይ ከይትዛረብ።” ብዓሻ ድፍረት ተዛረበ ዮናስ።

“ሓራይ በል ጽቡቕ።” ገጹ ንእለት ተጻዋወገ። ምስ ዮናስ ክረዳዳእ ብምህቃኑ ልዕሊ መጠን ኣጣዓሶ። ብዋሕዲ ልቦንኡ ኣስተንዓቆ። በቲ ኣሎኒ ኢሉ ዝምክሓሉ ገንዘብ፡ ልቦና ካብ ድኳን ክገዝእ ዘይክእል ምንባሩ ሓሲቡ ብልቢ ደንገጸሉ።

****

“ዮናስ እቲ መልእኽቲ እንተዘይ ኣብጺሑልካ ደኣ ከመይ ጌርካ መጺኻ?” ሄርሜላ ሓተተቶ። መልእኽታ ከም ዝበጽሐ ገሚታ’ያ ጸኒሓ። እንተኾነ ግምታ ቅኑዕ ከምዘይነበረ ካብ ኣራም ብዝረኸቦቶ ሓበሬታ ከተጣልል ክኢላ ነበረት።

“ካልኣይ ግዜ ክምለሰኪ ውሽጠይ ስለዝኣዘዘኒ’የ መጽየኪ።” ምኽንያት መምጺእኡ ከይሓብኣ ሓበራ። ብውሽጡ ግና ብዮናስ ክሓስብ ጀመረ። ንምንታይ ከምኡ ከምዝገበረ ክግምት ብዙሕ ተሸገረ።

“እንቋዕ ተመለስካ።” ከይሓፈረት ውሽጣዊ ስምዒታ ገለጸትሉ። ኣብ ህይወታ ናይ ሓንቲ መዓልቲ ጋሻ ኮይኑ ዘይምትራፉ ንነብሳ ከም ዕድለኛ ጸብጸበታ። ኑቲ ከባቢ ሓደ ሰዓት ዘዕለለቶ ኣራም፡ ዝፍቶ’ምበር ዝጽላእ ባህሪ ኣይረኣየትሉን። ትሕትንኡን ዘንቅሎ ሓሳባትን፡ ከም ሰብ ብኡኡ ንኽትምሰጥ ካብ ዝገበሩዎ ገለ ገለ ባህርያቱ’ዮም። ‘ፈጣሪ ብኣራም ኣቢሉ’ዩ ገጸ በረከቱ ሰዲዱለይ!’ በለት ብሓሳባ።

“ከመይ ማለትኪ’ዩ?” መብርሂ ደለየ ኣራም። እታ መልክዐኛ ጎርዞ ኣብ ልዕሊኡ ኣሕዲራቶ ዘላ ተገዳስነት ብዘይ መጠን ኣደሰቶ። ካልኦት ዘይረኽብዎ ዕድል ከም ዝረኸቦ ርዱእ ኮይኑ’ዩ ተሰሚውዎ። ነዛ ዓይኒ ማንም ወዲ ተባዕታይ ኣብ ስራሕ ተውዕል ጎርዞ፡ ኣቃልቦኣ ከምዝስሕብ ዝገበሮ ሓይሊ ውሽጡ ኣየናይ ምኽኑ

ክፈልጥ ኣይከኣለን። ሰባት እዚ'ዩ ጸገምና። ሓይሊ ካልኦት ክንፈልጦ ዘየጸገመና፡ ሓይሊ ውሽጥና ግን ምስጢር ይኾነና።

"ማለተይ ደኣ . . ." ክትቅጽል ኣይከኣለትን። ኣራም በሊሕ ወዲ እንተኾይኑ ኣባሃህላኣ ከም ዘይጠፍኦ ግና ዘከረት። ካብ መንገዲ ምሕባር ንላዕሊ ካልእ ክትገብር ዝከኣል ኣይመሰላን። ክብሪ ጓልነታ ከይጠሓስ ክትከናኸኖ ዘለዋ ባዕላ እምበር ኣራም ኣይኮነን። 'ጓል ኣንስሎ ስምዒታታ እምበር፡ ካንሸሎ ስምዒታታ ንምሕባር ድልውቲ ኮይና ኣይትፈልጥን!' ምስ ዝብል ሓሳብ ትሰማማዕ'ያ።

"ትርፊ ግዜኺ ኣበይ ተሕልፍዮ?" ኣንፈት ዕላሎም ክጥምዘዝ ወሰነ። ሄርሜላ ብሕቶ ክትሸገር ኣይደለያን። ክፈልጦ ዝደለዮ ፈሊጥዎ'ዩ። ኪንኡ ምኻድ ንሄርሜላ ምችኡነት ዝፈጥር ጉዕዞ ዘይምኽኑ ግምቱ'ዩ።

"ፍቕራዊ ፊልም ምዕዛብን መጽሓፍን ምንባብን ኣዘውትር'የ።" ካብ ተጻዒኑዋ ዝነበረ ስክፍታ ተገላገለት። ከዋጥራ ብዘይ ምፍታኑ ከየድነቕቶ ኣይሓለፈትን።

"ምስ ናተይ ዝመሳሰል ህይወት'ዩ ዘለኪ። ኩዕሶ ትከታተሊ ኔርኪ እንተትኾኒ ድማ ጠቕሊልና ሓደ ዓይነት ናይ ትርፊ ግዜ ህይወት ምሃለወና።" ከይሓተተቶ መለሰላ። ምስኣ ምህላው መቺእዎ ነበረ። 'ኣብ ጎንኻ ኮይኖም ምቹእነት ከፈጥሩልካ ዝኽእሉ ሰባት፡ እቶም ፍጹም ክኽሰሩ ዘይብሎም 'ዮም!' ዝብል መምርሒ ኣለዎ።

"ዘይነገርኩኻ ኮይነ'ምበር ሳሕቲ'ውን ኩዕሶ ይከታተል'የ። ደጋፊት ባርሴሎና'የ። ሓንቲ ካብ ብመሲ ዝምሰጡ ውልቀ ሰባት'የ።" ካልእ ንባህርያታ መግለጺ ዝህብ ዘረባ ወስ ኣበለት። ንሳ'ውን ልክዕ ከም ናቱ፡ ምስኡ ምህላዋ ምቹእነት ፈጢሩላ'ዩ። እዚ ምቹእነት ኣብ ካልኦት ሃሰው ኢላ ዝሰኣነቶ'ዩ ነይሩ።

"ባርሴሎና!" ሰንበደ ኣራም።

"እንታይ ደኣ ሰንቢድካ?" ክምስታ ኣንጸባሪቓ ሓተተቶ።

"ኩዕሶ ዝከታተላ ኣዋልድ ብፍቕዲ ውሑዳት'የን። እተን ውሑዳት ከኣ ደገፍቲ ክለባት ዓዲ እንግሊዝ ምኽነን'የ ዝግምት።" ኣንጻር ግምቱ ከም ዝተዛረበት ሓበራ።

"እሞ ኣነ ፍልይልቲ'የ።" ርድኢታ ገለጸት።

"እወ። ካብ ዝገርመኪ ካብ ኣወዳት'ውን፡ ንባርሳ ዝድግፉ ሰባት ብዙሓት ኣይኮኑን። ብዝኾነ ኣነ ደጋፊ ኣርሰናል'የ። ዋላኳ ኣብ ምክትታል ኩዕሶ

ተተምሳሰልና፡ ንድግፈን ክለባት ግና ነንበይነን እየን።" ብመልክዕ ዋዛ ተዛረበ ኣራም።

****

ኣብ ውሽጣ ዝተፈጥረ ጸቕጢ ዝኸውን ተጻዋርነት ኣይነበራን። ኩሉ ነገራታ ከም ቀደሙ ክኾነላ ኣይከኣለን። እቲ እንኮ ኣማራጺ ኮይኑ ዝተሰመዓ ነገር፡ ንትምህረሉ ቤት ትምህርቲ ሕቆኣ ሂባ ክትከይድ ዝብል'ዩ። ካብ ቦታ ስርሓ ኣስመራ ክትሕሸላ ትጽቢት ኣለዋ። ሽግራታ ኣልያ ክትምለስ'ዩ ውጥና።

ኣቕሑታ ጠርኒፋ ንመዳቐስታ ተፋንያ ናብ ቤታ ነቐለት። ቤታ ኣብ ኣስመራ'ዩ። ዝነበራ ሃዋሁ ንስራሕ ዝዕድም ስለዘይኮነ፡ ኣብቲ ቦታ ዕንክይክይ ካብ ምባል ዝሓሸ መንገዲ'ዩ ኮይንላ።

****

ዓቅሉ ከም ቁልቁል ኣፉ ዝተደፍአ ዘይቲ ክጸርር ምስ ጀመረ፡ ዝገበረት ክትገብሮ ናብታ ብልቢ ዘፍቐራ ራሄል ሰንመ። ልቡ ጽቡቕ ኣይረኸበትን። ናይ መግቢ ሸውሃቱ ምስኡ ኣይነበረን። ሰብ ልኢኹ ካብ ዝጽውዓ ገለ ደቃይቅ ሓሊፉ ነበረ። ናብኡ ትስጉም ዝነበረት ጎርዞ እታ ንልቡ ዝሰዓረት ራሄል ኣይነበረትን። ዝለኣኻ ሰብ ተገግያ ከትኸውን እናገመተ ግና፡ እታ ጎርዞ ናብኡ ቐረበት።

"ንራሄል ዝደለኻ ንስኻ ዲኻ ሓቀይ?" ቐድሚ ናይ ሰላምታ ቃላት ሓተተቶ ሄለን። ዕሙቕ ዝበለ ሌላ'ዩ ዘይብላ እምበር፡ ከም መምህር ብገጽ ትፈልጦ'ያ። ንመሓዛኣ ዝጸሓፈላ ደብዳቤ ሕማቕ ምንባሩ ሰሚዓ'ላ።

"ጽቡቕ ኣለኺ። ራሄል ደኣ የላን ድያ?" ምስ ሄለን ተወሳኺ ቃላት ክለዋወጥ ኣይደለየን። ንምንታይ ራሄል ዘይመጸት ኣብ ዝብል ሓሳብ ተጸሚዱ ነበረ።

"ሄለን ይበሃል። መሓዝኣ'የ። መልእኽቲ እንተለካ ከብጻሓልካ ይኽእል'የ።" ንሕትኡ ቀጥታዊ መልሲ ከይሃበት፡ ብዛዕባ ንሳ ኽትገብሮ ትኽእል ተዛረበት። ንዘረባኣ መድሃኔ ይጽላኣዮ ይፍተዎ፡ ንዕኣ ዝኾነ ጸቕጢ ዝፈጥረላ ኣይኮነን።

"ራሄል የላን ድያ?" ጸዊጡ ሓተታ። ምስ ራሄል ገጽ ንገጽ ክረእእ እምበር፡ ናብ ራሄል መልእኽቲ ክልእኽ ናብቲ ቦታ ኣይመጸን። ከም ሄለን ዝኣመሰላ ስምዒታት ኣፍቐርቲ ብፍጹም ዘይርድኣ ኣዋልድ፡ ከይገጥምኡ ንእግረ መገዱ ተተምነየ። 'እዛ ጓል ፍቕርን ፍቑራትን ዘይረኣየት ክትከውን ኣለዋ!' በለ ብልቡ።

“የላን።” ሓጺርን ንልቢ መድሃኔ ካብ ሰፈሩ ዘነቓንቕን ግብረ መልሲ ሃበት ሄለን። ራሄል ከምዘየላ ምሕባር ንዕኣ ተራ ነገር’ዩ። ንመድሃኔ ግና ምስ ካልእ ቃንዛን ስቓይን ነፍ ንነፍ ዘራኽብ ዘይምልኩዕ ኣጋጣሚ ኮነ።

“ናበይ ከይዳ?” በታ ቆቐጢባ ትምልስ ሄለን እናሓረቐ፡ ደጊሙ ሓተተ። ራሄል ኣብ ልዕሊኡ ብዘሕደርቶ ቂምታ፡ ንምርካቡ ሓንጊዳ ከይትኸውን ማእለያ ዘይብሉ ስግኣት ኣቕመጠ። ከምኡ እንተኾይኑ እቲ ሓቂ፡ ጽቡቕ ክስምዖ ኣይኮነን። ብዘይ ብቂ ብምሉእ ልቢ ስለዘፍቀረ፡ ንከምዚ ኣጋጣሚ ክጻወር ዝኽእል ሰብ ኣይነበረን።

“ንገዝኣ።” ሕጂ’ውን ሓጺር መለሰትሉ።

“ሎሚ መዓልቲ ሮቡዕ ምኽኑ ፈሊጥኪ ኣለኺ ዲኺ?” ከዘኻኽራ ሃቀነ። ንረቡዕ ገዲፍካ ክልተ ናይ ስራሕ መዓልታት ተሪፉዋ ከሎ፡ ንገዛኣ ትኸይድ ኣይበለን። ኮነ ኢላ ንዘይምርካቡ መሪጻ ከምኡ ዝገበረት ኮይኑ ተሰመዖ። ‘እዛ ጓል ኣብ ልበይ እሾኽ ዳንዴር ክትተክል ደኣ ሓሊና ከይትኸውን?’ ምስ ነብሱ ተዘራረበ።

“ኣታ መዓረይ! ከማኻ ተማሃሮ ዘስተምህር መምህር እኳ’የ። እንታይ መጽኡኒ’የ ረቡዕ ምኽኑ ዝጠፍኣኒ?” ቆለጭ በላ ሄለን። ኮነ ኢሉ ከቆጥዓ ኢሉ ዝተዛረባ’ዩ መሲሉዋ። ንምጥቕዓ ካብ ተላዕለ ንሳ ውን ሓይላ ከተርእዮ ዘንቀደት ትመስል። ‘ብቐደሙ ውን ስሑው ምኽኑ ደብዳቤኡ እንድዩ ምስከሩ!’ በለት ብውሽጣ።

“ይቕሬታ ኣይትሓዝለይ።” ኣብ ቆይቂ ክጸምድ ኣይደለየን። ካልኡ ይኣኽሎ። “ኣበይ ይኸውን ገዝኣ?” ሓድሽ ሓሳብ ምስ መጾ ሓተታ። በዚን ወዲኸምዚን ተስፋ ክቑርጽ ኣይደለየን። ‘ዘፍቐረ ክሳብ ልቡ ዝመውት ተስፋ ኣይቆርጽን’ዩ!’ በሃላይ’ዩ።

“ንምንታይ ደሊኻዮ?” ኩነታቱ ኣርሚሙዋ ተገሪጫ ሓተተቶ። ‘ዝኣኽለን ጥሒነን’ሲ . . .!’ ዝብል ስምዒት’ዩ ኣብ ፍረ ገጻ ዓስኪሩ። ተግባሩ ኣሕፈርዎ ካብ ገጽ ራሄል ንሓዋሩ ክእለ’ያ ተጸብያ። ዘይከም ትጽቢታ ብዘይ ስክፍታ ከምኡ ምባሉ፡ ኪኖ ምግራም ቕር’ውን በላ። ጸግዒ ራሄል እምበር ጸግው ክትከውን ከም ዘይትኽእል እናፈለጠ ምሕታቱ’ውን ብተወሳኺ ኣስደመማ።

“ንገዝኣ ክኸዳ።” መደቡ ሓበራ። ፈጺሙዎ ዝበሃል ዘሎ በደል፡ ንሳ እምበር ንሱ ስለዘይፈልጦ፡ ዘሰክፍ ምኽንያት ኣይነበሮን። ብልክዕ ራሄል ንገዝኣ እንተኸይዳ፡ ካብ ዘለዎ ዝኸፍእ ስለዘየለ፡ ናብ ኣስመራ ክይዱ ረኺቡ ከዘራርባ’ዩ ወጢኑ።

“ተኣሲሩ ዘይፈልጥ ብርቱዕ ተናኻሲ ከልቢ ኣለዎም።” ብሕጫጨ መለሰትሉ።

“ፍቕሪ ዘይርድኦ ፍጡር የለን። ምእንቲ ፍቕሪ ናይ ምንኻስ ባህሪኡ ከም ዘቋርጾ ርግጸኛ’የ። ንገርኒ ጥራይ።” ንሕጫጭኣ ግዲ ከይገበረ፡ ናይ ምሕጽንታ ቃላቱ ደርበየላ። ንፍቕሪ ዝስዕር ምኽንያት ከም ዘይተፈጥረ ዝኣምን መንእሰይ’ዩ።

“ንስለ ምዝራብ ብፍቕሪ ዝሰብኩ ሓሰውቲ ሰባት ከኣ’ሞ፡ ቀንዲ ጸላእቱ እዮም። ሰባት ኮይኖም ስለዘይስምዕዎ ካብኣም’ዩ ሲጋ ዝምጅርጥ።” ዉርደት ዝቀብእ ቃላት ወርወረት። ዝኾነ ናይ ፍርሒ ምልክታት ይረኣያ ኣይነበረን።

“ንፍቕሪ ግና ሲጋ ዘይኮነ ልቢ’ዩ ዘድልዮ። ስለ’ዚ በጃኺ ንገርኒ። ካብዚ ዘለኽዎ ዝኸፍእ ህይወት ኣብ ገሃንም’ዉን የለን።” ከማርር ተሰምዐ። ሄለን ክትሕግዞ እምበር ክትካትዖ ኣይደልን’ዩ። ብልጭ ኢሉ ንዝጠፍእ ኮኾብ ፍቕሩ፡ ኣብ ምንዳይ ዝነበረ ሰብ’ዩ። ዘተዓናቕፍ መኽንያት ከሰምዕ ኣይደልን’ዩ።

“እምቢእ . . .” ተማትኣት ሄለን።

<u>ዘ.ፀ. ንፍቕሪ ዝስዕር ምኽንያት ኣይተፈጥረን!</u>

12

12.A. ‘ትምክሕቲ ምሸት ንዝፅንቖፈካ እምኒ ብቑትሪ ምጽዋድ’ዩ!’

“ረሲዐዮ ኣይነገርኩኻን።” ብንዕቀት መለሰ ዮናስ። ኣራም ብዛዕባ እቲ ሄርሜላ ዝሃበቶ መልእኽቲ ምስ ሓተቶ’ዩ ከምኡ ክብል ተቐሲቡ። ሜሮንን ኢዮብን ነቲ ጉዳይ ክጽንበርዎ ዘይደለዩ ከመስሉ፡ ኣኣብ ዓራቶም ተጎምብዮም ኣስቐጡ።

“ሕማቕ ጌርካ።” ዘሕለፍዎ ህይወት ስለዝዘከረ እምበር ንቑጥዕኡ ክጻወር ዘገደዶ ምኽንያት ኣይነበሮን። ግና ንሕልኡ ዓገብ ኢሉዎ። ‘ንድሕሪት ግልጽ ምባል ባህርያት ዓበይቲ ሰባት’ዩ!’ ዝብል ዘረባ ዘኪሩ ነበረ።

“ኣይተጋገኹን። ደሓር ከኣ ሄርሜላ ትኣክል ምልክዕቲ ጎርዞ፡ ንዓኻ ኢላ ትድውል ክመስለኒ ኣይክእልን’ዩ።” ኣቑናጸቦ። ብኽምዚኣም ቃላት ሞራሉ ሓሸምሸም ከብል ኢዮብ ምዒድዎ።

“እንታይ ማለትካ’ዩ?” ቅር በሎ ኣራም። ዓቕሊ ደረት ስለዝነበሮ’ዩ ሓሪቑ።

“ምሳኻ ትኽይድ ጓል ኣይኮነትን። ብኽንደይ ሃብታማት ትህደን ቆንጆ ንዓኻ ብጌጋ እምበር፡ ብኻልእ ክትድውለልካ ክጽበ ኣይክእልን’ዩ።” ኣራም ተቆጢዑ ከምዘሎ እናፈለጠ፡ ንሕርቓኑ ዘበራትዕ ቃላት ወሰኽ። ሞራል ኣራም እንተሰይሩ፡ ንሓደ ካብ መወዳድርቱ ጌና ብኣግኡ ካብ ስራሕ ኣልይዎ ስለዘሎ ንዕኡ ጽቡቕ’ዩ።

“ይኣክል ኣፍካ ኣክብ።” ብሕርቓን ተደሪኹ መጠንቀቕታ ኣመሓላለፈ ኣራም። ጥዑም ሰብ’ዩ ነይሩ። ዮናስ ግና ንትሕትንኡ ከም ጉድለት ጸብጺቡ፡ ኣብ ልዕሊኡ ጸገም ካብ ምፍጣር ኣይቦኽረን። ትሕትና ጽቡቕ’ዩ። እንተኾነ ልዕሊ መጠን እንተዛይዱ ልሙስ ከገብረካ ዓቕሚ ኣለዎ። ነዚ ዝተረደኣ ኣራም ድማ፡ ድሕሪ ደጊም ኣብ ጉዳይ ዮናስ ትሕትና ከም ዘየድሊ ተኣመነ።

“ኣራም ኣይትሕረቕ። ዮናስ ንሄርሜላ ስለዘፍቕራ’ዩ ከምኡ ዝብል ዘሎ።” ጣልቃ ኣተወ ኢዮብ። ሞራል ኣራም ተሰባቢሩ እንተኾይኑ፡ ሓሸምሸም ክብል ስለዝደለየ’ዩ ተዛሪቡ። ብኻልእ መዳይ ድማ ካብ ዮናስ ዝረኽቦ ምወላ ብመጠኑ ክዓቢ ስለዝደለ’ዩ። ኢዮብ ብቑጥታን ብዘይቑጥታን’ዩ ዝቃለስ ነይሩ። እቲ ዝበሎ ትሑዝ’ዩ፡ እቲ ዮናስ ክብሎ ዝተሰምዐ ውን ሓሳባቱ’ዩ።

“እንታይ?” ካብ ልቢ ሰንበደ ኣራም።

“ኢዮብ! ኣራም’ውን ንሄርሜላ የፍቕራ’ዩ።” ብቕጥታ ንዮናስ ክዛረብ ዘይደለየ ሜሮን፡ ዝበሎ’ዩ። ኣራም ርእሱ ከድንን ተቕሰበ።

“እንታይ?” ዮናስ ንሜሮን ኣፍጢጡ እናጠመቶ መልሲ ሃበ። “ንዓይ ከተሕርቁ ትገብርዎ ዘለኹም’ዩ።” ሃለውለው በለ። ንቁጥዕኡ መግለጺ ዝሰኣነሉ’ዩ ዝመስል። ከስዕቦም ዝሓሰበ ቃላት ሃንደበት ተሸርቡዎ። ኣራም መወዳድርቱ ክኸውን ገሚቱዎ’ኳ እንተነበረ፡ ሓቂ ም’ኽኑ ምስ ኣረጋገጸ ግና ስንባደ ከሰተሉ።

“ዓውዓው ኣይትበሉ ያ’ጀምዓ። እዚ ጉዳይ ብሰላም ክፍታሕ እንተሓሰብና ይሓይሽ።” እቲ ጸግዒ ዮናስ ዝኾነ ኢዮብ፡ ቃላቱ ዘረወ። እዚ ጉዳይ ንዕኡ ዝርብሽ ኣጋጣሚ ኣይኮነን። ተፈቲሑ ኣይተፈቲሑ ብዙሕ ጸላዊ ጉዳይ ኣይነበረን። ኣብ ዘይጉዳይካ ለባም ም’ኽን ኩሉ ስለዝኽእሎ ግና፡ ውርዙይ ክመስል ሃቀነ። ውርዙይ ም’ኽን እምበር ውርዙይ ምምሳል ከቢድ ስለዘይኮነ!

“ብምንታይ ክፍታሕ ደሊኻ ኢዮብ? ንሳ ንሓዴና’ያ ክትከውን ትኽእል። ስለዚ ክገድፈለይ ጥራይ’ዩ ዘለዎ። ካባይ ንላዕሊ ዘፍቕራ ሰብ የለን።” ዓው ዓው በለ ዮናስ። ኣባሃህልኡ ካብ በለጽ ሓሊፉ ካልእ መምዘኒ ዝወሃቦ ኣይነበረን።

“ንስኻ’ኺ ንምንታይ ዘይትገድፈሉ? ንሱ’ውን የፍቕራ’ዩ። ክገድፈልካ ኣይትጸበ።” ንኣራም ዝወከለ ሜሮን ሓሪቑ ተዛረበ። ኣራም ግና ብዕድሉ እናማረረ ስቕታ’ዩ መሪጹ። ሓኹርካ ዘይውዳእ እምባ ዝገጠሞ ኮይኑ’ዩ ተሰሚዕዎ።

“ተሓሊቕካሉ።” ብንዕቀትን ሕርቓንን ዝተዳወሰ ቃላት ደርበየ ዮናስ። “ኣይምሰልካ! እዚ መደኽደኽ ዓርከኻ ንሄርሜላ ተመንጢሉን’ስ ወዲ ኣልኣዛር ኣይኮንኩን።” ፈከረ ዮናስ። ከም ፈኽራን ጃህራን ገይሩ ዝምልኮ ካልእ ክእለት የብሉን። ፈኽራ ነዳዲ’ዩ ንዮናስ። ተዘይተጃሂሩ ገለ ዘጉደለ ኮይኑ’ዩ ዝስምዖ።

“ድኽነት ሓንቲ ኣይገብርን’ዩ። ዝኽፍኣ ናይ ሕልና ድኽነት’ዩ።” ጽልኢ ሜሮን ተራብሐ። ትምክሕቱ ለኪሙዎ ከወድቕ ም’ኽኑ ኣይተጠራጠረን። ‘ትምክሕቲ ምሸት ንዝዕንቕፈካ እምኒ ቕትሪ ምጽዋድ’ዩ!’ ምስ ዝብል ሓሳብ ኔርዎ።

“ሕርር በል! ሄርሜላ ናይዚ ድኻ ዓርከኻ ዘይኮነት ናተይ’ያ።” ካብ ዓራቱ ነጢሩ ናብ ሜሮን ተሃንደደ። ሜሮን ውን ግብረ መልሲ ካብ ምሃብ ስለዘተቆጠበ፡ ተሓናነቕ። ኢዮብ፡ ክዓርቆም ተራእየ። ኣራም ግና ፈዚዙ ጥራይ ተረፈ።

****

“ከመይ’ሞ ረኺብክዮ?” ሕቶ ናይታ ኣብ ቤታ ዝነበረት ራሄል’ዩ። ምስ ሄርሜላ ብተሌፎን’ዮን ዝዛረባ ነይረን። ሄርሜላ ኣብ ቦታ ስርሐን’ያ ነይራ። ራሄል ድሃይ ሄርሜላ ክትፈልጥ ስለ ዝደለየት’ያ ናብ ሄርሜላ ደዊላ።

“ከምቲ ዝደልዮ ወዲ’ዩ። ኣዘራርቡኡን ትሕትኑኡን ብጣዕሚ’ዩ መሲጡኒ። እንጀዕ ኣይከሰርኩዎ።” ሓጎሳ ብቃላት ጥራይ ዝግለጽ ኣይነበረን።

“እንታይ ሓሲብኪ?” ምስ ሓሳባታ ክትላለ ደለየት።

“ካብዚ ፈሊጠዮ ዘለኹ ንላዕሊ ክፈልጦ ይደሊ’የ። ተሓቲተ ‘ሐራይ!’ ንኽብል ገለ ግዜ ከድልየኒ’ዩ።” ውጥና ጋሊሃ ሓበረታ። ብባህሪኣ ተሃዊኽካ ምውሳን ዘይትፈቱ ሰብ’ያ። ነቲ ብዙሕ ጽቡቕ ጠባያት ዝረኣየትሉ ኣራም፡ ቀልጢፉ ‘ሐራይ!’ ክትብሎ ኣይመረጸትን። ‘ቕልጣፈ ሓይሊ’ዩ፡ ግና ሓዲጋ ውንሪ!’ በለት ብልባ።

“እሞ ኣብ ካልኣይ ርክብኩም ተሓቲቱኪ’ኸ? ኣይሰልጦን’ዩ።” ኣብ ሞንጎ ዘረባኣ ስሓቕ እናተፈራረቓ ተወከሰታ።

“እወ።” ሓጺር መልሲ ሃበት ሄርሜላ።

“ከይስንበድኪ ደኣ ?” ስግኣታ ገለጸት።

“ዝሰምብድ ኣይመስልን’ዩ።” ኣራም እናተቕጀላ መለሰት ሄርሜላ። ኣብ ልዕሊኣ ዘለዎ ተገዳስነት ስለዝረኣየቶ’ያ፡ ከምዚ ክትብል ዝተቀሰበት።

“ጽቡቕ። ኣራም እቲ እንኮ ንከንፈርኪ ዝስዕም ወዲ ክኾነልኪ ይምነ።” ሰናይ ምንዮታ ገለጸት ራሄል። ሄርሜላ ማዕረ ክንደይ ንኣራም ከም ዝተገደሰትሉን ዝፈተወቶን ካብ ዘረብኣ ከተንብብ ኣይተሸገረትን።

“የቕንየለይ ራሄለይ።”

“በሊ ቻው። ኣስመራ ምስ መጻእኪ ንገዛና ምጸ። ሸዑ ብሰፊሕ ብዛዕባ ኣራምን ፍቕርን ከዕልል ኢና።” ዕላል ብተሌፎን ዘዕገባ ኣይትመስልን’ያ።

“ሐራይ ክመጽእ’የ። ቻው።” ተፋነወታ።

12.Z. ‘ቕልጣፈ ሓይሊ’ዩ፡ ግና ሓዲጋ ውንሪ!

****

13

13.A. ልቢ ርእሰ ከተማ ፍቕሪ'ያ!

"ኢለካ ምሽ!" ንኢዮብ ላጉባዕብዓሉ ዮናስ። ሕርቓኑ ክቆጻጸር ኣይከኣለን። ኣብ ልዕሊ ኢዮብ ልዕልነት ዝዓትዓተ'ዩ ዝመስል። ኣጠማምትኡ ንዕቀት ዘኣንፍት'ዩ ነይሩ። ንጸላኢኻ እምበር ንዓርከኻ ብኽምኡ ይጥመት ኣይነበረን።

ኢዮብ ግና ፍጹም ዘስተብሃለሉ ኣይመስልን። 'ናይ ሃተፍተፍ ቓላት ዮናስ፡ መናድቅ ዓቕሊ ዝሰርሓሎም ኣእማን'ዮም!' ክብል ዝስማዕ ሰብ'ዩ።

"ክትረግእ ፈትን።" ሃዲኡ ተዛረበ። ዘነድር ዘረባ ዓርኩ፡ ዕድመ ንዓቕሉ ተጸፊዑ ተመሊሱ'ዩ። ንሱ'ውን ዘነድር ግብረ መልሲ እንተዝህብ፡ ክውላዕ ዝኽእል ባርዕ ቀዲሙ ተነብይዎ'ዩ። ንሓዊ ማይ ኳንካ እንተጸኒሕካዮ፡ ክጠፍእ ከም ዝኽእል ዝዛረብ መንእሰይ'ዩ።

"ተዘይንገሩ ኣብዚ ዅሉ ጣጣ ክንኣቱ ኣይምኽኣልናን። ባዕልኻ ስለዝነገርካዮም ጸገም ጸዊዕካለይ።" ወንጀሎ። ዋላ ምስ'ቲ እንኮ ኣብ ጎኑ ዝነበረ ኢዮብ ክጎራፈጥ ኣይተሰከፈን። ሓጋዚኻ ምፍላጥ ካብኡ ኪሎ ሜተራት ዝረሓቐ'ዩ ዝመስል።

"መወዳድርትኻ ብንጹር ስለዝፈለጥካ ከም ጸገም ክትሓስቦ የብልካን። ኣራም ንሄርሜላ ከም ዘፍቕራ እንተዘይትፈልጥ ኔርካ፡ ዝስዕብ ጸገም ይዓቢ ነይሩ።" ሕጂ'ውን ካብ መስመር ህድኣት ከየንደልሃጸ ተዛረበ። ከውንጀልን ብንዕቀት ክጥመትን ከም ዘይነበሮ ይፈልጥ'ዩ። ክንዲ ዘኾለሰ ኣእዳዉ ክንከስ ቅኑዕ ኣይኮነን። ኣብቲ ሕጊ ጫካ ዝኽተል ዮናስ፡ ዘሎ ብሱልነት ስለዝፈልጦ፡ ግና ምጽማም ይሕሾ። ምጽማሙ ምእንቲ ሰብኣውነት ኣይነበረን። ምእንቲ ረብሓ'ዩ።

"እንታይ....." ብንጹር ብዘይስማዕ ቃላት ኣጉረምረመ። ከም ኢዮብ ክጻወርዎ ዝኽእሉ ሰባት ከም ዘይህልው ኣይፈለጠን። ንኢዮብ ግና ካብ ሰራሕተኛኡ ፈልዩ ይርእዮ ኣይነበረን። ብገንዘቡ ገዚእዎ ስለዝርከብ፡ ኢዮብ እንተኾደ'ውን ብገንዘብ ዝዕደግ ሰብ ኣይስእንን'የ በሃላይ'ዩ። 'እዚ ወረቐት ዝመስለና ገንዘብ፡ ኣብ ዕዳጋ ወሪዱ ሰባት ከምጽእ ይኽእል'ዩ!' ዝብል ሓሳብ ኣብ ግብሪ ከውዕል ቕሩብ'ዩ።

"ሕጂ ብዛዕባ መጻኢ ተዘተና ክሓይሽ'ዩ።" ሸለል ናይ ምባል ልምዲ ዘማዕበለ ኢዮብ ዝበሎ'ዩ። ዮናስን ባህርያቱን፡ ዘደንግጹን ዘስሑቑን ሙኺኖም ፈሊጡ'ዩ። 'ፈጣሪ ካብ ድኻ ጠባይ ዝገብረካ፡ ድኻ ገንዘብ ክገብረካ ይበልጽ!' ዝብል ሓሳባት መጸ። ናይዚ ኣብነት ዮናስን ኣራምን እዮም ነይሮም።

“ከምኡ ይሓይሽ።” ሕርቃኑ ዝዘሓለሉ መሰለ። ኣበሃህላ ኢዮብ ብመጠኑ ዝተሰወጦ’ዩ ዝመስል። ክትቐድም ትደሊ እንተኴንካ፡ መቐዳድምትኻ ክትፈልጥ ኣለካ ዝብል ሓሳብ መጸ። እዚ እንተዘይጌርካ ብዘይ ተጸበኻዮ ኣንፈት ንዝመጸካ መጥቃዕቲ፡ ክትጸወር ከም ዘይትኽእል ገሚቱ ምስ ሓሳባት ኢዮብ ተሰማምዐ።

“ምሸት ንዘራረበሉ።” ውሱን ግዜ ሓበሮ።

“ጽቡቕ ሐራይ። ሕጂ ግና እንዳ ሻሂ ኬድና ገለ ዝብላዕ ክንረክብ ኣለና።” እዚ ክንዲ ይቕሬታ ዝብሎ፡ ከም መከሓሓሲ’ዩ ሓሲብዎ። ኣተዓባብይኡ ፍኑው ስለዝነበረ፡ ንገንዘብ ምዝራው ከም ዓቢ ኣርእስቲ ሓሲቡ ኣይጭነቕሉንየ። ኩሉ ሻዕ ኪጋይጽ ስለዝደሊ፡ ጅቡኡ ጥርንቕቲ’ያ።

“ኢልካ?” ብስክፍታ ተዛረበ። ብንጹር ተቋውሞኡ ከስምዕ ግና ኣይደለየን። ረብሓ ዝጸልእ ሰብን እንተሎ ብፍቕዲ ኣመና ውሑድ’ዩ። ዮናስ ዝገብረሉ ወጻኢታት ብዓይኒ ዕዳ ኣይጥምቶንየ። ከም ግብኡ ገይሩ ካብ ዝቐጽረ ኣይወሓደን። ዋላ’ኳ ርክቦም ዝምድና ገዛእን ተገዛእን እንተመሰለ፡ ‘ጥዑም እናብልዐ ዝገዝኣካ ኣይጽላእንየ!’ ዝብል መምርሒ’ዩ ዘለዎ።

“ንዓናይ ጥራይ። ገንዘቡይ ገንዘብካ’ዩ ኣይትሰከፍ።” ተሰኪፉ ከይከውን ንምባል ዝበሎ’ዩ። ድሕሪ’ዚ ቃላት ከለዋወጡ ኣይተሰምዑን። ናብታ ከም ዓማዊል ዝጥቀሱላ ንመምሃራን ኢላ ዝተደኮነት እንዳ ሻሂ ከዱ።

******

ናበይ ከም ዘበለ ኣይፈለጠን። ባህርያቱ ልዕሊ ማንም ስለዝፈልጦ፡ ክረኽቦ ብዘይ መጠን ተሃወኸ። ኣብ ኩሉ ክህልዎ ይከኣል’ዩ ዝበሎ ቦታታት ደልዩ ስኢንዎ’ዩ። ጸኒሑ ግና ሓደ ነገር ስለዝዘከረ፡ ናብታ ኩሉ ግዜ ምስኡ ዘዕልሉላ ጽምው ዝበለ ቦታ ከደ።

እቲ ኣብ ካልእ ቦታ ደልዩ ዝሰኣኖ ኣራም ከኣ ኣብኡ ጸነሑ። ተስፋ ካብ ገጹ ዝተዓዝረ ክመስል፡ ድውንውን ኢሉ ረኣዮ። ብቀለልቲ ቃላት ሓዘንተኛ መሲሉ ተራእዮ። ብዘይ ናይ ሰላምታ ቃላት ኣብ ጎድኑ ኮፍ በለ።

“ኣራም፡ ንእሽቶ ኢኻ ዘለኻ። ኣይተካብዶ። ዓቕሊ ዘይብሉ ሰብ ሕማቕ እምበር ጽቡቕ ክሓስብ ኣይክእልን’ዩ። ንተማሃሮኻ ተስፋ ከይቆርጹ ትምዕድ ሰብ ሙኺንካ ዘክር።” ብስያፍ እናጠመቶ ተዛረበ ሜሮን። ህይወት ዓቓላት ዝዕውቱላ መድረኽ ከም ዝኾነት ኣዳዕዲው ዝፈልጥ ሰብ’ዩ። “ንዝገጥመካ ሽግራት ብዓቕልን ተስፋን ከተሰንፍ ዘለካ ሰብ ኢኻ።” መመላእታ ቃላት ደርበየሉ።

“ቀሊል ጌርካ’ባ ኣይትሕሰቦ ሜሮን። ካብዚ ዝዓቢ ጸገም እንታይ ኣሎ? ሓደ ካብ ኣዕሩኽትኻ ንዘፍቕርካያ ጓል እንተኣፍቂሩ ምስ ምንታይ ይጽብጸብ? ካብ ናተይ ዝኸፍእ ዕድል ናይ መን ክህሉ ይኽእል?” እናኣንጸርጸረ ኣስተማሰለ።

ሜሮን ኣብ ገጹ ብዝረኣዮ ስምሚታት ኣይተሓጎሰን። ኣብ ህይወት መሰናኽል ከም ዝህሉ ርዱእ ገይሩ ሓሰቦ። ሽግራት ግና መምህ’ስ መፍቲሕኣም’ዮም ዝፋጠሩ በሃላይ’ዩ። ብዓቅልን ተስፋን ክትዋጽኣ ዝፈተንካ ሽግር፡ ኣይሰዕረካን ጥራይ ዘይኮነ፡ መምሃሪ ዝኾነካ ንቕሓት ሸሊሙካ ከም ዝኸይድ ይፈልጥ’ዩ።

“እንታይ’ዩ ዘሻቕለካ ዘሎ?” እንታይ ከም ዘሻቕሎ ኣይጠፍኦን። ከዛርቦ ግና ድልየት ኣለዎ። ንኣራም ዘደንጹ ሕቶ ከም ዝኸውን ኣይተጠራጠረን።

“ክልቴና እንተሓቲትናያ ንመን ከም ትቅበሎ ይጠፍኣካ ድዩ?” ተስፍኡ ትሕቲ ባዶ’ዩ ነይሩ እንተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ነብሰ ምትሓት ዘበገሶ ግምቱ፡ ምስ ቃንዛ ከፋቕሮ ኣይተጸገመን። ሄርሜላ ብዮናስ ካብ ተፈቕረት፡ ፍቕሩ ፍቕሪ ዘይኮነ ቁስሊ ልቢ ከም ዝኸውን’ዩ ዝሓስብ። ምስቲ ምስ ብዙሓት ኣዋልድ ዝዞረ ዮናስ፡ ከወዳደሮ ዝኽእል ብቕዓት ኣብ ውሽጡ ሃለው ኢሉ ዝቕበጸ መንእሰይ’ዩ።

“ውዱእ መልሲ ዝወሃቦ ኣይኮነን። ንመን ትመርጽ ንዓኣ’ዩ ዝምልከት። ብዘይ በሰለ ግምታት ጭንቀት እንተኣዋህለልካ መኽሰብ ዝበሃል የብሉን። ብንበልያ መግቢ ዘይኮነ’ስ፡ ብእንሓልሞ ናይ ተስፋ ስምሚት ንነብር ሰባት ሙኺንና ዘክር።” ብኣራም ዘይዓገበ ሜሮን ዝበሎ’ዩ። ‘ተስፋ ኣብ ልቢ ሰባት ንቕሓት ዝፈጥር ስምሚት’ዩ!’ ዝብል ርድኢት ኣለዎ።

“ዮናስ ብመጋየጺ ጥራይ ልባ ክሰልባ ይኽእል’ዩ። ኣይፓድ ኣላቶ፡ ብልጽቲ ሞባይል ኣላቶ፡ ላፕቶፕ ኣላቶ በቃ ኩሉ ኣለዎ።” ነብሰ ምትሓቱ ኣንጸባረቆ። ኣብ ህይወት ማዕርነት ዘይምህላው ቁጥዐ ፈጠረሉ። ከምዛ ብዕርቓንና ዘይተፈጠርና፡ ኣብ ሞንጎና ዘሎ ፍልልይ ጠገለ ስኢኑ ጸገማት ክፈጥር ኣስተብሂሉ’ዩ።

“ትሕትና ኣለካ፡ ብልሒ ኣለካ ምስ ሰብ ዘረዳድኣ ብሉጽ ጠባይ’ውን ኣለካ። ካብዚ ዝዓቢ እንታይ ትደሊ? ንጸጋኻ ዘይምቕጽጻር ክሃስየካ’ዩ። ብውሽጣዊ ጸጋታት ካብ ዮናስ ከም ትበልጽ ፍለጥ ኣራም።” ውርጹጽ ዘረባ ኣስመዐ። “ድሓር ከኣ መጋየጺ ርእያ እንተጠበቖቶ ትትረፍካ።” ስምሚት ዝተሓወሶ ዘረባ ኣስመዐ።

“ትትረፈኒ ዝብል ተኾይነ ድኣ....” ዘይምስምምዑ ኣፍለጠ። ቃና ኣዘራርብኡ ዓሌቱ ለወጠ። እዚ ንሜሮን ከየገረሞ ኣይተረፈን። ኣራም ክሳብ ክንዲ ምንታይ ኣብ ዘይርጉእ ኩነታት ምንባሩ ዘረጋግጽ ኩነታት ገይሩ’ዩ ጸብጺቡዎ።

“ብመጋየጺ ኣፍቓሪ ትመርጽ እንተኾይና፡ ዓይኒ እምበር ልቢ የብላን። ልቢ ርእሰ ከተማ ፍቕሪ ሙኂና ድማ ትዝንግፆ ኣይብልንየ።” መረዳእታ ሓሳባቱ ዘዕብዩ ቃላት ሰንደወ። ‘ልቢ ፓሪስ ፍቕሪ’ያ!’ ዝብል ዘረባ ሰሚዑ ምንባሩ ዘከረ።

“እሞ እንታይ እንተነበርና ይሓይሽ?” ካብ ዝነበሮ ዘይምልኩዕ ሃዋሁ ብመጠኑ ኣዝለቀ። ካብቲ ብነብሰ ምትሓቱ ዝተፋረየ ጭንቀት ኣላጊሱ፡ ብዛዕባ መጻኢኡ ክሓትት ብምህቃኑ ንሜሮን ተስፋ ዝህብ ጉዳይ ኮይኑ’ዩ ሓሊፉ።

“ንሱ ምሸት ንዘራረበሉ። ሕጂ ግና ናብ ሓደ ቦታ ንብጻሕ።” ተቐዳዲሙ ተንስኣ። መጠን ጸቕጢ ኣራም ንምጉዳል ዘካየዶ ስራሕ ናብ ዓወት ገጹ ስለዝተቐላቐለ፡ ብውሽጡ ፍስሃ ከይዓሰሎ ኣይተረፈን።

****

ነቲ ከባቢ ረጊጽዎ ዝፈልጥ ኣይኮንን። ብሓበሬታ ሄለን’ዩ መጽይዎ። ካብ ፍቕሪ ዝዓቢ ስለዘይነበሮ፡ ንሱ’ውን ከም ራሄል ስርሑ ገዲፉ’ዩ ንኣስመራ መጺኡ። ተግባራቱ ከም ፍኹሰት ከይጽብጸብ ኣይተሸገረን። ኣብ ውሽጡ እቲ ዝረዘነ ስምዒት ፍቕሪ ዘቐመጠ ሰብ’ዩ ነይሩ። ሓሳቡ ንዳዊት ዓርኩ ምስ ኣካፈሎ፡ ዝተፈጥረሉ ተቋውሞ ኣበርዒኑ ዝመጸ መንእሰይ’ዩ።

ብዙሕ ካንሸሎታት ስለዝነበረ፡ ራሄል ኣበየናይ ካንሸሎ ከም ትቕመጥ ክፈልጥ ኣይከኣለን። ዝነበሮ ቦታ ማይ-ጭሆት ከባቢ ቤት ትምህርቲ ልምዓት’ዩ። ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ቆልዑ ክሓቶም ወሰነ። ብምርጫ ንሓንቲ ጓል ዓሰርተ ዓመት ትሽውን ጸዊዑ ሓተታ። ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ እታ ቆልዓ ካንሸሎ ራሄል ትፈልጦ ኮይና ጸነሐት። ኣመስጊኑ ድማ ተፋነዋ።

ናብታ ዝተሓበረቶ ካንሸሎ ክኸይድ ከለ፡ ገለ ንጹር ዘይኮነ ስምዒታት መጥቃዕቲ ፈነወሉ። ግምቱ ስምዒታት ፍርሒ ከይከውን ዝብል’ዩ ነይሩ። ግና እዚ ኩሉ መንገዲ መጽዩ ብሰንኪ ፍርሒ ዝምለሰሉ ኣብነት ኣይተራእዮንን። መዓንጥኡ ሸጥ ኣቢሉ ናብታ ራሄል ትቕመጠላ ካንሸሎ ቀረበ።

ሰጋእ መጋእ ድሕሪ ምባል ማዕጾ ኳሕኩሐ። ከይደንጎየ ሰማዒ ከረክብ ትጽቢት ኣሕደረ። ካልኢታት ብዓቕሊ ተጸበየ። ሰማዒ ዝረኸበ ኣይመሰሎንን። ካብ ቀዳማይ ንላዕሊ ዝደምቕ ገይሩ’ውን ኳሕኩሐ። ኣብቲ ውሽጢ ካንሸሎ ሰብ እንተሎ፡ እዚ ዳሕረዋይ ኩሕኳሑኡ እኹል ከም ዝኾነ ገሚቱ ነበረ።

ሓሳባቱ ቅኑዕ ምንባሩ ዘነጸረ ኣጋጣሚ ዝተፈጥረ መሰሎ። ናብቲ ካንሸሎ ገጹ ዝመጽአ ድምጺ ሰመዐ። እቲ ድምጺ እናቐረበ ከመጽአ ድሕሪ ምጽናሕ፡ እቲ ማዕጾ ተራሕወ። ኣብ ኣሚንቱ ዝኣተወ ምስሊ ናይታ ዘፍቐራ ራሄል'ዩ ነይሩ።

"ራሄል!" ስማ ጸወዐ።

"እንታይ ከትገብር መጺኻ?" ብኽመይ መንገዲ ኣድራሽኣ ከም ዝፈለጦ፡ ክትግምት'ውን ኣይከኣለትን። ስንባደኣ ብዝግባእ ክትቀጻጸሮ ዓቅሚ ኣይነበራን። እዚ ኩነታት ብኽመይ ክፍጠር ከም ዝተኻእለ ሓሲባ ኣመና ተገረምት።

"ፍቐሪ ጸሚአ ራሄል።" ብስምዒት ተዛረበ። ከምቲ ዝበሎ ጽምኢ ፍቐሪ'ዩ ናብ ገዛውታ ኣንቐሳቒስዎ። ጽምኢ ማይ ብዓሰርተ ዕጽፊ ካብ ጽምኢ ፍቐሪ ከም ዝቀልል ተረዲኡ'ዩ። እዚ ድማ'ዩ ካብ ዝሰርሓሉ ቦታ ናብ ራሄል ዘንጠቦ።

"ገዛይ መን ሓቢሩካ?" ኩነታቱ ልዕሊ ዝኾነ ገረማ። ካብ ክልቲኦም መን ይጋገ ምህላው ክሳብ ምጥርጣር በጽሐት። እዚ ግና ብልባ እምበር ብልሳና ክትገልጾ ኣይትደልን'ያ። ልሳና ከም ጽልኢ ዘለዋ ብዘይ ምቕር ቃና'ዩ ዝዛረብ ነይሩ። ልሳን ግና ግድን ኣይኮነን ምስሊ ልቢ ከንጸባርቕ።

"ንዘፍቐረ ዘይሕብሮ የለን።" ሓጺር ግብረ መልሲ ሃባ።

"እንታይ ደሊኻ መጺኻ?" ኣቀዲማ ዝሓተተቶ ሕቶ ደገመትሉ። ከተዋጥሮ ዘለዋ ኮይኑ ስለዝተሰምዓ እምበር፡ ድልየታ ከምኡ ኣይነበረን። ኩለንትንኡ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ኣብ ንጹር መደምደምታ ዘይብሉ ሓሳብ ከዕልባ ከኣለ።

"የፍቕረኪ'የ ራሄል።" ውሽጣዊ ስምዒቱ ገለጸላ።

"በጃኻ'ባ ኣይትረብሸኒ።" ሃንደበት ክትልምኖ ተሰምዐት። ኣብ ደብዳቤኡ ዝሰፈረ ቃላት፡ ዘዕነዎ ፍቐሪ ኣብ ልባ ዘቐመጠት ሰብ'ያ።

"ፍቐሪ'የ ራሄል ሓፍተይ።"

"በደልካ'ኸ እሞ?" ተጸዊጋ ጠመተቶ።

"ናይ ምንታይ በደል?" ስለዘይተረድኦ ሓተታ። ምፍቓሩ በደል እንተኾይኑ እምበር፡ ካብ ዝፈልጦ ንራሄል ዝነድእ ነገር ከም ዘይፈጸመ ርግጸኛ'የ።

"እንታይ? በጃኻ እስከ ኪደለይ።" ማዕጾ ካንሸሉኣ ገም ኣቢላ ዓጸወቶ።

13.Z. ልሳን ግድን ኣይኮነን ምስሊ ልቢ ከንጸባርቕ!

****

14

14.A. ጽቡቕ እናሓሰብካን ሰናይ እናተመነኻን ዝሰላሰል ኩናት የለን!

“ደብዳቤ ተጸሓፍኩላ ከመይ ይመስለካ?” ዮናስ ናብ ኢዮብ ዝቐንዐ ሕቶ ወርወረ። ኣጠማምትኡ ርእይቶኡ ክሰምዕ ምድልዋት ዝገበረ’ዩ ዘምስሎ ነይሩ።

“ጓል ሓፋር ወዲ ትፈቱ ከይመስለካ።” ብዕምቐት ኣስተንፈሰ ኢዮብ። “ደብዳቤ ምጽሓፍ ካብ ብልሳንካ ፍቕርኻ ምግላጽ፡ ብኣማኢት እዋን ይሓምቐ። ድፍረትካ ሓደ መምዘኒ ብእኣ ንኽትምረጽ’ዩ። ፈራሕ ወዲ ብጓል ዝተጸልአ ፍጡር ሙኺኑ ፍለጥ።” ኣጠንቀቀ ኢዮብ። ‘ስም እቲ ሰብ ብዘየገድስ፡ ጓል ኣብ ጎኒ ሕጹብ ዝመዓንጥኡ ወዲ ክትህሉ’ያ ትመርጽ!’ ዝብል እምንቶ ኣለዎ።

“ከመይ ኣቢሉ ይኸውን?” ገጹ ከይፈትሐ ኣድመጸ ዮናስ። ኣደማምጽኡ ንዕቀት ዝሓዘለ’ዩ ዝመስል። እዚ ግና ንኢዮብ ድምብርጽ ዝብሎ’ውን ኣይኮነን። ኣደማምጻ ዮናስ ንዕቀት ይሕዘል ኣፈራራሒ ቃላት ይሓንግር፡ ዝሰምዖ ኣይኮነን። ዝተጸፍዐ ይጸፋዕ እቲ ካብኡ ዘኻዕበቶ ረብሓ’ዩ ዘገድሶ።

“ፊት ንፊት ምዝራብ ተሓሲሙ፡ ደብዳቤ ዝጽሕፍ ሰብ እንታይ ይበሃል? ካልኣይ ድማ መወዳድርትኻ ክትስዕረኡ ትኽእል መገዲ ተመረጽካ ይሕሸካ።” ንቐጭ ዘምጽእ መልሰ ተግባር ዮናስ፡ ፋዕራ ከይገበረ ርእይቶኡ ኣፍሰሰ።

“ኣበሃህላኻ ፍጹም ክርድኣኒ ይኽእል የለን።” ግብረ መልሲ ክህብ ተሰምዐ።

“ንስኻን ኣራምን ደብዳቤ እንተጽሒፍኩም’ዶ ትዕወት? ወይ’ስ ፊት ንፊት ተተዛረብኩም?” ጽምዲ ሕቶታት ኣበገሰ።

“እንታይ’ዩ እዚ ዘረባኻ?” ዘይዕግበቱ ብዘይ ክውልውል ገለጸ ዮናስ። ዓቕሉ ከም ቁልቁል ኣፉ ዝተደፍአ ዘይቲ ከጻረር ተፈለጦ። ኣብ ኣደማምጽኡ ዝተኸስተ ንሕርቃን ሓጠቅን ጠላሕን ዝብል ስምዒት፡ ንጉድለት ተጻዋርነቱ ዘእንፍት’ዩ።

“ክልቴኹም ትጽሕፍዎ ደብዳቤ ካብ ሓድሕድ ዝበላለጽ ኣይኮነን። ብኣካል ረኺብኩም ፍቕርኹም ኣብ ተተንፍስሉ እዋን ግና፡ ንስኻ ምሰዓርካዮ ንኣራም። ርኹብ ብሙኺንካ ጥራይ ጸብለልታ ክህልወካ’ዩ። መገዲ ልቢ ኣዋልድ ድማ ኣእዛንን ኣዒንቲንዩ።” መደረ ኢዮብ። ዮናስ ከይተፈለጦ ተመሰጠ።

“ካልእ ክገብሮ ዘለኒ ነገር ተሃልዩ ድማ ንገረኒ።” ምሕጽንታኡ ከስምዕ ክኣለ። ሕልሙ ተጋሂድሉ፡ ሄርሜላ ናቱ እትኾነሉ ዕለትን ሰዓትን ክኣክል ተሃንጠየ። ነዚ ሃዋሁ ብናፍቆትን ትጽቢትን ተሓሚሉ ምህላው ባዕሉ’ዩ ዝፈልጦ።

“ዘለካ ብሉጽ ክዳውንቲ ኣብ መዓላ ክውዕል ኣለዎ። ከምዚ ተጌርካ ስሕበት ክትፈጥር ኢኻ። ቃላትካ ውሑሉላት ክኾኑ ተኺኢሎም፡ ከይጸንሐት ክትረግጾ’ያ። ተዘይኮይኑ ምስ ጽቡቕ ኣከዳድና ዘይውርዙያት ቃላት ዝዓብሱልካ ኣይኮኑን።” ደምደመ ኢዮብ። ‘ቓላት፡ ናብ ልቢ ኣዋልድ ዝወስድ ጽርግያ ትሰርሓሉ ካርታመ ክኸውን ይኽእል’ዩ!’ ምስ ዝብል ሓሳብ ይሰማማዕ’ዩ።

****

ኣብቲ ዮናስን ኢዮብን ብዛዕባ ሄርሜላ ዝዘራረብሉ ዝነበሩ እዋን፡ ኣራምን ሜሮንን ውን ብዛዕባ ተመሳሳሊ ጉዳይ ክዘራረቡ ተሰምዑ። እታ ሓንቲ ሄርሜላ ኣብ ኣርባዕቲኣም መንእሰያት ብቀሊሉ ዘይግመት ጠንቂ ሓሳባት ፈጢራ ነበረት።

“ካብ ሎሚ ንደሓር ዮናስ ቀንዲ ጸላኢና’ዩ።” ጸጉሪ ርእሱ ሓኸፍ ሓኸፍ እናበለ ተዛረበ ሜሮን። ከምቲ ዝበሎ ዕርክነቶም፡ ብጉጅለ ተመቓቂልካ ናብ ዝካየድ ኩናት ተለዊጡ’ዩ። እቲ ኩናት ብዓወት መን ይዛዘም ብዘየገድስ መጋረጅኡ ግና ቀንጢጡ’ዩ። ጽቡቕ እናሓሰብካን ሰናይ እናተመነኻን ዝሰላሰል ኩናት ስለዘየለ ድማ፡ እቲ ሓደ ውድቀት እቲ ካልእ ክምነ ንቡር ሕጊ ኩናት’ዩ።

“እንታይ ይሓይሽ?” ሓተተ ኣራም። ሄርሜላ ናይ ዮናስ ኪይትኸውን ክጽዕት ኣለዎ። ዕግበት ህይወት፡ እቲ ካብኡን ካብ ዮናስን ዝሰዓረ ከግፍጦ ሙኺኑ ፈሊጡ’ዩ። ነታ ተወናውን ሄርሜላ፡ ንምውናን ዝካየድ ጻዕሪ እንተዘይተዓዊቱ ግና፡ ዝስዕቦ ህይወት ዘቕስን ስለዘይከውን ክዕወት ከም ዘለዎ ሓሰበ።

“መጀመርታ ዮናስ እንታይ ከም ዝገብር ንፍለጥ? ብድሕሪኡ ዘዋጽኣና ንገብር።” ርእይቶኡ ሃበ ሜሮን። ሄርሜላ ናይ ኣራም ክትከውን ዝመርጽ መንእሰይ’ዩ። ነዚ ጋህዲ ንምግባሩ ካብኡ ዝሕተት ዘበለ ክፍጽም ድልውነቱ ብዘይ መጠን ዕዙዝ’ዩ።

“እዚ ደኣ ንዮናስ ሓለፋ ምግባር እንድዩ። ቀዲሙና ናቱ ተገበራ’ኸ?” ተቋወምኡ ገለጸ ኣራም። ውጥረት ከም ዘለዎ ገጹ መስካሪ’ዩ። ማእኮት እንተረኺቡ፡ ናብ ጸቕጢ ክልወጥ ሙኺኑ ዘማትእ ኣይነበረን። “ናትና ስጉምቲ ተወሰድና ጽቡቕ ይመስለኒ። ንቀድሞ። ቀዲሙ ዝተኮሰ ቀዲሙ ይዕወት።” ናብ ሰማይ ጠመተ። ንፈጣሪ ገለ መልእኽቲ ከመሓላለፍ ዝደለየዩ ዝመስል።

“ንዓመታት ንፈልጦ ሰብ’ዩ። ምስ ቀልጢፉ ሐራይ ክትብሎ ኣይኮነትን። ክብራ ክትዕቅብ ስለዘለዋ። ምስ ዘለዎ ዘይብሱል ኣተሓሳስባ’ውን ዝሰልጦ

ኣይመስለንን። ነዚ ሃጓፍ ተጠቂምና ክንዕወተሉ ይከኣል'ዩ። ካብ ኢዮብ ሓበሬታ ከነልሑኽ ስለ ንኽእል ድማ ጸገም የብልናን።" ብዘይ ተረበሸ መንፈስ ኣድመጸ።

"እዚ ሽቶ ተመዝኪቡና እንከሎ ጸወታ ምጅማር ኮይኑ'ዩ ዝሰመዓኒ። ኣቐዲሙ ስለዝሓተተ፡ ኣብ ልባ ቦታ ዘይረኽበሉ ኣብነት የለን። ኣይትሓዘለይ እምበር ነዛ ሓሳብካ ኣይተቐበልኩዋን።" ምስ ስክፍታ ተመሓዝዩ ተዳመጸ። "ደሓር ከኣ ኢዮብ ከመይ ኣቢሉ ክእመን ይከኣል? ከም ባህሪ እቲ ንፈልጦ ኢዮብ ንጹር መርገጺ የብሉን። ልዕሌና ዮናስ ስለዘገደሶ'ውን ቕኑዕ ሓበሬታ ዘይኽህበና ይኽእል'ዩ።" ተወሳኺ ዘረባ ኣስምዐ። 'ኢዮብ ዓርኪ ዮናስ ኣይኮነን። ኢዮብ ዓርኪ ገንዘብ'ዩ። ገንዘብ ከኣ ኣብ ጁባ ዮናስ'ዩ ዘሎ!' በለ ብሓሳቡ።

"እሞ ብኣንጻሩ ንሕና ቐዲምና ንሕተት። ከም ዝበልካዮ ቀዲሙ ዝተኮሰ ቀዲሙ ይዕወት። ስለዚ እታ ቀዳመይቲ ቶኽሲ ካባና ትኹን።" ኣስመረላ ሜሮን። መርገጺኡ ቀልጢፉ ዝቐየረሉ ምኽንያት ኣለዎ። ገንዘብ ዝወለዶ ልዕልነት ሒዙ ንዝጻቦም ዮናስ፡ ከበርዕን ዝኽእል ዝሓሸ መንገዲ ንሱ ኮይኑ ስለዝተሰምዖ'ዩ።

"ሰኑይ ክትከውን ኣለዋ እታ መዓልቲ።"

****

ዓርቢ፡ ንመብዛሕትኦም መምሃራን ፍልይቲ ዕለት'ያ። ንስድርኦም ክበጽሑላ ነናብ ገዝኦም ዝኸዱላ ምችእቲ ዕለት'ያ። መብዛሕትኦም ካብ ኣስመራን ከባቢኣን ዝመጹ መምሃራን፡ ሰሙናዊ ዓርቢ ናብ ኣስመራ ከይተመላለሱ ኣይሓልፉንዮም።

ምስ ዘሎ ጻዕቂ መምሃራን፡ ዋሕዲ ጠለብ መጓዓዝያ ስለዘጋጥም ጽቕጥቕጥ ይርእ'ዩ። ኢዮብን ሄለንን ድማ፡ ኣብ ከምዚ ናይ ጽቕጥቕጥ ኣጋጣሚ'ዮም ተራኺቦም። ተፋሊጦም ስለዝጸንሑ፡ እናዕለሉ ሚኒባስ ክጽበዩ ተቐሰቡ።

ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ንዕኦም ክትብል፡ ሓንቲ ሚኒባስ መጸት'ሞ፡ ምስ ኣብ ከባቢኦም ዝነበሩ ተመሃሮ ክስቀሉ ክጸቓቐጡ ተራእዩ። ኢዮብ ሓደ ካብኖም ፈለማ ናብቲ ሚኒባስ ዝተሰቐሉ ስለዝነበረ፡ ንዕኡን ነታ ዘይተሰቐለት ሄለንን ቦታ ሓዘ። በዚ ድማ ኣብታ ሚኒባስ፡ ጎኒ ንጎኒ ኮፍ ኢሎም ንኣስመራ ክኸዱ በቐዐ።

"የቐንየለይ ቦታ ስለዝሓዝካለይ።" ኣመስገነት ሄለን። ኣብ ኢዮብ ፍሉይ ስምዒት'ዩ ዘለዋ። ካብ ዝረኣየቶ ዕለት ንደሓር፡ ብዛዕብኡ ክትሓስብ ጀሚራ'ያ። ዋላ'ኳ ብዙሕ ከምዘየዕልል ትግምቶ ተኾነት፡ ባህርያቱ ግና ኣይጸልኣቶን።

"የቐንየለይ ዘድልዮ ኣይኮነን። ዝኾነ ሰብ ክንብሮ ዝኽእል'የ ጌረልኪ።" ከም ልሙድ ናይ ቀልዓለም ቃላት ኣስመዐ። እምበር ንምስጋንኣ ኣይጸልኦን።

“ብቕዳማይ ሄርሜላ ዝመሰጠትኩም ትመስሉ ኔርኩም።” ሓፈሻዊ ትዕዝብታ ገለጸትሉ። ከም ዝተዓዘበቶም ኣዒንቶም ካብ ገጻ ክኣልዩ ዝተሸገሩ’ዮም ዝመስሉ ነይሮም። ከምዚ ክትብሎ እንከላ ዝተሰቐሉላ ሚኒባስ ተበጊሳ ነበረት።

“ካብ ምንታይ ተበጊስኪ ደኣ ከምኡ ኢልኪ?”’ ዝገረሞ ኢዮብ ሓተተ።

“ብዙሕ ኣይትገረም። ጽብቕቲ ጓል ንኣወዳት ክትምስጥ ኣባኹም ዝጀመረ ጉዳይ ከም ዘይኮነ ዘከር። ብጽብቕቲ ጓል ዘይግደስ ወዲ ብኣዋልድ ‘ጠረው!’ ዝብል ቅጽል’ዩ ዝወሃቦ።” ከም ኣመላ ብመልከዕ ዋዛ ተዛረበት።

“ስለዚ ‘ጠረው!’ ንከይብሃል ብዘረባኺ ተተሰማማዕኩ’ዶ ይሓይሽ?” ድሕሪ ምስሓቕ ተወከሳ። ዕላላ ተምሳጥ ዘየሕደረሉ ኣይኮነን።

“ጠረው ሙኻን ትጸልእ ዲኻ?” ብስያፍ ጠሚታቶ ተዛረበት። ኣጠማምትኣ ንውሽጣዊ ስምዒታ፡ መግለጺ ዝህብ’ዩ ነይሩ። ኣዒንታ ኣትኪሉ ንዝጠመቶም ፍትወት ይዝዕጉ ምንባሮም ከጠራጥሩ ዘኽእሉ ኣይነበሩን።

“ከመይ ኣቢለ ከ’ሞ ክፈትዎ? ጠረው ወዲ ትፈቱ ጓል ኣላ ድያ?” ንሕቶ ሄለን ብጽምዲ ሕቶ ግብረ መልሲ ሃባ።

“ኣነ ንባዕለይ’ዉን ኣይጸልእንየ።” ብምትእምማን መለሰትሉ። ከምኡ ብምባላ ከም ዝግረም ጌና ከይተዛረበት እንከላ ገሚታቶ’ያ።

“እዋእ . . . “ ግምታ ተተግበረ።

“ጠረው ማለት’ኳ ገርሂ’ዩ። በዚ ሎሚ ገርሂ ኣበይ ትረከብ?” ዘይተጸበዮ ዘረባ ኣስመዓቶ። ከም ዝተመሰጠ ካብ ስምዒታቱ ክትቆልብ ኣይተጸገመትን።

“ካብ ብቓዳማይ’የ ኣስተዊዒለልኪ። ፍሉይ ሓሳባት ኣለኪ። ኣድናቆት ይግብኣኪ’ዩ በሃላይ’የ።” ዋላ’ኳ ዋኢኣ ከም ጓል መጠን ተመራጺ ከምዘይከውን ዝግምት እንተኾነ፡ ተምጽኦ ሓሳባት ግና ዝጽላእ ኣይኮነን። ‘ጓል እንቋቀሑ እንተኾይና፡ ውዕይቲ ጓል ኣብ ናይ ምስባር ሓደጋ’ያ ዘላ!’ ዝብል እምንቶ ኣለዎ።

“ኣይኣምነካን’የ። ብሄርሜላ ተዘኒብኩም ንዓይ ዝግባእ ኣቓልቦ ትህቡኒ ዝነበርኩም ኮይኑ ኣይተሰምዓንን።” ዝተሰምዓ ገለጸትሉ። ዝተሰምዓ ካብ ምዝራብ ተቐጢቦትሉ ትፈልጥ ኣጋጣሚ ብፍቕዲ ኣመና ውሑድ’ዩ።

“ነብስኺ’ባ ኣይተነኣእሲ። ንስኺ’ውን እኳ ከምኣ ጽብቕቲ ኢኺ።” ኣብ ነብሳ ዘለዋ ተኣማምነት ከይትቕንስ ዝበሎ’ዩ። ዝተጋገየ ውን ኣይመሰሎን። ሽሕ’ኳ ነብሳ ብዝግባእ ከም ዘይትኣሊ ዝኣምን እንተኾነ፡ ኣንፈት ጽባቐኣ ግና ዝከሓድ

ኣይነበረን። ‘ዋላ’ኳ ብዋሚኣ ክትሓስብ ንመልከዓ ከተቕልበሉ ኣሸጋሪ እንተኾነ፡ ኣብ ጎነይ ቕንጆ ምህላዋ ግና ርግጸኛ’የ!’ በለ ብልቡ።

“ነብሰይ ኣየነኣኣስኩን። እንተኾነ ካባይን ካብ ሄርሜላን፡ ሄርሜላ ንኣወዳት ኣዝያ መሳጢት’ያ። እዚ ክኽሕዶ ኣይክልንየ።” ንኢዮብ ብዘገረመ መልክዕ ምስ ምሉእ ርእሰ ምትእምማን ከተድምጽ ተሰምዐት። ንኢዮብ ንምምሳጥ ካልእ ክትብል ትኽእል ነይራ’ያ። እንተኾነ ኣይመረጸቶን።

“ብኽመይ ከምኡ ትብሊ? ብሄርሜላ ዝምሰጡ ኣወዳት ኣለውዎ። ብኣኺ ዝምሰጡ ኣወዳት ድማ ከምኡ።” ኣብ ሓሳባታ ዘለዎ ተቋውሞ ገለጸላ።

“ሓቂ ተዛረብ! ካባይን ካብ ሄርሜላን መን ኣፍቓሪትካ ክትከውን ምመረጽካ?” ከቢድን ኣጨናቕን ሕቶ ወርወረትሉ። ኣብኣ ዘለዎ ተገዳስነት ከትፈልጥ ደለየት።

“ንስኺ።” ከይተኣማመነ መለሰላ። እታ ሕቶ ቐልጢፋቶ’ያ።

“ግና ርግጸኛ’የ ከም ትጸልኣኒ።” ንሄርሜላ ከመርጽ’ያ ተጽብያ። ሓሳሳ ብውሽጣ ጸይራ፡ ካልእ መብርሂ እንተሃባ መታን ዝበለቶ’ዩ።

“ከመይ ጌርኪ ትፈልጢ?” ግምታ ቐልጢፍዎ ተወከሳ።

“ሓደ ሓሳብ ኣሎኒ።” ብስያፍ ጠመተቶ።

“እንታይ’ዩ ንሱ?” ክፈልጦ ዝተሃንጠየ መሰለ።

“ንገለ መዓልታት ናይ ሓሶት ፍቐሪ ንመስርት። እቲ ልክዕ ባህረይ ከንጸባርቕ ሙኺነይ ቃል ይኣትወልካ። ሽዑ ከም ትጸልኣኒ ርግጸኛ’የ።” ሓሳባ ገለጸትሉ። ግና ስከፍታ ተሰምዓ። ክብራ ትቕንስ ምንባራ’ያ ሓሲባ። እንተኾነ ንኢዮብ ትጽወዓሉ መገዲ ንሱ ስለዝመሰላ፡ ዳግመ ግምት ንምግባር ኣይተበገሰትን።

“ጽቡቕ ሕራይ። ንኽንደይ መዓልቲ ፍቐራት ንኹን?” ዝደንጸዎ ኢዮብ ኣብ ሓሳባታ ረዓመ። ተቋውሞ ከስምዕ ኣይደለየን።

“ዕለት 13 ስለዝተወለድኩ፡ ን13 መዓልቲ።” መለሰትሉ።

14.ረ. ‘ቓላት፡ ናብ ልቢ ኣዋልድ ዝወሰድ ጽርግያ ትሰርሓሉ ካርታመ ክኽውን ይኽእል’ዩ!’

****

15

15.A. ምጽዋግን ሕማቕ ምሕሳብን ዘጸብቑላ ጽብቕቲ የላን!

ለቢሳቶ ዝነበረት ጸሊም ጅንስ ስረ፡ ምስ ጻዕዳ ናይ ላዕሊ ካምቻ ውህደቱ ኣረጋጊጹ፡ ልዕሊ ንቡር ኣማዕረጋ። ብዝግባእ ዝተሰንተረ ጸጉሪ ርእሳ፡ ንድምቕታ ድምቕት ከድምር ድሕር ኣይበለን። ንቕርጻ ዘቓልዕ ክዳውንታ፡ ብድምቕት ንክትርኢ ካብ ዝተሓጋገዙ ረቓሕቲ ኮይኑ ነበረ።

ኣብ ሚንስትሪ ትምህርቲ፡ ካብ ኣውተቡስ ወረደት። ከይጸንሐት ኣንፈት ሱግማ ንቕድሜኣ ገይራ፡ ጉዕዞኣ ቕጸለት። ካብ ልክዕ ሰዓት ቕጸራኣ ርብዒ ሰዓት ኣባኺና ምንባራ ስለትፈልጥ፡ ክትፈጥን ከምዘለዋ’ያ ሓሲባ። ኣብ ልክዕ ሰዓት ክትመጽእ ትኽእል ነይራ’ያ። እንተኾነ ኣይመረጸቶን። ዝቕጸራ ዝደልያ ተኾይኑ፡ ርብዒ ሰዓት ኣይኮነን ካልእ ክጽበያ ከምዘለዎ’ያ ትሓስብ። ኣምባሳደር ሆቴል ሓሊፋ፡ ናብታ ምስ ሜሮን ዝተቋጸረትላ ስዊት ኣዝማራ ካፌ በጽሐት።

ብምዱንዓይ ክሽበር ዝጸንሐ ሜሮን፡ ምስ ተቐልቀለት ኢዱ ንላዕሊ ኣወጣዊጡ ኣበይ ከምዘሎ ሓበራ። ክሳብ ኣብ ዝነበሮ ትበጽሕ ብጠመትኡ ከሳልያ ተራእየ። ኣብ ቕድሚኡ ምስ ቕመት፡ ድሙቕ ሰላምታ ለገሰላ። ብኽብሪ ዝተሰነየ ናይ ኮፍ ምባል ስነ-ስርዓት ውን ኣቓንዐ።

“ደንጉየ ምሽ?” ድሕሪ ኩነታት ሓድሕድ ምጥይያቕም፡ ዝሰዓበ ሕቶ ስኒት’ዩ። ግና ሜሮን ግብረ መልሲ ከይሃባ ኣሳሳይት መጸቶም። ሜሮን ኣቐዲሙ ጠሊቡ ስለዝነበረ፡ ኣሳሳይት ናብ ስኒት’ያ ዘምቢላ። ስኒት ጠሊባ፡ ድሕሪ ደቓይቕ ድማ ዝጠለበቶ መጻ’ሞ፡ ናይ ዕላል ሃዋሁ ኣብ ጣውልኡም ተፈጥረ።

“ኣዋልድ ስለምንታይ’ዮን ኣብ ቕጸራ ደንጉየን ዝመጻ?” ካብ ኣዚዝዋ ዝነበረ ለስላሳ ጎርዳዕ ምስ ኣበለ ዝበሎ’ዩ። ዋላ’ኳ እዛ ሕቶ ንብዙሓት ተሓተተ፡ ንጹርን ኣዕጋብን መልሲ ግና ከረኽበላ ኣይከኣለን። ብግዜ ብዘይ መጠንጎዩ ዝግደስ።

“እንድዒ!” መኽንያት መዶንጎይኣ ተነጊራቶ ከም ዝስሕቕ ትፈልጥ’ያ። ኣብ ልዕሊኣ ዘሎዎ ክብርን ተገዳስነትን ንምፍላጥ ዝገበረቶ’ዩ። ‘ኳል ተደላይት እምበር ደላይት መሲላ ክትርኢ ኣይትደልን’ያ!’ ዝብል ቋንቋ ኣብ ውሽጣ ኣሎ።

“መዶንጎይኺ መኽንያት ኣይትፈልጥዮን?” ብዓሌት መልሳ ተገሪሙ ድሕሪ ምስሓቑ፡ ዝሰንደዋ ሕቶ’ያ። በከዳድንኣ ክምሰጥ ግዜ ኣይበልወን። ጽሬታን ጽፈታን ብዘይ መጠን መሰጦ። ብባህሩ ነብሳ ዘይተልዕል ኳል ኣይፈቱን’ዩ።

“ርብሚ ሰዓት ዶንጊኺ ኢልካ’ስ ክንድዚ?” ካብ ዝኣዘዘታ ካፑቺኖ ምስ ጠዓመት፡ ግብረ መልሲ ሃበቶ። ኣደማምጻኣ ዕቱብ ብዘይምንባሩ ካብ ንቐምነገር ንጭርቓን ይቐርብ። ከም ሰብ ንሜሮን መጀመርታ ምስ ረኣየቶ ኣይጸልኣቶንን። እዚ ኣብ ትሰርሓሉ ቦታ’ዩ። ኣብ ኣስመራ ውን እንተኾነ፡ ሜሮን ዝጽላእ ወዲ ኮይኑ ኣይረኸበቶንን። ከምቲ ናቱ ብጽሬቱን ጽፈቱን ተመሲጣ’ያ። ገለ ብርስሓቶም ዝጸልኣቶም ኣወዳት ትዝከር’ያ። መብዛሕትኡም ሰባት ብፍላይ ውን ኣወዳት፡ ጽሬት ልዕሊ ወዲ ንጓል ከም ዝምልከት ገይሮም ከም ዝሓስብዎ ከኣሰምዕ ከላ ይገርማ’ዩ። ጽሬት ብጾታ ኣድልዎ ከምዘይንብር’ያ ትፈልጥ። ለባም፡ ሃብታም፡ መልከዐኛን ወዲ ብዘይ ጽሬት ስምዒት ኣይፈጥረላን’ዩ።

“ርብሚ ሰዓት ቐሊል መሲሉኪ። ኣብ 15 ዓመት ዝተሃንጸ ነገራት፡ ኣብ 15 ደቓይቕ ክፈርስ ከምዝኽእል ኣይትፈልጥን ዲኺ? ዋላ ውን ሓንቲ ንኡስ ካልኢት ኣገዳሲት ሙኺና’ባ እመኒ።” ሓሳባ ስለዘይደገፎ፡ ተቋውሙኡ ከስምዕ ተቐሰበ። ግና ንማለቱ’ዩ እምበር፡ ዝዓኾኸ ተቋውሞ ኣይነበረን።

“በል ይቐሬታ።”

“ተቐቢለኪ ኣለኹ።” ክምስታ ፈርሸሐ።

“ድሕሪ ሕጂ ክንቋጸር ተኼንና፡ ንርብሚ ሰዓት ዝኣከል ኣይዱንግን’ዩ።” መብጽዓ ኣተወት። መብጽዓ ንምምስራት ግና ኣይኮነን ዕላምኣ። ድሕሪ ሕጂ ንዝህልዎም ርክብ ካብ ልሳኑ ክእንፈተላ ስለዝደለየት’ያ። ‘ጓል ብግልጺ ምዝራብ ኣየድልያን’ዩ። ቋንቋ ጓል ውስጠዘ’ዩ። ነዚ ውስጠዘ ዝርዳእ ድማ’ዩ ዝዕወተላ። እቲ ዘይርዳእ ግና ዓፋፍ’ዩ። ዓፋፍ ከኣ ብጓል ተመራጺ ኣይኮነን።’ ብልባ ዝበለቶ’ዩ።

“ብቐጻሊ ክንራኸብ ይደሊ’የ። ግና ካብ 10 ደቓይቕ ንላዕሊ ክጽበ ኣይክእልን’የ።” ውሽጣ ዝፈለጠ’ዩ ዝመስል። እዚ ንስኒት ከየሐንሳ ኣይተረፈን።

“ስለምንታይ ክንራኸብ ትደሊ?” ጠየቐቶ። ብሜሮን ዝዓገበት ትመስል። ሕቶኣ ከም ዝኸብዶ ኣይተማትኣትን። ኣብ ልዕሊኣ ዘለዎ ተገዳስነት ግና ክትሰምዖ ህንጡይነት ኣለዋ። ኣብ ህይወት ኣገዳሲ ክኸውን ዘይደሊ ሰብ ኮኖ የለን።

“ምርኻብና ሓሳስ ስለዝፈጥረለይ።” መልሲ ንምርካብ ብዙሕ ኣይተሸገረን። ተቐሪቡ’ዩ ጸኒሕዎ። ኣብ ልዕሊ ስኒት ዘለዎ ተገዳስነት፡ ዕብየቱ ከረጋግጸሉ ክኣለ። ኣዒንቱ ካብ ምጥማታ ኣየዕረፈን። “ንስኺ’ኸ ስለምንታይ ክንራኸብ ትደልዪ?” ብወገኑ ውን ሓተታ።

“እንድዒ! ኣይርደኣንን’ዩ።” ሓሳስ ከም ዝፈጥረላ ምነገረቶ። እዚ ግና ስዕረት’ዩ ንስኒት። ስምዒታ ዘይትሓብእ ጓል፡ ዕሽነታ ከም ተቓልዕ’ያ ትሓስባ። ክሳብ ንመናድቐ ውሽጣ ቦናቒሩ ዝወጽእ ምጽባይ ይሕሻ።

****

ገዛውተን ተቐራራቢ’ዩ። ሄርሜላ ካብ ትሰርሓሉ ቦታ ምስ መጸት፡ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ’የን ተራኺበን። ኣብ ቤት ራሄል። ስድራ ራሄል ስለዘይነበሩ፡ ምቹእ ናይ ዕላል ሃዋሁ’ዩ ተፈጢሩለን።

“እንታይ ትብሊ?” ከይሰንበደት ኣይሓለፈትን ሄርሜላ።

“ዕላምኡ እንታይ ሙኺኑ ምንጻር ኣብዩኒ ኣሎ። ጽሉል ከይከውን ተጠራጢረ።” ኣብ ኣዒንታ መድሃኔ እናተቐጀላ ተዛረበት። ገምጋማ ኣብ ጉዳይ መድሃኔ፡ ከም ወረቓቕቲ ወዛል ቤት ጽሕፈት ክጠራንርፈላ ኣይከኣለን።

“ኣቲ ስዲ! ጽሉል ትብልዮ።” ፍኹስ ዝበለ ወቐሳ ደርበየት።

“ናብዚ ገዛ ሄለን ከም ዝሓበረቶ ንጉሆ ደዊላ ነጊራትኒ። ልዕሊ እቲ ዝገበሮ እንታይ ክደግም ደልዩ’ዩ በጃኺ።” ስና ብሕራነ ነኺሰት። ከም ሰብ ተቐላጢፉ ትቑጣዕን ትቐየምን ኣይኮነትን። እንተተቐይማ ግን ልባ ርሑቕ’ዩ ሰፈሩ። መሓዙታ ‘ራሄል ዘይስይብ ቒምታ’ያ ተሳሲ!’ እናበላ’የን ዝገልጽኣ።

“ተጣሚሱ ከይከውን።” ግምታ ገለጸት ሄርሜላ። ኩሉ ሰብ ብዝተጋገዮ ከም ዘይጋገ ዝእንፍት ሓሳብ ኣለዋ። ሕልና ዘይከሰረ ሰብ፡ ተመላስን ተጣዓስን ከም ዝኸውን ሕሉፍ ህይወታ ኣረጋጊጹላ’ዩ።

“እንታይ ክጠዓስ ደኣ?” ገጻ ኣሰረት። መድሃኔ ቡቲ ፈጺምዎ ትብሎ በደል ተኣሚኑ፡ ይቕሬታ ተዝሓታ ዝረሓቐ ልባ ምቕረበ። ልባ ዋላ ደኣ ይርሓቕ እምበር ፍቕሪ ከምዝጨለፎ ኣይትጠራጠርን’ያ። ፍቕሪ ዘየቕርቦ ልቢ ከኣ የለን።

“ኢሂ? ከመይ ከመይ ድዩ?” ስምዒታት ራሄል ተዓዚባ ሓተተት። ምስቲ ገሚታቶ ዝጸንሐት ዘይቋዶ ሓሳባት ከምዝህልዋ ጠርጠረት።

“ከም ዘይበደለ’ዩ ዝፈልጥ።” ብሕጽር ዝበለ ቃላት ንሄርሜላ ከተረድእ ሃቐነት። ዋላ’ኳ ከምቲ ንዕኣ ዘነደራ ከም ዘየነድራ ተገመተት፡ ከም ዘገርማ ግና ርግጸኛ ነበረት። መድሃኔ በደሉ ዘይፈልጥ ኮይኑ ብምቕራቡ፡ ንዝነበራ ቑጥዐ ዘገንፍልን ዘነቓቕሕን’ዩ። ኣብ ቤታ ምምጽኡ ከም ተገዳስነትን ፍቕርን’ኳ ተጸብጸበቶ፡ ከም ዘይበደለ ኮይኑ ብምቕራቡ ግና ንኹሉ ኣብሪስዎ’ዩ።

“እዋእ! ከመይ ድዩ እዚ ወዲ?” ኣፋ ረማጠጠት ሄርሜላ።

“በዚ እካ’የ ጽሉል ኢለዮ። ጥዑያት ዘይፍጽምዎ ተግባር’ዩ። ካብ ሓደ ምሉእ ጥዕና ዘለዎ ሰብ ከምዚ ክትጽበ ኣይከኣልን’ዩ።” ብምስትምሳል ተጎቢኣ ርእይቶኣ ኣስመዐት ራሄል። ኣብ ልባ ፍቕሪ ዘትረፈ መድሃኔ፡ ብክልተ ኣንጻር ስምዒታት ክትጥምቶ ጀሚራ ነበረት። ብፍቕርን ጽልእን!

“ዝተጋገኺ ኣይመስለንን።” ናብ እምንቶ ራሄል ተሰጋገረት ሄርሜላ።

“እንተዝጋገ ግና ምሓሸ።” ካብ ክሳድ ንላዕሊ ኣኽመስመሰት።

“ፍቕሪ ኣለኪ ሓቐይ?” ሓተተት ሄርሜላ።

“ኣበይ ደኣ ከይሰኣን?” ካብ ልባ ሰሓቐት።

“ፍቕር’ስ ጽቡቕ ነይሩ። እንታይ’ሞ ጽሉል ኣፍቒራ’ዩ ክውረየልኪ።” ንራሄል ከተስሕቕ ተዋዘየት። ሓሳባ ሰሚሩላ ራሄል ምሉእ ክፋል ኣስናና ገይጻ ሰሓቀት።

“ስዲ’ባ ኣይትኹኒ።” ሰሓቓ ብመጠኑ ምስ ዘሓለ ዝበለቶ’ዩ።

“እንታይ’ዩ መደብኪ?” ናብ ቁምነገር ዝመልሰን ሕቶ ኣልዓለት ሄርሜላ። ከም መሓዛኣ መጠን፡ መደባታ ተፈለጠቶም ዘኽፍእ ኣይመስላን። ክትሕግዛን ከተማኽራን ዘለዋ ንሳ እንበር ካልእ ኣይኮነን።

“ሕነ ክፈዲ’የ።” ገጻ ዝሕንሕን ዘሎ መሰለ። ጽባቐኣ ብመጠኑ ክቕንስ ተራእየ። ምጽዋግን ሕማቕ ምሕሳብን ዘጸብቐላ ጽብቕቲ ስለዘየላ።

“ንመን?” ብኣዕናዊ ኣተሓሳስባ ራሄል ዝሰንበደት ሄርሜላ፡ ብዓውታ ሓተተት። ኣደማምጽኣ ንቡር ቕርጹ ዝተላበሰ ኣይነበረን።

“ንመድሃኔ።” ሓጺር መለሰት።

“እዋእ!...”

****

ዕላሎም ተቐዲሑ ዝውዳእ ስለዘይነበረ፡ ካብ ዝነበረዎ ካፈ ወጽዮም ኣብ ጎደና ሓርነት ሰለይ እናበሉ ክቕጽልዎ ተሰማምዑ። ሕሳብ ከፈሎም ከኣ ከም ስምሞዖም፡ ምስቶም ኣብ ጎደና ሓርነት ዝሳለዩ ብዙሓት ተጻንበሩ።

“ኣብ ፍቕሪ ከመይ ኢኺ?” ንደቓይቅ ብዘይ ዘረባ ምስ ተጓዓዙ ሓተተ ሜሮን። ‘ደፋር!’ ከይበሃል ስክፍታ ዓሰሎ። ካብ ፈራሕ ደፋር ከም ዝበልጽ ሓሲቡ ግና ነብሱ ኣደዓዓሰ። መልሲ ስኒት፡ ዘቕንዙ ተኾይኑ መከሓሓሲ ክኾኖ ግምቱ’ዩ።

“ከመይ ይመስል?” ኣብ ኣገዳሲ መድረኽ ዝበጽሑ ኮይኑ ተሰምዓ። ኩነታቶም ናብ ትደልዮ ኣንፈት ካብ በጽሐ፡ ካብኣ ዝሕተት ከተማልእ ድልውቲ’ያ። ፍቐሪ ዝቐበሎ ተዘይረኺቡ፡ ቐልጢፉ ዝምለስ ህዉኽ ጋሻ ከይከውን ስግኣት ኣለዋ።

“ተፈቒራ ወይ ኣፍቒራ ዘይትፈልጥ ኢኺ ትመስሊ። ማለተይ ብፍቐሪ ዝቐረበኪ ወዲ፡ ወይ ውን ብፍቐሪ ዝቐረብክዮ ወዲ ዝህሉ ኣይመስለንን። ኣሎ እንተኢልክኒ ውን ክኣምነኪ ክሽገር’የ።” ብዕትበት ተዛረበ።

ስኒት፡ በገላልጽኡ ቐለጭ በላ። ዘረብኡ ብዓይኒ ምቐንጻብ’ያ ጠሚታቶ። ኮነ ኢሉ ከነኣእሳ ዝሃቐነ’የ መሲልዋ። ካብኡ ኣይሕለፍ ኢላ ብዙሓት ደለይቲ ከምዘለዉዋ ከተፍልጦ ህርድግ በለት። ከም ጓል መጠን ብከምኡ ኣወዳት ከም ትድለን ትሕረን ክፈልጠላ ድሌታ’የ። ብዘይክኡ ካልእ ወዲ ከምዘይትፈልጥ ገይሩ ተሓሲብዋ፡ ኣብ ልዕሊኣ ንዕቀት ከየርኢ ስክፍታ ኣለዋ።

“እንታይ ደኣ ትም ኢልኪ?” ስቐትኣ ከቢድዎ ሓተተ።

“ግምትካ ገሪሙኒ።” ካብ ክሳድ ንላዕሊ ኣኽመስመሰት። ኩሉ ዘኽመስመሰ ግና ሕጉስ ኣይኮነን። ከምስታ መግለጺ ሓጎስ’የ ኢሉ ንዝሓስብ፡ ብገለ ሚእታዊት ምሉእ ብምሉእ ንኽዕሹ ዕድል ኣለዎ። ‘ከምስታ፡ ከናፍርካ ጋሊህካ ኣስናንካ ንፋስ ንምውቓዕ ዝዓለመ ክኸውን ተኽእሎ ኣሎ!’ ዝብል ዘረባ ዘከረት።

“ቕኑዕ ኣለኹ?” ከረጋግጽ ሓተተ። ከምስታኣ ኣጋግይዎ’ዩ።

“ንፉዕ ገማቲ ኣይኮንካን። 5 ኣወዳት ብፍቐሪ ቀሪቦሙኒ። ከም ዝፈትዉኒ’ዮም ዝዛረቡ።” ምግናን ዝተሓወሶ ዘረባ ኣስመዐት። ሜሮን ከነኣእሳ ፍጹም ትጻወሮ ኣይኮነትን። በዚ ድማ ካብ ግምቱ ብዕጽፍታት ከምትልዕል ክትሕብሮ ነይርዋ።

“ንዓኺ?” ኩነታታ ተለዊጥዎ ሓተተ።

“ንሓደ ከማን ሐራይ ኢለዮ።” ቕጭ ስለዝመጻ ከተሕርቕ ጸዓረት።

“እሞ ከምዚ ናተይ ኣብ ፍቐሪ ዘለኺ ሰብ ኢኺ ማለት’የ።” ንሱ ውን ንዕኣ ከመስል ሓሰወ። ኣብ ህልኽ ተጸሚዱ ከምኡ ምባሉ፡ ጣዕሳ ፈጠረሉ። እንተኾነ ከመልሶ ዝኽእል ነገር ኣይነበረን።

15.Z. ፍቐሪ ዝቐበሎ ተዘይረኺቡ፡ ቐልጢፉ ዝምለሰ ህዉኽ ጋሻ’የ!

****

16

16.A. ኪኖ ሰናይ ድሌት፡ ፍቕሪ ሂብካ ፍቕሪ ምጽባይ ሸቕጥ'ዩ!

"ፍቕሪ ዝኸሰረ'ሞ 'ታይ መኽሰብ ላለዎ?" ተስፍኡ ከም ጸሓይ ዕራርቦ ዝሰቶኾ መድሃኔ፡ ኣእዳዉ ወናጨፈ። ሰኑይ ናብቲ ዝሰርሓሉ ቦታ ምስ መጸ ንዳዊት ዓርኩ ብዛዕባ ራሄል የዕልለሉ ኣብ ዝነበረ እዋን'ዩ።

"ከምኡ'ባ ኣይትበል። መርከብ ፍቕሪ ገያሻይ'ዩ፡ እንተኾነ ተመላሳይ ከም ዝኸውን ንነብስኻ ኣእምና።" ናይ መጸናንዒ ቃላት ለኣኸ ዳዊት።

"ክንዲ ዘፍቐርኩ እዚ ክፍደ ቕኑዕ ኣይኮነን። ዋጋ ብዕራይ ኣውጺእካ፡ ደርሆ'ኳ ክትስእን ዝስመዓካ ስምዒት ሕሱም'ዩ።" ኣፍቂሩ ፍቕሪ ዝተጸበየ መንእሰይ'ዩ። ፍቕሪ ብሕጊ ዕዳጋ ርእዩ፡ ንነብሱ ኣብ ብቐሊሉ ዘይትወጸሉ ዓዘቕቲ ጭንቐት ክሸማ ከኣለ። 'ኪኖ ሰናይ ድሌት ፍቕሪ ሂብካ ፍቕሪ ምጽባይ ሸቕጥ'ዩ!' ንዝብል ዘረባ ዝኸውን እዝኒ የብሉን።

"ክትሓልፎ ዝነበረካ መድረኽ ስለዝነበረ ኢኻ ሓሊፍኻዮ። እታ ንዓኻ ኢሉ ዝሰርሓ ስለዘይረኽብካያ እምበር፡ ካልእ ኣይኮነን። ስለዚ ተጻወር እምበር ኣይተንጸርጽር። ህይወት ዝተጻወረ ዝዕወተላ፡ ዘንጸርጸረ ከኣ ዝጥሕለላ ባሕሪ ሙኺና ኣይትዘንግዕ። ፍቕሪ ስኢነ ኢልካ ከተንጽርጽር ብዓቢኡ ህይወትካ ከይተጥሕል።" መጠንቐቕታ ኣመሓላለፈ ዳዊት።

"ኢደ ሰባር ኮይነ። እናሓምበስኩ ከመይ ኢለ ይጥሕል?" ሕቶኡ መልሲ ንምርካብ ዝዓለመ ኣይነበረን።

"ኣብ ዝሞተ ባሕርን ቀላይን ሓንቢስካ ኣይሓንቢስካ ሓደ'ዩ ውድኢቱ። ጉዳያት ተተበላሽዮም ኩሉ ትገብሮ ጸዕሪ ፍረ የብሉን። ልቢ ራሄል ተዓጽዩ ክንሱ፡ ዝለኣኽካዮ ስምዒታት ፍትወት ፍቕሪ ዘይፈጠረ ኣይትበል። እዚ ናትካ ስራሕ ኣይኮነን።" ከረድኡ ይኽእል'ዩ ዝበሎ ቃላት ፈነወ። 'ልቢ ራሄል እንተተዓጽዩ፡ ኢድ መድሃኔ ምኹሕኺሕ ከቋርጽ ኣለዎ!' በለ ብሓሳቡ።

"እንድዕሉ በጃኻ።" ርእሱ ከድንን ተቐሰበ።

"በቓ ሕጂ ክትርስዓ ጥራይ ፈትን።" ምሕጽንታ ኣቕረበ።

"ይከኣል ዶ'ሞ ኢልካዮ?"

“እንታይ ኮይኑ ዘይከኣል? እትረፍ ንዘይትግደሰልካን ዘይተፍቐረካን ጓል፡ ሞት ብልቢ ትፈትዋን ተፍቐራን ኣዴኻ’ውን ይርሳዕዩ ምስ ግዜ።” ኣተሓሳስባ መድሃኔ ዘይመስጦ ዳዊት፡ ብትሪ ተቋውሞ ከስምዕ ተራእየ።

“በል ሐራይ ንፍትኖ።” ጀጉነን ጀጉነን በለ።

****

“ስኒተይ ዓቢ በደል ፈጺምኪ።” ርእይቶ ራሄል’ዩ። ስኒት ምስ ሜሮን ዝገበረቶ ዝርርብ ከይሓበአት ምስ ኣዕለለታ’ያ።

“ተጋግየ ራሄለይ። ምሉእ ለይቲ ከይደቐስኩ’የ ሓዲረ። ብስምዒት ናብ ህልኽ ኣትየ ንዕኡን ንፍቕርን ከሲረ።” ኣዒንታ ንብዓት ቋጸረ። ንዝገበረቶ ጌጋ እናሻዕ ዘኪራ፡ ብዛዕባ ሜሮን ከይሓሰበት ዝሓለፈትላ ካልኢት ኣይነበረትን።

“ዝከኣል ተኾይኑ ቀልጢፍኪ ርኽብዮ’ሞ ተናስሒ። ነገራት ግዜ ተበሊዖም ጽቡቕ ውጽኢት የብሎምን።” ምኽራ ለገሰት ራሄል።

“ጓል እኳ’የ ራሄል።.....” በተሓሳስባኣ ከም ራሄል ዝበለቶ ምግባር፡ ዘንዕቕንዩ። ስምዒታታ እናሃወጽዋ፡ ጠለቦም ካብ ምምላእ ክትቦኩር ድላያ ኣይነበረን። እንተኾነ ከምዝተሳዕረት ከይትፍለጥ ፈራሓ፡ ካብ ድላያ ንምሕያብ ወሰነት።

“ጓል’ኳ ሰብ’ያ። ሰብ ከኣ ይጋገ። ሕልና ስለዘለዎ፡ ከኣ ካብ ጌግኡ ንምእራም ይጽዕር።” ንሳ’ውን ትፈልጥ’ያ፡ ጓል ክብርቲ’ያ። ግና ክቡር ሰብ፡ ካብ ጌጋታቱ ቀልጢፉ ዝእረምን ‘ይቕሬታ!’ ምባል፡ ከም ስዕረት ዘይሓስቦንዩ ንራሄል።

“ኣብ መንገዲ ኣጋጣሚ ተተራኺብና ጽቡቕ’ዩ። እንተኾነ ግና ባዕለይ ጸዊዐ፡ እቲ ኩሉ ዝበልክዎ ሓሶት ሙኺኑ ክነግሮ ክኸብደኒ ጥራይ ዘይኮነ ኣይክእሎንየ። ደሓር ከኣ ዓርኪ ከምዘላቶ ነጊሩኒዩ።” ኑቲ ተፍቕሮ ሜሮን ከም ዝሓሰወት ካብ ምሕባር ዝዓቢ ውርደት የለን ንስኒት። ‘ኣብ ርእስኻ ጫካ ሰሪሕካ፡ ንነብስኻ ኣብኡ ሓቢእካ፡ ደሊኻ እንተሰኣንካያ’ስ ምስ ምንታይ ይቐጸር?’ በለት ብልባ።

“ኣይትሓዝለይ ደኣ እምበር፡ በዚ ኣተሓሳስባኺ ተፍቐሪ ውን ኣይመስለንን። ጌና ኣብ መስዋእቲ ምኽፋል’ኳ ኣይበጻሕክን። ንዝገበርክዮ ጌጋ ከተዐርዩ ክንድዚ ካብ ተጸገምኪ፡ ኣብ ፍቕሪ ምስ ኣተኺ ንዝፍጠር ሽግር’ውን ሕድገት ንምግባር ብቕዕቲ ኣይመስለንን። ስለዚ ኣተሓሳስባኺ ኣመሓያይሺ።” ማዕድኣ ፈይ ኣበለት።

****

“ርኽባ እምበር።” ኣራም ንሜሮን ዝበሎ’ዩ። ብዛዕባ ስኒት’ዩ ዝዛረብ ነይሩ።

“ንምንታይ’የ እሞ ክረኽባ? ብፍቐሪ’የ ቐሪበያ። ኣፍቓሪ ከምዘለዋ ድማ ነጊራትኒ’ያ። ንክልተ መንእሰያት ትኸውን ድማ ኣይኮነትን።” እምንቶኡ ግልጺ ገበረ ሜሮን። ነገር ወዲ ውሕጥ ኣቢልዎ እምበር፡ ብዘጋጠሞ ተበሳጭዩ’ዩ።

“ንምንታይ ግና ዓርኪ ከም ዘላትካ ጌርካ ተዛሪብካ?” ዘይተዋሕጠሉ ነጥቢ ዝረኸበ ኣራም፡ ሓተተ። ሜሮን ኣፍቓሪት ከም ዘይብሉ ይፈልጥ’ዩ። ዕላማ ኣፍቓሪት ከምዘላቶ ገይሩ ምዝራቡ፡ ብዘይ ሕብእብእ ኣይተረድኦን።

“መኽንያተይ ከስሕቐካ’ዩ። ዓርኪ ከም ዘለዋ ምስ ነገረትኒ፡ ኣፍቒረያ ዝመጻኹ ከይመስላ ኢለ ዝገበርኩዎ’ዩ። ካብ ዝገርመካ ገዛ ምስ ኸድኩ ተጣዒሰ። ምናልባት ዓርኪ ዘይብላ ተኾይና ከሲረ ማለት’ዩ።” ኣሰር ጣዕስኡ ካብ ገጹ ኣይተኣልየን። ዘይኣምነሉ ዝገበረን ዘይናቱ ዘልዓለን ከኣ ቐሰንቲ ኣይኮኑን።

“እምቧእ!” ተገረመ ኣራም። ካብ ሜሮን ዘይጽበዮ ጌጋ’ዩ።

“ናትካ ጥራይ ግበር። ናተይ ተወዲኡ’ዩ።” ኣርእስቲ ክቐይሩ ደለየ። ጉዳዩ ከም ዝተዓጽወ’ዩ ዝኣምን። ዋላ’ኳ ስምዒታት ፍቐሪ ካብ ልቡ ተዘይወጸ፡ ንስምዒታት ፍቐሪ ዝኸውን ሃዋሁ ግና የብሉን። ፈረስ ብዘይ መጋለቢ ሜዳ’ዩ ኮይንዎ።

****

ናይ መጀመርታ ቐጸርኣም’ያ። ናይ ሓሶት ፍቕሮም መጋረጅኡ ዝቐንጥጠሉ ፋልማይ ዕለት’ዩ። ቐድሚ ሰዓት ቐጸራ’ዮም ናብ ቦታ ቐጸራ በጺሖም። ናይ ሓሶት ፍቐሪ እንታይ ከም ዝጥዕም ከስተማቕሩ ዝተሃንጠዩ ይመስሉ።

ቕሪ ንምምካት ክልቲኦም ደሪቦም’ዮም። ኣቐማምጦኦም ንዓሌት ፍቕሮም ንጹር መግለጺ ዝህብ ዝነበረ ይመስል። ኣብ ሞንግኦም ናይ 3 ስድሪ ጋግ ገዲፎም ተራእዩ። ከም ናይ ሓቂ ፍቐራት ተላጊቦም ክጣመሩ፡ ድፍረት ኣይነበሮምን።

“ሄለነይ ተበልኩኺ’ዶ ይሓይሽ?” ስክፍታ እናተሰምዖ ፍቓድ ሓተተ ኢዮብ። ትጸልኦ ከይትኸውን ስክፍታ ኣለዎ። እቲ ልክዕ ፍልልይ ኣብ ሞንነ ናይ ሓሶትን ናይ ሓቕን ፍቐሪ ዝፈልጦ ኣይነበረን። ግምት ከይወስድ፡ ብፍቐሪ ዘይተቐርነ ታሪኽ ህይወት’ዩ ኣሕሊፉ።

“ከምኡ ይሓይሽ ኢዮብይ።” ሓሊፉ ጸንሓቶ ሄለን።

“ከመይ ክኸውን ትደልይኒ?” ብስያፍ ጠሚትዋ ተዛረበ።

“ነዘን ፍቐራት ንኾነለን ዕለታት እቲ ዝበለጸ ሰብ ኩነለይ። ሓንቲ ከይሓባእካ ኣፍቐረኒ። ምስ ሓለፈ ብናፍቐት ዝልለወሉ ህይወት ክትገብሮ ይምሕጸነካ።”

ድላያ ገለጸትሉ። እቲ ኣብ ምጅማሩ ዝነበረ ናይ ሓሶት ፍቐራ፡ ዘይርሳዕ ክኾነላ'ያ ትምነ። ንሳ'ውን ከም ኢዮብ ፍቐሪ ፈቲና ዘይትፈልጥ መንእሰይ'ያ።

"ከገብሮ ከፍትን'የ።" ድልውነቱ ኣረጋገጸ።

"ቐድሚ ሕጂ ፍቐራዊ ህይወት ኣሕሊፍካ ትፈልጥ'ዶ?" ክምስ ኢላ ሓተተቶ። ብዛዕባ ሕሉፍ ህይወቱ ገለ ኣፍልጦ ክህልዋ ደለየት። እቲ ንኢዮብ ናይ ሓሶት ዝመስሎ ስምዒታት ፍቐሪ፡ ገለ ክፋሉ ኣብ ልባ ኣሎ።

"ምስ ኣዋልድ ይቐርብ ኣይነበርኩን። በዚ ክኣ ኣፍቓሪት ክሕዝ ኣይከኣልኩን።" ግልጽልጽ ኣቢሉ መለሰላ። ክሓብኣላ ኣይደለየን። ክሕሱ ይኽእል ነይሩ'ዩ። ዝመስረትዎ ፍቐሪ ሓሶት ስለዝኾነ፡ ሓሶቱ ጽልዋ ክምዘይህልዎ ግና ይፈልጥ'ዩ።

"ፍቐሪ ኣይፈተንኩን ኣነ'ውን። ውዕይቲ'የ። ብዙሓት ኣወዳት ይፈልጥ'የ። ተኾነ ፍቐሪ ዝዕላምኡ ወዲ ኣይገጠመንን።" ብዘይ ከውሊ ናይ ውሽጣ ነገረቶ። ሓሶት ኣይተዛረበትን። ኣብዛ ህሞት ንኪይትሕሱ መኽንያት ነይርዋ'ዩ። ኢዮብ ከፍቐራ ስለትደሊ፡ ድንግል ሙኺና ከተፍልጦ ጽቡቕ መሲሉ ተራእያ።

"ዋላ ሓደ ካብቶም ምሳኺ ዝቐረቡ ንፍቐሪ ኣይሓተተክን?" ምስ ብዙሓት ከም ትቐርብ ካብ ነገረቶ፡ ሕቶ ፍቐሪ መጽይዋ ክኸውን ከም ዝኽእል ግምት ኣለዎ።

"ከስሕቐም እምበር፡ ከፍቐሮም ዝደልዩኒ ኣይኮኑን። ኣወዳት ውዕይቲ ጓል ፎካስ ስለዝሓስቡዋ፡ ንፍቐሪ ኣይጥምትዋንዮም። ጓል ክትፍቐር ተኾይና፡ ብዙሕ ዘይትዛረብ ክትከውን ኣለዋ።" ምሕሳው ዝተበርሃ ኣይትመስልን። ዝተሰምዓ ትዛረብ ገርሂ እምበር፡ ብሓሶት ስማ ትውርቕ ተንኮለኛ ኣይነበረትን።

"ካብተን ዘይዛረባ ግና ንስኺ ትበልጺ።" ኣድናቕቱ ወርወረላ። ከሐጉሳ ኢሉ ኣይተዛረበን። ኩሉ ገዲፉ ብቕንዕንኣ ተተንኪፉ'ዩ። ተንኮል ሰባት ከም ቴክኖሎጂ ተራቒቕሉ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ከም ሄለን ገርሂ ምርካቡ ገረሞ። ንሱ ንባዕሉ ውን ንረብሓ ክብል ንካልኦት ከም ዝብድል ዘኪሩ፡ ናይ ሕልና ባዶነት ተሰምዖ።

"ብኽመይ?" ጠየቐቶ።

"ገርሂ ስለዝኾንኪ። ውሽጠን ብተንኮል በስቢሱ እዱባት ክበሃላ ስቕ ተበላ፡ ካልእ ይትረፍ ውሽጠን'ውን ቕሱን ኣይኮነን።" ነብሱ እናሓቐዮ ተዛረበ።

"እንታይ'ከ ይጎድለኒ?" ድሕሪ ናይ ካልኢታት ስቕታ ሓተተቶ። ነዘን ዘሕልፍወን ናይ ፍቐሪ መዓልታት፡ ከምቲ ንሱ ዝብህነ ኮይና ከተሕልፎ ወሲና'ያ። ዋላ'ኳ በቲ ዘገርም ጸወቶኣም ሰባት ክስሕቁን ክግረሙን ሙኺኖም

ትፈልጥ ተነበረት፡ ዝዓጅባ ግን ኣይኮነን። ጸወታ ፍቕሪ ብኽመይ ብዘይሃስስ ዝኽሩ ይስነ'ዩ ሓሳባታ። ዝኽሪ ጥራሕ ውን ዝዓብሰላ ኣይነበረን። ስሙ ለዊጡ፡ ናይ ሓቂ ክኾነላ'ያ ትምነ።

"ነብስኺ ኣልዕሊ። ኣሰር ጽባቐኺ ይረኣየኒ ኣሎ። ነዘን ብፍቕሪ ነሕልፈን መዓልታት ኩሉ ዓይኑ ዘውድቐላ ጽብቕቲ ኩንለይ።" ብስምዒት ተዛረበ ኢዮብ።

"ጸገም የለን።" ዝበላ ከም ተተግብር ኣረጋገጸትሉ።

"ምስ መሓዙትኪ ብዛዕባ እዚ ጸወታ ኣዕሊልኪ ዲኺ?" ሓሳባቱ ብምቕባላ ተፈሲሁ ሕቶ ኣስዓበላ። ንሓሳባትካ ቐምነገር ሓሲቦም ዘተግብሩ ሰባት፡ ዝፈጥርዎ ዕግበት ከስተማቕር በቐዐ። ንዮናስ ሓሳባቱ የካፍሎ'ዩ። ግና ከም ናይ ሄለን ገይሩ ዘዕግቦ ኣይኮነን። ዮናስ ክርድኦ ዘሎ ተኽእሎ ስሑው'ዩ።

"ክሳብ ሕጂ ኣየዕለልኩወንን። ገለ ሓሳብ ኣለካ ድዩ?" ዘተኮረሉ ዛዕባ ስለዝነበረ፡ ክብሎ ዝደሊ ከይህልዎ ሓተተቶ።

"ብምስጢር ተሓዝናዮ ከመይ ይመስለኪ?" ርእይቶኣ ንምስማዕ ተዳለወ።

"ጽቡቕ።" ተቋውሞ ኣይነበራን። ብጸገማ'ያ። መሓዙታ ንተግባራ ከም ፍኹሰት ከም ዝሓስብኦ ስለትፈልጥ፡ ተዘይየዕለለተን ትመርጽ።

"ፍቋድኪ ተኾይኑ ንኢድ ተሓሒዝና ዎከ ክንገብር ምደለኹ።" እናተሰከፈ ሓተታ። ፍቋደኛ ተኾይና ገለ መሳልል ደይቦም ከምዘለዉ ክፈልጥ'ዩ። ከምቲ ናይ ሓቂ ፍቑራት ዝገብርዎ ተገይሮም፡ ጸወትኦም ከም ዝምቕር እምነት ኣለዎ። ጸወታ ኢሎም ካብ ግቡኡ ንታሕቲ ተጌሮሙሉ፡ ዝፍጠር ደብዛዝ ስምዒት፡ ንዕኡ ብርግጽ ንሄለን ድማ ምናልባት ዘየርብሕ ክኽውን ከምዝኽእል ግምት ኣለዎ።

"ኢዮብይ ከይቕየመልካ ፍቋድ ኣይትሕተተኒ። ትደልዮ ከይሓተትካ ክትገብሮ ፈትን። ኣየናይ ኣፍቓሪ ከምዚ ክገብር ርኢኻ? ተቋውሞ ተለኒ ሽዑ ይነግረካ።" ጠመተቶ። "ፍቋደኛ ኮይነ ስለዘለኹ እንካ።" ኢዳ ዘርግሓትሉ።

16,Z. 'ኣብ ርእሰኻ ጫካ ሰሪሕካ፡ ንነብሰኻ ኣብኡ ሓቢእካ ደሊ ኻ እንተሰኣንካዮ'ሰ፡ ምስ ምንታይ ይቐጸር?

****

17

17.A. ሰበይቱ ዝለኣኸቶ፡ ሕማቕ መልእኽተኛ ክኸውን ኣይክእልን'ዩ!

ቁሪ እቲ ቦታ ከም ቐደሙ ኣይነበረን። እቲ ከይተጸውዐ ዝመጽእ ቁሪ፡ ዝገሸ'ዩ ዝመስል ነይሩ። በዚ ድማ እቲ ሃዋሁ ልዕሊ ካልእ እዋን ምቹእ ካብ ሙኺን ክዕገት ኣይተኻእለን። ዘገም እናበለ ዝጎዓዝ ፍኹስ ዝበለ ንፋስ፡ ጽባቐ እምበር ጠንቂ ናይቲ ዘይምሕር ቁሪ ክኸውን ብቕዓት ኣይረኸበን።

ነዚ ሃዋሁ ብዝግባእ ዘስተማቐረ ኣራም፡ ብመጠኑ ፍኹስ በሎ። እታ ንሄርሜላ ስምዒቱ ዝገልጸላ ዕለት፡ ሽዑ ከም ትኸውን ሓሲቡ'ዩ መጽዩ። ዋላ'ኳ ታህዋኽ ይኸውን ምንባሩ ተፈለጠ፡ ኣብ ውድድር ካብ ኣተወ ግና ክቕዳደም ነይርዎ። ህይወት ፍጡራት ንኽዕውቱ ዝጎዩላ መድረኽ ከምትኸውን ዘኪሩ'ዩ። ዕውት ክኸውን ድማ ክህወኽ ኣለኒ ኢሉ ሓሰበ። ተዘይተሃዊኹ ክመጸ ዝኽእል ዝኸበደ ኣጋጣሚ ስዕረት'ዩ። ካብ ፍጡራት ክመውትን ክሰዓርን ዝደሊ ክኣ የለን።

ወርሒ ኣብ ሰማይ ኣይነበረትን። ናይ ጎደና ልቲ ግና እጃሙ ካብ ምብርካት ኣይተዓዘመን። ንጽባቐ እታ ቁሪ ዘይነበራ ምሸት ዘድምቕ ባእታ'ዩ ኮይኑ። ኣራም ኣብቲ ምስ ሄርሜላ ዝተቋጸረሉ ቦታ ክበጽሕ ከሎ፡ ሄርሜላ ኣብኡ ኣይጸንሓቶን። ካብ ገዛ ክይተበገሰ ከሎ ከም ትዱንኒ ስለዝገመተ ግና ኣይተሸገረን።

ዝተቋጸርሉ ኣብቲ ብናይ ጎደና መብራህቲ ዝወቐበ፡ ካብ መደቐሲ ክፍሎም ዘይረሓቐ በታ'ዩ ነይሩ። ብዕላማ ዘይተሰርሐ፡ ኮፍ መበሊታት ኣብ ወሰናስን እቲ መናድቕ ስለዘሎ፡ ብዛዕባ መቕምጦ ዘሸግር ኣይነበረን።

"ኣጸብየካ ምሸ። ይቕሬታ ኣራም ሓወይ።" እታ ደማቕ ሄርሜላ ተዛረበት። ኣራም ክጽበያ ከም ዝጸንሐ ምስ ፈለጠት፡ ብስክፍታ ተጨልጊማ'ያ። ኣብ ሓንቲ ካብተን ኮፍ መበሊታት ኮፍ ኢሉ'ዩ ጸኒሕዋ። ናብኡ ከኣ ቀረበት።

"ደሓን። ከመይ ሄርሜላ?" ካብ ዝተቐመጦ ተንሲኡ ብኽብሪ ሰላምታ ክልግሰላ ተራኣየ። ንክትርእዮ ጥራይ ዘብህግ ፎኪስ ምዕጉርታ፡ ብምዕጉርቱ ጨለፎ። ኣብ ምዕጉርታ ከይጥሕል ዘፍርሕ ስምዒት'ዩ ተኸቲልዎ። ድሕሪ መስርሕ ሰላምታ፡ ብኽብሪ ከምትቕመጥ ገይሩ ንሱ'ውን ተቐመጠ።

"ምህሮ'ሞ ከመይ ውዒሉ?" ኮፍ ምስ በለት ብስያፍ ጠመተቶ። ካብ ዘይራኸቡ ገለ መዓልታት ኣለዎም። ዋላ'ኳ ብቃላት ዘይግለጽ ይኹን እምበር፡ ናፍቆት ነይርዋ'ዩ። ጽምኢ ናፍቆታ ክረዊ ተኾይኑ ጠሚታ ክትጸግቦ ኣለዋ።

“ጽቡቕ።” ሓጺር መለሰ ኣራም። ስምዒቱ ብኽመይ ይገልጾ ይሓስብ ስለዝነበረ፡ ብሓጺር ግብረ መልሱ ንምሕሳብ ግዜ ኣይነበሮን። ቕድሚ ሎሚ ዋላ’ውን ብመልክዕ ጸወታ፡ ንዝኾነት ጓል ሄዋን ፍቕራዊ ስምዒቱ ገሊጹ ዝፈልጥ መንእሰይ ኣይኮነን። ንዘለዎ መጠን ድፍረት ኣኻኪቡ፡ እቲ ዝኾነ ክዕልላ ብውሽጡ ምድላዋት የጠናቕቐ ነበረ። ከም ናብ ኩናት ዝኣቱ ወተሃደር’ዩ ኮይኑ። ኩናትን ፍቕርን ደፋር ከም ዝዕወተሎም ግና ተሰዊጥዎ ነበረ።

“እንታይ ደኣ ስቕ ኢልካ?” ክዕልሉ ቆጺርዋ ክንሱ ትም ሕትም ምባሉ ገረማ። ስለዝተላለዩ ሓፊርዋ ክይከውን ኣይሰግኣትን። ሌልኣም ኣብ ምፍላሙ፡ ዘይሓፈረ፡ ገለ ደረጃታት ምስ ሓኾረ ዘሰክፍን ዘሕንኽን መኽንያት ከምዘይህልዎ’ያ ትሓስብ።

“እ.....ሄርሜላ.....” ቃላቱ ከም ዝተመትረ ስጋ ተቆራረጸ። ዝዓበየ ስግኣቱ ግና ስምዒታት ሄርሜላ ውን ከም ቃላቱ ክይቆራረጽ ዝብል’ዩ ነይሩ። ከም መቐጸልታ ዝሓሰቦም ቃላት፡ ናበይ ከም ተሸርቡ ምንም ሓሳባት የብሉን። እንታይ ክብል ከም ዘለዎ ይፈልጥ ነይሩ’ዩ። እንተኾነ ኣይገበሮን።

“ኣራም ደሓን ዲኻ?” ኩነታቱ ርጉእ ዘይምንባሩ ገሚታ፡ ጽምዲ ሕቶ ኣበገሰት። ውሽጣ ክረግኣላ ኣይክኣለን። ኩነታት ኣራም ክትግምቶ እምበር ክትፈልጦ ስለዘይክኣልት፡ ውሽጣዊ ሩፍታ ኣይተሰምዓን።

“ደሓንዩ።” መጀመርታ ክረጋጋእ ነይርዎ። “እ.....ገለ ክብለኪ ዝደሊ ነገር ኣሎ። ማለተይ...” ሕጂ’ውን ኣይቐጸለን። ቃላቱ ተኸዊሎም ተረፉ። ስምዒታት ሄርሜላ ከይኩለፍ ዓቢ ስክፍታ ተጸግዖ።

“ኣራም ጽቡቕ የለኻን። ክትብለኒ ትደልዮ ተሎ ከይተሰከፍካ ንገረኒ።” ከተተቡበ ሃቀነት። ምትብባዕ ከም ዝደሊ ሸዓ ኢላ’ያ ገሚታ። ክብሎ ካብ ዝደሊ ብገለ መኽንያት ክዕንቐጽ ምርጫኣ ኣይኮነን። ተተዓንቒጹ ዝጎድላ ነገር ከም ዝህሉ ዝገመተት’ያ ትመስል። ‘መን ይፈልጥ? ኣራም ኣብ ልቢይ ተዘሪኡ ዝቦቀሎ ጥዑም ቃላት ኣዳልዩ ይኸውንዩ!’ በለት ብልባ።

“ሄርሜላ.....ማለት ክብለኪ ኣይነበረንን ይኸውን። ግና ልዕሊ ዓቕመይ’ዩ። ስለዚ ይቕሬታ።” ቕሬታ ከይስመዓ መንገዲ ጸረገ። ቃላቱ ካብ ዝጸንሖም ምብትታኽ ከመሓያየሹ ተራእዩ። እዚ ምትእምማን ከይሃቦ ኣይተረፈን።

“እንታይ ዲኻ ክትብለኒ?” ብይቕሬታ ምጅማሩ ኣርመማ። እቲ ንሱ ዝብሎ ምናልባት ንዕኣ ዘይጎድኣ ከኸውን ከምዝኽእል ሓሰበት። ተግባራት ኣራም ፈረስ ንድሕሪት ሰረገላ ንቕድሚት ኮይኑ ተሰምዓ።

“የፍቕረኪ’የ።” ነታ ኣብ ህይወት ዝኸበደት ቓል ኣንቶጓ። ናይ ልቢ ተኽይኑ፡ ዋላ ውን ነቲ ደፋር’የ ዝብል፡ ካብ ‘የፍቕረኪ\ካ’የ!’ ንላዕሊ ትኸብድ ቃል የላን። ብዛዕባ ክትህቦ ትኽእል ግብረ መልሲ ክሓስብ ተቐሰበ። ኣብ ትሕቲ ፈጣሪ ምሕረታ ዝጽበ መንእሰይ’ዩ። ‘እዛ ናብ ኣእዛን ሄርሜላ ዝለኣኽከዋ ቓል መንገዲ ከይተጋገየት ኣብ ልባ እንተኣዕሪፋ ጸጋ’ዩ!’ ሰናይ ምንዮቱ ብውሽጡ ገለጸ።

ብቐሊል መግለጺ ሓጎስ ሄርሜላ መስፈሪ ተሳእኖ። ብዙሓት ማዕጾ ልባ ኳሕኩሓም’ዮም። እንተኾነ ብዘይካ ቕጭ ሓጎስ ኣይጸወዑላን። ሓጎሳ ካብ ውሽጣ ሓሊፉ ኣብ ፍረ ገጻ ከይዕስክር፡ ግቡእ ምቕጽጻር ገበረትሉ። እቲ ዘፍቐረቶ ከፍቕራ ዕድል’ዩ። ዋላ’ኳ ትህቦ ግብረ መልሲ ምስ ሓቂ ውሽጣ ዘይሰማማዕ ከም ዝኸውን ተፈለጠት፡ ኣራም ብቐሊሉ ተስፋ ከይቕረጸ መልሳን ውሽጣን ከሳኒ ግምታ’ዩ።

“እ....ኣራም! ስምኺትካ ስለዝገለጽካ የድንቐካ። ኣነ ግን ኣብ ፍቕሪ የለኹን።” ገጻዊ ስምኺታታ ምስ ቃላታ ተፋቕረ። ብእንኮ ሕቶ ፍቕሪ ክትሰማማዕ ከምዘይትኽእል፡ ኣራም ውን ይፈልጦ’ዩ በሃሊት’ያ። መዓስ ብዘየገድስ ንኣራም ‘ሐራይ!’ ከም ትብሎ ግና ጥርጥር ኣይነበራን።

“ብፍቕሪ ዝተፈጠርና ኢና። ፈጣሪና ውን ፍቕሪ’ዩ ሄርሜላ። ከመይ ኢልኪ ኣብ ፍቕሪ የለኹን ትብሊ?” ክቋወም ተሰምዐ። ብዝሃበቶ መልሲ ብዙሕ ኣይተሸገረን። እትምንታይ ምስ ትጽቢቱ ዘይዛመድ ኣይነበረን።

“ኣራም! ሕቶኻ ኣይጸላእኩዎን። መዓልቲ ቐይርና ተተዘራረብና ይሓይሽ።” ልባ ኣዚዝዋ ተዛረበት። እዚ ንኣራም ውን ስለዝተረድኡ ብውሽጡ ተፈስሀ። ንዮናስ ቐዲምዎ ስለዝተኾሰ፡ ዓውቱ ርጉጽ ኮይኑ ተሰምዖ። ኣዘራርባ ሄርሜላ ውን ንስምዒታቱ ምሉእ ደገፍ ዘይበቕቕ’ዩ ነይሩ።

****

ነገራት ከም ሰፍኢ ከገላበጡ ምርኣይ ኣገራሚ ስምዒት’ዩ ዝወልድ። ዕላምኡም ብዘየገድስ ኣንፈት ነገራት ኣንጻራዊ መንገዲ ኣብ ዝሕዝሉ እዋን ዝፍጠር ስምዒት፡ ኣደናጋሪ መንፈስ ውን የጠቓልል’ዩ። እትምንታይ እቲ ኩነታት ኣብ ትጽቢት ማንም ፍጡር ቦታ ከይሓዘ ስለዝጸንሕ።

ስሙ ክጽዋዕ ዝሰምዐ መድሃኔ'ውን ሓደ ካብቶም ብኣደናገሪ መንፈስ ዝተጠቕው ግዳያት ከኸውን ተቐሰበ። ስሙ ዝጸውዐት እታ ፍጹም ገጽ ዝኸልኣቶ ራሄል ኮይና'ዩ ረኺብዋ። እትረፍ ክትጽውዖ፡ ምስ ጸወዓ'ውን ብደሃሊ ቃላት ከተሳጉኅ ዘኪሩ ተደናገረ። እዚ ኣጋጣሚ እትረፍ ኣብ ትጽቢቱ፡ ኣብቲ ፍኑው ሕልሙ ውን ኣይፈልጦንዩ። 'ሎሚ ዕለት መልኣኽ ፍቕሪ ኣብዛ ኮሌጅ ዓሊቡ ክኸውን ኣለዎ!' በለ ብሓሳቡ።

ጻዊዕታ ሓሶት ከይከውን ዝሰግአ ከመስል፡ ብፍጥነት ናብኣ ቐረበ። ኩነታታ ከግምት ኣሚንቱ ወርወረላ። ለውጢ ዝረአየ ኣይመሰሎን። ኩሉ ኩነታታ ከምቲ ቐደም ዝፈልጦ ዝነበረ'ዩ ነይሩ። እቲ ለውጢ ኣብ ውሽጢ ተኽይኑ ግና ፍጹም ዝፈልጦ ኣይነበሮን። ኣይኮነን ናይታ ብምስጢር ዝተኽበት ራሄል፡ ውሽጡ ውን ብዝግባእ ዝፈልጦ ኣይመሰሎን።

"ከመይ ኣለኻ?" ሰላምታ ከይሃበት ሓተተቶ። ነዛ ኢድካ ሰዲድካ ሰላም ውን ዝበቐቀትሉ'ያ ትመስል። ምዕጉርታ'ስ ይትረፎ። ኣእዳዋ ክትከልኡ ግና ቐኑዕ ኣይነበረን። ሰላም መኽሰብ እምበር ከሳራ የብሉን ይብሉ ጸጉራማት! እዚ ንመድሃኔ ማይ እናረኣኻ ጽምኢ'ዩ ኮይንዎ።

"ጽቡቕ። ከመይ ኣለኺ?" ኣዒንቱ ካብ ገጻ ኣይኣለየን። ንኣብ ተጠንቒቕ ዝነበረ ዋርድያ የጋግየካ። ካብ ገጻ ክጅልቦ ዝደለየ ምስጢር ዘለዎ'ዩ ዝመስል። ዝተደናገረ መንፈሱ ጌና ኣይተኣልየን። ልቡ ከም ኩዕሶ ክትናጠር ኣስተውዓለ።

"ጽቡቕ።" ሓጺር መለሰት ራሄል። ኣብ ልዕሊ እቲ ካብ ልቡ ዘፍቕረ መድሃኔ፡ ሕነ ናይ ምፍዳይ ተበጉሶ ኣብ ውሽጣ ኣሎ። ሕርኽርኽ ዘብል ስምዒት ናብ ሕልናኣ ከበጽሕ ኣይተፈለጣን።

"ናይ ደሓን ዲኺ?" ናይ ደሓን ምልክታት ስለዘይረኣየላ እናፈርሐ ሓተታ። 'ዘይነግድ ካብ ነገደ፡ ዘይክትር ከተረ!' ዝብል ስምዒት'ዩ ምስኡ ነይሩ። ኩነታት ከም ሰፍኢ ካብ ተገማጠለ፡ ዝተገማጠለ ክውንነት ከይመጽእ ስግኣት ኣለዎ።

"ተፍቕረኒ'ዶ?" ደፋር ሕቶ'ዩ ነይሩ። ኣሚንታ ከምቲ ቐደም መድሃኔ ዝፈልጦ ኣይነበረን። ብሕፍረትን ስክፍታን ዝኣክል ርእሳ ከተድንን ኣይተራእየትን።

"እወ የፍቕረኪ'የ።" ብታህዋኽ መለሰላ። ደንጉኻ ኢላ ንመልሱ ከይተቐበለቶ ከይትተርፍ ስግኣት ዘቕመጠ'ዩ ዝመስል። ዝሰምዖ ቃላት ካብታ ንሱ ሓፍር ዝብላ ራሄል፡ ዝወጸ ድዩ ዋላ ካልእ ዝፈልጦ ኣይነበሮን።

“ብኽመይ የረጋግጽ?” ቅጥዒ ዘይነበሮ ኣጠማምታኣ፡ ለውጢ ገይሩ ኣይቐረበን። ውሽጣ ይሕንሕንየ ነይሩ። መድሃኔ ከቕልበሉ ዘይከኣለ ሕንሓነ! ብልቢ ኣፍቂራ ከላ ብዋጋ ልባ ዝተጻወተ መንእሰይ ሙኺኑ’ያ ትኣምን። ብልባ ንዝተጻወተ መንእሰይ ክትርኢ ከላ ጽቡቕ ስምዒት ክነግዳ ኣይክእልን’ዩ። ከም ጸወትኡ ንምጽዋት ተቐሪባ’ያ።

“ድላይኪ ሕተትኒ።” ፍቕሩ ከረጋግጸላ ዝኽእለሉ ኣጋጣሚ ስለዝተፈጥረ፡ ብሓጎስ ክምላእ ኣይደንጎየን። ዝተሓቶ ንምምላስ ድሉው’ዩ። ሰበይቱ ዝለኣኽቶ፡ ሕማቕ መልእኽተኛ ክከውን ኣይክእልን’ዩ።

“በል ድሕሪ ጽባሕ ኣብዚኣ ምጸኒ።” ትእዛዝ’ዩ። ኣዚዛቶ ውን ጠጠው ኣይበለትን። ‘ክይደ’ለኹ!’ ዘይብሉ ተዓዝረት። ከምቲ ልባ ዝተሰብረ፡ ልቡ ክስበር ስለዘንቐደት፡ ብዛዕባ ሰላምታ ክትሓስብ ዘድልያ ኣይነበረን።

“ደሓን ድያ?” ክይተረድኣ ሓተተ። ክምልሰሉ ዝኽእል ሰብ ኣብ ጥቑኡ ከም ዘይነበረ ኣይዘከረን። ዝተዓጽወ ልቢ ተኸፊቱ፡ ናብቲ ዝምነዮ ፍቕሪ ክሰጋገር እናተመነየ ንሱ’ውን ነቐለ።

17.Z. ናይ ልቢ ተኸይኑ፡ ዋላ ውን ነቲ ደፋር’የ ዝብል፡ ካብ ‘የፍቕረኪ|ካ’የ?’ ንላዕሊ ትኸብድ ቓል የላን!

****

18

18.A. ኣብ ጁባኻ ብዛዕባ ዘየለ ገንዘብ ተኣማሚንካ ኣይትዛረብ!

ኮኳ'ዩ ጋቢዝዋ። እቲ ከም መወዳድርቱ ዝሓስቦ ኣራም፡ ከም ናቱ ከም ዘይገብር ርግጸኛ'ዩ። ኣብ ጅቡኡ ክህልዎ ዝኽእል ገንዘብ፡ ንመሳፈሪ ኣውቶቡስ ጥራይ ከም ዘገልግል ይፈልጥ'ዩ። ዘጋይጸሉ ገንዘብ ሒዙ ርእይዎ ኣይፈልጥንሮ'ዩ። ኩሉ መለከሚ ብልጹኑት ብገንዘብ ከምዝውሰን ገይሩ ካብ ዝሓስቦ ኣወሓደን።

ሄርሜላ፡ ብዝሒ ሰብ ትጸውር ሰብ ኣይነበረትን። ዝኣዘዘታ ኮኳ ኣይትሰተ'ያ ሰትያታ። ብዙሓት መምሃራንን ገለ ገለ ተማሃሮን ኣብቲ ቦታ ነይሮም። ብባህሪኣ ጫውጫውታ ትፈቱ ኣይኮነትን። ህድኣቱ ዝተሓለወ ቦታ ቀዳማይ ምርጫኣ'ዩ። ኣብ ርእሲ እቲ ናይ ሰብ ጫውጫውታ፡ ብዘይዓቕን ዝተወልዐ ሙዚቓ ስለዝተደረቦ፡ ብኹሉ ኩሉ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ክኾነላ ኣይከኣለን። 'ቕርኒ ዘለዎ ንሕልና ዝወግእ ጫውጫውታ'ዩ!' ብምባል ነቲ ህሞት ገለጸቶ።

ኣብ ሓደ ጣውላ ኮፍ ኢሎም ክንሶም፡ ከዕልሉ ኣይከኣሉን። ዋላ ከዕልሉ ተፈተኑ'ውን፡ ክረዳድኡ ዘኽእሎም ኣይነበረን። ስለዚ ድማ ኣድህቦኦም ናብ ዝተወልዐ ሙዚቓ ገበርዎ። ይፍተውዎ ኣይፍተውዎ ክስዕብዎ ጥራይ ነበሮም።

"ነዚ ሕቕፎይ'ሲ ብሓቂ መኒኽዮ፡

ንጓንነተይ ተመኒኽዮ፡

ነገረ ሓዳርና ፍቕሪ ዝመስረቶ....." ድምጻዊ ፍረሰላም ሙሴ ዝብሎ ዝነበረ'ዩ።

"ሄርሜላ! ደገ'ዶ ንውጻእ?" ዮናስ ብዓውታ ተዛረበ። ክትሰምዖ ተኾይና ከምኡ ክገብር ነይርዎ። ሄርሜላ ጸሊኣቶ'ውን ስለዝጸንሓት፡ ብፍጥነት ሓፍ በለት።

ተመራረሑም ወጹ። ዮናስ ክብሎ ዝደሊ ነይርዎ። በዚ ድማ ኮፍ ኢሎም ዝበሃሃልሉ መቐመጢ ደለየ። ካብ እንዳ ሻሂ ምስ ወጹ፡ ንክልቲኦም ኮፍ ዘብል ቦታ ጽሙው ዝበለ ቦታ ኣይተሳእነን።

መጀመርታ ቃላት ክለዋወጡ ኣይተራእዩን። ዮናስ ዘረባ ክጅምር ከም ዘለዎ ይፈልጥ'ዩ። ልዕሊ ሄርሜላ ዘገድስ ጉዳይ ዘለዎ ንሱ'ዩ። ብዛዕባ ናይቲ ኣብ ልቡ ብቕዋምነት ተቐሚጡ ዘሎ ፍቕሪ፡ ዝዛረቡሉ እዋን እዚኣ ክትከውን ሓረያ።

"እንታይ ደኣ ስቕ ኢልካ?" ቐደመቶ። ስቕ ምባሉ ኣይፈተወቶን። ከም ሰብ ጽቡቕ ናይ ምዕላል ክእለት ከም ዘለዎ'ያ ትምስከር። ካብቶም ከዕልልዋ ዝፈተኑ

ኣወዳት፡ ዝተፈልየን ብቃላታ ዘይተዳህለን ንሱ'ዩ። እዚ ዝኣክል ብልጫታት እናሃለዎ ከስቕጥ ዝተዋሕጠላ ኣይትመስልን።

"ስቕ ዘብል ረኺበ።" ሓጺር መለሰ። ዕላምኡ ንምትግባር ዝበሎ'ዩ። ፍርሒ እቲ ዝኸፍአ ስምዒት ናይ ከምዚ ኣጋጣሚ ከም ዝኸውን ብኢዮብ ተነጊርዎ'ዩ። ፍርሑ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ንምእታው ዕቱብ ስራሕ ከም ዘድልዮ ነጺርሉ ነበረ።

"እንታይ ደኣ ኮይኑ'ዩ?" ገባሪ ጽቡቓ'ዩ። ሞባይላ ሰልዲ ኣብ ዘይነበራ እዋን፡ ገንዘብ ሰዲዱ ከም ዘይትሸገር ዝገበራ ሰብ። ክሸገር ድልየት ክህልዋ ኣይከእልን'ዩ። ንዝገበረልካ እንተዘይነጊርካሉ፡ ክትገብረሉ ከም ዘለካ ኣሚና ነበረት። ከም ሰብ ብሕውነት ክትቕርቦ ዝጽላእ ወዲ ኮይኑ ኣይተሰምዓን።

"ኣብ ምፍትሑ ክትተሓባበርኒ ደሊኺ?" ቕሩብነት እንተለዋ ተወከሳ። ድፍኢት'ዩ ዝገብረላ ነይሩ። ናብ ዝሓስቦ ዕላማ ቀስ ብቀስ ክብጽሓ ብኢዮብ ተነጊርዎ'ዩ። ካብ ኢዮብ ዝበሎ ወጻኢ ክኸይድ ሓሳብ የብሉን። ክተዓጻጸፈሉ ዝግባእ ኣጋጣሚ እንተተረኺቡ ንጥፍኣቱ'ዩ።

"ዝኽእሎ እንተኾይኑ ደኣ እንታይ ጸገም ከይህልዎ?" መጠናዊ ቕርብነታ ገለጸትሉ። ከምቲ ዝገበረላ ክትገብረሉ ድልውቲ'ያ። ጥራይ ትኽኣሎ። ዘይከኣል ከይከውን ስግኣት ኣለዋ። ዝገበረላ ተራ ነገር ምንባሩ ዝዘንግዐት ትመስል።

"ካባኺ ንብረት ይደሊ ኣለኹ።" ኣዘራርብኡ ተለወጠ። ናብቲ ዝኸበደ ክፋል ዕላምኡ በጺሑ ከምዘሎ ብንጹር ፈለጠ። ዝተቐጻጸሮ ፍርሑ ክፍንጽን ደለየ። ትብዓት ተጎዲልዎ፡ ብዙሕ ዝኽሰር ከም ዝህሉ ተሰወጦ። 'ፍርሒ ልክዕ ከም ኣራም ጸላኢኻ ጌርካ ሕሰቦ!' ካብ ኢዮብ ዝረኸቦ ማዕዳ'ዩ ነይሩ።

"ካባይ?" ብስንባደ ሓተተት። ደሓር ግና ብስንበደኣ ተጣዕሰት። ስንባደኣ መግለጺ ዘይድልውነታ ኮይኑ ከይርእ ስግኣት ኣለዋ። እዚ ዮናስ ኣስተብሂልሉ ተኾይኑ፡ ከዋህልሎ ዝኽእል ግምት ኣሻቐላ።

"እወ ካባኺ?" ኣረጋገጸላ። ትብዓቱ ንምሕላው'ዩ ሓጺር መሊሱ።

"እንታይ'ዩ?" ተመቕለለት። ካልኣይ ሻዕ ክትስንብድ ዘይሕሰብ'ዩ ነይሩ። ዝሓታ ዘይትኽእሎ ከይከውን ምንዮታ ገለጸት። ከም ዝገበረላ ገይራ ዕድኣ ክትከፍል ተሃንጠየት። 'ዕድኡ ዝኽፈለ ገጹ ብሩህ!' ስለዝኾነ።

"ልብኺ'የ ደልየ።" ዋላ'ኳ ንሱ ይዛረብ እቲ መንገዲ ኢዮብ'ዩ ሃንዲስዎ። ከምቲ ንቡር ገይሩ ፍቕሩ ክገልጽ ይኽእል ነይሩ'ዩ። 'ፍሉይነት ጽባቕ'ዩ!' ኢሉ ዝኣምን ርእሲ ኢዮብ ግና ፍቓድ ኣይሃበን።

ካብ ዝተሻቐለቶ ኣይወጸትን። ዘይትኽእሎ'ዩ ሓቲትዋ። ቕድሚኡ ንልባ ዝሓተቱ መንእሰያት እልቢ ኣይነበሮምን። ብዘይ ድንጋጸን ስክፍታን ክትሰነም ንቡር ስርሓ'ዩ ነይሩ። ንዮናስ ብኽምኡ ክትሰዶ ከም ዘይብላ ግን ትፈልጥ'ያ። ብልባ ዘፍቐረቶ ኣራም ናይ ፍቕሪ ሕቶ ስለዘቐረበላ፡ ልባ ንዝኾነ ካልእ ክትህብ ዝከኣል ኣይመስላንዩ። "ኣይትሓዘለይ ዮናስ።" ይቕሬታ ሓተተት።

"ኢሂ?" ብስንበደ ጠየቓ። ዋላ'ኳ ቐልጢፉ ሐራይ ከም ዘይትብሎ ገሚቱ እንተነበረ፡ ዝዘከሮ ግና ኣይመስልን። ምስ ብዙሓት ዘይሩ ክንሱ ምሁር ደንቕሮ ተቐየረ። እታ ንዕኡ ናብ መልኣኽ ኣዝያ ዝቐረበት ጎርዞ ተሲእንዋ፡ ክልተ ነገራት'ዩ ክኸስር። እቲ ቐዳማይ እቲ ዝዓበየን መተካእታን ዘይብሉ ፍቕሪ'ዩ። እቲ ካልኣይ ከኣ ንሜሮንን ኣራምን ብፈኽራ ከም ዝገብሮ ዝገለጸሎም ጉዳይ ነበረ።

"ኣብ ፍቕሪ የለኹን።" ከምቲ ንኣራም ዝበለቶ ደገመትሉ። ከም ናይ ኣራም ስምዒት ግና ኣብ ዮናስ ኣይነበራን።

"ኣፍቓሪ'ኽ የብልክን?" ከረጋግጽ ሓተተ።

"የብለይን።" ጉዳይ ኣራም ውዱእ ስለዘይነበረ፡ ኣብ ቕጽሪ ክተእትዎ ኣይከኣለትን። 'ዓርኪ ኣለኺ!" ኢላ ክትዓድዎ ከም ዝነበራ ትርዳእ'ያ። እንተኾነ ኣይመረጸቶን። ኣብ ጁባኻ ብዛዕባ ዘየለ ገንዘብ ተኣማሚንካ ምዝራብ ኣይተዋሕጠላን።

"ልዕሌኺ ካልእ ዘፍቕራ ጎርዞ የላን ሄርሜላ። ብፒሮ ኣይብልንየ። ግን ዋላ ብርሳስ ኣብ ልብኺ ጸሓፍኒ። ኩነታተይ ርኢኺ ወይ ተድምቕዮ ወይ ትድምስስዮ። ኣብ ፋልመይቲ ሕቶይ ሐራይ ክትብልኒ ኣይጽበንየ። ምናልባት ኣሸጊረኪ ተኾይነ ግና ይቕሬታ።" ከምዘፍቕራ ስለዝፈለጠት ጥራይ እኹል ገይሩ ቐረጸ። ከም ልሙድ ግና ሓሳባቱ ኣይነበረን። ሓሳባት እቲ ብድሕሪ መጋረጃ ኮይኑ ንዮናስ ዘመሓድር ኢዮብ'ዩ እዚ ውን።

ካብ ሄርሜላ ዝወጸ ናይ ግብረ መልሲ ቓላት ኣይነበረን። ነቲ ጽቡቕ ገይሩለይ ትብሎ ዮናስ፡ ከተቕሕሮ ኣይደለየትን። ምስ ኣራም ምስ ወድኣት ከምዝቕብጽ ኣሚና ኣስቐጠት። ስቕትኣ ነቲ ኣብ ጎድና ዝነበረ ዮናስ፡ ካልእ መዓልቲ ንኽምለስ ዘተባብዕ መኽንያት ምንባሩ ዘስተውዓለት ኣይትመስልን።

****

“ጭርጭር ዓበደ ድያ ትጻወት ዘላ? ኣፍቕርኒ እምበር ኣጸውትኒ’ዶ ኢልካያ ኢኻ? ወረ ጥዕና ኣለዋ ድዩ?” ሕቶታት ኣጽዓቀ ዳዊት። መድሃኔ ዝበሎ ሓቂ እንተኾይኑ፡ ራሄል ጥዕና ዝነድላ ሰብ ሙኺና’ዩ ኣሚቱ።

“እንታይ’ሞ ፈሊጠ?” ክብሎ ዝኽእል ኣይነበሮን። ንሕቶታት ዳዊት ዝኸውን መልሲ ኣይነበሮን። ንባዕሉ ውን ብዝተገማጠለ ባህርያት ራሄል ተደናጊሩ’ዩ።

“ተቐላጢፍካ እንተረሓቕካ ይሓይሽ። ምስ ምሉእ ጥዕናኣ እንተላ ትጻወት ጥራይ’ያ ክትህሉ ትኽእል።” ዳዊት መርገጺኡ ኣነጸረ።

“ከመይ ኢለ ክርሕቕ? ትብሎ ክሰምዓ’የ።” ብመርገጺኡ ኣንጻር ዳዊት ምንባሩ ገለጸ መድሃኔ። እንታይ ክጉበር ከምዝነበሮ ይፈልጥ’ዩ። ግና ፍቕሪ ናቱ መንገዲ ኣለዎ። ንመገዲ ፍቕሪ ክጎሲ ዓቕሚ ተዝነብሮ፡ ንራሄል ክሳብ ክንድኡ ክሰዓረላ ኣይምኽኣለን። “ንጻውዒት ፍቕሪ ጸማም ዝበሃል ፍጡር የለን!’ በለ ብልቡ።

“ሓቓ እንድያ ደኣ።” በሽካዕላል ሰሓቐ። “ከምዚ ከምዚ ሙኺንካ ስለዝፈለጠት እኳ’ያ መዝሚዛትካ። ንሳ ትጋባዮ ብዘየገድስ፡ ዝበለትካ ካብ ምግባር ስለዘይትቦኩር ንዒቓትካ። ክትፈልጥ ኣብ ዝጸዋዕካዮ ዝመጽእ ከልቢ እምበር ሰብ ኣይኮነን።” ርድኢቱ ገለጸሉ።

“ኣፍቒረ እኳ’የ።” ኪኖኡ ኣይተዛረበን። ንዕኡ ግና እኹል መግለጺ ነበረ።

“ተጸሊለ በል እምበር።” ሓረቐ።

****

ንምስላ ኣብ መስትያት ምስ ረኣየቶ፡ ክትኣምን ኣይከኣለትን። ካብ ጽባቐ ማዕረ ክንደይ ሃዲማ ምንባራ ተፈለጣ። ኢዮብ ዝበላ ከተተግብር’ያ ነብሳ ፈቒዳ። ዝረኸበቶ ውጽኢት ልዕሊ ግምታ ኮይኑ፡ ከገርማን ከሐብናን ከኣለ። ከም ጨንፈር ገረብ ተበታቲኑ ዝነበረ ጸጉሪ ርእሳ፡ ብዝግባእ ተሰንቲሩ ድምቐት ሃባ። ቐጽጽር ዘይነበሮ ኣከዳድንኣ ኣመሳራርያ፡ ጽቡቕ ቕርጻ ከም ዝርአ ገበረት። ጽሬታን ጽፈታን ልዕሊ መጠን ኣጎልቢታ፡ ሰሓቢት ጎርዞ ኮነት።

“ኣቲ መን ኢኺ?” ብደገ ዝጸንሐት ስኒት፡ ንሄለን ምስ ረኣየት ዝበለቶ’ዩ። ብዝረኣየቶ ለውጢ ክትኣምን ኣይከኣለትን። ጽባቐ ሄለን ልዕሊ ልክዕ ኣገረማ። ብሰሪ ተገዳስነትን ነብሰ ኣልያን፡ ተሓቢኡ ዘሎ ጽባቐ ሰባት፡ ከፈጥሮ ዝኽእል ለውጢ ብንጹር በርሃላ። ጽባቐ ኣመና ልዑል ኣገዳስነት የብሉን።

“ሄለን’የ ስኒተይ።” ክምስ በለት። ኣብ ስኒት ዝተፈጥረ ስምዒት ተገንዚባቶ’ያ። መልከዓ ኣብ መስትያት ምስ ተዓዘበት ዝፈጠረላ ምቹእነት፡ ልዑል ምንባሩ ንሳ ባዕላ’ውን ምስከር’ያ።

“ኩሎም ደቂ ተባዕትዮ መምሃራን ኣዒንቶም ካባኺ ከም ዘይኣልዩ ርግጸኛ’የ። ማዕረ ክንድዚ ጽብቕቲ ሙኺንኪ ሎሚ’የ ፈሊጠ። እምበር ሄለን ናይ ትሮይ! እንተዘይተጋግየ ሎሚ ኣብ ንዓኺ ንምውናን ኩናት ኣሎ።” ኣድናቐታ ወርወረት።

“ኣብዚሕክለይ’ዶ?” ክምስ ኢላ ሓተተት።

“ዝፈልጡኺ ከይጋገዩ ከይጋግዩኺ ‘ሄለን’የ!’ በልዮም።” መሓዝኣ ክም ዕምርቲ ቤት ሻሂ ብብዙሓት ከምትንገድ ኣይተጠራጠረትን። “እንታይ ሓሲብኪ ደኣ ከምኡ ጌርኪ?” ናብ ጥቓኣ ቐሪባ ተወከሰታ። እንታይ መኽንያት ከምተምጻላ ንምፍላጥ ህንጡይነት ዝሓደራ ትመስል።

“ዓይኒ ኣወዳት ልቢ ከምዘለዎ ስለዝፈለጥኩ።” መለሰት ሄለን። ‘ኣብ ልቢ ኣወዳት ዓይኒ ኣሎ ድዩ የለን ኣይተፈልጠን። ግና ብርግጽ ኣብ ዓይኒ ኣወዳት ጽባቐ ዝለቐም ልቢ ኣሎ!’ ምስ ዝብል ሓሳብ ትሰማማዕ’ያ።

“ብቐዳማይ ፈትየ ኢልክኒ ኔርኪ ሄለነይ። ንዕኡ ንምምሳጥ’ዶ ይኸውን?” ናይ ቐድሚ ሰሙን ዘረባ ዘከረት።

“ሰብኣይ እንተስኢንካ ዘይግበር የለን። ሰብኣይ ብቐሊሉ ኣይመጽእን’ዩ። ክመጸካ ተኾይኑ ድማ ወይ ጸውዓዮ ወይ ከኣ መስጦ። ክጽዉዕ ድፍረት ስለዝሰኣንኩ ግድን’የ ክምስጥ።” ነታ ሞቦቐላዊት ሕቶ ጎስያ፡ ተዋዘየት። ምስ ኢዮብ ዘለዋ ዝምድና ብምስጢር ክትሕዞ ስለዝደለየት’ያ።

“ቐዳዊና ይግበሮ!” ሰሰናዩ ተመነየት።

****

ትበርቐ ዝነበረት ጸሓይ ትልግሶ ብርሃን ብመላእ ፍጡራት ዝተፈትወ’ዩ። ብራቐ ጸሓይ ንመን ዘይፍተዎ? ተፈልያትና ዝሓደረት ጸሓይ፡ ‘ከመይ ሓዲርኩም?’ ትብለና ግዝያት እኳ’ዩ። ንጸሓይ ዘይናፍቐ የለን። እትምንታይ ጸላም ተፈታዊ ስለዘይኮነ። ሰላም ትናፍቐሉ እዋን ኣብ ኩናት እንተለ’ኻ’ዩ። ጥዕና ትናፍቐሉ እዋን’ውን ሓሚምካ ምስ ተደነስካ’ዩ።

ቐድሚ ቁርሲ፡ ሄርሜላን ራሄልን ብድሕሪ ሽንቲ ቤት ቐይመን ጉጅም ክብላ ይስመዓ። ንሽንቲ ቤት ኢለን ምስ መጻ፡ ጸሓይ መቐራተን’የን ከምኡ ገይረን።

“ኣብ ትሕቲ ዝኾነ እዋን ቐዳማይ ምርጫይ ኣራምየ።” መርገጺኣ ኣነጸረት። ብዛዕባ እቶም ክልተ ዕድመ ፍቕሪ ዘቕረቡላ መንእሰያት’ዮን ዘዕልላ ነይረን። ኣራም ካብ ዮናስ ንላዕሊ ንልባ መሲጡ ምንባሩ ትጠራጠረሉ ኣይኮነትን።

“ንሱ ምርጫኺ’ዩ። ግና ከም ዝተጸበኽዮ ኪይከውን ይኽእል’ዩ። ስለዚ ንዮናስ ተስፋ ዘቑርጽ ዘረባ ኪይተስምዕዮ። ኣራም ንዓኺ ቐዳማይ ምርጫኺ’ዩ። ንስኺ ንዕኡ ግና ቐዳማይ ምርጭኡ ዘይክትኮኒ ትኽእሊ ኢኺ።” ማዕዳኣ ለገሰት ራሄል። ጓል መራጺት ክትከውን ከምዘለዋ’ያ ትኣምን። ኣብ ምምራጽ ትጋገን ትዱንግን ጓል፡ ዝመጻ ሳዕቤን ከቢድ’ዩ በሃሊት’ያ። ‘ልክዕ’ዩ ኣወዳት ኣባጊዕ ኣይኮኑን፡ እንተኾነ ጓል መራጺት ክትከውን ኣለዋ!’ ዝብል መርገጺ ኣለዋ።

“ቐዳመይቲ ምርጭኡ’ባ ይኸውን።” ተስፋኣ ገለጸት። ከም ኣራም ዝትሕት ወዲ ቐድሚ ሎሚ ትፈልጥ ኣይኮነትን። ኣብዛ ኩሉ ክልዕል ዝደልየላ ዓለምና፡ ከም ኣራም ትሕትናን ኣኽብሮትን ዘለዎ ሰብ ብቀሊሉ ዝርከብ ኣይመስላንን’ዩ።

“ዕድለኛ ኮይኑ ከናፍርኪ ክስዕም ይምነየሉ።” ጽቡቕ ዕድል ተመነየትሉ።

“ከናፍረይ ንዕኡ’የን ዝጽበያ ዘለዋ።” ብኣጻብዕቲ ኢዳ ከናፍራ ዳህሰሰት ሄርሜላ። ምስ ከንፈር ኣራም ተጋጢመን ክትርኢ፡ ጠገለ ዘይብሉ ድልየት ሓደራ።

“ከናፍርኪ ንኣራም ክጽበ፡ ዮናስ ከይጠፍኣኪ ግና ተጠንቐቒ።”

<u>18.Z. ኣብ ዝጸዋዕካዮ ዝመጽእ ክልቢ እምበር ሰብ ኣይኮነን!</u>

19

19.A. 'ኢዮብ ኣብ ቐጽሪ እታ ንእሽቶ ትመስለና ልቢ፡ ኤነትረ ዝጠዊ ተንኮል ክኣልም ይኽእል'ዩ!'

"ጽቡቕ ስራሕ ዓሚምካ።" ርእይቶ ሜሮንዩ ነይሩ።

"ከምኡ ኣይተጸበኹን። ከይትበልዓኒ ስግኣት ኣሕዲረ'የ። እንተኾነ ሄርሜላ ከምኡ ኣይገበረትን።" ኣኽመስመሰ ኣራም። ሄርሜላ ሕቶኡ ከምዘይጸልኣቶን መዓልቲ ክቕይሩን ስለዝሓበረቶ፡ ተስፋኡ ልዑል'ዩ።

"ዮናስ ጨርቕ ክድርቢ'ዩ።" ገመተ ሜሮን። እቲ ብኣንነትን ትዕቢትን ዝተመልኣ ዮናስ፡ ኣብዚ ጉዳይ ዝህቦ ግብረ መልሲ ክሰምዕ ተሃንጠየ። መዓስ ብዘየገድስ በካይድኡን ጠባዩን፡ ምስ ውድቕት ከም ዝመሓዞ ኣይጠራጠርን'ዩ። ዕምሪ ትዕቢተኛታት ሓጺር ከምዝኾነ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ተዓዚብዎ'ዩ።

"ገለ ከይገብር ግና ሰጊእ ኣለኹ።" ዓቲቡ ተዳመጸ። ዮናስን ኣካይድኡን ሓደገኛታት ከምዘይኮኑ ዝለዓለ ግምት ኣለዎ። እቲ ብድሕሪ መጋረጃ ንዮናስ ዝዝውር ኢዮብ ግና ሓደገኛ'ዩ። ንዓመታት ስለዝፋለጡ፡ መጠን ኣተሓሳስባ ኢዮብ ለኪው፡ እንታይ ክገብር ከምዝኽእል ክእምት ጸገም ኣይነበሮን። እቲ ስቕተኛ ኢዮብ ቀሊል ሰብ ኣይኮነን። ኣብ ስቕ ዘሎ መሰቓስቕ፡ ንጉዕዝኡ ዓንቓፊ ከይከውን ዓቢ ስግኣት'ዩ ዘለዎ። 'ኢዮብ ኣብ ቐጽሪ እታ ንእሽቶ ትመስለና ልቢ፡ ኤነትረ ዝጠዊ ተንኮል ክኣልም ይኽእል'ዩ!' ምስ ዝብል ሓሳብ ይሰማማዕ'ዩ።

"እንታይ'ሞ ከይገብር'ዩ? ምኽር*ታት ኢዮብ ክሳብ ክንደይ ከም ዝጠቕሞ ይፈልጥ'የ። ግና ዕድል ኣይገበሩን። ጸወታ ከይተጀመረ ሄርሜላ ንዓኻ መሪጻ'ያ።" ስግኣቱ ዝህልዎ ኣድማዕነት ከምቲ ንሱ ዝሓስቦ፡ ከምዘይከውን ገለጸ ሜሮን።

"ከይቕይርዋ እምበር።" ሓደገኛ ብልሒ ኢዮብ ኣብ መዋጥር ከየውድቕ፡ ሰግኣ። ኣዕናዊ ሓሳባቱ ከም ዘራጊቶ መደባቱ በታቲኡ፡ ንዘልኣለም ስቕያት ከይፈጥረሉ ፈርሐ። ኢዮብ ዓርኩ'ዩ። እንተኾነ ዕርክነቶም ሎሚ ስለዘየለ፡ ኣራም ከይጉዳእ ዝሓስበሉ እንኮ መኽንያት ውን የብሉን። ሓዲኡም ዝዕወትሉ ውድድር ስለዝኾነ፡ ከም ቀደም ስጋይ ስጋኻ ዝብልሉ ኣብነት ኣይረኣዮንዩ።

"ደሓን ጸጽቡቕ ጥራይ ንሕሰብ። እንቶኾነ ኣይቅይርዋን ይኾኑ። እንተቀይሮማ ከኣ ንሕና ውን ብስቕታ ንከታተለሉ መኽንያት የለን።" ቕድሚ ዝኣገረ ከይጭነቕ ዝበሎ'ዩ። እምበር እዚ ኣብ ኣራም ዘሎ ስግኣት፡ ንዕኡ ውን ኣየናሕሰየሉን።

“ጽቡቕ ኣለኻ።” ምስ ሓሳባት ሜሮን ተሰማምዐ።

“ጓል ግን መሪጽካ ኢኻ ዓርኪይ። ካብ ንሰብ ንመልኣኽቲ ትቐርብ። ምስ ረኣኹዋ ብቓላት ክገልጾ ዘይክእል ስምዒት ወሪሩኒ።” ኣድናቕቱ ገለጸ። ሄርሜላ ካብ ዝረኣየን ኣዋልድ፡ እታ ቕሩጽሪ ሓደ’ያ ኮይናትሉ። ጠምተኒ እናበለ፡ ግዜኻ ዝሕሸሸ ሰሓቢ መልክዕ ከምዘለዋ መስኪሩ’ዩ። ምስ ረኣያ ‘ፈጣሪ ንሄርሜላ ዝሰርሐ፡ ንጥዕና ኣዒንቲ ክሕሉ ስለዝደለየ’ዩ!’ ብምባል’ዩ ገሊጽዋ።

“ብሓቂ?” ብልቡ ተሓጎሰ ኣራምሪ።

“ብሓቐይ’የ። ንሞናሊዛ ዝቐብአ ሌናርዶ ዳቪንቺ፡ ፈጣሪ ንሄርሜላ ከም ዝሰርሐ ክፈልጥ ኣለዎ። መስኪናይ መንግስተ ሰማያት ይቀበሎ ዳቪንቺ፡ ብዘይካ ሞናሊዛ ካልእ ምልክዕቲ ጓል የላን ይብል ይኸውን። ናብዛ ግዝያዊት ዓለም ተዝመጽእ ግና ንሄርሜላ ርእዩ መርገጺኡ ንእለት ምቐየረ።” ተዛረበ ሜሮን።

“ኣየብዛሕካላን።” ስክፍታ ዝዓንነ መሰለ ኣራምሪ። ነታ ኣበር ዘይትረኽበላ ሄርሜላ ዝበቐዕ ናእዳ ከምዝኸውን ሓሲቡ’ዩ። የግዳስ ትሕት ምባል መሪጹ። ኩሉ ግዜ ክትሕት ዝፍትን ሰብ፡ ኣብ ኣገዳሲ እዋን ከም ዝልዕል’ዩ ዝኣምን።

“ማዕቀና’ዩ።”

****

“ንኣራም ተዓዊትናሉ ኣለና’ዶ ትብል?” ድሕሪ ናይ ካልኢታት ስቕታ ሕቶ ኣልዓለ ዮናስ። ባዕሉ ክግምቶ ንዝኽእል ጉዳይ’ዩ ቃላት ኢዮብ ደልይሉ። ከይተረድኦ ናይ ኢዮብ ጽግዕተኛ ይኸውን ምንባሩ ኣይተሰወጦን።

“ተዓዊትናሉ ክብለካ ኣይትጸበ። ግና ላዕለዋይ ኢድ ጨቢጥና ምህላውና ክስወረካ የብሉን። ንፍቕሪ ከም ዘይሓተታ’የ ዝግምት። ኣቕሪቡላ ተኾይኑ ውን ነጺጋቶ ኣላ ማለት’ዩ።” ሓሳባቱ ገለጸ ኢዮብ። ካብ ዝኣዘዞ ፓኒኖ ድሕሪ ምኹላስ ብኮኳ ቋሰዮ። ካብ ኣብ ዘረባ ዝያዳ ኣብ ብልሚ ዝተገደሰ’ዩ ዝመስል።

“ብኸመይ?” ኣይበርሃሉን። ከይተደግመለሉ ዝርድኦ ኣይኮነን።

“ሓቲትዋ ነይሩ ተዝኸውን ንዕኻ ተስፋ ኣይምሃበትካን። ወይ ከኣ ሓቲትዋ ግን ከኣ ኣይተቐበለቶን ክትከውን ኣለዋ። ግና መታን ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ከም ዘይሓተታ ጌርና ንሕሰብ።” ከየድግሞ እናተተስፈወ ግብረ መልሲ ሃበ ኢዮብ።

“እንታይ ተገበርኩ ይሓይሽ?” ንጽባሕ ክሓስብ ነይርዎ። ዝሓለፈ ሓሊፉ’ዩ።

“ደጋጊምካ ክትሓታ ኣለካ። ጓል ዝመላለሳ ወዲ’ያ ትፈቱ። ሄርሜላ ከምቶን ካልኦት ምሳኻ ዝዞራ ኣዋልድ ጌርካ ኣይትሕሰባ። ኣመና ዝተፈለየት ስለዝኾነት፡ ኣብ ካልኦት ዝተጠቕምካሉ ሜላ ኣብ ሄርሜላ ክሰርሕ ኣይትጸበ።” ኣመና ኣገዳሲ ሓበፌታ ኣመሓላለፈሉ። ‘ከም ቀደም ይመስለክን.....’ ዝብል ምስላ’ዩ ዘኪሩ።

“ካብ በዓል ሲፎራ፡ ንያት፡ ሃና፡ ..... ሄርሜላ ከመይ ኣቢላ ትፍለ?” ሄርሜላ ካብ ኩለን ከምትፍለ ይኣምን’ዩ። እንተኾነ እቲ መኽንያት እንታይ ክኸውን ከም ዝኽእል ዝኾነ ኣፍልጦ የብሉን።

“እዘን ዝጠቀስካየን ከም ሄርሜላ እዱባትን ክቡራትን ኣይነበራን። ዳርጋ ኩለን ኣብ ለይታዊ ትልሂት ዝፈለጥካየንን ክብረን ኣሕሊፈን ክህባኻ ዘይተሰከፋንየን። ሄርሜላ ግና ብኣንጻረን። ክብራ ሓልያ ትኸይድን፡ እቲ ልክዕ ጓል ክትኮኖ ዘለዋ ዝኾነትን’ያ።” ካብ ፓኒኖኡ ኮለሰ።

“ሓቕኻ እኳ ኢኻ።” ብዘይ መጠን ተገረመ። እዚ ኢዮብ ዝብሎ ዘሎ ብዘይ ጸገም ክፈልጦ ከምዝነበሮ ሓሲቡ ቕር በሎ። ግን ከኣ ኢዮብ ምስኡ ብምህላዉ ተሓጎሰ። ጎቦ ክኸውን ስለዘይከኣለ፡ ኣብ ጎቦ ክጽጋዕ ነይርዎ።

“ሓደ ሓሳብ ኣሎኒ።” ዓቲቡ ተዛረበ ኢዮብ። ሄርሜላ ናይ ዮናስ ተኾይና፡ መብጽዓ ተኣትይሉ’ዩ። ተቋዳሲ መብጽዓ ክኸውን ተኾይኑ፡ ንኣራም ካብቲ ውድድር ንምውጻእ ሓሳባት ክፍብርኽ ነይርዎ። ‘ልቢ ኣራም ምጉዛይ ገበን ዘይኮነ፡ ዓስቢ ዝርከቦ ስራሕ’ዩ!’ ዝብል መምርሒ ክኽተል ነይርዎ።

“እንታይ’ዩ ንሱ?” ብታህዋኽ ሓተተ። ንሓሳባት ኢዮብ ብሃንቐውታ ክጽበዮም ካብ ዝጅምር ኣይወሓደን። ብዘይ ሓሳባት ኢዮብ፡ ንነብሱ ከም መንገብገብ ዘይብላ ዑፍ’ዩ ዝቐጽራ። እታ ናይ ቕናጁ ቕንጆ ዝኾነት ሄርሜላ፡ ከም ሕዛእቱ ክቐጻጸራ ተኾይኑ፡ ሓሳባት ኢዮብ ካብ ጎድኑ ክእለዩ የብሎምን።

“ሓሙስ ገዛ ክትከይድ ኢኻ።” ኣዘራርብኡ ምሉእ ብምሉእ ትእዛዝ መሰለ። እቲ ሓሳብ ሃንደበትኦ መጽይሉ። ዝሓሰቦ ክዉን ተኾይኑ፡ ኣራም ኣምቢሂቑ ከም ዝተርፍ ልዑል እምነት ኣዋህለለ።

“ስለምንታይ?”

****

ምስ ረኣየቶ ከተርክቦ ፈጠነት። ልባ ከም ኩዕሶ ተኒስ ካብን ናብን ክትናጠር ኣስተውዓለትላ። ኣተናፍስኣ ግቡእ ቐጽጽር ክትገብረሉ ኣይተራእየትን። ከም ተወዳዲሩ ዝወድኣ ጎያዪ ሚእቲ ሜትሮ፡ እንቋዓ እንቋዓ ከተተንፍስ ተራእየት።

ምስ ቐረበቶ፡ ነብሰ ቁጽጽራ ንምምላስ ቐስ በለት። ኩነታታ ቐልጢፉ ከመሓራረየላ ብርቱዕ ስራሕ ኣካይዳ፡ ናብ ንቡር ተመልሰት። ብድሕሪኡ ስለዝነበረት ክርእያ ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ ስሙ ጸዊዓ ኣቓልቦኡ ክትገብእ ወሰነት።

"ሜሮን!" ክሰምዖ ብዝኽእል ደሃይ ጸውዓቶ። ድምጻ ሰሚዑ ናብ ኣንፈታ ከግልበጥ ካልኢታት ጥራይ'ዩ ሓቲቱ። ዝጸውዓቶ መን ሙኺና ምስ ፈለጠ፡ ስንባደኡ ክሓብእ ኣይከኣለን። ኣብ ማዕዶ ኬንካ'ውን ዝኽሸፍ'ዩ ነይሩ። ብድሕሪኡ ስለዝነበረት ክጽበያ ነይርዎ።

"ስኒት! ከመይ ቐኒኺ?" ስክፍትኡ ተቐጻጺሩ ድሙቐ ሰላምታ ለገሰላ። ምዕጉርታ ምስ ጨለፈ፡ መንነቱ ዘየለለዮ ስምዒት ኣብ መላእ ኣካላቱ ተነዝሐ።

"ክላስ ከመይ ኣሎ?" ዓይና መሊኣ ክትጥምቶ ኣይከኣለትን። ብዝኾነ መዐየሪ ዘይልካዕ ጣዕሳ፡ ጸይራ ዝነበረት ሰብ'ያ። ዘይንሳ ክትመስል ዝዓደገቶ ሓሶት፡ ጠቓሚ ኮይኑ ኣይሓለፈን። ከም ዝሓሰወት ተነጊሩቶ፡ ካብቲ ኣቀዲሙ ዝገጠማ ዝብርትዕ ጣዕሳ ዘለዎ ኩነት ከይፍጠር ፍርሒ ሓደራ። ከየዋርዳ'ዩ ስግኣታ።

"ጽቡቕ።" ንሱ'ውን ካብ ናታ ዝፍለ ሓሳባት ኣይነበሮን። ዘይነብሱ ክመስል ዝተጠቕመሉ ሓሶት ቐሳነት ኣይሃቦን። ከም ዝሓሰወ ከይነግራ ከኣ ኣይከኣሎን። ንሱ'ውን ከይተዋርዶ ፈሪሑ ነበረ። ኩሉ እዋን ጌጋታት ካብ ከተዐርዮም ክትጋገዮም ይቐሉ። "ናይ ደሓን ደኣ በዚ ተዛዊርኪ?" ኣብ ልሳኑ ዝመጸሉ ሓተተ። ሰለይ እናብሉ ክንዓዙ ጀመሩ።

"ዎክ ክገብር ጸኒሐ።" ኣብ ኣፋ ዝጸንሓ መለሰትሉ። ንጥዕና ዘይብሉ ሕቶ ጥዕና ዘይብሉ መልሲ ክህልዎ ንቡር'ዩ። ካብ ቐደሙ ዘይቐንዐ ልቦም ሕጂ ክቐንዕ ዘይሕሰብ'ዩ።

"ናይ ደሓን ደኣ በዚ ጸሓይ ዎክ ክትገብሪ ጸኒሕኪ?" ገሪምዎ ሓተታ። ብቐንዕና ዝተዛረበቶ ስለዝመስሎ፡ ምኽንያታ ክሰምዕ ህንጡይነት ኣሕደረ። እቲ እዋን ዝያዳ ሃሩር ዝፍጠረሉ ከባቢ ንሰዓት 3 ድቐ እዩ ነይሩ። እንተዘይተገዲድካ ንኽትንቐስቅስ ዘየተባብዕ ኩነታት ኣየር እናሃለወ፡ ከምኡ ምግባራ ደንጽይዎ'ዩ።

"ቐሩብ ጸገም ረኺበ።" ንዝተፈጥረ ኣጋጣሚ ክትጥቀመሉ ቐሪጻ ተበገሰት። ክሳርኣ ኣሕውያ ናብ መኽሰብ ተለወጠቶ ትፈልጦ የብላን። ክዕረ ዝከኣል ተኾይኑ ምፍታኑ ይሕሸኒ በሃሊት'ያ።

"እንታይ ጸገሙ?" ካብ ልቡ ሰንበደ። ካብ ልቡ ፈትይዎ ስለዝነበረ'ዩ ከምኡ ኮይኑ። ጸገም ከጓንፋ ሕርይኡ ኣይኮነን። ብዝተኸእለ መጠን ጠጥጥሑ ክገጥማ'ዩ

ዝምነ። ኣበይ ከይከኣል እምበር ዓቕብ ህይወት፡ ከም ሰተታ ክጸፍሓላ ውን ኣይምጸልኣን።

“ምስ ዓርከይ ተባኢስና።” ካብ ኣቐዲማ ዝበለቶ ሓሶት ሙኺኑ ትነግሮ፡ ካልእ ሓሶት ምሂዛ ከም ዝቓረቡ ክትገብር መረጸት። ንቐዳማይ ሓሶታ ብኻልእ ማይ ዘይጠዓመ ሓሶት ክትድብሶ ከምትኽእል እምነት ኣሕዲራ’ያ። ንሓሶት ብሓሶት!

“እምቢእ!...” ዝሰንበደ መሰለ።

“ጸጊቡ በጃኻ፡ ፊዕፊዕ ኢሉ።” ንዝጀመረቶ ተዋስኦ ቐጸለቶ። ተዋስኦኣ ተዋስኦ ኮይኑ ክተርፍ ግና ኣይትደልን’ያ።

“ኣብ ፍቐሪ ምጉርፋጥ ንቡር’ዩ። ተጎራፊጥካ ዘይምዕራቕ ግን ጽቡቕ ኣይኮነን። ክትረዳድኡ ዘይትፍትኑ።” ዘይኣምነሉ ተዛረበ። ንሱ ውን ከምኣ ይዋሳእ’ዩ ነይሩ።

“ንረዳዳእ ኣይመስለንን።” ብዛዕባ እቲ ኣብ ክውንነት ዘይተመርኮሰ ዛንትኣ ግምታ ክትገልጽ ተሰምዐት። ብሓሳባታ ዝፈጠረቶ ኣፍቓሪኣ፡ ብሓሳባ ኣዕንያ ምስ ሜሮን ዝጀመርዎ ርክብ ክትቕጽል’ዩ መደባ። “ኣፍቓሪትካ’ኸ ከመይ ኣላ?”

“ኣነ ውን ምስኣ ተጎራፊጠ’የ ዘለኹ።” ንዕኣ መሰለ።

“እንታይ ትብል?”

“ካልእ ዓርኪ ሒዛ።” ነጻ ከም ዝኾነ’ዩ መልእኽቲ ዘሕልፈላ ነይሩ። ንሱ’ውን ንሓሶት ብሓሶት ከመዓራሪ መረጸ።

“እሞ እንታይ ደኣ ክትገብር ኢኻ?”

“እንድዒ!”

19.Z. ኩሉ እዋን ጌጋታት ካብ ከተዐርዮም ክትጋገዮም ይቐሉ!

****

20

20.A. ‘ኣድናቐት ብዝግባእ እንተተሸሪፉ፡ ንኣስፔዛ ሞራል ዝዓጹ ባጤራ’ዩ!’

ኣሚንቲ ኢዮብ፡ ምስናይ ትኩረተን ናብ ሄለን ኣበላ። ኣሚንቱ ዘኣንገድኡ ምስሊ ኣግርሞት ከይፈጠረሉ ኣይተረፈን። ቁንጅና ሄለን፡ ስሕበት ፈጢሩ ንልቡ ክድሃዮ ኣይደንጐየን። ሄለን ከም ናይ ሎሚ መሳጥነት ፈጢራትሉ ኣይትፈልጥን’ያ።

ኣእጋሩ ናብ መንጽራ ኣእንፊቱ ስጉምታቱ ኣሰላሰለ። ከምቲ ጽብቕቲ ዕንባባ ኣናህብ ትስሕብ፡ ሄለን ድማ ኣወዳት ከም ትስሕብ ሓሰበ። ሄለን ምስ ረኣየቶ ክምስታ ኣርኣየት። መስታ ኣስናና’ውን፡ ንልቢ ኢዮብ ዝትንክፍ መልሰ-ተግባር ካብ ምኽን ክዕገት ኣይተኻእለን። ‘ምናልባት እዚኣ እታ ንግሪኽን ስፓርታን ዘናቕተት ሄለን ክትከውን ኣለዋ!’ ብምባል ተምሳጡ ገለጸ።

“እንታይ ደኣ ከም ጽንብል መርዓ ዝጽበያ ጐርዞ ደሚቕኪ?” ብመልክዕ ሕቶ ተምሳጡን ኣድናቑቱን ወርወረ። ኣሰር ጽባቐ ዝነበሮ መልክዓ፡ ተገዳስነት ተተሓዊስዎ፡ ንዓይኒ ጠማቲ ስራሕ ክፈጥር ከም ዝኽእል ገሚቱ ነይሩ’ዩ።

“ብሓቂ?” ክምስታ ኣርኣየት። ክምስትኣ ወኪል ናይቲ ኣብ ቦትኣ ተኻርዩ ዝነበረ ባህትኣ’ዩ። ኣድናቑቱ ምስ ሰምዐት፡ ከም ካብ ዘራእቱ ተስፋ ዝረኸበ ሓረስታይ’ያ ተፈሲሃ። ኣድናቕት ካብ ልቢ ዝብገስ እንተኾይኑ፡ ንሰባት ኣብ ምብርታዕ ዝጻወቶ ተራ ብዝግባእ ትፈልጦ ኣይነበረትን። ‘ኣድናቕት ብዝግባእ እንተተሸሪፉ፡ ንኣስፔዛ ሞራል ዝዓጹ ባጤራ’ዩ!’ ምስ ዝብል ሓሳብ ትሰማማዕ’ያ።

“ብሓቂ! ተቐይርክኒ።” ካብ ናይ ኣድናቕት ዓለም ክወጽእ ኣይተራእየን።

“ሰኣን ከምዚኣ ምግባር’የ. .” ብመልክዕ ዋዛ ግብረመልሲ ሃበት ሄለን።

“መልክዕኪ መሊስክዮ ኣለኺ። ኣብ ዓለም እቶም ብቕኑዕ መገዲ ዘይከዱ ዘይኮኑ’ስ፡ እቶም ነቲ መገዲ ዋላ እናጐድኦም ከም ዘርብሖም ዝሓስቡ’ዮም ግጉያት። ስለዚ እቲ ቅኑዕ መገዲ ምፍላጥኪ ምስጋና ይግብኣኪ’ዩ።” ምንኣድ ቀጸለ። ንናእዳ ዝኽፈል ዋጋ ስለዘየለ፡ ምስ ጽቡቕ ዕድል ክጽብጸብ ዘለዎ’ዩ። ሕጊ ተፈጥሮ ንናእዳ ገለ ዋጋ እንተዝስለዓሉ፡ ክንደይ ፍቕራት ኮን ምተባእሱ?

“የቕንየለይ።” ምስጋንኣ ገለጸት።

“ፍቕራት ከም ጓኖት ክመሳገኑ የብሎምን’የ ዝብል።” ሓሳባቱ ገለጸላ።

“ብዘይ የቕንየለይን ኣይትሓዘለይን፡ ክንነብር ንኽእል ኣይመስለንን። ፈጣሪ ዘይምሉኣት ገይሩ’ዩ ፈጢሩና። ብዘይ ምሉእነትና ንዝፍጠር ሽግራት ከኣ በዞም ቃላት ክንፈትሖም ሓጊዙና። ጸድፊ ይፈጥር’ሞ መደያይቦ ከኣ የስዕበሉ ዝዓይነቱ’ዩ።” ኣብ ሓሳባቱ ዘለዋ ተቓውሞ ክትገልጸሉ ተሰምዐት። ንዘይተዋሕጠላ ጉዳይ ሸለል ኢልካ ናይ ምሕላፍ ባህሪ የብላን።

“ኣይትሓዝለይ ይቕሬታ።” ወግዓዊ ይቕሬቱኡ ኣስዓበላ።

“ርኢኻ ሕጂ’ውን ተጠቒምካሉ።” ክምስታ ኣርኣየት።

“ናበይ ኢና ሕጂ?” ክሳብ ሸዑ ብደዎም’ዮም ዘዕልሉ ነይሮም። ገለ ኮፍ መበሊ ክረኽቡ ከም ዘለዎም’ዩ ሓሲቡ።

“ፍቕሪ ናብ ዝወሰደና ንኺድ።”

****

ሄርሜላን ራሄልን ብሓሳባታ ክሰማምዓ ኣይክኣላን።

“ብርግጽ ተጋግየ’የ። ግን ካብ ንጌጋይ ይቕሬታ ዝሓተሉ፡ ብካልእ ካብኡ ዝንእስ ጌጋ ከዐርዮ ከምዝኽእል ተረዲአ ኣለኹ።” ዘርኣይኡ ተቓውሞ ደስ

ኣይበላን። ከም ነብሳ ንሓሳባታ ክቅበልኡ ሓሳብ ነይርዋ'ዩ። ሓሳባ ግን ክቓናዕ ኣይተካእለን።

"ስኒተይ! ብጌጋ ዝዕረ ጌጋ ከም መዓልቱ ዘእከለ ዑና ዝፈርሰሉ ኣጋጣሚ ከም ዝህሉ ፍጹም ክትጠራጠሪ የብልክን። ፍቕሪ ብጉሉጽ መንፈስን ጽሩይ ሓቅን እምበር፡ ብዝተሓብአ ውዲት ዝጥዕ ተኽሊ ከም ዘይኮነ ፍለጢ።" መጠንቐቕታዊ ሓበሬታ ኣማሓላለፈት ሄርሜላ። ንተግባራት ስኒት ቅንዕና ኣይርኣየትሉን። መዓስ ብዘየገድስ ቅንዕና ከም ሬሳ ተቕቢሩ ዝተርፍ ስለዘይኮነ፡ መቃብሩ ፈንቂሉ ዝወጸሉ ዕለት ከም ዝህሉ ፍጹም ትጠራጠር ኣይኮነትን።

"ፍቕርን ሕግን ቅንዕና'ዮም ዝመርጹ ስኒተይ። ካብ ንሓዋሩ እናተጣዓስኪ ትነብሪ ካብ ሕጂ ሒዝኪ እቲ ሓቂ ነኺርኪ ምቕሳን ይሓይሽ።" ራሄል ብወገና ተዛረበት። ካብ ናይ ሄርሜላ ዝፍለ ሓሳባት ኣይነበራን።

"በዚ ውን ዘይክመርጸኪ ይኽእል'ዩ። ኣወዳት ንፍቕሪ ዝመርጽዋ ጓል ብወዲ ዘይሓለፈት ክትኮነሎም'ዮም ዝምነዩ። ብወዲ ዝሓለፈት ጓል ገለ ነገር ከተጉድል ከም ትኽእል ስለዝግምቱ።" ተወሳኺ ሓሳባት ኣምጽኣት ሄርሜላ። 'ሓሶት ብሓሶት ዝዕረ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ሓዘን ብሓዘን ምተደበሰ!' በለት ብልባ።

"ካልእ እትረፍ፡ ከናፍርኪ'ውን ደናግል'የን። ብኣታሓሳስባኺ ግና ዘይምስለን ሂብክየን። ዘለናዮ ዘመን ወድ ንጓልን ተቓሪቦም፡ ብዘይ ወላ ሓደ ንቤቶም ዘይምለስሉ ዘመን'ዩ። ስለዚ ዓርኪ የብለይን ተበልክዮ ይሓይሽ። ክልተ ዘረባ ጽቡቕ ኣይኮነን። ግና ዝበለጸ ዘለኪ ምርጫ ንሱ'ዩ።" ራሄል ሓሳባታ ኣካፈለት።

"እዋእ..." ተዋጠረት ስኒት። ነብሳ ከተማላኽዕ ዝኣተወቶ ተራ ሓሶት፡ ከም ብትሪኳላታ ዝተኸበበት መውጽኢ ክትስእነሉ ትኽእል ይመስላ ኣይነበረን።

"እንታይ ወሲንኪ?" ካብ ሄርሜላ ዝወጸ ሕቶ'ዩ።

“እንታይ ከም ዝብል’ካ ሓርቢቱኒ?” ንሕቶ ብሕቶ ግብረ መልሲ ሃበት። ሓሳባታ ከም ሕንባሻ ከመቓቕል ኣስተብሃለት። ውሳኒኣ እንታይ ከም ዝኸውን ምንም ቕድመ ግምት ኣብ ልባ ኣይነበረን። ርእሳ ብዝግባእ ዕማሙ ከተግብር ኣይከኣለን። ከም ኣብ ዕሙር ለይታዊ ትልሂት ዝኣተወ ፈላሲ ተበጽበጸ።

“ድሓን ቀስ ኢልኪ ሕሰብሉ።” ውጥረታ ዘስተባህለት ራሄል ሓሳባታ ገለጸት። ከይረጋእካ እትሓስቦ ሓሳብ፡ ኪኖ ዘይምዕዋቱ ካልእ ተወሳኺ ጸገማት ከይፈጥር ስግኣት ዝወልድ ኮይኑ’ዩ ዝስምዓ ነይሩ።

“እወ ከምኡ ይሓይሽ።” ምስ ራሄል ተሰማመዐት።

****

ልክዕ ኣብቲ እተን ሰለስተ መሓዙት ዘዕልላሉ ዝነበራ ህሞት፡ ኣራምን ሜሮንን’ውን ኣብ ተመሳሳሊ ጉዳይ ብምትኳር የዕልሉ ነበሩ። ሞይቱ ዝተባህለ ዝምድና ሜሮንን ስኒትን፡ ብህይወቱ ከም ዘሎ ከበስሮም ኣይተጸበዩን።

“ብሓቂ ተጋጊኻ።” መርገጺኡ ኣነጸረ ኣራም። ብሓንቲ እምኒ ልዕሊ ክልተ ሻዕ ምዕንቃፍ እምኒ ከም ዘጸውዕ ይፈልጥ’ዩ። ካብቲ ለባም ዝበሎ ሜሮን ከምዚ ዝዓይነቱ ጌጋ ኣብ መጀመርታ’ውን ኣይተጸበየን። ዘይምጽባዩ ዝፈጠሮ ስንባደ ኣብ ቦትኡ እናሃለወ፡ ካልኣይ ጌጋ ከውስኽ ምስ ርኣየ ግና፡ ስንባዲኡ ወሲኹ ጥራይ ዘይኮነ ብልቦና ሜሮን’ውን ተጠራጢሩ’ዩ።

“ኣራም! ጌጋ ኩሉ ፍጡር ዝገብሮ’ዩ። ተጋጊኻ ዘይኮነ ዓሺኻ’ዩ ዝግብኣኒ።” ጽቡቕ ስምዒት ኣይገደፈሉን። ዝኣምነሉ ይሰርሕ ኣይነበረን። ብቀሊሉ ክኣልዮ ዝነበሮ ጌጋ’ዩ ፈጺሙ። ጌጋ ከውስኽ ብምኽኣሉ ጭንቀት ኣዋህለለ። ዋላ’ኳ ምስ ሓሳባዊት ባዕሉ ዝፈጠራ ዓርኩ ጽቡቕ ከምዘየለ ተሓበራ፡ ዘቕስን ግና ኣይነበረን።

“እዚ ጌጋ ተላቢዑ፡ ካልእ ዓቢ ጸገም ከይፈጥር ሓቂ ንገራ።” ሓሳባቱ ከካፍል ተሰምዐ። ሓሶቱ ኣብ ክልተ ኣጋጣሚ ቀጺሉ ከም ዘሎ ይፈልጥ’ዩ። ምስ ምውሳኽ ቕጽሪ ኣጋጣሚታት እቲ ሓሶት መመሊሱ ዝኸፍአ ከየስዕብ ስግኣት ኣለዎ።

“ንተመን ብንኡሱ እምበር ምስ ገበለ ክትቀትሎ ሓደገኛ’ዩ። ናተይ ድማ ከምኡ። ሓሶተይ ገቢሉ ሽግር ምስ ፈጠረ፡ ብተመኑ ዘይምቕታለይ ተጣሚሰ። ተኾነ ንሳ’ውን ምስ ዓርካ ኣብ ምርድዳእ ስለዘየላ፡ ኣነ’ውን ንሓሳባዊት ፍቕርተይ ቀቲለ ክቀርባ ዕድል ኣለኒ።” ብዘለዎ ዕድላት ክጸናናዕ ፈተነ።

“እዚ ዝበልካዮ መንገዲ ውጺኢታዊ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ውዒሉ ሓዲሩ ግና ዘቅስን ጉዳይ ዝኸውን ኣይመስለንን። ጌጋታት ከይተዳራረቡኻ እለዮም። ንፍቕርን ንጓልን ሓድሽ ምኽንካ ሓብራ’ሞ ዝበለጸ ክጐንፈካ’ዩ።” መዓዶ።

“ከምኡ ክፍትን’የ። ግና ገለ ስክፍታ ኣብ ልዕሊ ስኒት ኣለኒ።” ገለ ክብል ደለየ። ስክፍትኡ ከይዕየን ዝፈርሖ ከመስል ክዓብጦ’ዩ ሓሲቡ። ግና ጠቓሚ ከም ዘይከውን ስለዝተረድኣ ንሓሳባቱ ኣፍሪሱ ክዛረበሉ ተቐሰበ።

“እንታይ’ዩ?”

“ምስ ወዲ ዝቐረበት ጓል ገለ ነገር ከይፈጸመት ትፈላለ ኢልካ’ዶ ትሓስብ? ማለተይ ስኒት ዓርኪ ኣለዋ። ምስ ዓርካ ገለ ንዓይ ክገልጾ ዘሰክፈኒ ጉዳይ ፈጺማ ከይትኸውን ስክፍታ ኣለኒ።” ስክፍትኡ ደርጉሑ። ወድን ጓልን እንተተፋቒሮም፡ እንታይ ከም ዝገብሩ ካብ ዮናስ ተማሂርዎ’ዩ። ዮናስ ‘ጓልን ወድን ብፍቕሪ ተቓሪቦም ናብ ጸላም እንተኸይዶም፡ ባሊና ንምጽዋት ኣይኮነን እቲ ዕላማ!’ ክብል ሰሚዕዎ’ዩ። ብዓይኑ ዝርእዮ ጽያፍ’ውን ነይሩ’ዩ። እዝን ወዲ ኸምዝን እናፈለጠ፡ ንስኒት ብምሉእ ልቡ ክቀርባ ገለ ዓጉቲ ሓይሊ ፈጠረሉ።

“ኣብኡ’ስ ኣነ’ውን ስክፍታ ኣሎኒ።”

****

“ኢዮበይ! ከተሐጉሰኒ ኢልካ’ባ ኣይትሓሱ። ዋላ’ውን ክንዲ ዝጸበቐኩ ይጸብቐ ክንዲ ሄርሜላ ኣይመጽእን’የ።” ኣብ ሓደ ኮፍ መበሊ ምስ ተቐመጡ ሄለን ዝሃበቶ ግብረ መልሲ’ዩ። ናይ ሓሶት ፍቕሮም ሳልሳይ መዓልቱ ዝረገጸሉ ዕለት’ዩ።

“ሓቀይ’የ ሄለነይ።” ከእምና ተዛረበ። ኣብ ውሽጡ ገለ ምቅይያራት ከም ዘሎ ተዓዚቡ’ዩ። ኣንፈት ርክቦም ዝጥምዝዝ ምቅይያር ከይከውን ስግኣት ኣለዎ። ናይ ሓሶት ፍቕሮም ናብ ሓቂ ተዘንቢሉ፡ ንሄለን ዘቆጥዕ ከይከውን ፍርሒ ኣዋህለለ።

“በል የቐንየለይ ኢዮበይ።” ምስጋናኣ ገለጸትሉ። ከም ዝሓለፈ ርክቦም ኣብ መንኰኣም ብስድርታት ዝልካዕ ጋግ ኣለዎምሉ። እዚ ንሄለን ምቹኡነት ኣይፈጠረላን። እተን ፍቕራት ኮይኖም ከሕልፍወን ዝተሰማምዑለን መዓልታት ብኽምዚ ክሓልፋ ኣይትደልን’ያ። ብጽቡቕ ምሕላፍ ጥራይ ዘይኮነ፡ ናይ ሓቂ ኮይኑ ክቕጽል ውን ትደሊ’ያ። ስለዚ ንስክፍታን ሕፍረትን ዝተጻዋርነት ኣይነበራን። ብድፍረት ክይትሕቐፎ ጓልነታ ከልከላ። ባዕሉ ሓሲቡ ክገብሮ’ያ ትጽበ ነይራ።

“ንሄርሜላ ዝርኣያ’ዩ ዘድንቃ። ናይ’ዚ ከባቢና ካብ መምሃራን ዝጸበቐት ጓል’ውን ክብልዋ ሰሚዐ ኣለኹ። ግና ጸዋግን ዘይትድፈርን’ያ። እዚ ከኣ ንጽባቐኣ መሊሱ የድምቆ።” ሄለን ምስኡ እናሃለወት ብዛዕባ ሄርሜላ መግለጺ ሃበ።

“ኣነ’ውን ይገርመኒ’ዩ። ደፋራትን ተኣማንነት ኣለና ዝብሉ ኣወዳት ኣብኣ ምስ በጽሑ ከም ኣብ ማይ ዝኣተወት ኣንጭዋ’ዮም ዝቕየሩ። ክብራ ፍጹም ክትንከፍ ስለዘይትደሊ፡ ገጽ ኣይተርእዮምን’ያ።” ንመግለጺኡ ዘተርንዕ ሓሳባት ወሰኽት። ግና እቲ ኩነታት ደስ ዘበላ ኣይትመስልን።

“ተዓዊቱላ።” ብጠባይ ሄርሜላ ዝተሓበነ’ዩ ዝመስል። ሄርሜላ ሰይቲ ዓርኩ ክትከውን ትሕሰብ ዘላ ጐርዞ ምኽና ዘኪሩ ተገረመ። ኑቲ ብስለት ዘይብሉ ዮናስ ከም ዘይትግባእ ተኣመነ። እንተ’ኾነ ረብሓ ክሳብ ዝሃለወ ኣንጻር እምነቱ ክጐዓዝ ምኽኑ ይፈልጥ’ዩ። ንረብሓ ጠጠው በል ዝብል ሴማፎሮ ስለዘይብሉ!

“ከምኣ ክኾነልካ ትደሊ?” ባህርያት ሄርሜላ ካብ ፈተዎ፡ ክቕንእ ኣይደለየቶን። ቕዲማቶ ከም ዝቕንእት ተረዲእዋ’ዩ። ኣብ ጎኑ ኮፍ ኢላ ከላ ብዛዕባ ብልጫታት ሄርሜላ ከዛረብ ኣይተቕበለቶን። ፍቕሪ ስሱዕ ሙኽኑ’ያ ትኣምን።

“ግና ቀሊል ኣይኮነን። እምበር ኣነ ደኣ ከም ሄርሜላ ክትኮንለይ ምተመነኹ። እዘን ዝተረፋ መዓልታት ድማ ብሓጎስ መሕለፍኩወን።” ድልየቱ ጋልሃላ። እንታይ ክትብል’ያ ኣይበለን። ንሞራላ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ቃላት’ዩ ተዛሪቡ።

“ከገብሮ’የ።” ቃል ኣተወትሉ።

“ጽቡቕ። ተሃንጥየ ክጽበየኪ’የ። ካባይ’ከ እንታይ ትደልዩ?” ዝሓተታ ጥራይ ከተተግብር ቅኑዕ ኮይኑ ኣይተሰምዖን። ምዕሩይነት ክህሉ ከም ዘለዎ ሓሰበ። ድልየቱ እምበር ድልየታ ከይፈለጠ ክሓልፎ ገበን ኮይኑ ዝተራእዮ ይመስል።

“ሕቆፈኒ።” ብስክፍታ ድላያ ክትቕትል ኣይተዋሕጠላን። ካብ ዘይተረድኣ ዋላ ይኽበድ ክትነግሮ ነይርዋ። ኢዮብ ድልየታ ኣስመረላ። ናብኣ ቀሪቡ ኣእዳዉ ብሽምጣ ብምሕላፍ ሓቆፋ። ንሳ’ውን ከም ናቱ! ጥምረት ናይ ሓሶት ፍቕሪ!

“ኣብ ምዕጉርትኺ’ኽ ክስዕመኪ?” ኣፍቕዳ።

“ስዓመኒ።”

20.Z. ንረብሓ ጠጠው በል ዝብል ሴማፎሮ የብሉን!

21

21.A. ብገንዘብ ዝዕደግ ትሕትናን ጸቡቕ ጠባይን የለን!

ከም ትእዛዝ ኢዮብ ሓሙስ ንገዝኡ ዝኸደ ዮናስ፡ ዓርቢ መኪና ናይ ኣቡኡ ሒዙ'ዩ ናብቲ ዝሰርሓሉ ቦታ ተመሊሱ። ሄርሜላ ንኣስመራ ከትከይድ ስለዝኾነት፡ በታ መኪና ክማልኣ'ዩ እቲ ዕላማ። ኢዮብ ቀሊል ሰብ ኣይኮነን።

ሄርሜላ ካብ ኣብ ዘየድሊ ሪጋን ጽቕጥቕጥን ትዋፈር፡ ብኽብረት ብመኪና ዮናስ ንገዛኣ ተኸይዳ ዝፍጠር ስምዒት ንምግማቱ ዘሸግር ኣይነበረን። ኣብ ልዕሊ ዮናስ ተሕድሮ ስምዒት፡ ነቲ ብዮናስ ዝቐረበላ ሕቶ እወታዊ መልሲ ክትህበሉ ዝደፍእ ኣጋጣሚ'ዩ። ዮናስ ምስ ኩሉ ነገራዊ ጸጋታቱ ከምዚ ክሓስብ ኣይከኣለን። ነገራዊ ጸጋ ኣብ ነገራት ተሓጺሩ ስለዝተርፍ!

ኣብ መኪንኡ ኮይኑ'ዩ ደዊሉላ። ዕድል ገይሩ እናተበገሰት ስለዝደወለላ፡ ብዙሕ ክትድንጉዮ ኣይኮነትን። መኪና ከም ዝተማልአ ኣይሓበራን። ንኣስመራ ብሓባር ክኸዱ ኣብ መጸበይ ኣውቶቡስ ይጽበያ ከምዘሎ'ዩ ነጊርዋ። ኢዮብ ከምኡ ግበር ስለዝበሎ'ዩ። እምበር ተሃንዲዱ ብዛዕባ መኪንኡ ክዛረብ ኣይምጸልኦን።

ዝተጸበዮ ኣመና ነውሉ። ሄርሜላ ዝስምዓ ስምዒት ክፈልጥ ልዕሊ መጠን ተሃንጠየ። መኪና ዘላቶ ወዲ ጓድኞ ኣብ ዝሕሰበሉ ዓለም ከምዝነብር'ዩ ዝሓስብ። ንመኪና ካብ ገነት ፈልየን ዘይርእያኣ ጐራዙ፡ ኣብ ጉዕዞ ህይወቱ ገጢመንኡ'የን። ገነት ዝጸደቐ ጥራይ ዝኣትዎ ስፍራ ብሙኂኑ፡ ኣብ መኪና ስለዝተሰቐላ ዝጸደቓ ዝመስለን ኣዋልድ ይፈልጥ'ዩ። ንሄርሜላ ውን ብከምዚ ዝጥምታ'ዩ ነይሩ።

ንኢዮብ ብኽመይ ከምዘመስግኖ ኣይፈልጥን'ዩ። እቲ ናይ ህይወቱ ዝበለጸ ሰብ ኢዮብ ከምዝኾነ ዝምስከረሉ ግዝያት ከምዝኣኽለ ተገንዘበ። ሄርሜላ ኣብ ኢዱ እንተኣትያ፡ ኣዝዩ ፍሉይ ገጸ በረከት ከም ዘበርከተሉ ምስ ነብሱ መብጽዓ ኣተወ።

ሃንደበት፡ ንኣቓልብኡ ዝጥምዝዝ ኩነት ተፈጠረ። እታ ኣብ ልቡ ሓወልቲ ፍቕሪ ዝተኽለት ሄርሜላ፡ ቦርስኣ ተሓንጊጣ ረኣያ። ልቡ ህርመታ ከተዛይድ ኣስተውዓለ። ሄርሜላ ኣበይ ከምዘሎ ክትፈልጥ መታን ጥሩምባ መኪንኡ ነፍሐ።

ኣበይ ከምዘሎ ዝጠፍኣ ሄርሜላ፡ ኣዒንታ ኣኹለለት። ዝሰምዓቶ ጥሩምባ መኪና ንዕኣ ዝዓለመ ከምዘይከውን ርግጸኛ ነበረት። ኣብቲ ቦታ ንዕኣ ዝደሊ በዓል መኪና ክህሉ ኢላ ኣይገመተትን። መኪና ዝሕዝ መቕርብ'ውን የብላን።

ጥሩምባ መኪንኡ ግዲ ስለዘይገበረትሉ፡ መኪንኡ ናብ ዘላቶ ከንቀሳቐስ ተገደደ። ኣብ ጥቓኣ ኣዝዩ ስለዝቐረበ፡ ከም ተላልዮ ርግጸኛ ነበረ።

ትደልዮ ዝነበረት ዮናስ ኣብ መኪና ምስ ርኣየቶ፡ ክትኣምን ኣይከኣለትን። ዝተጣራጠረት ክትመስል፡ ኣተኩራ ጠመተቶ። ኣይተጋየትን መራሒ እታ ብተደጋጋሚ ጥሩምባ ክትገብር ዝጸንሐት መኪና ዮናስ'ዩ ነይሩ። እቲ ዘይተገደሰትሉ ጥሩምባ ንዕኣ ምንባሩ ፈለጠት። ብዙሕ ናይ ምግራም ስምዒታት እናየአንገደት ከኣ ናብ ዮናስን መኪንኡን ቐረበት።

"ከመይ ዮናስ?" ኣእዳዋ ብመስኮት ኣሕሊፋ ሰላምታ ለገሰትሉ።

"ጽቡቕ ሄርሜላ። ተሰቐሊ'ባ?" ክትድይብ ዕድመ ኣቕረበላ። ነቡኡ ኣፍቂዱ ዘምጽኣ መኪና፡ ቀዳማይ ዕላምኣ ንሄርሜላ ንምምሳጥ'ያ። ከም ሰባ ብምኒባስ ዘይትኽደሉ ኣጋጣሚ'ዩ ተፈጢሩላ። ኢዮብ 'ንጓል መልኣኽካ ክትከውን ትጽበያ እንተኼንካ፡ ምስ ገነት ዝመሳሰል ኩነት ፍጠረላ!' ክብል ምዒድዎ'ዩ።

ሄርሜላ ንዕድሚኡ ኣኽቢራ ናብ መኪንኡ ተሰኞለት። “ትዝውር ዲኻ?” ክምስ ብምባል ሓተተቶ። መኪና ይዝውር’ዩ ኢላ ኣይሓሰበትን።

“እወ ይዝውር’የ። ካብ ትጸቓቕጢ ኢለ’የ ጸዊዐኪ። ጽብቕቲ ክትጸቓቕጥ ኣየምሕረላን’ዩ። ከም ንግስቲ ከቢራ እንተኸደት’ዩ ዝበለጸ።” ብተዘዋዋሪ ኣብኣ ዘለዎ ተገዳስነትን ኣኽብሮትን ምስናይ ኣድናቆቱ ወርወረላ። ኣብ ሄርሜላ ክጥቀመሎም ዘለዎም ቃላት ብኢዮብ ተነጊሮሞ’ዮም። ኢዮብ ሱቲርዎ’ዩ።

“የቕንየለይ። ብጣዕሚ’የ ዘመስግነካ።” ውዕለት ዮናስ ይኽብዳ ምንባሩ ተሰወጣ። ኣብኣ ብዘርኣዮ ተገዳስነትን ክብርን ከየድነቀቶ ኣይሓለፈትን። ንዘኽብረካን ዝግደሰልካን እንታይ ዓጸፋ ክም ትመልሰሉ ዝሓርበታ መሰለት።

“እሞ ንኺድ’ዶ?” ብኽብሪ ፍቓዳ ሓተተ። ‘ኣብ ጓል ኣኽብሮት ዘየርኢ ወዲ፡ ካብ ጓል ፍቕሪ ክጽበ የብሉን!’ ዝብል መርገጺ ዝሓዘ ይመስል። እዚ ኣኽብሮት ኣብተን ቕድሚ ሕጂ ምስኡ ብፍቕሪ ዝዞራ ጐራዙ፡ ኣንጸባሪቕዎ ኣይፈልጥን’ዩ።

“ሐራይ።” ፍቓደኛ ኮነት።

ዮናስ መኪንኡ ኣበገሳ። ቁሩብ ርሕቀት ድሕሪ ምጉዓዙ፡ ኣብቲ ሰባት ሚኒባሳት ዝጽበዩሉ ቦታ ኣገዳሲ ኮይኑ ዝተሰምየ ጉዳይ ተዓዘበ። ካብቲ ኢዮብ ዝበሎ ወጻኢ ከምዘይነበረ ይፈልጥ’ዩ። ተኾነ እቲ ህሞት ሚእቲ ሚእታዊት ከጋጥም ከምዘይክእል ኢዮብ ነጊርዎ’ዩ።

‘ኣብ መኪናኻ ተሰቂላ እንከላ፡ ኣራም ተዝርእያ ጽቡቕ’ዩ። ኣጋጣሚ ተሪእኻዮ መታን ክቕብጻ መኪናኻ ጠጠው ኣቢልካ ‘ክማልኣካ!’ በሎ። ዓርቢ ስለዝኾነ ገዝኡ ክኸይድ ኣብቲ መጸበዪ ሚኒባሳት ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።’ ኢዮብ ዝበሎ ዘረባ ዘከረ። ብፍቓድ ሄርሜላ ዘበገሳ መኪንኡ፡ ብዘይ ፍቓድ ሄርሜላ ጠጠው ኣበላ። እዚ ንሄርሜላ ድንግርግር ኣበላ።

“ኣራም!” ብመስኮት ተቐልቂሉ ብዓውታ ነቲ ምስ ሜሮን ዝነበረ ኣራም ፈልዩ ጸውዖ። መወዳድርቱ ኣራም እምበር ሜሮን ኣይነበረን። ዕድል ገይሩ ንኣራም ኣይሰኣኖን። ተስፋ ኣራም ከብተኽ ዝገበሮ’ዩ።

ኣራም ናብ ዮናስ ቀረበ። ኣብ መኪና ዮናስ ዝነበረት መን ሙኺና ምስ ፈለጠ፡ ጸዊዒት ዮናስ ንምንታይ ምንባሩ ተፈለጦ። ልቡ ከም ቀጢን ዕንጨይቲ ተሰብረ። ስምዒቱ ዮናስ ከስተብህለሉ ስለዘይደለየ ግና ኩሉ ጸይሩ፡ ብመስኮት ተቐልቐለ።

“ዮናስ። ሄርሜላ ከመይ?” ሰላም በሎም። ንሶም’ውን ዓጸፌታ መለስሉ። ኣብ መንጎ ሰለስቲኦም በበይኑ ስምዒት ተፈጥረ። መጠን ኣልቦ ጓሂ ኣብ ልቢ ኣራም! መጠን ኣልቦ ባህታ ኣብ ልቢ ዮናስ! መጠን ኣልቦ ስንባደ ኣብ ልቢ ሄርሜላ!

“ከንማልኣካ ኢለ’የ።” ንሜሮን ገዲፉ ከም ዘይስቀል ስለዝፈለጠ ዝበሎ’ዩ። ኣብ ልዕሊኡ ዝተዓወተ ኮይኑ ስለዝተሰምዖ ሓጐሱ ግቡእ ቁጽጽር ዝገበረሉ ኣይመስልን። ንከደራይ ሕብሪ ገጹ፡ ከም ልቂ ዝውልዕ ክምስታ ኣንጸባረቐ።

“ድሓን ሰብ ኣሎኒ። ኪዱ ጥራይ።” ሕቐኡ ሂብዎም ናብ ሜሮን ተበገሰ። ስዕረት ኣብ ካልኦት ቦታ ስኢኑ ናብኡ ክዕቆብ ዝመጸ’ዩ ዝመስሎ ነይሩ። ሞራሉ ከም መስማር ዘይሓለፎ ዚንጐ ተቐሪፉ ተዓዘረ።

“ኣራም! ብሩኽ ቅነ።” ናይታ ዘፍቐራ ሄርሜላ ድምጺ ናብ ኣእዛኑ በጽሐ። ዋላ’ኳ ኣራም ክሓብኡ እንተፈተነ፡ ጽቡቐ ከም ዘይተሰምዖ ግና ኣስተውዒላ’ያ። ስለተፍቐሮ ሕማቐ ክስምዖ ኣይትሓርንያ። ከይተፋነዋ ክኸይድ ብምሕሳቡ ኣይተሓጐሰትሉን።

“ብሩኽ ቅነ ሄርሜላ።”ገጹ ጠውዩ ግብረ መልሲ ሃባ።

ዮናስ፡ ጠጠው ኢላ ንዝነበረት መኪንኡ ላበኂሱ ናብ ላስመራ ተመርቀፈ። ኣብ ልቢ ሄርሜላን ኣራምን ዘየቕስን ስምዒት ክፍጠር እንከለ፡ ኣብ ልቡ ግና መመሊሱ ዘሐጉስ ስምዒት ተኻረየ። ሄርሜላ ብዛዕባ እቲ ምስኣ ዘሎ ዮናስ ክትሓስብ ኣይከኣለትን። በቲ ገዲፋቶ ዝመጸት ኣራም ክትሓስብ፡ ንዮናስ ካብ ርእሳ ኣውጻቶ። ኣብ መኪንኡ እንከላ።

****

“ኣነ መቸም ተዘይበልክዮ ይመርጽ። ነንዝበደሉና ሰባት ክንብድል ንሓስብ ተኺንና’ሞ ጽቡቕ ውጽኢት ክህልዎ’ዩ ኢለ ኣይግምትን’የ።” ሄለን ተቓውሞኣ ኣብ ልዕሊ ሓሳባት ራሄል ገለጸት። ራሄል ትኽተሎ ዘላ መገዲ፡ ካብ ሓላፍነታውያን ሰባት ትጽበዮ ኣይኮነትን። ተበዲሉ ሕድገት ዘይገብር ሰብ፡ ወትሩ ኣዕናዊ ሓሳባት ከም ዝህልዎ ኣይተጣራጠረትን። እዚ ድማ ብመትከል ክትሰዕቦ ኣይትደልን’ያ። ከምኡ ስለዝኾነ ከኣ ኣብ መሓዝኣ ክትርእዮ ከላ ዝውሓጠላ ኣይኮነን።

“ሄለን ኣይትጋገዪ። ሰባት በደሎም ዝፈልጥሉን ዝምሃርሉን እዚ ዝኸዶ ዘለኹ መገዲ’ዩ። ሰባት ብኣኻ ክጻወቱ ከለዉ ዝስምዓካ ቃንዛ፡ መድሃኔ ኣይፈልጠን’ዩ። ኣነ ድማ ነዚ ክፍልጦ’የ ተበጊሰ ዘለኹ።” ሓንሓነት ራሄል።

“ስኒት’ከ ትም ዲኺ ትብሊ?” ሄለን ናብ ስኒት ጠመተት። ስኒት ብወገና’ውን ንራሄል ክትቐወማ ድልየት ኣሕደረት። ተቐውሞ እንተበዚሕዋ፡ መደባ ከተቐርጾ ከምትኽእል ግምት ኣለዋ። ብመዘንኡ ዘይጽሎ ሰብ ኣሎ ኢላ ስለዘይትሓስብ።

“ሄለነይ በጃኺ ኣይተታርፍያ ጽቡቕ ኣላ።” ንሄለን ዘሰንብድ መርገጺ ከም ዘለዋ ብወግዒ ሓበረት ስኒት። ተበዲሉ ዘስቕጥ ሰብ፡ ሰብ ዘይኮነ እምኒ’ዩ ንስኒት። ‘ንዘሕረረካ ተሕርሮ!’ ዝብል መምርሒ ዘለዋ ሰብ’ያ። ተበዲሉ ዓጸፌታ ዘይምልስ፡ ካልእ በደል ንምቕባል ድልውነቱ ዘረጋገጸ ሰብ ጌራ’ያ ትሓስቦ። ሰባት

ኣብቶም ተሪር ግብረ መልሲ ዝህቡ ዘይኮኑ፡ ኣብቶም ንበደሎም ከም ዘለዎ ቕኒሒሞም ዘስቅጡ ካልእ በደል ንምፍጻም ከም ዘየድሓርሕሩ ገመተት።

“እዋእ…” ስንባደኣ ክትቕጻጸር ዓቕሚ ኣይነበራን ሄለን።

“እንታይ ከምጽእ ኢላ’ያ ነጻ ዝለቐቕቶ ድኣ? ከምቲ ዘሳቐያ ተሳቕዬ እምበር።” ኣብ ልዕሊ እቲ ዘይትፈልጦ መድሃኔ ጽልኢ ዝነበራ’ያ ትመስል።

“ጽቡቕ ኣላ ስኒት።” ደገፍ ብምርካባ ዝተሓጐሰት ራሄል ተዛረበት።

“ሐራይ ድላይኪ። ኣነ ግና የለኹላን እዛ ጉዳይ።” ኢዳ ኣውጸአት።

****

“ሜሮን ድኽነት ብሰላም ናብራና ከይነሰላስል ዝዓንቐጸና ከይኣኽሎ፡ ፍቕሪ ዝቕትል ነውሪ ኮይኑና ኣሎ። ስእነት ቃል ብቃሉ ገንዘብ ዘይምህላዉ ዘይኮነስ፡ ሓደ ካብ ዓይነታት ስንክልና’ዩ ንዓይ።” ከንጸርጽር ተሰምዐ ኣራም። ኣስመራ ምስ ኣተዉ ኣብ ሓደ ካፊተርያ ሻሂ ክሰትዩ ምስ ኣላገሱ’ዩ። ብዛዕባ ሄርሜላን ዮናስን ዝተላዕለ ዕላሎም ስለዘይተወድኡ፡ ኣብ ቤት ሻሂ ክቅጽልዎ ወሰኑ።

“ድኻ ስለዝኾንካ ኣየፍቕረካን’የ ኢላትካ ድያ? መኪና ስለዝነበረቶ ከማልኣ ኣይክእልን። ኣብ መኪንኡ ስለዝተሰቐለት ኣፍቓሪቱ’ያ? ዓርቢ ስለዝኾነ ናይ መጓዓዝያ ሽግር ኣሎ። ካብ ጽቕጥቕጥ ክትድሕን ዝገበረቶ ክኸውን ይኽእል’ዩ። መዓልቲ ቀይርካ ምጸኒ ከምዝበለትካ ኣይትረስዕ።” ብስምዒት ተዛረበ ሜሮን።

“ኣብ መኪንኡ ካብ ተሰቐለት እንታይ ደሊኻ? ድሕሪ ሰለፋ እንታይ ተረፋ ድዩ ዝብሃል? ይትረፍ መኪና ጽቡቕ ጫማ ዘይብለይ ፍጡር፡ ከመይ ኣቢለ ምስ ዮናስ ክወዳደር?” ከማርር ተሰምዐ። ነብሱ ጸልኣ።

“ኣብ ብርክኻ ተስተንፍስን ምሉእ ጥዕናን ዘለካን ኢኻ። ንክትህብትም ትሰርሕ ከምዘለኻ ዘክር። ካብ ዮናስ ንላዕሊ ጽቡቕ ጠባይን ትሕትናን ዘለካ ሓላፍነታዊ ሰብ ኢኻ። ተጽዒርካን ሰሪሕካን እዚ ዮናስ ሒዝዎ ዘሎ ገንዘብ ከተምጽኦ ይክኣል’ዩ። ዮናስ ብገንዘቡ ትሕትናን ጽቡቕ ጠባይን ከም ዘይዕደግ ሕሰብ። ዘለካ ይዓቢ።” ሞራል ኣራም ከበራታዕ ስለዝደለየ ተዛረበ ሜሮን።

“ክላእ!” ኢዱ ጸግ ኣበለ። ቃላት ሜሮን ኣብ ሓሳባት እምበር፡ ኣብ ከውንነት ስፍራ ዘለዎም ኣይመሰሎን። ቃላት ሜሮንን ከውንነትን ክልተ ጫፋት ኮንዎ። ከተራኽቦም ሃቂንካ ፍጹም ዘይራኸቡ ጫፋት!

“ተስፋ ከይቆረጽካ ንሄርሜላ ኣለኹልኪ በላ። ንዓኻ እምበር ንዮናስ ትኸውን ኣይኮነትን። ከምቲን ዝሓለፋ ተጠቒሙ ከይድርብያ ተኸላኸለላ።” ምሕጽንታ ኣቑረበሉ። ኣብ ገጽ ኣራም ተስፋ ዘእንፍት ስምዒት ግን ክርኢ ኣይክኣለን። ‘ዓይነይ እንተዘይሓስዩ፡ ኣብ ገጽ ኣራም ጸሓይ ተስፋ ክትዓርብ ይዕዘብ ኣለኹ!’ በለ ብሓሳቡ።

“ኩሉ ተወዲኡ’ዩ።” ኢዱ ሃበ።

“ኣይትስዓር። ዮናስ ክስዕረና መገዲ ኣይትኽፈተሉ። ገንዘብ እምበር ልቢ ስለዘይብሉ ክኸስራ’ዩ።” ብልማኖ ተዛረበ። “ኣዘራርባ።” ተወሳኺ ዘረባ መልኣ።

“እንታይ እሞ’የ ክብላ?” ተጨነቀ። ዝስምዖ ዝነበረ ጸቕጢ ካብ ምብርትዑ ዝተላዕለ ንንቡር ናይ ኣተሓሳሰባ ብቕዓቱ ቀኒስዎ’ዩ። ‘ሕቶ ፍቕሪ ብጁባ ዝምለስ እንተኾይኑ፡ ልበይ ግራት ጻህያይ ንሙኺንዩ ዕድሉ!’ ዝብል እምንቶ ኣለዋ።

“ስምዒትካ ትገልጸላ።”

21.Z ‘ሕቶ ፍቕሪ ብጁባ ዝምለስ እንተኾይኑ፡ ልበይ ግራት ጻህያይ ንሙኺንዩ ዕድሉ!’

22

22.A. ፍቕርን ግብረ ሰናይን ፍልልይ ኣለዎም!

ምሸቱ'ያ። ንሄርሜላ ካብ ዝሰርሕሉ ቦታ ብመኪና ኣምጺእዋ። ኣብ ኣስመራ ምስ ኣተወ ድማ ሻሂ ከስትያ በቒዑ። ሓሳባቱ ንምትግባር ብዙሕ ስጉምታት ከምዝኸደ ገመተ። እዚ ንሱ ኣብ ሓደ መዓልቲ ዝገበሮ፡ እቲ ከም መወዳድርቱ ዝርእዮ ኣራም ከምዘይገብሮ'ዩ ዝኣምን። ልዕልነት ከምዘለዎ ኣይጠራጠርን'ዩ።

ንሄርሜላ ገዝኣ ኩብጽሓ ስለዝነበሮ ኣብ ከባቢ ገዛውታ'ዩ ነይሩ። ኣብ ውሽጢ መኪና ኮይኖም ዕላል ካብ ዝጅምሩ ገለ ደቓይቕ ተደፊኑ'ዩ። ዕላል ሄርሜላ ሰሚዑ ዝጸግቦ ኣይመስልን። ከዕልላን ከተዕልሎን ገለ ስዓት'ኳ እንተኣሕለፉ፡ ምዕጋብ ግና ስኣነ። ሄርሜላ ተሰትያ ዘይተዕግብ ማይ ኮነቶ። ይሰትያ እሞ ግና ከኣ ይጸምኣ። ብዙሓት ኣዋልድ ይፈልጥ'ዩ። ኣይከም ሄርሜላን ግና። ልዕሊ ኩሉ ዝመሰጦ ከናፍራ'ዩ። ናቱ ኮይኑ ክስዕሞ ተሃንጠየ።

"ጽብቕቲ ኢኺ።" ኣድናቆቱ ገለጸላ። ምስ ጽቡቓት ይዘውር ከምዝነበረ'ዩ ዝኣምን። ግና ምስ ጽባቐ ሄርሜላ ዝዳረግ ከምዘይርኣየ'ዩ ዝምስክር። ካብ ጸጉሪ ርእሳ ክሳብ ጽፍሪ እግራ ሃሰው ኢሉ፡ ዝተራእዮ ኣበር ኣይነበረን።

"የቕንየለይ።" ክምስ በለት። ከምዚ ናይ ዮናስ ዝዓይነቱ ኣድናቆት ብኽሻ'ዩ ዝመጸ። ጽብቕቲ ምኳና ከይተነግረትሉ ዝሓለፈ መዓልቲ ሳሕቲ'ዩ። ከምኡ ብምኳና ንፈጣሪ ተመስግን'ያ። ምስኡ'ውን ትሕበን። ሓበና ግን ብውሽጣ'ዩ።

"ብፍላይ ከናፍርኪ። ተቐዲሑ ዘይነጽፍ ጽባቐ'ዩ ዘለኪ። ኩለንትናኺ ጽቡቕ'ኳ እንተኾነ፡ ከናፍርኪ ግና መዳርግቲ የብሉን። ኣሜሪካውያን ንኣንጀሊና ጆሊ ዘድንቑ፡ ንኤርትራዊት ሄርሜላ ስለዘይርኣዩ'ዮም።" ልሳኑ ኣድናቆት ትሕለብ

ላሕሚ ተለወጠት። ንሱ እቲ ብኣንነትን ትዕቢትን ዝተባዕጠ ዮናስ'ዩ እንተዝብሃል፡ ኩሉ ዝፈልጦ ምጋገዮ። ሕጂ ግና ሄርሜላ ጥራይ ትፈልጦ ዮናስ ኮይኑ'ዩ። ንሄርሜላ ከእምን ዘምጽኡ ባህሪ፡ ንዕኡ ንባዕሉ'ውን ኣገራሚ'ዩ ነይሩ።

"ኣታ ዮናስ! ኣብዚሕካለይ።" ካብ ልቢ ተሰከፈት። ናእዳ ዮናስ ካብ ናይ ካልኦት ዝተፈልየ ሙኺኑ ክትኣምን ግዜ ኣይበልዐትን። ምስ ዓለማዊ ስምን ህቡብነትን ዘለዎምሙ ሰባት ከወዳድራ ብምህቃኑ።

"ብጣዕሚ'የ ዘፍቐረኪ። ዝተረፈ ክፋል ህይወተይ ምሳኺ እምበር ምስ ካልእ ከሕልፎ ኣይደልን'የ።" ናብ ጉዳዩ ኣተወ። ብመኪና ኣምጺእዋ። ሻሂ ኣስትይዋ። እዚ ግና መንገዲ እምበር ዕላማ ኣይነበረን። ዕላምኡ እዚ ዘተንፍሶ'ዩ።

ሄርሜላ ሰሚዓቶ ኣስቐጠት። ንዮናስ ዝኸውን ቃላት ኣይነበራን። ውዕለቱ ሰማይ ዓሪጉ'ዩ። ጽቡቕ ስለዝገበረላ 'ሐራይ!' ክትብሎ መደብ የብላን። እትምንታይ ፍቕርን ግብረ ሰናይን ፍልልይ ስለዘለዎ። ኣብ ልባ ቦታ ዘለዎ ኣራም፡ ምስ ዮናስ ከይትውድእ ዝዕንቅጽ ሓይሊ ኮይኑዋ'ዩ። እንተኾነ ዋላ'ኳ ከም ኣራም ኣይኹን፡ ዮናስ'ውን ኣይጸልኣቶን። ከምቲ ራሄል ዝበለታ ንዮናስ ከም መሐለውታ ክትጥቐመሉ ወሰነት። ፍቕራ ምስ ኣራም'ዩ። ኣራም ዘይደልያ እንተኾይኑ፡ እቲ ዘፍቐራ እምበር ዛጊት ዘየፍቐረቶ ዮናስ ክኽሰር የብሉን።

"እንታይ ደኣ መልስለይ'ባ?" ስቕትኣ ከም ጽዕነት ከበዶ።

"እንታይ'የ እሞ ክብለካ?" ተረበሸት። ካልኣይ ምርጫኣ ከምዝኾነ ክትነግሮ ኣይደለየትን። ከም ዝሓርቐ ከይተዛረበቶ ከላ ትግምቶ'ያ። ከተሕርቐ ከኣ ኣይትመርጽን'ያ። ገባሪ ጽቡቓ ከም ዝኾነ ዝርሳዕ ኣይኮነን።

"ሐራይ በልኒ።" ድልየቱ ገለጸላ። ካብ ልሳና ከወጽእ ዝደለዮ ቓላት ንሱ'የ። ከም ብጽሕቲ ወርሒ 'ሐራይ!' ክትብሎ መዓልቱ ዝቆጽር መንእሰይ'የ። ትጽቢቱ

ከም ካምቻ ኣውጺኡ ከድርብዮ ዝኽእል ኣይኮነን። ጭንቀቱ እታ ንሱ ዝደልያ ዘረባ ከይሰምዐ ዝቐረፍ ኣይነበረን።

“ዮናስ ሓወይ ኣብ ፍቐሪ የለኹን። ትፈትወኒ እንተኼንካ በጃካ ግደፈኒ።” እዚ ሕቶ ከየልዕሎ ተማሕጸነት። ልቡ ዝሰብር ቓላት ከተስምዖ ኣይትደልን’ያ። ኩነታት ኣራም ክሳብ ትፈልጥ፡ ብዛዕባ ፍቐሪ ምስ ዮናስ እንተዘይተዛራረቡ ሕርይኣ’የ። ‘ሓደ ቐረጽ፡ ሓደ ምረጽ!’ ከይመጽእ ፍጹም ተሸቁረረት። ኣብ ላንጋ ላንጋ ድማ ነዊሕ ክትጸንሕ ኣይትደልን’ያ። ‘ላንጋ ላንጋ ሞተ!’ ከም ዝብሃል ኣብ ሓደጋ ክትወድቕ ስለዘይትመርጽ፡ ኣራም ክቕልጥፋ ተመነየት።

“ሄርሚ! ተርድእኒ’ባ። ቆሲለ እኳ’የ። ማዕረ ክንድኡ ጨኻን’ባ ኣይትኹኒ። ኣነ ከምዚ ዝብለኪ ዘለኹ ብዘይካኺ ፍቐሪ ኣይደልን’የ።” ሕግብግብ በለ።

“እዚ ጉዳይ ካልእ መዓልቲ ነልዕሎ።” ክሸገር ኣይደለየቶን።

“መዓስ’ሞ ካልእ መዓልቲ?” ንጹር ሓበሬታ ክግብት ደለየ።

“ድሕሪ ሰሙን ኩሉ ከፍልጠካ’የ።” ንኣራም ሰሙን ዕድል ከም ዝሃበቶ ፈለጠት። ኣብ ውሽጢ ሰሙን ኣራም ተዘይተመሊስዋ፡ ዮናስ ቀዳማይ ምርጫኣ ክኸውን ከም ዝኽእል ሓሰበት። ኣራም ቐድሚ ሰሙን ክረኽባ ከም ዝኾነ ርግጸኛ’ያ ነይራ። ምስ ተራኸቡ፡ ዋላ ኣራም ተዘየልዓለላ ባዕላ ከም ተዘከሮ ተኣማመነት።

****

ንብረት እታ ቤት ብሉጽ ኣይነበረን። ክልተ ላዕልን ታሕትን ዓራት ብተቐዲዱ ዝተሸቐጠ ኣንሶላ ዝተነጽፈ’የ። ክንዲ ሶፋ ኮይኑ ዘገልግል ወንበር እቲ ቤት፡ ብእርጋን ጥሮታ ክወጽእ ከም ዝነበሮ ተዓዚብካ ክትምስክር ጸገም ኣይከውንን። መቐመጢ ክብሒ ዝሰኣነ ኣቐሑ፡ ኣብ ማእከላይ ስፍሓት ዝነበሮ ጣውላ

ኣራጢጡ ይርአ። ዘመናውነታ ዝኸሰረት ኣርማድዮ፡ ጽዕነት ዝኸበዳ ክትመስል፡ ኣእጋራ ናይ ምውዳቕ ሓደጋ ዘንጻላለዎ'ዩ። ከም ስፍሓት ጸባብ'ያ። ዚንጐኣ ናብ እርጋን ዝተቐላቐለ'ዩ። ብርሃን ጸሓይ ዘሕልፍ ቐዳዳት ሓሓሊፍካ ይርአ።

እዚ ሓፈሻዊ መግለጺ ናይታ ኣራም ዝዓበየላን ዝቕመጠላን ቤት'ዩ። ምስ ክልተ ኣሕዋቱን ወላዲቱን'ዩ ዝነብር። ነዛ መዋእላ ካብ ስእነትን ሽግራቱን ተገላጊላ ዘይትፈልጥ ቤት፡ ከድሕን ተስፋ ዝንበረሉ ኣራም'ዩ። ወላዲቱ ድሕሪ ሞት በዓል ቤታ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ስርሓት ትዋፈር ትሑት ዝእቶታ ወይዘሮ'ያ። ክልተ ንኣሽቱ ኣሕዋቱ ጌና ኣብ ትምህርቲ ዘለዉን ሳዋ ዘይበጽሑን'ዮም። በዚ ድማ እታ ቤት ንኣራም'ያ ሃንቀው ኢላ ትጽበ። ኣራም እዚ ይርድኦ'ዩ። ኩሉ ሻዕ ኣበርቲዑ ይጽዕርን ይሰርሕን። ጸሓይ ስእንቲ ቤቱ ከብርቕ። ቐዳመ ሰንበት ምስ ወላዲቱ ኣብ ሸቐጥ'ዩ ዘሕልፎ። ዝመሃሩ ቐልዑ እንተረኺቡ ውን ይምህር። ብዙሕ ነኺላት ከኣ ይዓብስ።

ኩሎም ኣባላት ስድራቤቱ ምስ ደቀሱ፡ ከይሰምዕዎ ንደገ ወጸ። ኣብ ኣፍደገ ቤቱ ኮፍ ኢሉ ድማ ብዛዕባ ሄርሜላ ክሓስብ ጀመረ። እታ ጽብቕቲ ሄርሜላ፡ ገዝኡ ከምዚ ከምዝኾነ እንተፈሊጣ ትህቦ ግብረ መልሲ እንታይ ከም ዝኸውን ገመተ። ኣሽንኳይ ክትዛረቦ ሰላም ክትብሎ ፍቓደኛ ትኸውን ውን ኣይመሰሎን። 'ሄርሜላ ንቤትና እንዳ ሓሙኣ ክኸውን ክትምነ ዘይሕሰብ'ዩ!' በለ ብሓሳቡ።

ቤቱ፡ ምስ'ቲ ሓደ መዓልቲ ዝርኣዮ ቤት ዮናስ ከወዳድሮ'ውን ሃቀነ። ቤት ዮናስ ካብ ቤት፡ ቤተ መዘክር ክትብሎ ዝምረጽ'ዩ። ሄርሜላ ካብ ኣብዛ ብስእነት ዝተበልዐት ቤቱ፡ ቤት ዮናስ ከምዝምስጣ ኣይተጠራጠረን። ቤቱ ሸንቲ ቤታ ክትከውን'ውን ትሓርያ ኣይብልን'ዩ።

ስድራ ዮናስ ዝውንኑወን ክልተ ኢንተርነት ካፈታትን ሓደ ቡቲክን ዘኪሩ ተባሳጨወ። ሄርሜላ ነዚ እንተፈሊጣቶ፡ ዓይንኻ ዘሕሲ ከምዘይኮነ ተኣመነ።

ዮናስ ብዘለዎ ሃብቲ ናይ ምዝራብ ልምዲ ስለዘለዎ፡ ድሮ ፈሊጣቶ ከም ዘላ ገመተ።

ሃንደበት ንሰማይ ጠመተ። ፈጣሪ ንሄርሜላ ኣሕሊፉ ከይህበሉ ጸሎት ኣዕረገ። ጸሎቱ ተሰማዕነት ክረክብ ካብ ልቡ ተተስፈወ። ወላዲቱ 'ሓንካስ ጸሎት የለን!' እናበለት'ያ ኣዕብያቶ። ይንኣስ ይዕበ ጸሎት ጸሎት'ዩ ኢሉ'ዩ ዝሓስብ። ድቻስ ክወስዶ እናተተስፈወ ናብ ቤቱ ተመልሰ።

****

ዝርኣየታ ፍቕራዊት ፊልም፡ ኣብ ዓራታ ኮይና ከተስተንትና ጀመረት። ፍቕራዊ ፊልምታት ምርኣይ ካብቲ ኣዝያ ትፈትዎ ንጥፈታት'ዩ። ብዛዕባ ብስእነት ዝፍተን ፍቕሪ ተዘንቱ ፊልም'ያ ተዓዚባ። ብር'ኹባት መንእሰያት ትህደን ኣፍቓሪት ዘላቶ ስኡን ወዲ፡ ዘሕልፎ ጭንቂ ትትር'ኽ ፊልም'ያ።

ሓይሊ ፍቕሪ ናይቲ ስኡን ወዲ መሲጥዋ'ዩ። ጽንዓትን እምነትን ዝውንን ሰብ ስለዝነበረ፡ ከምኡ ከገጥማ ተመነየት። እዚ ብልባ ኣፍቂራቶ ዘላ ኣራም ከምኡ ክኾነላ በሃገት። ኣራም ከም ናብራ እንታይ ደረጃ ኣለዎ ኣይትፈልጥን'ያ። ግና ዝኾነ ይኹን ካብ ኣራም ፍቕሪ እምበር ካልእ ከምዘይትደሊ ፈለጠት።

ንሳ ናቱ፡ ንሱ ናታ ኮይናም ንዝተረፈ ክፋል ህይወቶም ክሓልፍዎ ትምኒት ኣጽዓቕት። ምስ ኣራም ከተሕልፎ ትደሊ ህይወት፡ ብመልክዕ ሓሳባዊ ሕልሚ ተንተነቶ። ዋላ'ውን ኣብ ዑና ይኹን ምስ ኣራም ብሓባር ትነብረሉ ጐጆ ከህልዋ ተሃንጠየት። ኩሉ ዘድንቕን ከናፍራ፡ ከተስዕም ብሓሳባ ተተቕጀላ። ከናፍራ ንኣራም ተባሂለን ዝተሰርሓ ክኾና ጸሎት ገበረት።

'ሄርሜላ ሓፍተይ ዕድል'ባ ግበራ። ኣራም ካልኣይ ግዜ ከምዝሓተኪ ይግበሮ ኢልኪ'ባ ጸሎት ግበራ። ከናፍርኪ ንኣራም እምበር ንኻልእ ከተረክቢ

ከይትህቅኒ። ፈጣሪ ዘሃበኪ ዝበለጸ ግርማ ከናፍርኪ'የ። ንሰን ድማ ኑቲ ዝበለጸ ኣራምየን። ንካልኦት ሂብኪ ከይተራኽሰሉ። እተን ንዕኡ ክትህብየን ዘለኪ ዝዓበየ ገጸ በረከት ከናፍርኪ እየን።' ሕልንኣ መልእኽቲ ኣመሓላለፈትላ። ድቃስ ክወስዳ መታን ኮቦርታ ተዓቢጣ ከተዕርፍ ፈተነት። ሓሳባት ኣራም ግና ድቃስ ክህብዋ ኣይከኣሉን።

****

'ጽቡቕት፡ ጽባቐኣን ከይረግፍ መደብ እንተኣለወን ምስ ሃብታማት ክምርዓዋ ኣለወን። ሃብቲ'ኳ ተኻዕዩ ዘይጽንቕቕ ሸሻይ'ዩ። ሄርሜላ ከናብራ ምሉእ ዓቕሚ ከምዘለኒ ምሉእ እምነት ኣሕዲራትለይ ኣላ። ድሕሪ ሰሙን ኣፍቓሪተይ ትኾነሉ ግዚያት'ዩ። ሄርሜላ ዓርኪይ እንተኾይና፡ ንፈጣሪ ካልእ እንታይ ክልምኖ ይኽእል? ዋላ ሓንቲ። ካብ ሄርሜላ ንላዕሊ ምምናይ ቓል ብቓሉ ሰሰዐ'ዩ።

ንኣራም ደንጊጸሉ። ንሄርሜላ ትኣክል ጎርዞ ከፍቕር ደፊሩ። ምናልባት ሐራይ እንተበለቶ'ስ ካበይ ኣምጺኡ ሻሂ ከስትያ ሓሲቡ'የ ኣፍቒርዋ። ብካፑቺኖ መሕረራ። ንሱ ከማን እንተተረኺቡ'የ። ማሕፍድኡ፡ ሰእሊ እምበር ገንዘብ የብላን። ንሄርሜላ ትኣክል ጽብቕቲ ከየድረርካ ክትሰዳ ገበን ምኻኑ ኣይፈለጦን።

ሄርሜላ'ኳ፡ ብቓላት መግለጺ ዘይርከባ ሰብ'ያ። ሰብ ድያ ጓል ሕድርትና ተጠራጥር ተኣምራዊት ፍጥርቲ። ኣብ ኢደይ ትበጽሐሉ መዓልቲ ልዕሊ ዝኾነ ደንዑይኒ ኣሎ። ርቡጽ ኣይነበርኩን። ኣብ ሄርሜላ በጺሐ ግና ተሃዊኸ። ከናፍራ ክሰዕም ልዕሊ መጠን ተሃንጥየ ኣለኩ። እታ ከንፈር ሄርሜላ ዝሰዕመላ መዓልቲ፡ ከም ዕለተ ልደተይ ዓመታዊ ከኽብራ'የ። እቲ ዘይፈልጦ ዝነበርኩ ሓድሽ ህይወት ዝርእየላ ዕለት ክትከውን'ያ።

ሓድሽ ኣፍቓሪ እምበር መሲለ። ከምዛ ምስ ብዙሓት ዘይዘርኩ፡ ጀማሪ ዝኾንኩ ኮይኑ ይስምዓኒ ኣሎ። ሄርሜላ ዝብልዋ ጓል ከመይ ከምዝኾነት ንጹር መግለጺ'ኳ ስኢነላ። ክፈቕዶ ዘይከእል ብዙሕ ግዜ፡ ናብ ከንፈር ኣዋልድ ቀሪበ'የ። ተኾነ ሓቂ ይሓይሸ ህንጡይ ኮይነ ኣይፈልጥን እየ። ኣብ ሄርሜላ ግና...

ሜሮን፡ ከብዱ ዝቕረጸሉ ሰዓት ይኣክል ኣሎ። ድላየይ ዝገብር ሓያል ሰብ ምኽነይ ምስ ፈለጠ ነዛ ክርእየኒ'ውን ክሓፍረ'የ። ርኹባት ድላዮም ዝገብሩላ ዓለም ከምዘላ ከምሃረ'የ። ካብ ጠባይ ኣራም ዝበልጽ እንታይ ኣሎ? ጠባይ ምስ ጐደሎ ገንዘብ እሞ እንታይ ይዓብስ? ከንዲ ዘፍቕራ የፍቕራ ቤቱ ምስ ረኣየት ነፊጻ ክትከደ'ያ። ብገንዘብ እምበር ብጠባይ ዝስራሕ ገዛ ኣሎ ድዩ? ጠባይ ልዕሊ ኩሉ'ዩ ዝብሉ፡ ብጠባይ ዝስራሕ ገዛ እንተዝሀሉ፡ ቤት ኣራም ፓላሶ ምተለወጠ።

ኢዮብ፡ እቲ ናይ ህይወተይ ዝበለጸ ሰብ። ኢዮብ'ኳ ኮምፒተር'የ። ካብ ኢዮብ ዝበልሐ ሰብ እንተሎ ላግጺ'የ። ኮኾብ PRISON BREAK ማይክል ስኮፊልድ ቕዳሕ ኢዮብ'የ። ብምንታይ ከም ዝኽሕሶ ኣይፈልጥ'የ። ምኽሩ እንተዘየተግብር ኣብዚ ዘለኹዎ ኣይምሃለኹን። እቲ እንኮ ድላየይ ክገብር ከም ዝኽእል ዘፍለጠኒ ሰብ ንሱ ጥራይ'የ። ኣየ ኢዮብ ሸኮር! ከማኻ'ሰ ካልኣይ ይረክብ'ዶ ይኸውን?

'ኣምስየ ኣለኹ። ተደቓስኩ ይሓይሸ።' ብምባል ናብ መደቕሲ ክፍሉ ኣምረሐ። መደቀሲ ክፍሊ ዮናስ፡ ብእልቢ ዘይብሉ ስእልታት ዝወቀበ'የ። ስለና ጐመዝ፡ ክሪስ ብራውን፡ ክርስቲያኖ ሮናልዶ... ገለ ካብቶም ዝተጠቅዑ ስእልታት እዮም።

"ኣኣምላኽ! ንዓይን ንሄርሜላን ብሩኽ ለይቲ ግበረልና።" ብምባል ናብ ዓራቱ ወደቀ። ድኻም ስለዝነበሮ ድቃስ ክወስዶ ኣይዶንጎየን።

<u>*22.Z. ሓንካስ ጸሎት የለን!*</u>

****

23

23.A. ስምዒት መእተዊኡ እምበር መውጺእኡ ብቀሊሉ ዘይርከብ ናይ ሓደጋ ካንሸሎ'ዩ!

ኣብ ሳንሻይን ሆቴል ሻሂ ዝሰትዩ ዝነበሩ ኣዕሩኽ፡ ብተመስጦ ከዕልሉ ተራእዩ። ሰንበት ኣብ ሳንሻይንዮም ዝርከቡ። ከም ልምዲ ካብ ዝሕዝዎ ሓያለይ ኣለዎም።

"ልቢ ኣራም ከም ብሽኮቲ ከም ተሰብረ ዘጠራጥር የለን። ሞራሉ ከም ዘውደቐ ስምዒታቱ መስካሪ'ዩ። ምሳይ ክወዳድር ምህቓኑ ታሪኻዊ ጌጋ'ዩ ፈጺሙ።" ኣንበሳ ዘውደቀ ሓኔታ ክመስል ኣፍልቡ ነፍሐ ዮናስ። ንኢዮብ ብዛዕባ እቲ ዝገበሮ ብዝተጋነነ መልክዕ ከዕልሎ ከሎ ዝተሰምዖ ኩርዓት፡ መስፈሪ ኣይነበሮን።

"ኣኻሊ ኣይኮነን።" ኣንነትን ትዕቢትን ዮናስ ስለዝለመዶ፡ ዝኾነ ኣቓልቦ ኣይሃቦን። ዕለታዊ ናብ ኣእዛኑ ዝሓኩር ቓላት ንሱ'ዩ። ተተደጋጊሙ እንታይ ዘይልመድ? ተተጸሚምካ ኣሸንኳይ ቃላት፡ ሕማቐ ሽታ'ውን ይልመድ'ዩ። "ንዮናስ ካብ ብቓላቱ ብጹቡኡ እንተመዘንካዮ ይሓይሽ!' በለ ብልቡ።

"እንታይ?" ቐጥዕ በለ። ሕርቓኑ ከይተዳሃኻዮ'ዩ ዝመጽእ። ኣብ ልዕሊ እቲ ሓጋዚኡ ኢዮብ፡ ከምዚ ዓይነት ስምዒት ከንጸባርቕ ኣይምተገብኦን። ዮናስ ግና ብስምዒት ዝግዛእ መንእሰይ'ዩ ነይሩ። ስምዒት መእተዊኡ እምበር መውጺእኡ ብቀሊሉ ዘይርከብ ናይ ሓደጋ ካንሸሎ ከምዝኾነ ኣይፈልጥን'ዩ።

"ልቢ ኣራም ክሰባበር ዘይኮነ፡ ክትሓማሸሽ'ዩ ዘለዎ። ሞቱ ዘየረጋገጽካሉ ጸላኢ ተንሲኡ ዘይተጸበኻዮ ሓደጋ ከምዘስዕብ ዘከር። ኣብዚ እዋን ዝፍጠር ሽለልትነት፡ ናይ ቋሕ ሰም ስዕረት ከግዝመካ ተኽእሎ ኣለዎ። ስለዚ ካብ ውድድር ከም ዝወጸ ጌርካ ኣይትሕሰብ።" ስምዒታት ዮናስ ከም ዓንቓፊ እምኒ ተሳጊሩ ሓሳባቱ ሃበ።

“ካብዚ ንላዕሊ?” ሃዲኡ ሓተተ።

“እወ ካብዚ ንላዕሊ።” መለሰ ኢዮብ። ሄርሜላ እቲ ልክዕ ጠባያት ዮናስ እናተጋህደላ እንተመጽዩ፡ ሽግር ከምዝፈጥር ግምት ላለዎ። ዘሕዝን ጠባይ ዮናስ ተገንዚባ፡ ናብ ካልኣይ ምርጭኣ ከተብል ትኽእል’ያ። ስለዚ እዚ ንኽይመጽእ፡ እቲ ካልኣይ ምርጫ ክቕተል ኣለዎ። እዚ’ዩ ሓሳባት ኢዮብ። ብተዘዋዋሪ እምበር፡ ብቕጥታ ክዛረበሉ ኣይደልን’ዩ። እንጀርኡ ከይዕጾ ፍርሒ ስለዘለዎ።

“እሞ እንታይ ይሓይሸ?” ከም ልሙድ ምኽሪ ተጸበየ። ብዘይ ምኽሪ ኢዮብ፡ ናብ ዘብሎ የብሉን። ባዕሉ ክፈጥሮ ዝኽእል ሓሳባት፡ ምስ ናይ ኢዮብ ተኣዋዳዲርዎ ካብ ቐሎ ጥጥቐ ፈልዩ ዝርእዮ ኣይኮነን። ፍልልዩ ሰማይን መሬትን’ዩ። ሳሕቲ በይኑ ኮይኑ ኣብ ዝሓስበሉ ብኢዮብ ብጣዕሚ’ዩ ዝድነቐ። ‘ኢዮብ ፈታዊኻ እምበር ጸላኢኻ ክኸውን የብሉን!’ ዝበል መርገጺ ኣለዎ።

“እንታይ ሓሳብ ኣለካ ንስኻ?” ክፍትኖ ስለዝደለየ’ዩ። ሓሳብ ከም ዘይህልዎ ከይሓተቶ ከሎ ክግምት ኣይተሸገረን። እቲ ‘ወዲ ሹቐ’የ!’ ዝበል ዮናስ፡ ገንዘብ እምበር ልቦና ዝርከቦ መንእሰይ ዘይምኽኑ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ፈቲሽዎ’ዩ።

“ሓሳብ የብለይን። ሓሳብ ክህበኒ ዝጽበዮ ሰብ ንስኻ ኢኻ። እንካ ኽእ’ሞ እዚ።” 200 ሚእቲ ናቕፋ ኣዕሞኾ። ካብ ኢዮብ ብገንዘቡ ሓሳባት ዝገዝእ ሰብ ከምዝኾነ ሓደ ሓደ ግዜ ይስወጦ’ዩ።

“ኣታ ኣሰኪፍናካ ኣታ!” ገጹ በርሀ። ንቀልዓለም’ኳ ክመልሰሉ ኣይተራእየን። ረብሓ ንምርካብ እምበር ፍቐሪ ተረዲእዎ ዝተሓጋገዝ ሰብ ኣይነበረን። ሓሳባት ይህብ፡ ረብሓ ከኣ ይረክብ። እዚ’ዩ ዕላምኡን ስርሑን።

“ኖኖእ! እዚ ዘረባ ከይተስምዓኒ። ካልእ እኳ’ዩ ዝግባእካ። ሄርሜላ ኣብ ኢደይ ምስ ኣተወት ዝገብረልካ ኣብ ልበይ ኣሎ። ጥራይ ንስኻ ከይተሃከኻ ሓሳባት ኣካፍለኒ።” ርክቦም ‘ሕኽኽኒ ክሓከካ!’ ከም ዝኾነ ኣዳዕዲው ይፈልጥ’ዩ። ዕርክነቶም ብረብሓ ስለዝተመስረተ፡ ሓደ ካብኡም ግቡኡ እንተኣጉዲሉ ከም ትኪ ምብናኑ ኣይተርፎን’ዩ። ሕድገት ዝብል ኣምር ኣብ ክልቲኦም የለን።

“በል ሐራይ። ሓሳባት ደኣ እዚ ቀሊል። ኣሸንኳይ ንዓኻ ንካልኦት’ኳ ዝወሃብ ዘሎ።” ከም ስዋኣ ዝመቀረላ ኮማሪት ከምስምስ በለ። ገንዘብ እንተሒዙ ይሕጐስ’ዩ። ዋላ ኣይጠቀመሉ ኣብ ጅብኡ ክቕመጥ ይደልዩ። ገንዘብ ሓይሊ ኮይኑ’ዩ ዝስምዖ። ሰባት ንገንዘብን ብገንዘብን ከም ዝነብሩ ዝኣምን መንእሰይ’ዩ። ዋላ ኣይርከቦ ገንዘብ ከም ፈጣሪ’ዩ ዘምልኹ። ‘ገንዘብ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ዘይብሉ ኣምላኽ’ዩ!’ ዝብል ኣዕናዊ ሓሳባት ካብ ዝውንን ዉሑድ ኣይገበረን።

“የቕንየለይ። ሕጂ ግና ንልቢ ኣራም ሓምሺኹ ናብ ሓኽሙሽቲ ዝልወጥ ባልባል ዝብል ሓሳባት ሃበኒ።” ምሕጽንታ ኣስምዐ። ከእዝዞ ምደለየ። እንተኾነ ክሰልጦ’ዩ ዝደሊ። ሓንሳእ ስምዒቱ ቀቲሉ፡ ድላዩ ንምርካብ ክመሳሰል ነይርዎ። ንሱ’ስ’ኳ ዝሓስብ ሰብ። እቲ ዘይሓስብ ዝብኢ’ኳ ክሳብ ዝደልዎ ዝሕንከስ።

“እ…”

****

በሽካዕላል ካርካር በለ። ሰሓቁ ግና ካብ ልቡ ስለዘይብገስ፡ ዕድመ ክውስኽሉ ዝጽበ ኣይነበረን። ቁጥዐን ኣግርሞትን ተፋራሪቆሞ፡ ሰሓቁ ሃንደበት ደው ኣበሎ። እቲ ኣብ ፊቱ ዝነበረ ዓርኩ፡ ከም ሰብ ዝሓስብ ኣእምሮ ዝተዋህቦ ኣይመሰሎን።

“እንታይ ኢኻ ትብል ዘለኻ?” ዋላ’ኳ ተነኒርዎ እንተነበረ፡ ክደግመሉ ሓተተ። እቲ ጸገም ካብ ኣእዛኑ ክይከውን ስግኣት ኣለዎ። “እዚ ዝበልካኒ ሓቂ እንተኾይኑ፡

ንፍቕርን ሸቀጥን ፈላልየ ከርእዮም ኣመና ከጽግም'የ።" ወሰኽ ዳዊት። ራሄል ፍቕሪ መድሃኔ ንምርግጋጽ ዝኣዘዘቶ ነገር ምስ ሰምዐ'ዩ ከምዚ ክብል ተገዲዱ።

"ዳዊት ጸወታ ተራእይካ። እምበር'ዶ እዚ ዘለኹዎ ጭንቐት ይርደኣካ ኣሎ'ዩ?" ክንጸርጽር ተሰምዐ። ክብድ ዝበለ ትእዛዝ ራሄል፡ ከም ዘባህርር ሕልሚ ኣሰንቢድዎ'ዩ። ዓርኩ ካብዚ ዘለዎ ዉጡር ህሞት ዘላቐቐ ሓሳብ ከምጸሉ'ዩ ዝደሊ። ግና ዘይከም ሕርይኡ ክጨርቕ'ዩ ሰሚዕዎ። መፍትሒ ዝኸውን ሓሳባት እምበር፡ ጭርቓን ዝዓብሰሉ ኣይነበረን። 'ጭርቓን ከናፍር ዝጋልህ ቓላት እምበር፡ ጸገማት ዝፈትሕ በዓል ሞያ ኣይኮነን!' በለ ብሓሳቡ።

"በዚ ዘገርም ጸወታ ራሄል ክትጭነቕ የብልካን። ዋጋ 3500 ክዳን እኳ'ያ ኣዚዛትካ። እዚ'ኳ ተራእዩን ተሰሚውን ኣይፈልጥን'ዩ።" ስምዒቱ ክቆጻጸር ኣይከኣለን። ራሄል ክትጻወት እምበር ክትፋቐር ዝተቐረበት ይመስሎ ኣይነበረን።

"ከም ዘፍቕራን ዘየፍቕራን ከተረጋግጽ ዝበለቶ'ዩ።" ሃዲኡ ከረድኦ ፈተነ። ትእዛዝ ራሄል ብዙሕ ከምዘጠራጥር ገይርዎ'ዩ። ጥርጣረኡ ግና ከም ጠስሚ ብሓይሊ ፍቕሪ ዝመክ'ኽ ጥርጣረ'ዩ። ንፍቕሪ በሊሕን ተዓጻጻፍን የብሉን።

"ኣይመስለንን። እዚ ሃብታም ሙኺንካን ዘይምኺንካን ንምርግጋጽ ዝሃበትካ ዕዮ ገዛ ኮይኑ'ዩ ዝርድኣኒ። ኣብ ገንዘብ ዘይብሉ ፍቕሪ ከይትኣቱ ዝሰግኦት'ያ ትመስል። ጌና ፍቕሪ ከይጀመርኩም ከምዚ ዝበለት፡ እንተጀሚርኩም ድኣ እንታይ ክትእዝዝ'ያ?" ናይ ምግራም ስምዒት ካብ ፍረ ገጹ ክለቁ ኣይተራእዩን። ከም ማስትሺ ኣብ ገጹ ጠቢቆም፡ ንዘውድኡም ቓላት መሰነይታ ኮኑ።

"ኣታ ንስኻ..." መቐጸልታ ዝሓሰቦ ቓላት ህልም በሎ።

"ስድራ የብላን ድዩ ንስኻ ትኸድና? ክትከድና ሓላፍነት ዝወሃበካ'ኳ ምስ ተመርዓኻ'ያ እዩ። ጌና ፍቕሪ ከይጀመርካ ከመይ ጌርካ ትኸድና? ዝሓሰበቶ ድኣ

እንተልይዋ እምበር፡ እዚ ጉዳይ ናይ ጥዕና ኣይመስልን'ዩ። በጃካ ኢለካ ድሕሪ ሕጂ ክትረኽባ ከይትፍትን።" ብስምዒት ተዛረበ። 'ራሄል ብስም ፍቕሪ ትንውርም ሸቓጢት'ያ!' ምስ ዝብል ሓሳብ ይሰማማዕ'ዩ

"የፍቕራ እኳ'የ።"

"ተኣፍቕርካያ'ኸ?" ዳዊት ተዛረበ። ጥዕና ራሄል ምሉእ እንተኾይ፡ መድሃኔ ይጽለል ከም ዘሎ ሓሰበ። ኣብ ፍቕሪ ስድሪ'ኳ ዘይሰጐሙ ክንሶም፡ ብዋጋ መድሃኔ ዘይክእሎ ክዳን ምሕታታ ኣይተዋሕጠሉን። 'መድሃኔ ካብ ራሄል ፍቕሪ ይጽበ እንተሎ፡ ቐዳድ ፊስቶ ማይ ዘይመልኣሉ ኣብነት የለን!' በለ ብልቡ።

"ዝኣዘዙቶ ክገብረላ መደብ ኣሎኒ።"

"እንታይ?" ብዓውታ ጨደረ። ብስንባደ ልቡ ክትሞልቕ ደለየት። ጥዕና መድሃኔ ምሉእ ዘይምንባሩ ብዝበዝሐ ሚእታዊት ተኣማመነ። ፍቕሪ መድሃኔ ካብ ጽላለ ፈልዩ ክርእዮ ፍጹም ተጸገመ። እቲ ተሞኪሩሉ ዘይፈልጥ ፍቕሪ፡ ከምዚ ኣብ መድሃኔ ዝርኣዮ እንተኾይኑ፡ ክተርፎ ተመነየ። ንዘይትኽእሎን ዘየዋጽኣካን ክትገብር ዝደፍእ ሓይሊ ኮይኑ'ዩ ረኺብዎ። ነቲ ኩነታት 'ፍቕሪ ኣብ ልቢ እናዓንበበ ንልቢ ዘሸፍት ስምዒት ክኸውን ኣለዎ!' ክብል'ዩ ገሊጽዎ።

"ዳዊት! ቀስ እንዶ በል ሰብ ከይተስምዓለይ።" ዓውትኡ ዘጨነቐ መሰለ። በቲ ዝበሎ ዳዊት ከም ዝስምብድ ይፈልጥ'ዩ። እንተኾነ እቲ ምስ ነብሱ ተመያይጡ ዝበጽሖ ውሳኔ ንሱ'ዩ ነይሩ። ፍቕሪ ዕብዳን እንተኾይኑ ጨርቁ ንምድርባይ ድሉው'ዩ። ከም ራሄል ዘፍቐራ ጓል የላን። ዋላ'ኳ ዘይክእሎ እንተኣዘዙቶ፡ ካልኣይ ኣማራጺ ኣይነበሮን። ፍቕርን ሞትን ኣማራጺ ዝቕርቡ ኮይኖም ኣይተሰምዕዎን።

“ገንዘብ ካበይ ከተምጽእ?” ደሃዩ ኣትሒቱ ሓተቶ። እቲ ንሱ ዝፈልጦ መድሃኔ እንተኾይኑ፡ ንትእዛዝ ራሄል ዝበቐዕ ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ከም ዘይብሉ ከም ከብዲ ኢዱ’ዩ ዝፈልጥ። ወርሓዊ ደሞዙ ንጠለብ ራሄል ማዕቐኑ ኣይነበረን።

“ንሱ’ዩ ሸጊሩኒ ዘሎ ድኣ። ከም ገለ ገይረ ዘዋህለልከወን ሽሕን ክልተ ሚእትን ኣለዋኒ። እቲ ዝተረፈ ግና ካበይ ከም ዘምጽኦ ኣይፈለጥኩን። ከይልቓሕ ከኣ ዘለቐሕ ስኢነ።” ጭንቁ ገለጸሉ። ራሄል ምስ ኣዘዘቶ ዘይሓሰቦ ኣይነበረን።

“እንታ ጥዑይ ዲኻ?” ኣፉ ብኢዱ ሓተመ።

“ፍቐሪ ዝለኣኾም ጥዑያት ዘይከኾኑ ይኽእሉ’ዮም። ልዕሊ ጥዕና ፍቐሪ ስለዘገድሰኒ ከተታርፈኒ ኣይትፈትን። ጥዕናይ ፍቐሪ’ዩ!” ተማሕጸኖ። ንራሄል ካብ ምኽሳር ንላዕሊ ከሳራ የብሉን። ዝኽፈለ ከፊሉ ንራሄል ክኽስብ ወሲኑ’ዩ።

“እሞ ስረቐ?” በሸካዕላል ተዛረበ።

“ስርቂ ዘይተርፍ እንተኾይኑ ዓይነይ ኣይሓስን’የ። ዋላ ኣብ ደገ ‘ሰራቒ!’ ተባሂለ ስመይ ይበለል፡ ኣብ ውሽጠይ ዝተርፍ ፍቐሪ ንኹሉ ከሕውለይ’ዩ።” ብሕርቓን ግብረ መልሲ ክህብ ተሰምዐ። ካብ ገጽ ዳዊት ክእለ ስለዝደለየ ከኣ፡ ካብ ዝተቀመጦ ሓፍ በለ። እቲ ፍቐሪ ዝለኣኾ ጎበዝ!

****

“ራሄለይ! ኣይጨከንክን?” ሄርሜላ ተግባራ ብሕልና ትቐበሎ ኣይነበረትን። ሰባት ነንሕድሕዶም ከምዝበዳደሉ ትፈልጥ’ያ። ‘ዝተበደለ ግድን ዝብድል ነይሩ እንተዝኸውን፡ ዓለም ሲኦል ምተቐየረት!’ ዝብል እምነት ኣለዋ። እቲ እንኮ ዓለም ሲኦል ዘይመሰለትሉ ምኽንያት፡ ‘ሕድገት!’ እዩ ንሄርሜላ።

“ጨካን ሙኺን ኣገዳሲ’ዩ ሄርሜላ። ደሓር ከኣ ጨካን ንክኸውን ዝገደደኒ ባዕሉ’ዩ።” ሓጺር መብርሂ ሃበት። ኪንኡ ክትቕጽል ዝደለየት ኣይትመስልን። ሕድገት ምግባር ኣብ ርእሳ ቦታ ኣይነበሮን። ሕልንኣ ኣዒንቱ ዝሰኣነ ይመስል

“ከማና ኣብ ኣጎልጉሎት ዘሎ መምህር’ዩ። ዋጋ ዝኣዘዝከዮ ክዳን ዓቕሙ ኣይኮነን። ዝገብሮ’ውን ኣይመስለንን። ደሓን ግና ንዘረባ ክጥዕመልና ዝኣልኪ ንበሎ። ካብኡ ንደሓር እንታይ’ዩ ሓሳብኪ?” መግለጺ ደለየት።

“ክዳኑ ተቕቢለ ‘እምቢ!’ ንፍቕሪ ክብሎ’የ። ከምታ ዝተቕረጽኩዋ ይቕረጽ። ዝበልኩዎ እንተዘይገይሩ ድማ፡ ካልእ መደብ ኣለኒ። እንተወሓደ ነቲ ጉዳይ ኣነ’ውን ብመልክዕ ጸወታ ከምዝርእዮ ክፈልጥ ኣለዎ። ዝተሃሰኹ ኪይመስሎ።” መደረት። ነዚ ጉዳይ ብዕቱብ ዝተተሓሓዘቶ ክትመስል ከንፈራ ነኽሰት።

“ጽቡቕ ትገብሪ የለኽን። ኣብ ጸወታ ከም ዘሎ ዝገመትኪ ባዕልኺ ኢኺ። ስለዚ ከም ናቱ ኣይትጻወቲ። ንስኺ ካብ ኩሉ ተሓየቢ።” ርድኢታ ኣፍለጠታ።

“ንመድሃኔ ንረስዓዮ ሄርሚ ሓፍተይ። ብዛዕባ እቲ በዓል መኪና ዮናስ ንዘራዝረብ።” ዕላለን ናብ ካልእ ኣንፈት ጠምዘዘቶ። “እዚ በዓል መኪና፡ ንኣራም ዝበልጽ ኮይኑ ይስምዓኒ ኣሎ። ኣብ መወዳእትኡ እቲ ንከናፍርኪ ዝስዕም ዕድለኛ ወዲ ከይከውን ድኣ?” ክምስታ ኣንጸባሪቓ፡ ግብረ መልሲ ሄርሜላ ተጸበየት።

“ከናፍረይ ንኣራም’የን ተሰሪሐን።” መርገጺኣ ኣነጸረት ሄርሜላ።

“ብሓቂ?” ክትጠቕዓላ ኢዳ ወፈየት።

“ብሓቂ።” ጠቕዐት ሄርሜላ።

<u>23.Z. ‘ንዘምልኾ ገንዘብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘይብሉ ኣምላኽ’ዩ!’</u>

****

24

24.A. ‘እቲ ሓዲጎ ካበይ ይካረዮ ብዘየገድስ፡ ኢዮብ ኣብ ርእሲ ኣራም ናይ ሓዘን ዳስ ክተክል ጸገም የብሉን!’

ዮናስን ኢዮብን ናብ መደቀሲ ክፍሎም ክኣትዉ ከለዉ፡ ኣብ ገጽ ክልቲኦም ፍሉይ ስምዒት እንበብ ነበረ። ኢዮብ ዘርቀቐ እከይ ስልቲ ተግባራዊ ንምግባር’ዮም ዓሊሞም። ኣብ ውሽጢ መደቀሲ ክፍሎም ኣራም ክጸንሑም ልዕሊ መጠን ተሃንጠዩ። እትምንታይ ዕላምኣም ንዕኡ ምርካብ’ዩ ነይሩ።

ዕድሎም ጸቢቕሎም ኣራም ምስ ሜሮን ገለ ገለ ናይ ትምህርቲ ክሰርሕ ጸንሑም። ኣቓውሞኣም ናይ ጥዕና ኣይነበረን። ንነገር ዝተቐረቡ’ዮም ዝመስሉ። ንመስተውዓሊ ቀልጢፉ ሓጠቅ ዘብል ናይ ትዕቢት ስምዒት፡ ኣብ ገጽ ዮናስ ተንከባበለ። ኣብ ገጽ ኢዮብ ግና ብቀሊሉ መንነቱ ዘይልለ ስምዒት ተኾሊዑ ተራእየ። ኢዮብ ከም ዮናስ ብቐሊሉ ዝንበብ ኣይኮነን። እንታይ ይሓስብ ጠሚትካ ክትፈልጦ ኣይከኣልን። ስምዒታት ዮናስ ግና፡ ንጹራትን ግሉጻትን እዮም። ‘ንዓኻ እንታይ ተመሲሕካ ኣይትበሎ፡ ክዳኑ ኩለሎ!’ ከም ዝበሃል።

እዚ ህሞት ንኣራምን ሜሮንን ስንባደ ፈጠረሎም። ኩነታቶምን ኣቓውሞኣምን፡ ናይ ሓደጋ ቓጭል ምንባሩ፡ ኪኖ ምግማት ርግጸኛታት ኮኑ። መጽናዕቶም ገዲፎም ቀው ኢሎም በብእብረ ጠመትዎም። ብድሓን ከም ዘይመጹ እምንቶ ክልቲኣም’ዩ። ብሰንኪ ሄርሜላ ኣብ ክልተ ዘይራኸቡ ጫፋት ዝተኾየጡ መንእስያት’ዮም። እንተዘይተዋጊኦም ከም ዘይዕረቁ ልሉይ’ዩ።

“ከመይ ኣምሲኹም?” ዘረባ ንምጅማር እምበር ሰላም ክብሎም ኣይተገደሰን። ብንዕቀት ኣባራርዩ ጠመቶም። ንውሽጣዊ ጽልኡ እኹል መግለጺ’ዩ።

ኣራም ንሜሮንን ካብ ኮፍ ዝበልሉ ዳርጋ ብሓንሳብ ተንስኡ። ኮፍ ዘብል መኽንያት ኣይነበሮምን። ጸላኢኻ ኣብ ቅድሜኻ እንተተገቲሩ፡ እቲ እንኮ ምርጫ

እቲ ንሶም ዝገበርዎ'ዩ። ከም ውግእ ንምጅማር ናይ ዜሮ ሰዓት ዝጽበዩ ተቐናቐንቲ ሓይልታት፡ ተፋጠጡ። ፍቕሪ ከዋግእ ከምዝኽእል ዝተፈለጠሉ ኣጋጣሚ ተኸስተ። እዚ ግና እታ ጠንቂ ናይቲ ውግእ ሄርሜላ ዘይትፈልጦ ኩናት!

"ከም ፈተውተይ መጠን ከበስረኩም'የ ኣብዚ ዘለኹ።" ብመልክዕ ባጫ መልእኽቱ ኣማሓላለፈ ዮናስ። ብኣስተቐሓር ኣኽመስሚሱ፡ ናብቲ ኣብ ጐድኑ ዝዓረደ ኢዮብ ጠመተ። ሃንዳሲ ናይቲ ድሕሪ ሒደት ደቓይቕ ዝጐናጸፎ ዓወት ንሱ ምንባሩ ዘከረ። ዓይኑ ድማ ጸቀጠሉ።

"ብስራትካ ይጥዓም።" ሜሮን'ውን ኣባጨወ። 'ካብኡ ኣይትሕለፍ!' ዝብል ስምዒት ዓብለሎ። 'ኣድጊ ንዝገበረካ፡ ጠይቂ ግበሮ!' ዝዓይነቱ ኣጠማምታ'ዩ ነይርዎ። ኣብ ልዕሊ ጸላኢኻ ሓልዮት ከተርኢ ምህቓን ባህርያት ኩናት ኣይኮነን። ይንኣስ ይዕበ ኩናት ኩናት'ዩ።

ኣራም ፍርሂ ኣዋሊእዎ ኣብ ዘይርጉእ መንፈስ ኣተወ። ከም ቁሪ ዝፈርሃ ስዕረት፡ ናብኡ ክትዕቆብ መጽያ ከይትኸውን ስግኣት ኣዋህለለ። ቐድሚ ገለ ደቓይቕ ምስኡ ዝነበረ ተስፍኡ፡ 'ድሓን ኩን!' ከይብሎ ኣብ ስከፍታ ወደቀ።

"ካብ ካልእ ከይትሰምዕዎ ኢለ'የ።" ዘረባ ኣቋሪጹ ብምስትንዓቕ ጠመቶም ዮናስ። ዝብሎ ክሰምዑ ይጽበይዎ ምንባሮም ኣይጠፍኦን። "እታ ንሓዋሩ ዝተመነኹዋ ሄርሜላ ናተይ ኮይና ኣላ።" ብትርር ዝበለ ድምጺ ክዛረብ ተሰምዐ።

ምስ ተዛረበ ስምዒታቶም ክቆልብ ኣዒንቱ ኣብ ስራሕ ጸመደን። ንኣራም ልዑል ትኹረት ክንብረሉ ሃቀነ። መወዳድርቱ ኣራም እምበር ሜሮን ኣይነበረን።

ኣራም፡ ፍርሑ ግሁድ ምስ ኮነ፡ ውሽጣዊ ሕልምታቱ ከም ብህቡብላ ንፋስ ዝተላዕለ ደቐቕቲ ነገራት ተበታተነ። ተስፍኡን ነብሰ ቁጽጽሩ ለኪሙ ተሰወረ።

ገጹ ከም ሓዘንተኛ ጽልምትምት በለ። ነቲ ፍቕሪ ዝመንጠሎ ዮናስ ብጽልኢ ጠመቶ።

ሜሮን ግና ሓቕነት ዘረባ ዮናስ ከጣልል፡ ጠመትኡ ናብ ኢዮብን ዮናስን ገበረ።

"ሄርሜላ ንከማኻ ጐደሎ ሰባት ዝተፈጥረት ኣይኮነትን።" ቀጻሚ ጠመትኡ ምስ ቃላቱ ተነዝሐ። ዮናስ ሰይጣን እምበር ሰብ ፍጡር ኮይኑ ይስምዖ ኣይነበረን። ዮናስ ሰይጣን ተኾይኑ፡ ንኢዮብ ስም ከም ዝሰኣነ ዝገመተ ኣይመስልን።

ዮናስ ግና ኣጠማምታ ሜሮን ዝዓጀቦ ኣይመስልን። ብጐድኑ ንዝነበረ ኢዮብ ብስያፍ ተመልኪቱ፡ ኣኽመስመሰ። ንኢዮብ ዝነበሮ ምስጋና መለከዒ ኣይነበሮን።

"ኮይኑ እንድዩ እሞ። ፍቕሪ ዘይስዕሮ የለን። መኪናይ ደብሪ ፍቕሪ'ያ ኮይና። መኪናይ መጎዓዛኢት ጥራይ ከይመስለኩም ቤት መቅደስ ውን'ያ። ሄርሜላ ምሳይ ዘይውዳእ ፍቕሪ ክሕዛ ክኢሉ ኣሎ።" በሸካዕላል ኣድመጸ። መታን ኣራም ንሄርሜላ ከእምን ተበግሶ ከይወስድ፡ ብኣግኡ ተስፍኡ ክበተኽ ዝገበሮ'ዩ። ውዲት ኢዮብ እዚ'ዩ ነይሩ። ኣእሙራዊ ኩናት'ዩ።

ከም ግምቶም ኣብ ገጽ ኣራም ተስፋ ዝተነፍጐ ስምዒት ተዓዘቡ። እዚ ድማ ንሞራል ዮናስ ሰፍ ካብ ምባል ኣይተዓንቐጸን። ኣራም ብዘይ ናይ ተስፋ ስምዒት ክንብሮ ዝኽእል ከምዘይብሉ ኣመነ። 'ተስፋ ዘይብሉ እግሪ የብሉን!' በሃላይ'ዩ። ኣብ ጉያ ፍቕሪ ምስ እግሪ ዘይብሉ ኣራም ተወዳዲሩ ከምዝዕወት ርግጸኛ ኮነ። ደጊም እቲ ዓውዲ በይኑ ዝነየሉ'ዩ።

"ገንዘብ ንሓዋሩ ባዶነትካ ከሸፍነልካ ኣይኮነን። እቲ ብገንዘብ ዓጺድካዮ ዘለኻ ፍቕሪ፡ ዕግበት ዘይብሉ ስንኩል ፍቕሪ'ዩ።" ስዕረቱ ዝኣመነ ሜሮን ብስምዒት ተዛረበ። ኣራም ግና ብዘይ ዝኾነ ቃል ፈዚዙ ተረፈ።

ዮናስ፡ ዕላምኡ ከም ዝወቅዐ ፈለጠ። ንተጻራሪኡ ብሜላ ካብ ስራሕ ወጻኢ እንተገይርዎ፡ ብዘይ ተቋጻጺ ዓወት ከም ዝሓፍስ ርድኢቱ'ዩ። ኣበርክቶ ኢዮብ፡ ከም ትበርቐ ጸሓይ መመሊሱ ክደምቅ ተዓዘቦ። እዚ ሓሳብ ኢዮብ ተዘይምህዞ፡ ሕጂ ሕጉስ ኣይምኾነን። 'እቲ ሓጺን ካበይ ይካረዮ ብዘየገድስ፡ ኢዮብ ኣብ ርእሲ ኣራም ናይ ሓዘን ዳስ ክተክል ጸገም የብሉን!' በለ ብልቡ።

"ኣይትሸገር ሜሮን። ገንዘብ ከምቲ ፍቕሪ ክገዝእ ዘይተጸገመ፡ ዕግበት ኣብ ምሸማት'ውን ኣይጽገምን'ዩ።" ብላግጺ ቃላቱ ዘረወ። ኣብ ገጽ ኣራምን ሜሮንን ዝርእዮ ዝነበረ ስምሚታት፡ ሓጐስ ከይፈጠረሉ ኣይሓለፈን። ጸላኢ ጸላኢ ምኸኑ ስለዘይተርፎ ፡ ክድንግጸሎም ኣይሕሰብን'ዩ። ኣብ ሕጊ ኩናት ምንድንጋጽ ቦታ ዝህብ ዓንቐጽ የለን!

ሕርቓን ኣራም ጠገለ ስኢኑ በሽ በሽ በለ። ሰራውር ደሙ ዘይከምቲ ንቡር ተገቲሩ ንቆርበቱ ኣሸገሮ። ፍረ ገጹ ሓዊ ተዘሪእዎ፡ ራሃጽ ኮረር-ኮረር ኣበለ። ክቆጻጸሮ ዘይከኣለ ስምሚቱ ልኢኽዎ፡ ተሃንዲዱ ናብ ዮናስ ቀረበ። ኣብ ናይ ቋሕ ሰም እዋን የማነይቲ ኢዱ ብጉስጢ ኣብ ምዕጉርቲ ዮናስ ኣዕረፈት። ሓይሊ ህራሙ ንዮናስ ካብ ዝቐሞ ከንቀሳቕሶ ከኣለ።

ኢዮብን ሜሮንን ከዓርቕ ተጓየዩ። ኣብ መንጐ ብምእታው ከረሓሕቕዎም ተራእዩ። ጸጸግዖምዮም ሒዞም። ሜሮን ኣመት ኣራም፡ ኢዮብ ከኣ ኣመት ዮናስ ገበሩ። ዋላ'ውን ኣብ ዘይንቡር ሃዋሁ ዝርሳዕ ምትእስሳር ኣይነበሮምን።

"ጽናሕ ኣታ ሃላይ ደንቆሮ።" ብላሕታት ድምጺ ፈከረ ኣራም። ንሒዝዎ ዝነበረ ሜሮን ክፍንጽግ'ዩ ዝቓለስ ነይሩ። ዝገብሮን ዝብሎን ብዝግባእ ይርድኦ ኣይነበረን። ኩሉ ሓሳባቱ ኣብ ልዕሊ ዮናስ ተሃኑ ንምውጻእ ዝዓለመ'ዩ።

“ብገንዘበይ ክልብም’የ። ናትካ ጥራይ ግበር። በቲ መለሳ ዘይትረኽበሉ ድኽነትካ ሕሰብ። ፈውሲ ተለዎ ኣብ ፋርማሲ ህይወት መድሃኒት ድለየሉ።” በለ ዮናስ ክምስታ እናኣርኣየ። ዋላ’ኳ ብጉስጢ ይተሃረም፡ ብዘመዝገቦ ዓወት ክሓስብ ቃንዝኡ ኣይጸለዎን።

****

ብርዒ ሄርሜላ ኣብ መዝገብ ዕለታዊ ህይወታ ከተኹድድ ተራእየት። ዕለታዊ መዝገብ ናይ ምሓዝ ልምዲ ካብ ተጥሪ ገለ ዓመታት ኣቑጺራ ኣላ። ዋላ’ውን መሓዙታ ዘይፈልጥኦ ምስጢራታ፡ ኣብ መዝገብ ዕለታዊ ህይወታ ተሰቲሮም ኣለዉ። ከምዚ ዝበል ጽሑፍ ከተስፍር ከኣለት።

‘ዳያሪየይ ከመይ ኣለኺ?

መቾም ካባኺ ዝሕባእ ከምዘይብለይ ትፈልጢ ኢኺ። ብዘይካ ኣራም ካልእ ዘፍቕሮ ወዲ ከምዘይብለይ ዝሓለፈ ቅነ ነረረኪ’የ። ሕልመይ ሰሚሩለይ ንፍቕሪ ከም ዝሓተተኒ’ውን ኣስዒበልኪ። እቲ ሕቶ ካልእ መዓልቲ ክልዕለለይ ሓቢረዮ። እቲ ዝበልኩዎ ካልእ መዓልቲ ክትቅልጥፈለይ ብዘይ መጠን ተሃንጠየ።

ኣራም! ናይ ፍቕሪ ሕቶኡ ክደግመለይ’ሞ፡ ንፍቕሪ ክውድሰ ተመንየ። ምሽ ትፈልጢ ኢኺ ዳየሪየይ ኣፍቒረ ከምዘይፈልጥ። ብኣራም ግና ተሳዒረ። ካብ ዝረኣኹዎ ዕለት ክሳብ ለይቲ ሎሚ ብእኡ ክይሓለምኩ ዘሕለፍክዋ ለይቲ የላን። ከመይ ደኣ ኮይኑ’ዶ ኢልኪ? ከመይ’ሞ ክብለኪ’የ? ትሕትንኡን ልቦንኡን ካብ ኩሎም ዝቐረቡኒ እቲ ዝበለጸ’ዩ። መልክዑ ከኣ ማራ ሸኮር! ፍቕራት ምስ ኮንና ስእሉ ክጥቕዓልኪ ሙኺነይ ቓል ይኣትወልኪ ዳየሪየይ! ጥራይ ቀልጢፉ ይሕተተኪ በልኒ።

ዳየሪየይ፡ ከምቲ ኩሉ ሻዕ ዝብለኪ! ብቀሊሉ ከፍቕር ኣይደልን’የ። ተኣፍቒረ ድማ ሓንሳብን ንሓዋሩን’የ። እቲ ሓንሳብ ዘፍቕርኩዎ ኣራም’ዩ። እቲ ክሳዕ

መወዳእታ ዘፍቕሮ ሰብ'ውን ንሱ'ዩ። ንኩሉ ሻዕ ናትኪ ይግበረልኪ'ባ በልኒ። በሊ ንሎሚ ይጸኽለና። ጽባሕ ሓድሽ ነገር እንተተፈጢሩ ከዕልለኪ'ዩ። ቻው!'

****

ናይ ሓሶት ፍቕሮም ሻድሻይ መዓልቱ ዝረገጸሉ'ዩ። ኣብ ከባቢ መደቐሲ መምሃራን ዝርከብ ኮፍ መበሊ ተቐሚጦም፡ ዕላል ካብ ዝጅምሩ ፍርቂ ሰዓት ሓለፈ። ኣብ መንጐኦም ዝፍጠር ዝነበረ ጋግ ምስኦም ኣይነበረን። ከም ፍቕራት ተላጊቦም ተራእዩ። ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ኣብ ዝምድንኦም ዝፍጠር ዝነበረ ለውጢ፡ ንክልቲኦም ዘገረመ'ዩ።

"መሓዙተይ ብጣዕሚ'ዩ ገሪምወን ዘሎ።" ተዛረበት ሄለን።

"ብምንታይ?" ገላጺ መረዳእታ ደለየ ኢዮብ።

"ብምቕያረይ። 'ነብስኺ ኣልዕሊ!' እናበላ ብዙሕ ለሚነናኒ ክነሰን ይሰምዐን ኣይነበርኩን። ንሰን ኣብ ዓመታት ዘይገበርኦ ንስኻ ግና ኣብ መዓልታት ጌርካዮ። ውዕይቲ ሙኺን'ውን ዳርጋ ገዲፈዮ ኣለኹ። መሓዙተይ ብዛሕለይ ተገሪመን፡ 'እንታይ ረኺቡኪ?' ክብላኒ ይውዕላ ኣለዋ።" ንሕቶኡ ዝቐንዐ ግብረ መልሲ ሃበቶ። ኣብ ህይወታ ጸላዊ ተራ ከምዘለዎ ክትሕብሮ'ያ ደልያ።

"ስለምንታይ መሓዙትኪ ኣብ ዓመታት ዘይገበርኦ፡ ኣነ ኣብ መዓልታት ገይረዮ ኢልኪ ትሓስቢ?" ብስያፍ ጠሚትዋ ተዛረበ። ትህቦ መልሲ ክሰምዕ ኣብ ትጽቢት ኣተወ። ሄለን ካበይ ናበይ ከምዝተለወጠት ክሓስቦ ከሎ ይገርሞ'ዩ። እሞ ድማ ኣብ 6 መዓልቲ ጥራይ።

"ንዓይ ንስኻ እቲ ዝበለጽካ ስለዝኾንካ።" ካብ ልባ ዝነቕል ዘረባ ኣስመዐቶ። ጸወታ ክመስሎ ከም ዝኽእል ግና ገሚታ ነበረት። እቲ ኢዮብ ጸወታ ዝሓስቦ

ንዕኣ ጸወታ ኣይኮነን። ኢዮብ ከም ናታ ክሓስብ ድልየት ኣለዋ። እንተኾነ ኣፋ ከፊታ ብዛዕባ እዚ ክትዛረብ ትኽእል ኣይነበረትን።

“ንዓይ ውን ንስኺ እታ ዝበለጽኪ ሰብ ኢኺ።” ንሱ’ውን ዓጸፋ መለሰላ። ንሱ ውን ካብ ናይ ሄለን ዝፍለ ስምዒት ኣይነበሮን። ክትኣምኖ ዘለዋ ተኽእሎ ከምዝትሕት ግና ግምቱ’ዩ። ከም ርክቦም ኣድናቕቱ ውን ጸወታ ከምዝመስላ ብዝበዝሐ ሚእታዊት ርግጽኛ’ዩ።

“ሓቕኻ እንተኾንካ’ስ የቐንየለይ ኢዮበይ።” ድምጻ ተለወጠ።

“ንዓኺ ኣይሕስወክን’የ ሄለነይ።” ኣብ ኢዳ ጠቕዐ።

“ምሳይ እንተለኻ እንታይ ይስመዓካ?” ኣንፈት ስምዒታቱ ከተለሊ ተወከሰቶ። ልባ ከም ቀደሙ ኣይነበረን። ገለ ስምዒታት ኣብ ልዕሊ ኢዮብ ካብ ተሕድር ኣይወሓደን። ናይ ሓሶት ዝበለቶ ፍቕሪ፡ ንዕኣ ናይ ብሓቂ’ዩ። ብጸወታ ኣምሲላ ኣብ ልቢ ኢዮብ ፍቕሪ ክትዘርእ ሓሳብ ኣለዋ።

“ምቹእነት’ዩ ዝስምዓኒ።” ንምድንጋራ ዝበሎ ኣይኮነን። ምስኣ ክህሉ ከሎ ዝስምዖ፡ ኣብ ካልኦት ደልዩ ኣይረኽቦን’ዩ። ዋላ’ውን ምስቲ ብረብሓ ዝቐርቦ ዮናስ ኣብ ዝራኸበሉ፡ ከምዚ ናይ ሄለን ኣይስምዖን’ዩ። “ድሕሪ’ዚ ጸወታና፡ መሓዙት ኮይንና ክንቐጽሎ ይደሊ’የ? ፍቓድኪ ድዩ?” ክኸስራ ኣይደለየን። ግና ካብ መደቦም ወጻኢ ምኻድ ንሄለን ዘየሐጉስ ከይከውን፡ ስክፍታ ነይርዎ።

“ሐራይ።” ሓጺር መለሰትሉ።

“እንታይ ድኣ ኣይተሓጎስክን?” ሕቶ ኣቕረበላ። ንዕግበታ ዝገልጽ ንውሕ ዝበለ መልሲ’ዩ ተጸብዩ። ትጽቢቱ ግና ትጽቢት ኮይኑ ጥራይ ተረፈ። እዚ ድልውነታ ኣብ ምልክት ሕቶ ምንባሩ፡ መልእኽቲ ዘመሓላልፍ ኣጋጣሚ ኮይኑ ተሰምዖ።

“ተሓጕሰ እምበር። ብገንዘብ ትግደስ’ዶ? ኣብ ገንዘብ ፍቕሪ ከይህልወካ’የ።” ኣንፈት ዕላሎም ናብ ዝመሰላ ጠምዘዙቶ። እዚ ንድላይ ኢዮብ ዝዕንቕጽ ኣጋጣሚ ምንባሩ ኣይገመቱትን። እምበር ንኽደልያ ልዕሊ ዝኾነ ንሳ ትደሊ።

“ከሕሱ ኣይደልን’የ። ገንዘብ ብጣዕሚ’የ ዝፈቱ።” ከሕሱ ኣይደለየን። ብዘይ ዕላማ ናብ ሓጥያት ክኣቱ ኣይደኮፎን። ፍቕሮም ጸወታ እንተዘይነብር ምሓሰወ። ነብሱ ከመላ’ኽዕ ስለዘለዎ። ኣብዚ ናይ ጸወታ ግና ከምኡ ኣይመረጸን። ቕርብነት ሄለን ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ኮይኑ ስለዘይተሰምዖ፡ ብዝተዛረቦ ኣይተጣዕሰን።

“እሞ ሕማቕ ጠባይ። የዐርዮ’ባ።” ተማሕጸነቶ። ካብ ልባ ስለትፈትዎ ዘየድሊ ጠባይ ክላበስ ኣይትደልን’ያ። “ከምቲ ንስኻ ንዓይ ዝቐየርካኒ ኣነ’ውን ንዓኻ ክቕይር ግቡኣይ’ዩ።” ወሲኻ ተዛረበት።

“ክፍትኖ’የ።” ከሐጕሳ ተዛረበ። ውሽጡ ዝኣመነሉ ግና ኣይነበረን።

“ብርግጽ በለኒ።” ኣየተኣማመናን።

“ብርግጽ።” ደስ ክብላ ዝበሎ’ዩ።

“የቐንየለይ ኢዮበይ።” ብሓጕስ ፍሽኽታ ኣንጸባረቐት።

“ገንዘብኪ ሄለነይ።” ናብ ከናፍራ ጠመተ። “ካብ ምዕጉርትኺ ናብ ከናፍርኪ ክሰግር ደልየ።” ድላዩ ገለጸላ። ሄለን ግና ግብረ መልሲ ኣይሃበቶን። ድሕሪ ገለ ካልኢታት ናብ ከናፍራ ቀረበ። ዕድሉ ክርኢ’ዩ ወጢኑ። ብዘይ ፍቓዳ ይጉበሮ ስለዝነበረ ስክፍታን ፍርሕን ነይሮሞ። ካብ ሄለን ዝመጾ ተቓውሞ ግና ኣይነበረን። ዘየቋወማ መኽንያት እንታይ ምንባሩ ግና ኣይፈለጠን።

<u>24.Z. ኣብ ሕጊ ኩናት ንምንድንጋጽ ቦታ ዝህብ ዓንቐጽ የለን!</u>

****

25

25.A. ፍቐሪ ዘጨኻኽን ተኾይኑ፡ ብኡ ዝመጽእ ሰላም ቕንዕና የብሉን!

ጸሓዩ ዝበረቐትሉ ዮናስ፡ ሓጐሱ መጥመሪ ሰኣነሉ። ኣብ ውሽጡ ዘሽኮንድር ዝነበረ ባህታ፡ ከም ስርዓት ሃወጸ። ናብቲ ካብ ዝሰርሓሉ ቦታ ኣስታት 2 ኪሎ ሜተር ርሒቁ ዝርከብ ሆቴል፡ ብምኻድ ሓጐሱ ኣብ ምግላጽ'ዩ ነይሩ። እቲ ከም ጽላሎቱ ካብኡ ዘይእለ ኢዮብ'ውን ከም ቐደሙ ምስኡ ነበረ።

"ንስኻ እቲ ዝበለጸ ሰብ ኢኻ።" ኣድናቆቱ ወርወረ ዮናስ። ኣዒንቱ ናብ ኢዮብ ኣበለን። ኣዒንቱ'ውን ብተመሳሳሊ ኣድናቆተን ዝልእካ ዝነበራ'የን ዝመስላ። ዝተሰምዖ ዕግበት፡ ንተስፍኡን ሞራሉን ዘዕቢ ካብ ሙኺን ኣይተዓግተን።

ኣድናቆት ዮናስ ዝተቀበለ ኢዮብ፡ ብከምስታ ገጹ ወልዐ። ዮናስ ኣብ ልዕሊኡ ዘሕደሮ እምነት፡ ኣመና ከጠቕሞ ሙኺኑ'ዩ ዝኣምን። ሰብ ተኣሚኑልካ ጥራይ'ዩ ጽቡቕ ክገብረልካ ዝብገስ። እሞ ድማ ከም ዮናስ ሃብታማት እንተኣሚኖምልካ፡ ዝስዕብ እንታይ ከምዝኸውን ገሚቱ ባህታ ዓሰሎ። ስክፍትኡ ውዕለቱ ብኣድናቆት ከይሕለፍ ዝብል'ዩ። ኣድናቆት ዝዓብሰሉ ኮይኑ ኣይስምዖን'ዩ። ገንዘብ ዝሓዙ እምበር ብኣድናቆት ዝተመልኡ ዝፈጥርዎ ሓጐስ የለን በሃላይ'ዩ። 'ብገንዘብ እምበር ብኣድናቑት ዝኽፈል ሕሳብ የለን!' በለ ብልቡ።

"እንታይ ጌረልካ?" ዝተሰከፈ መሰለ። ከምኡ ገይሩ ከዋሳእ ነይርዎ። ህይወቱ ተዋስኦ እምበር ከውንነት ሙኺን ካብ ትገድፎ ነዊሕ ኮይኑ'ዩ። ሓቀኛ ስምዒታቱ ንዮናስ ክገልጸሉ ኣድላዪ ኣይኮነን። ንዮናስ ቡቲ ዝፈትዎ ጠባይ እናኸዶ፡ ረብሕኡ ከውሕስ'ዩ ዝሓስብ። ዘይተገልጹ ስምዒታቱ ዘስምዕዎ ክሲ ጸማም እዝኒ ሂብዎም'ዩ። ጸማም ረብሓ ስለዘገድሶ።

“እንታይ’ከ ዘይገበርካለይ? ነታ ንግስቲ ልበይ ዝኾነት ሄርሜላ፡ ናይ ዘልኣለመይ ክትከውን ትጉበሮ ዘለኻ ኣበርክቶ ውሒዱ? ኣብ ትሕቲ ፈጣሪ ሰራሒ ፍቕርና’ኳ ንስኻ ኢኻ።” ዘረባ ኢዮብ ኣይተቀበለን። ብዘይ ኢዮብ ከም ካቴና ዘይብላ ብሽክለታ፡ ስርሑ ካብ ምስልሳል ከምዘዕንቀፍ ጽቡቕ ገይሩ’ዩ ዝፈልጥ። ገንዘብ እምበር ካልእ ዝጠቕስ ደፋኢ ሓይሊ የብሉን።

“ግቡኣይ እንድዩ። እሙን ዓርኪ፡ ብጻዩ ሓገዝ ኣብ ዝደለየሉ እዋን እቲ ካብኡ ዝጥለብ እንተዘየማሊኡ፡ መን ዓርኪ ኢሉ ክጽብጽቦ?” ብውሽጡ ዘይኣምነሉ ቓላት ዘረወ። ብዘይካ ረብሓ ከምዘይተሓጋገዝ ዝገብሮ ረቓሒ ኣይፈልጥን’ዩ። ንስለ እቲ ክምድረሉ ዝጸንሐ፡ ዕርክነት ኢሉ ብዘይ ረብሓ ከምዘይተሓጋገዝ ኣዳዕዲው ይፈልጥ’ዩ። ናይ ዕርክነት ስምዒት ኣብ ልቡ ካብ ዝመውት ውሑድ ኣዋርሕ ኣይሓለፈን። የግዳ ‘እዛ እግሪ ዘይብላ ዝመስለና ልሳን፡ ናብ ልቢ ሰባት ተጓዒዛ ዘየለ ክውንነት ክትፈጥር ትኽእል’ያ!’ ዝብል እምንቶ ኣለዎ።

“ኣኹሪዕካኒ ኢኻ። ንኣራም ከም ዘይወሳወስ ኢና ገይርናዮ ዘለና። እዚ ድማ ብሳላኻ’ዩ።” በለ ዮናስ። ኣብ ገጹ ሕጉስ ስምዒት ተነበበ። ውሽጣዊ ሕልንኡ ብቕሳነት ቀምበይበይ ኢሉ ሩፍታ ፈጠረሉ። ቕሳነት ብዋጋ ስቓይ ካልኦት! ፍቕሪ ዘጨኻኽን ተኾይኑ፡ ብኡ ዝመጽእ ሰላም ቕንዕና ከምዘይህልዎ ኣይገመተን።

“ሕጂ መዓስ ኢኻ ክትረኽባ?” ኩነታቱ ክፈልጥ ተወከሰ። ኣብ መደባቱ ገለ ዝተዓራረ ጉዳይ ከይህሉ’ዩ ሓቲትዎ። ዮናስ እንተተጋግዩ ረብሕኡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከም ዝኣቱ ይግምት’ዩ። ረብሕኡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ክኣቱ ዝደሊ ኣይኮነን።

“ጽባሕ ክረኽባ’ዩ። ንሳ’ኳ ድሕሪ ሰሙን ክንራኽብ’ያ ነጊራትኒ። እንተኾነ ክሳብ ሽዑ ክጽበ ኣይክእልን’ዩ።” መደባቱ ዘርዘሮ። ኩሓብኣሉ ኣይሓስብን’ዩ። ሓባእ ቁስሉ ሓባእ ፈውሱ ስለዝኾነ። ክመሻጠር ተሓሲቡ ንጥፍኣቱ’ዩ።

“ጽቡቕ።” ደገፉ ገለጸ። ሓሳባቱ እወታዊ ኮይኑ ስለዝተሰምዖ፡ ቅስን በለ።

“እሞ ሎሚ ድራር’የ ክጋብዘካ።” በለ ዮናስ።

“ኣሸጊረካ።” ከም ኣመሉ ተዋስአ። ካብቲ ዝበሎ ንላዕሊ እንተዝነብር ውን ግቡኡ ምሓሰቦ። ግና እታ ለመጭ ልሳኑ ከም ኣመላ ተዋስአ ኣይምገደፈትን። ‘ተዋስአ ሓቂ ትዓብጠሉ ኮቦርታ’ዩ!’ በለ ብሓሳቡ።

“ኖኖእ...ከምኡ ኣይትበል። ኣሳሳይት ክጽውዕእ’ሞ ክንእዝዘ።”

****

ዋላ’ኳ ኣብታ ናይ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ዝምህር እንተኾነ፡ ብገለ ስራሕ ግና ናብቲ ኣብ ጥቑኡ ዝርከብ ማእከላይ ደረጃ በጽሐ። ኣብ ቐጽሪ እቲ ቤት ትምህርቲ ምስ ኣተወ፡ ንኣቓልብኡ ከም ዓሳ ዝገፍፍ ኩነት’ዩ ተዓዚቡ። ኣማዕድዩ ሰብ ርእዩ። ስኒት’ያ ነይራ። ኣብ ክላስ ኣትያ ተማሃሮ ክትምህር’ዩ ተዓዚቡ። ንሳ ኣይረኣየቶን። ንዕኣ ክርኢ ናብቲ ቦታ ዘንቐሳቐሶ ስራሕ ዘንግዖ።

ዓስርተ ደቓይቕ ኣቢሉ ምስ ሓለፈ፡ ምስትምሃራ ወዲኣ ካብ ክላስ ክትወጽእ ኣቕለበላ። ስኒት ብቐጥታ ናብ መደቐሲ ክፍሊ ክትስጉም ረኣያ። ንሱ ውን ኣብቲ ቦታ ክጸንሕ ዘድልዮ መኽንያት ኣይተራእዮን። ብጉዳ’ዩ ናብቲ ቦታ መጽዩ። ግና ጉዳዩ ዘየፈጽም ናጤባ ረኺቡ። ልቡ ኣዚዝዎ ደድሕሪ ስኒት ገጹ ሰዓበ።

ነዊሕ ርሕቐት ኣንጺፉትሉ ስለዝነበረት፡ ኣሳጉሙኡ ዘይከም ንቡር ኣፍጠኖ። ካብ ቐጽሪ እቲ ቤት ትምህርቲ ወጽያ፡ ዘይገመቶ ሜትሮታት ርሒቓ ንመደቀሲ ክፍላ ክትስጉም ረኣያ። ከርክባ ነይርዎ። ኣሳጉምኡ መመሊሱ ኣፍጠኖ። ዳርጋ ዘብዘብ’ዩ ዝብል ነይሩ። ፍቕሪ ንመን ዘብዘብ ዘየብል።

“ስኒት!” ጸዊዑ ከስምዓ ኣብ ዝኽእል ቦታ ምስ በጽሐ ስማ ጸውዐ ሜሮን። ስክፍታ ነይርዎ። ስክፍትኡ ተዘይስዒርዎ፡ ሓሳቡ ከምዘይትግበር ስለዝፈልጥ

ግና፡ ስክፍትኡ ዓቢጡ ካብኡ ዝሕተት ከማልእ ወሰነ። ስክፍታን ቀልዓለምን፡ ድሕሪ እምነት ምጉዳል ዝስርዑ ጸላእቲ ፍቕሪ ሙኺኖም ዝኣመነ'ዩ ዝመስል።

ስማ ክጽዋዕ ዝሰምዐት ስኒት፡ ተገልቢጣ መንነት ጸዋሚኣ ኣረጋገጸት። ልባ ከም ከም ኩዕሶ ክትናጠር ተፈለጣ። ነብሳ ብዝግባእ ክትቆጻጸር ከምዘለዋ ሓሲባ፡ ርእሰ ተኣማንነታ ከተህጥር ጀመረት። ከመይ ኮይና ከም ትቕርቦ ኣይወሰነትን። ቕድሚ ሕጂ ንሜሮን ዝበለቶን መሓዙታ ዝበልኣን ተጻረርቲ ሓሳባትዮም። ንሳ ከኣ ኣብ ሞንነ እዞም ተጻረርቲ ሓሳባት'ያ ሸንኮለል ትብል ነይራ።

"ከመይ ስኒት?" ሰላምታ ክልግሰላ ተራእየ። እቲ ሓቂ ከፍልጣ ወዲእዎ'ዩ መጺኡ። ቅንዕና ዘይብሉ ዝምድና፡ ንሓዋሩ ዘተኣማምን ከምዘይከውን ግምቱ'ዩ። ብኣንጻሩ ዘተኣማምን ዝምድና'ዩ ዝብህግ። እዚ ክኸውን እንተኾይኑ ከኣ ነብሱ ክሓክኽ ኣለዎ። 'ሓስየ'የ!' ምባል ክኸብዶ'ዩ። እንተኾነ ንሱ'ዩ እቲ ሓቂ።

"ጽቡቕ። ድሓን ዲኻ?" ዓጸፌታ መለሰትሉ።

"ድሓን'የ። ኣበይ ድኣ ጸኒሕኪ?" ኣበይ ከምዝጸንሐት ኣይጠፍኣን። ግና ከም ተዕልል ክገብራ ነይርዎ። ኣዋልድ ዘዛርበን ወዲ'የን ዝደልያ በሃላይ'ዩ። ከም ዓባስ ስቕ ኢሉ ዝጥምተን ወዲ፡ ጭንቀት እምበር ፍትወት ከምዘይፈጥር'ዩ ዝኣምን። ደሓር ከኣ ሓወልቲ ጥራይ'ዩ ዘይዛረብ። 'ኣዋልድ ነናተን ወዲ እምበር፡ ነናተን ሓወልቲ ክውንና ኣይደልያን'የን!' ዝብል ምሉእ ሓሳብ ዘከረ።

"እቲ ዓርከይ ዝበልኩኻ ክረኽበኒ ናብዚ ቦታ መጽዩ ጸኒሑ። ክንረዳዳእ ገለ ምስ በለኒ'ስ ምስኡ ክዘራረብ ከይመሃርኩ ንመደቕሲና ይኸይድ ኣለኹ።" ንሜሮን ዘገርም መልሲ ሃበት። ብዛዕባ ዓርካ ክትዛራብ ምምራጻ መደብ ስለዝነበራ'ዩ። ኣብ ትዕዝብቲ ሜሮን ዝኣተወት ግና ይመስላ ኣይነበረን።

“እዋእ! እሞ ክትምህሪ ኣይጸናሕክን ማለት’ዩ?” ተወጃበሮ። ኣብ ክላስ ክትምህር ዝርኣያ ጓል ንሳ ምንባራ ፍጹም ምጥርጣር ኣይነበሮን። ስለምንታይ ከምኡ ኢላ ደንጸዎ። ልክዕ’ዩ ንሱ እምበር ንሳ ኣይርኣየቶን።

“ኣይመሃርኩን።” ሓሰወት።

ሜሮን፡ ንሳ’ውን ከምኡ ሓሳዊት ምንባራ ተረድኦ። ዓይኑ’ያ ተንቑሮ ነይራ። ብኹነታት ስኒት ካብ ልቡ ከይተገረመ ኣይተረፈን። ከም ዘይርኣያ ስለትፈልጥ ሓስያ ከምዝተዛረበት ተኣመነ። ከም ሰብ ንሱ ጥራይ ዝሕሱ’ዩ ዝመስሎ ነይሩ።

“እሞ ተረዲእኩም’ዶ?” ናብ ሓሶታ ብዕላማ ተጸንበረ። ከም ዝሓሰወት ከፍልጣ ኣይደለየን። ከምዛ ምንም ዘይፈለጠ ኮይኑ ክዋሳእ ጀመረ። ከምኡ እንተገይሩ ኣብ ዘየድሊ ውግእ ከይጽመድ ስክፍታ ኣለዎ። ምስ ስኒት ክፋቐር እምበር ከዋጋእ ኣይደልን’ዩ። ዋላ’ውን ሓሳዊት ሙኺና እናፈለጠ።

“ኣብ መወዳእትኡ’ስ ተፈላሊና።” ሓሶታ ናብ ሳልሳይ ወለዶ ተሰጋገረ። ቀዳማይ ዓርኪ ዘይብላ ከሎ ዓርኪ ኣሎኒ ኢላ። ካልኣይ ምስ ዓርካ ከምዘይተሰማምዐት ሓስያ። ሳልሳይ ከኣ ከም ዝተፈላለየት ተዛሪባ። ኩሉ ዘድልያ ኣይነበረን። ግና ካብ ሳዕሳዕካ ተቆጻጸ ጌራቶ።

“እምቢእ!” ዘይሕጉስ ክመስል ፈተነ።

“ምስ ኣፍቓሪትካ’ኸ ከመይ ኣለኹም?” ምስ ዓርካ ብምፍልላያ ዘሕዝን ኣይነበራን። ሓዘን ከም ዘለዋ ዝገልጽ ስምዒት ኣብ ገጻ ክትልጥፍ ውን ኣይተገደሰትን። ሓሶት ካብ ሓሶት ስለዘይሓልፍ። ‘ብከልሰ ሓሳብ ንኑብስኻ እሾኽ ወጊእካ ክትቑንዞ ዝከኣል ኣይኮነን!’ ንዝብል ኣበሃህላ ዝረዓመቶ ትመስል።

“መጀመርያ ይቕሬታ ስኒት።” እቲ ሓቂ ክነግራ ወሰነ። ሰኣን እቲ ሓቂ ምዝራብ፡ ንኑብኡ ንዘይምርግጋእን ዘይምቕሳንን ኣሕሊፉ ክህባ ኣይደልን’ዩ።

“እንታይ’ዩ?” ዘይገመተቶ ስምዒት ኣብ ገጹ ሰፊሩ ምስ ረኣየት።

“ንዓይ ኣፍቓሪት የብለይን። እቲ ኩሉ ብዛዕባ ኣፍቓሪተይ ዝነገርኩኺ ሓቂ ኣይኮነን። ስለዚ ከኣ’የ ይቕሬታ ክሓትት ተገዲደ።” ስክፍትኡ ውሒጡ ተዛረበ። ዋላ’ኳ ብትህቦ ግብረ መልሲ ተተሻቀለ፡ ዝሓሰቦ ስለዝገበረ ግና ሩፍታ ፈጠረሉ።

“ሓሲኻ ኢኻ ማለት ድዩ?” ንሳ ጥራይ ትሕሱ ዝነበረት’ዩ ዝመስላ። ርክቦም፡ ‘ጐርሓት ሓኽሙሽቲ ስንቆም!’ ምንባሩ ተሰወጣ። ግና ደስ ከም ዘይበላ ኮይና ክትዋሳእ ነይርዋ። ሓቂ ዝተዛረበት ገይሩ ክሓስባ ስለትደሊ። ጸላኢ ሓሶት ምእመና ሓቂ ስለዝኾነ! “ኣነ ግን ኣይሓሰኹካን።” መልሲ ምስ ሰኣነት ብስምዒት ተዛረበት። ልዕልነታ ከትርእዮ ዝተዓጥቐት ትመስል።

“ይቕሬታ ስኒት።” ርእሱ ኣድነነ። ርእሱ ከልዕል’ዩ ግና ሓስዩ።

“ኩሉ ሻዕ ትሕሱ ማለት’ድዩ?” ልዕልና ተሰምዓ።

“ከም ናትኪ’የ ዝሕሱ።” ቅጭ መጸ። ብዓቕሊ ንኽጸራ ኣይተሓባበረቶን።

“መዓስ ሓስየ?” ሰንበደት።

“ኣብ ክላስ ጸኒሕኪ ከለኺ፡ ምስ ዓርኪይ ክረዳዳእ ጸኒሐ ዝበልኪ ንስኺ እንዲኺ። ኣብኡ ስለዝጸናሕኩ ሓሶት ምዝራብኪ ፈሊጠ።” መጠናዊ ሕርቓን ዝነበሮ’ዩ ዝመስል።

“እ....” ተዓዚማ ተረፈት።

****

“ከምኡ ኢልኪ’ባ ኣይትሸገሪ። ዘይጠዓሞ ክኸውን ይኽእል’ዩ። ስራሕ በርቲዕዎ ይኸውን።” ከተጻናንዕ ተራእየት ራሄል። ንሄርሜላ’ያ። ብዛዕባ እቲ ደሃይ ዘጥፍአ ኣራም ይዘራረባ ኣብ ዝነበራሉ እዋን’ዩ።

“ምጥዓም’ዩ ኣብይዎ ዝኸውን።” ሄለን ውን ተወሳኺ ቃላት ናብ ደርበየት። ሄርሜላ ተጨኒቓትሉ ትፈልጥ ህሞት ውሑድ ስለዝኾነ፡ ሃንደበት’ዩ ኮይንወን።

“ኣብ መኪና ዮናስ ስለ ዝተሰቐልኩ ተቐይሙለይ ከይከውን’የ ዝፈርሕ ዘለኹ። ተዘይቕየም ምመጸኒ።” ብኮን ደኾን ተለለወት። ዝዓበየ ግምታ ተቐይምላ ከይከውን ዝብል’ዩ። ከይተፋነዋ ክኸይድ ከምዝሓሰበ ትዝክር’ያ።

“ኣይትጨነቒ ጥራይ ክመጻኪ’ዩ።” ራሄል ተዛረበት። ንሳ’ውን ምስ ሄርሜላ ዘሰማምዕ ግምት’ዩ ነይርዋ። ግና ኩተጸናንዓ ስለዝነበራ ብዛዕብኡ ምዝራብ ኣይተራእያን። “እመንኒ እቲ ከናፍርኪ ዝስዕም ወዲ ኣራም’ዩ ክኸውን።” ወሰኸት። ነታ ጽቡቕ ዘይነበረት ሄርሜላ ሞራል ንምስናቕ’ዩ ዕላምኣ።

“ይግበረለይ?” ተተስፈወት።

“እሞ ንኢዮብ እንተሓተትኩዎ ከመይ ይመስለክን? ምስ ኢዮብ ንእሽተይ ሌላ ኣለና።” ብዛዕባ ናይ ሓሶት ፍቕሮም ከይግምታ ንርክቦም ኣነኣሰቶ። ከናፍራ ከም ዝሰዓመ ስለዘይፈለጣ፡ ብቀሊሉ ከተሻጥረን ከምትኽእል ትፈልጥ’ያ።

“ጽቡቕ ሓሳብ።” ራሄል ደገፈታ።

“ማለት ኣራምን ኢዮብን ደቂ ሓደ ገዛ’ዮም። ኢዮብ ብዛዕባ ስምዒታት ኣራም ዝፈልጦ እንተለዎ ኣይፍለጥን’ዩ።” መራጐዲ ዝኸውን ሓሳባት ወሰኸት ሄለን።

“ኣብ ሓጺር ግዜ ሕተትዮ።” ታህዋኽ ኣርኣየት ሄርሜላ።

<u>25.Z. ‘ብገንዘብ እምበር ብኣድናቑት ዝኽፈል ሕሳብ የለን!’</u>

****

26

26.A. ‘እንቋዕ ብደሓን መጻእካ!’ ኢልካ ዝተቐበልካዮ ፍቕሪ፡ ከም ከልቢ ‘ውጻለይ!’ ኢልካ ክትሰጎ ከቢድ’ዩ!

“ጽሉል ዲኻ? ሓሳብካ ናይ ጥዑያት ኣይኮነን። ኣብ ርእሲኡ ውን ብገበን ከምዘሕትተካ ፍለጥ።” ምስ ሕርቓኑ ተዛረበ ዳዊት። መድሃኔ ብዘዕባ እቲ ራሄል ዝኣዘዞ ክዳን ዘምጽኦ ፍታሕ ምስ ነገሮ’ዩ ልዕሊ ልክዕ ሓሪቑ።

“ኣማራጺ የብለይን። ካብ ንራሄል ዝኸስር ከምኡ ይሓይሸ።” መርገጺኡ ኣደላደለ። ይርድኦ’ዩ። ከገብሮ ዝሓስብ ዘሎ ሓደገኛን’ዩ። እንተኾነ ፍቕሪ ካልእ ምርጫ ኣይሃቦን። ካብ ንራሄል ምኽሳር ዝዓቢ ከሳራ የብሉን። ንራሄል ከሲሩ ካልእ እንተኸሰበ፡ ትርጉም ዝፈጥረሉ ሓጐስ ከም ዘይከውን’ዩ ዝኣምን።

“ነዛ ጠባያ ዕለታዊ ከም ሰፍኢ ዝገላበጥ ጓል ክትብል ትገብሮ ዘለኻ ወፍሪ፡ መወዳእታ ፍሽለትን ገበንን ክኸውን’ዩ። ንነብስኻ ሕሰበላ። እዚ ትገብሮ ዘለኻ ካብ ፍቕሪ ዘይኮነ ካብ ጥዕና ምጉዳል ከምዝብገስ ይነግረካ ኣለኹ። ራሄል ኣብ ዕድጊ እምበር ኣብ ፍቕሪ ዘላ ከይመስለካ።” ብስምዒት ከምድር ተሰምዐ።

“ዳዊት! ትርዳእ ሰብ ኣይኮንካን።” ዓቕሉ ስለዝጸበቦ’ዩ ከምኡ ኢሉ። ሓሳባቱ የካፍሎ ምህላዉ ፍጹም ረሲዕዎ’ዩ። ድሕሪ ምዝራቡ ግና ተጣዕሰ። ኣብ ጥንቓቑ ከዕቕል ከምዝነበሮ ሓሲቡ፡ ኣብ ርእሲ ዝነበሮ ጭንቂ ካልእ ወሰኸ። ‘ተሃዊኸን ይደፍእኦ’ሞ፡ ተደቢረን ከኣ ይሓፍስኡ!’ ከምዝኾነ ሓሰበ።

“ብሰንኪ ዘይምርዳእካ ብዘይ ብሱል ፍቕሪ ተበጊስካ፡ ነውሪ ትፍጽም ዘለኻ ንስኻ ኢኻ። ከይሓፈርካ ከኣ ኣይትርዳእን ኢኻ ትብለኒ። ከመይ ድዩ ምርዳእ?

ኣነ ዘይርደኣኒ እንተኾይነ ንዓኻ ስም ከሰኣነካ'ዩ።" ውልዕ በለ። ተግባራቱ ዘነድር እናሃለወ ካልእ ዘቕጥዕ ዘረባ ክምልእ ከሎ ኣይተጻወረን።

"ሐራይ ይቕሬታ።" ጌግኡ ተረደኣ። "ኣበሃህላይ ከምኡ ኣይነበረን። እዚ ዝገብሮ ዘለኹ ንዓኻ ገበን'ዩ። እቲ መኽንያት ከኣ ስለዘየፍቕርካ'ዩ። ምስ ኣፍቕርካ ግና ገበን ዘይሙኺኑ ክትርዳእ ኢኻ።" ከም መረዳእታ ዝሓስቦ ቃላት ፈነወሉ። ዳዊት ኣብ ክንብሮ ዝሓስብ ዋላ ኣይሓግዞ ክድግፎ ግና ዝደለየ'ዩ ዝመስል።

"ንኹተፍቕር ዋጋ 3500 ክዳን ዓዲግካ ከተምጽእ ኣለካ ዝበለ መን'ዩ? ፍቕሪ ምትሕልላይ ማለት'ዶ ኣይኮነን? ፍቕሪ ከም ሞያዊ ትምህርቲ ከፊልካ ዝእቶ ዓውዲ ድዩ? ደሓር ከኣ'ስ ተዘይሞትናስ ብጥቓ መቓብር ሓለፍና ድዩ ዝበሃል? ተዘይፈተንክዎ ብዛዕብኡ ዘይፈልጥ ይመስለካ ኣሎ።" ጸር ጸር በለ። ፍቕሪ ወላ ኣይፈትኖ ከፊላዊ ኣፍልጦ ግና ኣለዎ።

"ከምኡ ኣይኮነን። ጠለብ ኣፍቓሪተይ ክመልእ ኣሎኒ። ጠለባታ ምትግባር ሓደ ካብ ሕግታት ፍቕሪ'ዩ።" ክርደኣሉ ተተስፈወ። ካብ ዳዊት ዝወጹ ሕቶታት ኣኺል ታሪፍ ብድሆ ከምዘስዕቡ ከፊልጥ ኣይተሸገረን። ንዕኡ ግና ራሄል ዝቕረበትሉ ብድሆ ኣኺሉ ተሪፍዎ'ዩ።

"ጠለባ'ዩ እሞ ኣብ ፍቕሪ ከምዘየላ ዘነድር ዘሎ። ንኽተፍቕረካ እዚ ካብ ጠለበት፡ ኣብ ቆጸራ ንኽትመጻካ ድማ ካልእ ክትጠልብ'ያ ማለት'ዩ። ዘዕግብ ደሞዝ ዘይብልካ ሙኺና ናፊለጠት፡ ከምዚ ኢላ ክትእዝዝ ሰብኣውነት ኣይኮነን። እንስሳ'ያ። ሰብ ኣይመስለንን።" ኣብ ልዕሊ ራሄል ወቕሳ ከቕርብ ተሰምዐ።

"ኣታ ዳዊት!..." ራሄል እንስሳ ክትብሃል ኣይተዋሕጠሉን።

“በጃካ እዚ ሓደገኛ ሓሳባትካ ኣቋርጾ። እዚ ጸወታ ንክብር’ኻን እምነትካን ዘዕኑ ከምዝ’ኸውን ኣይትጠራጠር።” ምሕጽንታ ኣቐረበሉ። መድሃኔ ዝሰምዕ እዝኒ ክህልዎ ጾሎቱ’ዩ። ዓርኩ ምስ እዝኑ ምስማዕ ካብ ዘቓርጽ ነዊሕ ኣለዎ። ‘መድሃኔ ራሄል ኣብ ዘበገሰቶ ጸወታ ክሳተፍ ኣእዛኑ ከፊሉ’ዩ!’ ዝብል ርድኢት ነይርዎ።

“ኣቋርጾ ኣይትበለኒ።” ንሱ’ውን ተማሕጸኖ።

“እንታይ’ሞ ክብለካ? ብዋጋ ክብረትካ ተጻወት። ሕልናኻ ረጊጽካ ተጐዓዝ። እንታይ ክብለካ?” ፍቕሪ ከምዚ ንመድሃኔ ዘወስኖ ዘሎ ውሳኔ ክትወስድ ዝደፋፍእ ሓይሊ ተኸይኑ፡ ናብኡ ክመጽእ ዝደልዮ ኣይኮነን። ‘ፍቕሪ ዘከባብር ስምዒት ዘይኮነ ብደረቱ ዝሓስብ ኮቴተ’ዩ!’ በለ ብሓሳቡ።

“ኩሉ በለኒ።”

****

“ኣራም!” ሜሮን ብቁጥዐ ጸወዐ። ከረድኡ ዘካየዶ ጻዕሪ ኣይተዓወተን። “ሓንቲ ጓል ድያ ዘላ? ብዘይካ ሄርሜላ ካልእ የላን? ዋላ ፍቕሪ ይሃልወካ ክትርስዓ ኣሎካ። ሄርሜላ እንተኸደት ፈጣሪ ዘዳለወልካ ካልእ ኣላ። ናትካ ከምዘይኮነት ኣሚንካ፡ ቅበጻ።” ቃና ኣዘራርብኡ ቆየቓ ካብ ምምሳል ኣይተዓግተን።

ኣራም ብሕዙን ስምዒት ንዓርኩ ተመልከቶ። ከም ኣብ ኣገዳሲ ኩናት ዝተሳዕረ መኮነን፡ ቆርበት ፍረ ገጹ ድውንውን በለ። ንዝተመነያ ጐርዞ ዝተመንጠለ ጐበዝ’ዩ። ፍቕሪ ግና ጐበዝ ኣይብል ሽማግለ። ኣብ ዝጸናሕካ ጽንሓዮ ከም ውሕጅ ለኪሙካ ዝዕዘር ሓይሊ’ዩ። ፍቕሪ! ካብ ንቑጽ መሬት ተማሊኡካ ክነሱ ኣብ ዘይትፈልጦ ውቅያኖስ ክድርብየካ ዘይዓጅቦ ሓይሊ’ዩ።

“ከመይ ገይረ’ሞ ክቐብጻ? ‘እንቋዕ ብደሓን መጻእካ!’ ኢልካ ዝተቐበልካዮ ፍቕሪ፡ ከም ከልቢ ‘ውጸለይ!’ ኢልካ ክትሰጎ ከቢድ’ዩ።” ኣብ ሕልንኡ

ዘይትስፍው ደበና ኣንጸላለወ። ሄርሜላ ኣብ ሕቑፊ ዮናስ ካብ ኣተወት፡ መጻኢኡ ከም ፍርቂ ለይቲ ዝጸልመተ ኮይኑ ተሰምዖ።

“ህይወትካ ንምምራሕ ተስእ።” ንሞራሉ ዝእርንብ ዘረባ ኣስመዐ ሜሮን። ሓቂ’ዩ ኣፍቒርካ ክትስእን ዝህልዎ ጭንቒ ከቢድ’ዩ። ተኾነ ከቢድ’ዩ ኢልካ ህይወትካ ምምራሕ ክሳብ ትስእን ክትከውን ቅኑዕ ኣይመሰሎን። እንተሞይትካ ኣማራጺ የብልካን። እንተወዲቕካ ግና ናይ ምትሳእ ኣማራጺ ስለዘለካ፡ ተሲእካ ካብ ትማሊ ዝበርትዐ ሰብ ክትከውን ይከኣል’ዩ ዝብል እምነት ኣለዎ።

“ብዘይ ሄርሜላ እንታይ ህይወት ከመርሕ ትጽበየኒ? ኩሉ ነገር ጸሊኡዮ ኣለኹ። ፍትሒ ነዛ ዓለም ሕቆኡ ሂብዋ’ዩ። ሎሚ ከም ዕረ ዝመረረትኒ ህይወት፡ ጽባሕ ክትምዕረኒ’ያ ዝብል ሓሳብ የብለይን።” ተስፋ ቐረጽ ስምዒት ኣሰላሰለ። ትስፍው ስምዒቱ ከም ጡረታ ዝወጸ ሽማግለ፡ ስርሑ ደው ኣቢሉ’ዩ። ከም ውጽኢት ናይዚ ብሽቅለት ኣልቦነት ዝጥቀስ ስምዒት ካብ ምኽን ኣይተዓግተን።

“ሄርሜላ ስለዝተመንጠልካ፡ ኣብ ከምዚ መደምደምታ ክትበጽሕ ግቡእ ኣይኮነን። ህይወትካ ብሰንካ ከይትበላሸወካ ተጠንቐቕ። ርግእ ኢልካ ሕሰብ። ብዘይካ ተስፋኻን ራኢኻን መን ኣፍቓሪ ኣለካ ሕጂ። ከምቲ ሄርሜላ ሐራይ ክትብለካ ትጽበ፡ ተስፋኻን ራኢኻን’ውን ‘ሐራይ!’ ክትብሎም ይጽበዩኻ ኣለዉ። ነዛ ዓለም ገለ ከየበርከትካላ ከይትሃጥም ሕሰብ። ታሪኽካ ከይከሰከ ኣራም። ልዕሊ ኩሉ ከኣ ትጽቢት ስድራኻ ዘክር። መስገደላት ህይወት ሰኒርካ ብርሃን ክትኮኖም ክንዲ ትጽዕር፡ መሊስካ ሽግር ኣይትደርበሎም።” ብስምዒት ተዛረቦ።

“ተስፋ ሃዲሙኒ ሰንከልከል ዝብል ዘለኹ ሰብ’የ። ንገዛእ ርእሰይ ዘይኮንኩ፡ ከመይ ኢለ ንስድራይ ክኸውን ትጽበ? ብዘይ ሄርሜላ ከም ሞተር ዘይብላ መኪና’የ።” ንሜሮን ዘየሐጉስ መግለጺ ሃበ። ቃንኡ ከም ቐደሙ ኣይነበረን።

“ኣራም! በጃ’ባ ክትርድኣኒ ፈትን።” ካብ ልቡ ዝነቅል ምሕጽንታ ኣቕረበ። ህይወት ዓርኩ ብሰንኪ ሄርሜላ፡ ከምዚ ኢሉ ክዘራረግ ኣብ ትጽቢቱ ኣይነበረን። ነታ ብመልከዓ ኣመና ዘድነቃ ሄርሜላ፡ ኩነታት ኣራም ርእዩ ጽልእ ኣበላ።

“ብሰንኪ ስእነት ፍቕሪ ዝተመንጠልኩ ሰብ’የ። እቲ ክርድኡ ዝኽእል ብዘይ ገንዘብ ህይወተይ ትርጉም ከምዘይብላ’ዩ። ተዘይኮይኑ ምስ ስቓይን ብስጭትን ማሕበር ፈጢረ ክነብር፡ ዕጫይ’ዩ።” ንብዓት ጀረውረው ኣበለ።

“ኣራም! ክትረግእ ፈትን።” ንካልኣይ እዋን ተማሕጸኖ። ንብዓቱ ምስ ረኣየ ካብ ልቡ ተተንኪፉ’ዩ። ሓይሊ ፍቕሪ ብግብሪ ዝረኣየላ ዕለት ኮይና ተመዘገበትሉ እታ ኣጋጣሚ። ድንጋጽኡ ከም ውሕጅ ክረምቲ ጃሕጃሕ ክብል ተፈለጦ። ከም ፈልፋሊ ዓይኒ ማይ ዘየቋርጽ ዝመስል ንብዓት ኣራም ከብዱ በልዖ።

“ከመይ ክረግእ? ሄርሜላ’ኳ ናይ ካልእ’ያ። መልኣኽ ፍቕሪ፡ ቐስሊ ሓዲጉለይ ተዓዚሩ’ዩ። ቤት መቐደስ ልበይ ታቡቱ ኣጥፊኡ’ዩ። እዚ ዘረግእ ኣይኮነን።”

****

“ሓሳዊ ምስ ሓሳዊ’ዩ ዝፋቐር። እንታይ ኣጋጣሚኡ ደኣ ይበሃል ዓለይ’ዚ?” ራሄል ብስሓቕ ተፋሕሰት። ስኒት ብዛዕባ ሜሮን ዝበላ’ያ ተዕልለን ነይራ። “ተተመርሚኹም እቲ ካባኹም ዝውለድ ህቡብ ሓሳዊ ክኸውን’ዩ።” ብዋዛ ተዛረበት።

“ኣቲ ስዲ!” ካብ ልቢ ዘይነቐል ጸርፊ ወረወረት ስኒት።

“ስኒተይ! መሪጽኪ ኢኺ ኣቲኸዮ መስለኒ። ከመይ ኢልኩም ተጋጢምኩም ብጣዕሚ’ዩ ገሪሙኒ ዘሎ። ሰብኣይን ሰበይትን ካብ ሓደ መሬት’ዮም ዝፍጠሩ ዝበሃል’ሲ ሓቂ’ዩ ማለት’ዩ።” ሄለን ብወገና’ውን ተዋዘየት።

“እዋእ! ኣቲ ሰላም ዘይትህባኒ።” ኣንጸርጸረት።

“ካብ ክልቴኹም ግና መን ይበልጽ?” ብተጫራቒ መንፈስ ሓተተት ራሄል። መፍቶኣ’ያ ወዲኣ። ከምዚ ኣጋጣሚ ተተረኺቡ መልሓሳ ከም ካራ’ዩ ዝስሓል።

“ኣነ ይበልጽ። ንሱ ከም ዝሓሰወ ነጊሩ፡ ይቕሬታ ሓቲቱ’ዩ። ኣነ ምበር ንሱ ልማደኛ ሓሳዊ ኣይኮነን።” ንሳ’ውን ተጫረቐት። ጸቕጢ ግና ጨሊፍዋ’ዩ።

“ኣብዚኣ ግና ብጣዕሚ’የ ኣድኒቐዮ። እቲ ንዓኺ ክትገብርዮ ዝኽበደኪ ንሱ ብዘይ ጸገም ክገብሮ በቒዑ። ምግጋይ ዘይኮነስ ካብ ጌጋኻ ዘይምእራም’ዩ ዝጽላእ። እቲ ዝጽላእ ካብ ኣለዮ ኣድናቆት ዝግብኦ ሰብ’ዩ።” ቃላት ሄለን’ዩ።

“ስኒት ከኣ ዝቐደመ ሓሶት ከይኣክል፡ ኣብ ቐድሚኡ’ውን ሓሲኺ። ኣመል ዘይገብሮ የብሉን።” ራሄል ብከምስታ ገጻ ወሊዓ ተዳመጸት።

“ከም ዝሓሰኹ ምስ ነገረኒ ዝሓፈርኩዎ ክነግረክን ኣይክእልን’የ። ተዝኣኽለኒ ኣብ ጽፍረይ ምተሓባእኩ። ብድሕሪኡ ዝተጣዓስክዎ ዝንገር ኣይኮነን። ዋላ ዕረ ይጥዓም ካብ ሓቂ ዝበልጽ የለን።” ብስምዒት ተዛረበት። ድሕሪ ሕጂ ክይትሕሱ ምስ ነብሳ ቓል ክትኣቱ ዝተቓረበት ዘምስላ ስምዒታት’ያ ሓንጊራ።

“እንታይ’ዩ ሓሳብኪ?” ሄለን ጠየቐታ።

“ከም ናቱ ኣነ’ውን ነብሰይ ክሓኽኽ ወሲነ። ኣበይ ከም ዝረኽቦ ግና. . . ። ኣጋጣሚ ኣብ ገለ ተንራኹብ ጽቡቕ ነይሩ።” ናይ ውሸጣ ግልጽልጽ ኣበለቶ።

“ጽቡቕ ሓሳብ።” ራሄል ደገፈትኣ ኣስመዐት።

“ሄለነይ ለንቕነ ትቀያየርና ኣለኺ። ከመይ ከመይ ኢኺ ትኾነ ዘለኺ?” ስኒት ኣርእስቲ ቀየረት። ብዛዕብኣ ዝኣክል ከም ዝተዛረባ’ያ ትኣምን።

“ኣይተቀየርኩን።” ንመርገጺ ስኒት ተቋወመት። ብዛዕባ ምቕይያር ጠባያታ ክትዛረብ ተኾይና፡ ዝመስረተቶ ናይ ሓሶት ፍቕሪ ከም ዝኽሻሕ’ያ ትኣምን። ክኽሻሕ ስለዘይትደሊ፡ ድማ ኑቲ ኣርእስቲ ብኣጉኡ ክትዓጽዎ ወሰነት።

“ኣይተቀየርኩን ክትብልና ኣይትኽእልን ኢኺ። ብዛዕባ ነብስኺ ዘይትግደሲ ዝነበርኪ ተጸባቢቕኪ ወርሒ መሲልኪ ንርኢ ኣለና። ንሱ ከይኣክል ዋሚኺ ስኢንናዮ። ዓመታት ንፈልጠኪ ሄለን እኳ’ኺ።” ራሄል’ውን ትዕዝብታ ገለጸትላ።

ሄለን ግና ክትዛረብ ኣይመረጸትን። ንክልቲኣን መሓዙታ በብእብረ ጠሚታተን ደኒና ኣስቐጠት። ምስ ሰብ ከይትዛራረበሉ ምስ ኢዮብ ተሰማሚዓ’ያ። ኣብ ርእሲኡ’ውን ብተግባራታ መሓዙታ ከምዘይሕጐሳ’ያ ትግምት።

“ተዛረቢ’ባ።” ስኒት ድፍኢት ገበረትላ።

“እንታይ ኢለ’የ እሞ ክዛረበክን?” ጭንቕንቕ በለት።

“ክትሓብእልና ኣይግባእን’ዩ። ናይ ውሽጥና ግልጽልጽ ኣቢልና ክንነግረኪ ድሕር ከምዘይንብል ሕሰቢ። ተግባራትኪ በለጽ ጌርና ክንሓስቦ ሙኺንና’ውን ፍለጢ።” ናይ መጠንቐቕታ ቓላት ካብ ከናፍር ራሄል ቦሎኽ ኢሉ ወጸ።

“በላ ካልእ መዓልቲ ክንርግረክን’የ።”

“መዓስ?” ንጹር መዓልቲ ክትፈልጥ ደለየት ስኒት።

26.Z. ፍቕሪ ከም ሞያዊ ትምህርቲ ከፈልካ ዝእቶ ዓውዲ ድዩ?

****

27

27.A. *‘ተንኮል ኩዕሶ እግሪ እንተተሓሲቡ፡ ኢዮብ ልዮነል መሲ’ዩ!’*

ክትመጽእ ምስ ረኣያ ህርመት ልቡ ዛየደ። ካብ ካልእ መዓልቲ ኣመና ዝቆንጀወት ኮይና ተሰምዓቶ። ለቢሳቶ ዝነበረት ቱታ ዝዓይነቱ ክዳን፡ ንብሉጽ ቅርጻ ዘቓልዕ’ዩ ነይሩ። ጀብጀብ ዝተቆነነ ጸጉሪ ርእሳ ጸሊም ገመድ መሰለ። ቁኖ መዓት’ዩ ከጸብቖላ። ንዝወደየቶ ማልያ ዝወጠረ ኣጥባታ፡ ኣራንሺ ዓላ ኣብ ኣፍ ልባ ዘብቆለት ኣምሰላ። ወጅሂ ገጻ ከም ቀደሙ’ዩ ነይሩ። ኣብ ጠስሚ ዝተኣልከት ክትመስል መበገሲ ነጸብራቕ ኮነት።

“ዮናስ ከመይ ቀኒኻ?” ብክምስታ ተሰንያ ሰላምታ ለገሰትሉ።

“ጽቡቕ ሄርሜላ። ከመይ ንስኺ’ኸ?” ኢዳ ጨቢጡ ምዕጉርታ ንምጭላፍ ተወረመ። ኣብ ምዕጉርታ ስለዘይጠሓለ ዕድለኛ’ዩ። ካብ ኣመና ምፍኳሱ፡ ምስ ለማጽ ሰፍነግ ከመሳስሎ ኣይደንጐየን።

“ጽቡቕ።” ዓጸፋ መለሰትሉ።

“ቕድሚ ቆጸራና ብምምጽኣይ ይቕሬታ።” መጀመርታ ይቕሬታ ሓተተ። ኣብቲ ተራኺቦሙሉ ዝነበሩ ዕለት ድሕሪ ሰሙንዮም ተቓጺሮም ነይሮም። በዚ ቕሬታ ከይስምዓ ኣቕዲሙ መከላኸሊ ገበረ። ሄርሜላ ብእኡ ክትቕጣዕ ኣይደልን’ዩ።

“ኣነ ከማን ገሪሙኒ ጸኒሑ። ግና ድሓን።” ከምዘይትቕጣዕ ኣበሰረቶ። ‘ሰብ ይጽወዓኪ ኣሎ’፡ ምስ ተባህለት ኣራም ክኾነላ እናተመነየት’ያ ወጺኣ። እንተኾነ ትምኒታ ክሰምር ኣይከኣለን። ትምኒታ ቕጸራ ጠሊሙ። ዝጸወዓ ዮናስ ይኹን ካልኦት ምስ ናይ ኣራም ዝዳረግ ስምዒት ከምዘይህባ ትፈልጥ’ያ። ግና ኣብ ቕድሚ እቲ ጽቡቕ ዝገበረላ ዮናስ ሕጉስቲ መሲላ ክትዋሳእ ነይርዋ።

“ናፊቀኪ’የ መጽየ። ናፍቆት ዝሸየጥ ወይ ዝልወጥ ነይሩ ተዝኸውን፡ ኣብዘን ዘይተራኸብናለን መሳልታት ቢልዮነር ምተለወጥኩ።” ናፍቆቱ ብዝተጋነነ መልክዕ ክገልጽ ተሰምዐ። ኢዮብ ናፍቆትካ ግለጸላ ዝብል ማዕዳ ሂብዎ’ዩ። ንኢዮብ ካብ ኣርሰን ቨንገር ፈልዩ ይርእዮ ኣይነበረን። ክህልዎም ዝኽእል ፍልልይ፡ ቨንገር ናይ ኩዕሶ እግሪ ዓላሚ’ዩ። ኢዮብ ከኣ ናይ ፍቕሪ!

“ክሳብ ክንድኡ?” ተሰከፈት። እንታይ ክብል ከምዘደለየ ሻዓ ኢላ’ያ ቆብ ኣቢላቶ። ልባ ብኣራም ኣይዓረፈላን። ዋላ’ኳ ዮናስ ዝጽላእ’ዩ ተዘይበለቶ፡ ክንዲ ኣራም ኮይኑ ፍቕርን ህይወትን ከምግባ ትሓስብ ኣይኮነትን። ፋይናንሳዊ ዓቕሙ ኣርእይዋ’ዩ። ልባ ግና ፍቕሪ እምበር ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ዝጠልብ ርእሲ የብሉን።

“እወ። ንስኪ’ኸ ናፊቕክኒ’ዶ?” ንሄርሜላ ዘሰንበደ ሕቶ ወርወረ። ብዝንብረላ ውዕለት ሕማቕ ከምዘይትዛረብ ርግጸኛ’ዩ። እዚ’ውን ኢዮብ ዝሃቦ ሓሳብ’ዩ። ብሓሳባት ኢዮብ ዝቆመ ሰብ ሙኺኑ ስለዘይትፈልጥ፡ ብዘይ መጠን ዕድለኛ’ዩ።

“እወ።” ብሕቶኡ ሓረቕት። ‘ኣይፋል’ ክትብል ዝከኣል ኮይኑ ኣይተሰምዓን። ንዮናስ ዝግባእ መልሲ ግና ኣይነበረን። ኣብዛ ሰሙን ብዘይካ ኣራም ዝናፈቕቶ ሰብ ከምዘይነበረ ትዝከር’ያ።

“ዕድለኛ’የ።” ብከምስታ ገጹ ወለዐ። ሄርሜላ ትኣክል ጐርዞ ናፊቕካ ክትብሎ ንዕኡ ኣዝዩ ዓቢ ናይ ባህታ ህሞት’ዩ። ሓቃ ትኹን ኣይትኹን ንምርግጋጽ ክሓስብ ኣይተገደሰን። ብቃላታ ዕጉብ’ዩ። እዚ ኣጋጣሚ ሓደ ስጉሚ ንቕድሚት ሙኺኑ ሓሲቡ፡ ብውሽጡ ሓጐሱ ጸምበለ።

“ተሃዊኽ’የ ዘለኹ። ንምንታይ ኢኻ ጸዊዕካኒ?” ስምዒታቱ ጐስያ ተወከሰቶ። ዘሀውኽ ስራሕ ኣይነበራን። ግና ምስ ዮናስ ምህላዋ’ውን ኣይፈተወቶን። ብዘይ ኣፋ ከዛርባ ጀሚሩ ስለዝነበረ፡ ኣብኡ ምህላዋ ክትፈትዎ መኽንያት ሃሰው ኢላ

ስኣነት። ብዛዕባ ክስምዖ ዝኽእል ሕማቕ ስምዒት ብዕምቆት ክትመራመር ኣይደለየትን። ንዕኣ ዝስምዓ ሕማቕ ስለዝዓዝዝ።

“ሄርሜላ ሓፍተይ! ብፍቕርኺ ድቓስ ዘይብለይ ይሓድር ኣለኹ። ፍቕረይ ኣብ በይነይ ጥራይ ካብ ዝኸውን ክገልጸልኪ’የ መጽየ።” ከም ጠምዩ ቕጫ ዝልምን ቆልዓ መሸከንከን በለ። ‘ፍቕሪ ተመሳኺንካ ዝትኮበልካ ውህበት’ዩ!’ ዝተባህለ’ዩ ዝመስል። ንዝኾነት ጓል መሸከንከን ኢሉ ዘይፈልጥ መንእሰይ ምንባሩ ዘኪሩ ኣስተንተነ። ትዕቢቱን ኣንነቱን ኣብ ሄርሜላ በጺሑ ከሰርሕ ኣይተራእየን።

“ኣታ ዮናስ!...” መመላእታ ዝሓሰበቶም ቃላት ካብ ልሳና ዝነፈሩ ክመስሉ ሃጠሙት። እዚ ቓላት ካብ ኣራም እምበር ካብ ዮናስ ክትሰምዖ ኣይትብህግን’ያ።

“ኢሂ? ልበይ ክዓርፈለይ ሐራይ ትብል መልስኺ ኣስምዕኒ። ብሻቅሎትን ተበሊዐ ክሳቐ ድላይኪ ድዩ? ከምኡ ትደልዩ?” ዓቕሊ ሄርሜላ ዘጻብቡ ቓላት ለኣኸ። ቓላቱ ብጅምላ ልኢኹ ንሄርሜላ ከም ትሰማማዕ ክገብር’ዩ መደቡ።

“ኣይደልን’የ።” ሓጺር መለሰትሉ። ተጸዊዓ ምውጻኣ ዝያዳ ኩሉ ኣጣዓሳ። እንተዘይትወጽእ እዚ ኩሉ ኣይምመጻን። ምጥዓሳ ግና ትርጉም ኣይነበሮን። ተጣሚስካ ዝምለስ ነገር ኣይነበረን። ኣብዚ ህሞት ዮናስ ናብ ኣራም ክልወጠላ ተመነየት። ትምኒታ ግና ኣብ ክውንነት ክፍጠር ዘይክእል ሕልሚ’ዩ ነይሩ።

“እሞ እንታይ ደኣ ሐራይ ዘይትብልኒ?” ክሻቀልን ክቑንዞን ስለዘይደለየት ሐራይ ክትብሎ ተጸበየ። ‘ኣይደልን’የ!’ ምስ በለቶ ኩሉ ነገር ዝተወደአ’ዩ ዝመስሎ ነይሩ። ታህዋኽ የንጸባርቕ ምንባሩ ፍጹም ኣይተሰወጠን።

“ምሽ መልሲ ድሕሪ ሰሙን’የ ኢለካ። ሕጂ ብዛዕባ’ዚ ክዛረብ ኣይደልን’የ። በጀኻ ኣብቲ ዝበልኩኻ መዓልቲ ነልዕሎ። ዝኾነ መልሲ ክህበካ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን።” ንኣራም ተወሳኺ ግዜ ንምሃብ ዝገበረቶ’ዩ። እታ ንዮናስ ዝበለቶ

ዕለት ክትኣክል ኣርባዕተ መዓልቲ ተሪፍዋ ስለዝነበረ፡ ኣብ ኣራም ብርክት ዝበለ ተስፋ ኣሕደረት።

“ሐራይ በሊ።”

****

ኣብ ዝሰርሓሉ ዓዲ ኣብ ዝርከብ ቀላይ’ዩ ተገምጊሙ ነይሩ። ኣብቲ ሰዓት ክላስ ነይርዎ። እንተኾነ ከምህር ዝኽእል ርእሲ ኣይነበሮን። ኣብ ውሽጡ ዝፋረ ዝነበረ ሓሳባት ጽቡቕ መግለጺ ከውሃቦ ዝኽእል ኣይነበረን። ጸገማቱ እቲ ቀላይ ክፈትሓልካ’የ ዝበሎ ከመስል፡ ብትኹረት ናብቲ ቀላይ ክጥምት ተራእየ።

ኣብ ከባቢኡ ሰብ ኣይነበሮን። ኣብቲ ከባቢ ጽምዋ ብሰፊሑ ተላብዐ። ህይወቱ’ውን ብጽምዋ ዝተበልዐት መሰሎ። ሃንደበት ግና ከም ጽሉል በይኑ ከዛረብ ተሰምዐ። ግና ብጽላልኡ ተገዲሱ ግብረ መልሲ ዝህብ ሰብ ኣይነበሮን።

‘ኣራም! ተሳዒርካ። ንዘልኣለም ሃንፍ ዝፈጥር ስዕረት። ኣብ ኩናት ምስዓር ገለ ኣማራጺ ክህልዎ ይኽእል’ዩ። ኣብ ፍቕሪ ምስዓር ግና ኣማራጺ የብሉን።

ፍቕርን ቀላይን ቀተልቲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። ካብ ብፍቕሪ ግና ብቀላይ ምሟት ይሓይሽ። ቀላይ ድኣ እንታይ በሃሊ? ካብ ደቓይቕ ዝሓልፍ ሰቕያት’ኳ ዘይብሉ። ፍቕሪ ግና ዘልኣለማዊ ሰቓይ ዘስዕብ ሓጥያት’ዩ ኮይኑኒ ዘሎ።

ብኺ’ዶ ዘይመፍቀርኩ? ኣደ ሄርሜላ እኳ’ያ ቡዲላትኒ። ንሳ እንተዘይትልእከኒ እዚ ኩሉ ጸገም ኣይምመጸን። ግድን ስለዝለኣኸትኒ ሓማቲይ ክትከውን ነይርዋ’ኳ ኣይበልኩን። ግና ሄርሜላ’ስ ናተይ ክትከውን ነይርዋ።

ሰእነት ገንዘብ ጸይረዮ ነይረ። ሰእነት ፍቕሪ ግና ምጽዋር ሰኢነዮ። ሰኡን ኮይነ’ውን እኳ ኣየጋየጽኩንበር፡ ጾመይ ኣይሓደርኩን። ሰእነት ፍቕሪ ግና ንዘልኣለማዊ ጥሜት ሕልና ዝመርሓኒ ዘሎ ኣውቲስታ’ዩ ይኸውን ኣሎ መስለኒ።

ፍቕሪ እምበር ሰቓይ ኮይኑኒ። ንኪይሳቐ ከም ዘየፍቕርኩ ድሕነት ማና ኣይረከብኩን። ፍቕሪ ቀታሊ'ዩ። ካብ ዝቑትል ፍቕሪ'ስ ዝምሕር ጽልኢ'ዶ ምሓሸ?

ፍቕሪ፡ ትሰምዓኒ'ዶ ትህሉ? ጸሊኣካ'የ ዘለኹ። ኣብ ልቢይ ዘቑመጥካዮ ዘይሃስሰ ሰምብራት እናዘከርኩ ንዘንትእለት ከጸልኣካ'የ። ንፍቕሪ እምበር ንሄርሜላ ዝጸልእ ልቢ ስለዘይብለይ ብምጽልኣይ ኣይትቑየመኒ። ብመገድኻ ዘፍቕራ ካልእ ጓል ከምዘይትህሉ ቃል ይኣትወልካ። ሓንሳብ ዘሰንበድካዮ ልቢይ ናባኻ ዝምለሰሉ መኽንዩት የለን። ቑጽርኻ ከም ኣራዊት ዝነገስሉ ቦታ፡ ተመሊሰ ዕጫይ ዘልዕለሉ ዓውዲ ኣይክኸውንን'ዩ። ፆው ፍቕሪ!' ብምባል ንብዓት ኣውጸአ። እቲ ቀላይ ብንብዓቱ ደንጊጹ ድዩ ኣይደንገጸን ግና ዝተፈልጠ ኣይነበረን።

****

ናይ ሓሶት ፍቕሮም ሻሙናይ መዓልቱ ዝረገጸሉ'ዩ። ካብ ዝሓለፈ ዝያዳ ዝተለማመዱላ ምሸት'ያ ነይራ። ብደገ ኮይኑ ንዝርኢ ናይ ብሓቂ ፍቑራት'ዮም መሲሎም። ንዝተቋጸርዎ ዕለት ብሃንቀውታ ክጽበይዎ ጀሚሮም'ዮም። ስራሕ እናዓንቀጸም እምበር፡ እናሻዕ ክራኸቡ ዝጸልእዎ ኣይኮኑን።

ዝነበርዎ ቦታ ብጸላም ዝተጐብአ ስለዝነበረ፡ ኣብ ሞንጐ ዕላሎም ሓሓሊፎም ከንፈር ንከንፈር ተላጊቦም ክሰዓሙ ተራእዩ። ዋላ'ኳ ፍቕሮም ናይ ሓሶት'ዩ እንተበልዎ፡ ስዕመቶም ግና ናይ ሓሶት ይመስል ኣይነበረን። ክሰዓሙ ከለው ኣብ ዓሚቕ ስምዒት'ዮም ዝሸመሙ ነይሮም። ከንፈር ንከንፈር ምስ ተጣበቑ፡ ናይ ክልቲኦም ህርመት ልብታት ክዛይድ ይፍለጦም ነበረ።

"ካብ ከናፍርኪ ዝበልጽ የለን ሄለነይ።" ከንፈሩ ካብ ከንፈራ ምስ ኣለየ ብኣድናቆት ተዛረበ። ከናፍራ ተመጽዩ መዓሩ ዘህድም ኮይኑ ኣይተሰምዖን። እቲ ኣብ ህይወቱ ንፉልማይ እዋን ዘስተማቐሮ ከንፈር፡ ከንፈር ሄለን'ዩ።

“ብኽመይ?” መኽንያቱ ክትሰምዕ ደለየት። ከሐጉሳ ብሃውሪ ዝተዛረቦ ከይከውን ስግኣት ኣለዋ። ከናፍራ ብኽመይ ከም ዝመሰጦ ክዛረብ ክኽእል ኣለዎ ክትኣምኖ እንተኾይና። ብተራ ቓላት ክትኣምኖ ዘኽእል ኣተሓሳስባኣ ኣይነበራን።

“ቆፎ መዓር ዝመጺ ዘለኹ እኳ’ዩ መሲሉኒ። ከናፍርኪ ሰፊር ኣናህብ ከይከውን ተጠራጢረ።” ብምግናን መኽንያቱ ገለጸላ። ሓደ ካብቲ ንፍቕሪ ዘቕውም ዓንዲ ኣድናቐት ሙኺኑ’ዩ ዝግምት። ብዘይ ኣድናቆት ዝፍጠር ፍቕሪ፡ ገለ ዝጉደለ ስንኩል’ዩ በሃላይ’ዩ። ካብ ሄለን ዝደልዮ ስለዝረኸበ’ዩ ኣድኒቁዋ።

“የቕንየለይ። ግና ከናፍረይ ዋላ ከምዚ ዝገለጽካዮ ይኹን። ካብ ናይ ሄርሜላ ዝበልጽ ኣይኮነን።” ኮነ ኢላ ብዛዕባ ሄርሜላ ከምዝዛረብ ገበረት። ሄርሜላ ዝሃበታ ዕዮ ገዛ ምንባሩ ሸዐ’ያ ዘኪራ። ‘ረሲዐዮ’ ኢላ ከተመኽንየላ ትኽእል ይመስላ ኣይነበረን። እቲምንታይ ንሄርሜላ ልዕሊ መጠን ዘገድስ ጉዳይ’ዩ ነይሩ።

“ኣነ ግና ናትኪ ከም ዝበልጽ’የ ዝፈልጥ። ንሄርሜላ እቲ ዘፍቕራ ከምኡ ይበላ። ክሳብ ፍቕራት ንኾነለን ዕለታት ንከናፍርኪ ኪድንቕ’የ።” ኣብ ጉዳዮም ሄርሜላ ክትኣቱ ኣይደለየን። ‘ጸታዊ ፍቕሪ፡ ጸወታ ክልተ ጓልን ወድን እምበር፡ ንካልእ ተወሳኺ ቀኒጽሪ ቦታ የብሉን!’ ኢሉ’ዩ ዝኣምን።

“ንሄርሜላ መን ድዩ ዘፍቕራ?” ብዕላማ ሓተተቶ። መልሱ ንዕዮ ገዝኣ ኣገዩ ጠቓሚ ከምዝኸውን’ያ ትኣምን። ኢዮብ እቲ ቕኑዕ መልሲ ክህባ እንተኽኢሉ፡ ሽግር ሄርሜላ ክፍተሓሉ ዘይክእል ኣብነት ከምዘየለ ገመተት።

“ንሄርሜላ ዮናስ’ዩ ዘፍቕራ። ዮናስ ይጠፍኣኪ ኣይብልን’የ። እቲ’ኳ ከራስነኪ ኢሉ ዝደወለ’ዩ።” ዮናስ ከይጠፍኣ ዝበሎ’ዩ። ካልእ ንሳ ክትግምቶ ዘይትኽእል ሓሳብ’ውን ነይርዎ’ዩ። ሄለን መሓዛ ሄርሜላ ከምዝኾነት ስለትፈልጥ፡ ንዮናስ መርገጺ እግሪ’ዩ ዝፈጥረሉ ነይሩ። ንሱ ውን ጎርሐ።

“ኣራም’ከ?” ብስንባደ ተወከሰቶ። ልቢ ሄርሜላ ስለትፈልጥ’ያ ስም ኣራም ክትጠቕስ ተገዲዳ። ሄርሜላ ብዛዕባ ኣራም እምበር ብዛዕባ ዮናስ ከም ዘይትግደስ ትርዳእ’ያ። ኢዮብ ዝሃባ መልሲ ንሄርሜላ ዘሐጉስ ከም ዘይከውን ግምታ’ዩ።

“ኣራም! ብሄርሜላ ዝግደስ ሰብ ኣይመስለንን። ስማ ከልዕላ’ውን ሰሚዐዮ ኣይፈልጥን’የ። ደሓር ከኣ ዓርኪ ከላቶ ናብ ሄርሜላ ዘጠምት የብሉን።” ኮነ ኢሉ ሓሶት ተዛረበ። ሄለን ናብ ሄርሜላ ተብጽሖ ዘረባ ክኸውን ዝለዓለ ግምት ኣለዎ። ንኑርሕን ኣርሒቕካ ንምሕሳብን ብዝምልከት ዝወጸ የብሉን። ‘ተንኮል ኩዕሶ እግሪ እንተተሓሲቡ፡ ኢዮብ መሲ’ዩ!’ እናበሉ ዝገልጽዎ ውሑዳት ኣይኮኑን።

“ኣየፍቕራን’ዩ?” ጸቕጣ ሓተተቶ።

“ተገዲሱ ብእኣ ኣዕሊሉ’ውን ኣይፈልጥን’ዩ። ኣሽንኳይ ፍቕሪ ተራ ኣፍልጦ ክህልዎ’ውን ኣይደልን’ዩ። ኣራም ዮናስ ብዛዕባ ሄርሜላ ክዛረብ ተሰሚዕዎ’ውን ይሓርቕ’ዩ። ብጓል ኣይትሰዓር እናበለ’ዩ ክምዕዶ ዝፍትን። ንሄርሜላ ዝኸውን ርእሲ የብሉን። ዝፈትዋ ዓርኪ ከኣ ኣላቶ።” ንመገዲ ኣራም ዓጸወ። መንገዲ ኣራም ምዕጻው ብ’ኻልእ ኣዘራርባ ውሕስነት ረብሕኡ ምርግጋጽ’ዩ። ‘ኣራምን ሄርሜላን ዝራኸብሉ ቢንቶ ምፍራስ፡ ረብሓ ዝገሓጦ ስልቲ’ዩ!’ በለ ብውሽጡ።

27.Z. ፍቕሪ ተመሻሺንካ ዝትኮበልካ ውህበት ኣይኮነን!

****

28

28.A. *ዘይሰንኻ ሕዳ እንተቕርጠምካሉ ዘቆንዙ ኣይኮነን!*

እቲ መዘናግዒ ማእከል ብሳዕሪ ዘጌጸ'ዩ። ኣብቲ ቦታ ነብሪ ተኣሲሩ ኣሎ ከም ዝተባህለ፡ ብዘይካ ክልተ ፍቕራት ካልእ ሰብ ኣይነበረን። ንጽባቐኡ ንግርምኡን ተዓዚብካ፡ ብዋሕዲ ተገልገልቲ ከሳቐ ትጽበዮ ኣይኮነን።

"ሄርሜላ ናተይ! ኩሉ ግዜ'ባ ምሳይ ኩኒ።" ኣራም ተማሕጸና። ኣፍቓሪቱ እታ ናይ ዓለም ዝበለጸት ጓል ሙኺና'ዩ ዝኣምን። ንዕኣ ምርካቡ ዘሐጐሶ ክመስል ኣብ ክትጻወሮ ሽግር ዝፈጥር ህጡር ናይ ባህታ ቐጽሪ ዝተፈነወ መሰለ።

"ኣራም ሓወይ! ንዘልኣለም ናትካ'የ። ካብ ሄርሜላ ጽላሎተይ በለኒ። ከም ጽላሎትካ ካባኻ ክእለ ንዓዛእ ርእሰይ'ውን ኣይክእሎን'የ።" ኣብ ዓሚቕ ሮማንቲካዊ ሃዋሁ ሰጢማ ግብረ መልሳ ሃበቶ። ከምኡ ገይራ ተፍቕሮ ወዲ ኣዳም የለን። ንዕኡ ምስ ረኸበት ንፈጣሪ ካልእ ክትልምኖ ስስዐ ኮይኑ'ዩ ዝስምዓ ነይሩ።

"ጽላሎት ደኣ ኣብ ግብ ዝበለ ጸላም ዘይህሉ እንድዩ። መዓልትና ብርሃንን ጸላምን ስለዘጠቓልል፡ ኣብ ብርሃን ምሳኺ ውዒለ ጸላም ምስ መን ከሕልፎ ደሊኺ?" ኣደማምጽኡ ብመሳጢ ቓና ዝተነድቀ'ዩ ነይሩ። ትርጉም ምፍጣሩ ዝፈለጠሉን ዝተሓጐሰሉን ዕለት፡ ሄርሜላ ናቱ ከምዝኾነት ዘረጋገጸላ ዕለት'ያ። እታ ዕለት ካብ ዕለተ ልደቱ ብተዓጻጻፊ ከም ትበልጽ ዝዛረብ ሰብ'ዩ ነይሩ።

"እሞ እንታይ ደኣ ክትብለኒ ኢኻ?" ዋላ ብጸወታ ንኣራም ቕር ዘብል ክትሰርሕ ኣይትደልን'ያ። ካብ ንኣራም ንዓዛእ ርእሳ ክትብድል ካብ ትመርጽ ንድሓር'ዩ ፍቕሪ ሒዝዋ። ኣራም ኣሸንኳይ ክነብዕ ክቓዝን'ውን ትመርጽ ኣይኮነትን።

"ነብሰይ ኩኒ።" ሓጺር መለሰላ።

“ይኽእሎ ድየ’ሞ?” ክምስ በለት። ከምዚ ትሕቱን ለባምን ኣራም ክትከውን ትኽእሎ ኣይመስላን’ዩ። ክንዲ ዝተሓተት ትሒታ፡ ንትሕትና ኣራም ከምዘይትመዓራረ’ያ ትኣምን። ክንዲ ዝለበመት ለቢማ’ውን ክንድኡ ከምዘይትልብም’ያ ትግምት።

“ትኽእልዮ ኢኺ።” ኣረጋገጻላ።

“ሐራይ በል።” ንሳ’ውን ተሰማመዐት።

“ስለምንታይ ሐራይ ኢልክኒ? ማለት ከምዘዕለልክኒ ብዙሓት ካባይ ዝበልጹ መንእስያት ንማዕጾ ልብኺ ኳሕኩሑም’ዮም። ነዚኣም ገዲፍኪ ንዓይ ምምራጽኪ ኩሉ ሻዕ’የ ዝግረም።” ብዕትበት ዝተጐብአ ቻና ሓተታ። ስምዒታት ፍረ ገጹ ንመልሳ ልዑል ትጽቢት ዘዋህለለ ኣምሰልዎ።

“ካባኻ ዝበልጽ ስለዘይረኽብኩ’የ ንዓኻ መሪጸ።” እምንቶኣ ገለጸትሉ።

“ካብ ኩሎም’ሲ ኣነ ይበልጽ?” ክኣምን ኣይከኣለን።

“እወ ንስኻ ትበልጽ። ኩሎም ካባኻ ኣመና ዝተፈልዩ እዮም። ንከእምኑኒ ሓሶትን ተንኮልን እምበር ከም ናትካ ቕንዕና ኣይመረጹን። ዘይንስኻ ምምሳል እቲ ዝኽፍኣ ሜላ ሙኺኑ ኣይተረድኡን። ካብ ነብስኻ ዘይምምሳል ንላዕሊ ጉድኣት ዘውርድ ረጃሒ ኣብ ፍቕሪ የለን። ነቲ ሓቢእካ ዘይሕባእ ሓቂ ዓቢጥካ ከመይ ጌርካ ትኽይድ? ንስኻ ግና...” ንኣድናቆት ዝኽውን ቻላት ሰኣነት። ኣብ ኣራም ዘለዋ ህጡር ኣድናቆት ብኩምራ ቻላት’ውን ዝግለጽ ኣይነበረን።

“ኣይተብዝሕለይ’ባ?” ስከፍታ ዓሰሎ።

“ከየውሕደልካ ኢለ’ኳ እየ ዘየድነቕኩካ።” ምስጢር ውሽጣ ሓበረቶ።

“ክትዛረቢ መዓት ኢኺ።”

“ኣይከማኻን።” ተሰከፈት።

“እታ ዝበልከኒ ህያብ ድኣ ረሲዕከያ ዲኺ?” ኣቀዲማ ስለዝበለቶ ከዘኻኽራ ሓሰበ። ኣፍቓሪቱ ብሉጽ ህያብ ኣዳልያትሉ ከምዘላ ቐድሚ ምርኻቦም’ያ ነጊራቶ።

“ኣይረሳዕኩዋን።” ኣረጋገጸትሉ።

“እሞ ሃብኒ’ባ?” ብትጽቢት ክቐሎ ኣይደለየን።

“ከናፍረይ’የ ከስዕመካ። ካብ ከናፍረይ ዝዓቢ ህያብ የብለይን።” ከምኡ ብምባላ ዝተሰከፈት መሰለት። ንኣራም ዓይና መሊኣ ክትጥምቶ ኣይከኣለትን። ከናፍራ ኣሕሊፉ ክትህቦ ብምውሳና ግና ኣይተጣዕሰትን።

“ብሓቂ?” ስለዘይኣመነ ሓተታ።

“ብሓቂ። ንዓኻ ኢለ’የ ዓቂበየን ጸኒሐ። ሕጂ ግና መዓልቱ ኣኺሉ ናብ ዋንኡን ዘረከበለን ሰዓት ኣኺሉ ኣሎ። ስለዚ ከናፍርካ ተቐበለኒ።”

“እ…” ኣራም ዝተደናገረ መሰለ።

“ኣራመይ ስዓመኒ።” ተሃወኸት። ብወዲ ትስዓመሉ ናይ መጀመርታ እዋን’ዩ ነይሩ። ክትስዓም ከላ ዓይና ከም ትዕመት ጥራይ’ያ ትፈልጥ። እዚ ከኣ ካብ መሓዙታ ዝፈለጠቶ እምበር ስለዝፈተነቶ ኣይኮነትን። ከም ትእዛዝ ኣራም ናብተን ኩሉ ዝሃርፈን ከናፍራ ተጸገወ።

“ሄርሜላ!” ኣራም ከይሰዓማ ነጐድጓዳዊ ድምጺ ተሰምዐ። እዚ ህሞት ካብ ድቓሳ ንኽትበራበር ኣኽኣላ። እዚ ኩሉ ሕልሚ ምንባሩ ዘኪራ ብጓሂ ጣዕ ክትብል ደለየት። ነታ ብብርቱዕ ድምጺ ዘተስኣታ ስኒት ጽልእ ኣበለታ። ዋላ ድኣ ሕልሚ ይኹን እምበር ኣራም ክሳብ ዝስዕማ ዘይተጸበየት ብምባል ሕርቐ በለት።

“ኣቲ ክላስ ኣይትኸድን ዲኺ?” ሄርሜላ ተበራቢራ ዝረኣየት ስኒት ጠየቐት።

****

ኢዮብን ዮናስን ኣብ እንዳ ሻሂ እዮም ክምስሑ ተቐሪቦምዮ። ኢዮብ ዝተኸፍለሉ መግቢ ምብላዕ ደስ ይብሎ'ዩ። ባዕሉ ኣይኮነን ክኸፍሎ። ከፈልቲ ኣለውዎ። ዘይስንኻ ሕጻ እንተቐርጠምካሉ ዘቆንዙ ኣይኮነን። ዕድመ ንጹባ ዮናስ እዚ ኩነታት ከይጋደፎ ጸሎቱ'ዩ።

ሓጻር ስልሲ'ዮም ኣዚዞም። ናይ ኩሉ ሻዕ ትእዛዘም'ዩ። እቲ ዝኣዘዝዎ ምስ ተበልዐ፡ ከም እንደገና ኮኳ ኣዚዞም ከዕልሉ ተራእዩ። ኣብ እንዳ ሻሂ ከይተመስሑ ዝውዕልሉ መዓልታት ኣሎ። ኮኳ ግና መዓልታዊ ከይሰተዩ ኣይውዕሉን'ዮም።

"መብጽዓ ክኣትወልካ'የ።" ተዛረበ ዮናስ። ጉዕዞ መስርሕ ፍቕሪ ሄርሜላ ዝበዝሐ ሚእታዊት ዝተዓመመ ኮይኑ'ዩ ዝስምዖ። እዚ ስራሕ ንክዕመም ከኣ እቲ ቀንዲ ኣባ ጓይላ ኢዮብ'ዩ ነይሩ። 'ኢዮብ ኣዚል'ዩ። ከምቲ ኣዚል ውዱኣት ኮዓሳሱ ዘቕብል፡ ኢዮብ ከኣ ውዱኣት ሓሳባት የቕብል!' ብምባል'ዩ ዝገልጾ።

"ናይ ምንታይ መብጽዓ?" እናፈለጠ ሓተተ። ብጥርሑ ከምዘየማኽር ጽቡቕ ገይሩ ዝርዳእ መንእሰይ'ዩ። ናይ ግብረ ሰናይ ኣተሓሳስባ ካብ ርእሱ ተበንቒሩ ካብ ዝወጽእ ንድሓር፡ ንኹሉ ዝንብሮ ነገር ብዓይኒ ረብሓ ክጥምቶ ጀሚሩ'ዩ። 'ግብረ ሰናይ ረብሓ ዝምንዝዕ ከታሪ'ዩ!' ዝብል መምርሒ ኣለዎ።

"ናይ'ዚ ተግባርካ።" ሓጺር ተዛረበ ዮናስ።

"እታ ወዲ! ትስከፍ ኣለኻ።" ኣኽመስመሰ። ብዮናስ ዘይኮነ ብመብጽዕኡ'ዩ ዝሓስብ ነይሩ። እንታይ ዓይነት መብጽዓ ከም ዝኣትወሉ ክግምት ሓሰበ። ግና ዝጣመር ሓሳባት ስለዘይነበሮ፡ ዮናስ ዝብሎ ክሰምዕ ብስምዒት ተወረመ።

“ኣይተሰከፍኩን ኢዮባ። ሄርመላ ሐራይ ዝብል መልሲ እንተኣስሚዓትኒ፡ ታች ስከሪን ሞባይል ኣብ ኢድካ።” ብሓጐስ ኣበሰሮ። ኣሸንኳይ ታች ስከሪን ሞባይል፡ ንሕሳብ ተገልግል ካልኩሌተር ከምዘይብሉ ይፈልጥ’ዩ። ስለዚ በታ ክህቦ መብጽዓ ዝኣትወሉ ዘሎ ሞባይል፡ ልዕሊ መጠን ከምዘሐጉሶ ይፈልጥ’ዩ።

“ታች ስከሪን!” ስንባደ ዘበጐሶ ድምጺ ፈነወ። እታ ክህቦ ቓል ዝኣትወሉ ዝነበረ ሞባይል ዋግኣ ብዕጽፍታት ካብ ደሞዙ ከምትኽብር ይፈልጥ’ዩ። እቲ ኣጋጣሚ ሕልሚ ከይከውን ፍርሒ ሓዞ። እዚ ህሞት ክውንነት፡ መብጽዓ ዮናስ ድማ ሓቂ እንተኾይንኡ፡ ዝሕጐሶ ሓጐስ ጠገለ ከምዘይህልዎ ብኡ ንብኡ ገመተ።

“እወ ታች ስከሪን። ትንእሰካ እምበር ኣይትዓብየካን እያ’ኳ።” ኣረጋገጸሉ። ከም ግምቱ ንኢዮብ ኣዝያ ዓባይ ህያብ ከምዝኾነት ካብ ኩነታቱ ኣረጋገጸ። ኢዮብ ኣብ ኤሌትሮኒካዊ ኣቑሑ ዘርእዮ ተገዳስነት ስለዝርዳእ’ዩ ከምኡ ገይሩ። ንሰብ ከተሐጉሶ እንተኼንካ ብድላዩ ምጻዮ ዝብል መምርሒ ክኽተል ጀሚሩ’ዩ።

“እዚኣ እንተጌርካለይ፡ ሓንቲ ሄርሜላ ዘይኮነት ሸውዓተ ሄርሜላ ዘምጽእ ሓሳብ ከካፍለካ’የ።” ብሃውሪ ኣብ ጥቓኡ ዝጸንሐ ዘረባ ወስ ኣበለ። መብጽዓ ዮናስ ክሳብ ክንድኡ ዓቢ ክኸውን ኣይተጸበዮንን።

“ሸውዓተ ሄርሜላ ይትረፋኒ። እታ ሓንቲ ሄርሜላ’የ ዝደሊ። ሓሳባትካ ግና ኣሸንኳይ ሸውዓተ፡ ሚእቲ ሄርሜላ ዘምጽእ’ዩ።” ከይቐየም ዝበሎ’ዩ። ኢዮብ እንተተቐይምዎ ኩሉ ነገር ከምዝኽስር’ዩ ዝሓስብ። “ብዝኾነ ድሕሪ እታ ሄርሜላ ሐራይ ዝበለትኒ መዓልቲ ጸዊዐ ሞባይልካ ክህበካ’የ።” ተወሳኺ ዘረባ ኣስመዐ። በዚ ንዕኡ ብዙሕ ዘይሃስዮ ህያብ፡ ሸውሃት እቲ ዝተደጋገፎ ኢዮብ እንተዓጽዩ ከም ዓቢ ዓወት’ዩ ክጽብጽቦ።

“ብሃንቀውታ ክጽበ’የ።” ካብ ኢዮብ ዝወጸ ቃላት’ዩ።

****

ኣርባዕቲኣን መሓዙት መርድእ ዝሰምዓ'ዮን ዝመስላ። መደቀሲ ክፍለን ኣርባዕተ ትንፋስ ኣጠቓሊላ ክንሳ ብጽምዋ ተበልዐት። ሄለን ብሄርሜላ ንዝተዋህባ ዕዩ ገዛ፡ ዝሃበቶ ግብረ መልሲ'ዩ ከምኡ ቀይርወን።

"ሄርሚ ሓፍተይ! በጃኺ ረስዕዮ።" ራሄል ምሕጽንትኣ ኣቕረበት። ሄርሜላ ወርቂ ዘጥፍኦት'ያ ትመስል ነይራ። ዋላ'ኳ ኩለን ጽቡቕ እንተዘይተሰምዐን፡ እታ በዓልቲ ውራይ ዝነበረት ሄርሜላ ግና ፍጹም'ያ ተዘኒባ።

"ሄርሚ ሓፍተይ! ሓቓ'ላ ራሄል። ብዛዕባ ዘየፍቕረክን ዘይግደሰልክን ኣራም ክትጭነቕን ክትሓስብን ግቡእ ኮይኑ ኣይስምዓንን'ዩ። ንዘይደሊ ኣይትድለዮ! ብዓቢኡ ከኣ ዓርኪ ኣላቶ።" ስኒት'ውን ንሄርሜላ ዝቐንዐ ቓላት ኣስመዐት። ካብ ዝፋለጣ ሄርሜላ ከምዚ ኮይና ርእያታ ኣይትፈልጥን'ያ።

"ሄርሚ! ዓይኒ ብዙሓት ኣወዳት ትምስጢ ተፈቓሪት ቆንጆ ጐርዞ ምኳንኪ'ባ ዘከሪ። ኣራም እንተዘይፈተወኪ፡ ብፍቕርኺ ዝሓሙ መንእስያት ከምዘለዉ ፍለጢ። ስለዚ...በቓ ኣራም ረሲዕኪ፡ በቶም ብኣኺ ዝግደሱ ሕሰቢ።" ሄለን ብተርኣ ውን ተዳመጸት። 'ኣራም ናብ ልቢ ሄርሜላ ክኣቱ እንተዘይደለየ፡ ብዙሓት ኳሕኳሕቲ ከም ዘለውዎ ግና ክፈልጥ ኣለዎ!' በለት ብልባ።

"ከመይ ኢለ'ሞ ኣቲ ሄለን? ዋላ ብዙሓት ይፍተውኒ፡ ብዘይክኡ ካልእ ኣይፈተኹን። ንዘፍቕሮ ገዲፈ ብዛዕባ ክርእዮም ውን ዘይደሊ መንእስያት እንተሓሰብኩ ንመን ከሐጉስ ይኽእል? ብዘይካ ኣራም ከልዕሎ ዝደሊ ወዲ የለን። ዋላ ዓርኪ ትሃልዎ ክቕብጾ ኣይክእልን'የ። ልቢይ'ዩ ኣዚዙኒ። ንልቢይ ከስምዖ ኣይክእልን'የ። ስድነት ልቢ ኸኣ ቐጻዒ የብሉን።" ናይ ልባ ደርጉሓትለን። ንዘደልይዋ ዘይኮነት፡ ንትደልዮ ክትከውን ትደሊ ጐርዞ'ያ። ካብ ሄለን ዝሰምዓቶ

ዘረባ፡ ንንጹህ ልባ ዝኸራትም ካብ ሙኺን ኣይተዓግተንን። ሎም'ዶ ጽባሕ መጽዩ ልባ የህድኣላ እናተጸበየት፡ ንፈውሲ ማሕላ'ኳ ስማ ከልዕል ዘይግደስ ኮይኑ ምስ ጸንሐ፡ ዝተሰምዓ ጓሂ መዳርግቲ የብሉን።

"እሞ ኣራም'ኳ ኣይግደሰልከን'ዩ።" ራሄል ዝበለቶ'ዩ።

"ራሄለይ! በጃኺ ከምኡ ኣይትበልኒ።" ፈናጅል ኣሚንታ ንብዓት ቋጸረ። ንልባ ከም እሾኽ ዝወግእ ቓላት ዘድልያ ኣይነበረን። ዋላ ሓሶት ይኹን ልባ ዝእብድ ቓላት ክትሰምዕ ትህንጠ ሰብ'ያ ነይራ። 'ሓሶት ምስ ኩሉ ኣሉታዊ ጎድናቱቱ፡ ብዝግባእ ንዝተጠቕመሉ ልቢ ዘረስርስ ረቓሒ ክኸውን ይኽእል'ዩ!' ኪኖ ኣራም ዝፍቐር ወዲ ዘሎ ኮይኑ ኣይተሰምዓንን።

"ሄርሚ ኣይትጋገዩ። ኣራም ንዓኺ ዝኸውን ልቢ የብሉን። ንዓኺ ዝኸውን ልቢ እንተዝህልዎ ክሳብ ሎሚ ዘጸቢ ኣይነበሮን። ብዛዕባ ዘየፍቐረኪ መንእሰይ ክትሓስቢ ልብኺ ኣይተሀውትቲ። ልብኺ ዝምነዩ መንእስያት ብዙሕት ስለዝኾኑ፡ ገጽኪ ጥወይሎም።" ስኒት ብስምዒት ክትዛረብ ተሰምዐት። 'ብዙሓት ብልባ እናተመናጠሉ፡ ንምንታይ'ያ ቢቲ ሕቐኡ ዝሃባ ኣራም ትሓስብ?' ዝብል ዘይተመለሰ ሕቶ ኣብ ውሽጣ ነይሩ።

"ቅበጽዮ ሄርሚ ሓፍተይ።" ሄለን'ውን ወሰኽት።

"ከመይ ኢለ'ሞ?" ንብዓታ ናብ ምዕጉርታ ተኻዕወ። እቲ ንብዓት፡ ንብዓት ስእነት ፍቐሪ'ዩ ነይሩ። ዋላ ሓደ ሕዋስ ዘይነበሮ ንጹህ ንብዓት!

"እዋእ...ሄርሚ።" ክትእብዳ ቀረበት ራሄል።

28.Z ሰድነት ልቢ ቐጻዒ የብሉን!

29

29.A. ‘ስእነት ፍቕሪ ዘምጽኦ ሕማም፡ ከም ኤች ኣይ ቪ(HIV) ክታበት የብሉን!’

‘ኩሉ ኣብ ኢድኪ’ዩ ኢለኪ እንድየ ገና ከሎ ብእዋኑ፡

እምቢታኺ የኽብሮ እንድየ ውሳኔኺ ብምኽኑ…” ድምጻዊ ግርማይ ዓንዶም ምስ ዜማ ተሰንዩ ክደርፍ ተሰምዐ። እታ ደርፊ ንኣራም ዝተንከፈቶ ትመስል። ብንእሽቶ ራድዮ ሜሮን ካብ ረድዮ ዛራ’ያ ትፍኖ ነይራ። ሜሮን እታ ደርፊ ንዓርኩ ትጐድእ ኮይና ተሰምዓቶ። ኣራም ክጉዳእ ስለዘይደሊ ድማ ነታ ረድዮ ኣጥፍኣ።

“ስለምንታይ ደኣ ኣጥፊእካያ?” ከም ስርዓት ሓረቐ ኣራም። እታ ደርፊ ንፍቕራዊ ህይወቱ ዝመሳሰል መስመር ዛንታ ስለዝነበራ፡ ብተመስጦ ክሰምዓ ጀሚሩ ነይሩ’ዩ። ኣብ ከምኡ ስምዒት እናሃለወ ሜሮን ከኾልፎ ኣይተዋሕጠሉን።

“እ… ባትሪ ክትውድእ ተቓሪባ ስለዘላ፡ ንመደብ ስፓርት ምስማዕ ከይትኽልኣና’የ።” ኣብ ቀረባ ዝጸንሓሉ መመኽነይታ ወስ ኣበለ። ኣራም ነታ ደርፊ ሰሚዑ ኣብ ዘየድሊ ጭንቐት ከይኣቱ’ዩ ስግኣቱ።

“ከላእ!” መመኽነይታ ሜሮን ስለዘይተዋሕጠሉ ኢዱ ብዘይ ዕግበት ጸግ ኣበለ። ዓርኩ ስለምንታይ ከምኡ ከምዝገበረ ተረዲእዎ’ዩ። ዋላ’ኳ ንዕኡ ይሓይሽ ኢሉ እንተገበሮ፡ ኣራም ግን ኣይደገፎን።

“ከላስ ምእታው ክትጅምር ኣለካ። ብዙሕ ስራሕ ይደራረበካ ኣሎ።” ብሰንኪ ሄርሜላ ንቡር ህይወቱ ዘንጊዕዎ ስለዝነበረ ሻቕሎት ኣለዎ። ከም ድኑስ ኣብ

ዓራት ተዓምጺጹ ከውዕል ይርእዮ ስለዝነበረ፡ ኣይቐሰነን። 'ስእነት ፍቕሪ ዘምጽኦ ሕማም፡ ከም ኤች ኣይ ቪ(HIV) ክታበት የብሉን!' በለ ብልቡ።

"ከይረጋእኩ እሞ እንታይ ክገብር'የ ዝኣቱ።" ሄርሜላን ዝኽርታታን ካብ ርእሱ ምልቓቕ ሓንጊዶም'ዮም። ክበልዕ ፡ክሰቲ፡ ክድቅስን ሄርሜላ ካብ ርእሱ ምውጻእ ኣብያ'ያ። ኣብ ክላስ ከይዱ ክምህር ስነ ኣእምራዊ ብቕዓት ዘስምዕ ከምዘይብሉ ስለዝፈልጥ፡ ዘይም'ኻድ'ዩ ቕኑዕ ምርጭኡ። 'ኣብ ዓሳ ዘይትገፈሉ ቐላይ፡ ሰኪዐትካ ኣይትሰንዱ!' ምስ ዝብል ሓሳብ ይሰማማዕ'ዩ።

"ኣታ ወዲ! ነብስኻ እንዶ ኣይተተዓሻሹ። ናብዚ'ኳ ክትምህር ኢኻ መጺኻ።" ቃንኡ ናብ ቐየቓ ተለወጠ። ዝወረዶ ከቢድ ምኽኑ ዘይርዳእ ኣይኮነን። ግና ንዕኡ ዝጽበዩ ስድራ ከምዘለዉ ይፈልጥ'ዩ። ኣራም ብኽምዚ እንተቐጺሉ ናይ ምስጓግ ሓደጋ ከምዘንጸላልዎ'ዩ ዝኣምን። ኣራም ካብ ምህሮ እንተተሰጉጉ ድማ፡ ንዕኡን ንስድርኡን መዳግርቲ ዘይርከቦ ዓቢ ዕንወት'ዩ ክኸውን። ስለዚ እዚ ከይመጽእ ብዓቕሙ ክቓለስ ነይርዎ።

"ኣሕ!..." ካልእ ቓል ክምልእ ኣይከኣለን። ገዝኡ'ዩ ዘኪሩ። እታ ብሓለንጊ ስእነት ንመዋእላ ዝተቐጥቐጠት ቤቱ ብዘይክኡ ተስፋ ዘለዋ ኮይኑ ኣይስምዖን'ዩ። ሃንቀውታ ወላዲቱን ንኣሽቱ ኣሕዋቱን፡ ብሰንኪ ሄርሜላን ፍቕርን ከም ትኪ ክበንን ተራእይዎ ርእሱ ኣድነነ።

"ሰጥ ኢልካ ስራሕካ ጀምር። እቲ ዝሓሸ መገዲ ንሄርሜላ ምርሳዕ ጥራይ'ዩ። ካብ ልብኻ ከተውጽኣ ፈትን። ገጽካ ዓቲብካ ጉዕዞ ቀደምካ ቐጽሎ። ኣኽእለኒ ኢልካ ከኣ ጸሎት ግበር። ፈጣሪ ዘምጽኦ ሽግር፡ ፈጣሪ ባዕሉ'ዩ ዝወስዶ።" ኣብ ስምዒት ኣተወ ሜሮን። ከእምኖ እንተዘይኪኢሉ ካልእ ተገዲሱ ካብ ሽግራቱ ከናግፎ ዝኽእል ሰብ ኣይፈልጠሉን'ዩ። እቶም ቕድሚ ገለ እዋን ኣዕርኽቱ ዝነበሩ ዮናስን ኢዮብን ዝግድሶም ኣይኮነን። ካብ ክትስእ ከወድቅ'ውን ይመርጹ።

“እንተኾይኑለይ ጽባሕ ክጅምር’የ።” ንሜሮን ከረጋግኡ ዝበለ’ዩ። ዝበዝሐ ሚእታዊት እቲ ዝበሎ ከምዘይንብሮ’ዩ ዝኣምን። ግና ነቲ ኣብ ጸገሙ ልክዕ ከምኡ ክጻገም ዝርእዮ ዘሎ ዓርኩ ተስፋ ንምሃብ’ዩ ከምኡ ኢሉ።

“ጽቡቕ።” ብመጠኑ ተሓጐሰ ሜሮን።

“ንስኺት ከኣ ክትከዳ ኣለካ።” ናብ ጉዳይ ሜሮን ተናጠረ።

“ክፍትን’የ።” ብዘይ ምሉእነት ግብረ መልሲ ሃበ። ምስ ነብሱ ተመያይጡ ዝረኸቦ ርጉጽ ሓሳብ ኣይነበሮን። ልቡን ሕልንኡን ኣይተቖባበሉን።

“ካባይ ተማሃር። ስእነት ፍቕሪ ከይርምሰካ፡ ተጠንቀቕ። ገለ መጽዮም ከይቆልብዋ እሞ፡ ናብ ዘይወጽእ ጣዕሳ ድርግም ከይትብል።” እዛ ንሱ ዝረኸባ ኣብ ካልኦት ክትፍጸም ፍጹም ኣይደልን’ዩ። ንሰባት ከምዚ ንሱ ዝረኸቦ ምምናይ’ውን ሰብኣውነት ኮይኑ ኣይስምዖን’ዩ።

“ጽቡቕ ኣለኻ። ግን…” ሃንደበት ሃጠመ።

“ልብኻ ምስ ተሰብረ ተጣዒስካ ትመልሶ የለን። ኣብ ፍቕርን መኣድን ቀልዓለም ኣየድልን’ዩ። ሕጂ ብቀሊሉ ክትንብሮ ትኽእል ከለኻ ግዜ ኣይትጸበ። ፍቕርን ግዜን ክጽበዩኻ ስለዘይክእሉ።” ኣምሪሩ ተዛረበ። ዘለዎ ጓሂ እትረፍ ኣብ ሜሮን ኣብቲ ፍቕሪ ዝመንጠሎ ዮናስ ውን ክርእዮ ኣይደልን’ዩ።

“ሐራይ” ንስኺት ካልኦት ከምኡ ክሃርፍዋ ከም ዝኽእሉ ይፈልጥ’ዩ። ከይትምንጠሎ ክምነ ዘይኮነ’ስ፡ ክምንጥላ ከም ዘለዎ ሓሰበ። ‘ትምኒት ብክልሰ ሓሳብ፡ በሊዕካ ትጸግበሉ መኣዲ ጥራይ’ዩ!’ ክብል ምስ ውሽጡ ተዛረበ።

****

“እዚ ተግባርካ ፈቓር ዘይኮነ ‘ሃላይ!’ ዝብል ስም’ዩ ከውህበካ። ስርቂ ገበን’ዩ። እሞ ድማ ካብ ገዛኻ ምስራቕ እቲ ዝኸፍአ’ዩ። ስድራኻ ንዓኻ ከዕብዩን ከምህሩን ጨፈፍ ዝብሉ ሙኺኖም ረሲዕካ፡ ኢድ ሰባር ክትገብሮም?” ዳዊት ብቑጡዕ መገዲ ከዛረብ ተሰምዐ። ኣብ መድሃኔ ዝነበሮ እምነት ከም ጻህያይ ተማሕዩ’ዩ።

“እርድኣኒ ዳዊት።” ተረበሸ መድሃኔ።

“እናተረዳኣካ ከምዚ ክትገብር ኣይትኽእልን ኢኻ። እዚ’ኳ ስራሕ ልቢ ዘይብሉም ሰባት’ዩ። ካብ እዝግ’ስ ምሁር’ኳ ኢኻ ትብሃል። ኩሉ እናፈለጥካ ትድንቁር ግና ንምንታይ? ንጠለብ ራሄል ሰሪቕካ እስከ ኣማሊእካዮ ንበሎ። ብድሕሪኡ ዝመጽእ ናይ ሕልና ወቕሳን ሽግርን’ከ መን’ዩ ኣብ ዝባኑ ከጽሕዮ?” ብተግባራት መድሃኔ ተተንኪፉ ዝነበረ ዳዊት ብስምዒት ከዛረብ ተሰምዐ። ዓርኩ ናብ ወዲቕካ ፍጹም ዘይትድሕነሉ ጸድፊ ዝተገማገመ ኮይኑ’ዩ ዝስምዖ ነይሩ። ‘ልቢ መድሃኔ ካብ ልከዕ ቦትኡ ሸፊቱ ክኸውን ኣለዎ!’ በለ ብልቡ።

“ንገዛና ይብድሎም ኣለኹ። ሕልናይ’ውን ይወቕሰኒ ኣሎ። ግና እዚ ኩሉ ካብ ራሄል ይንእስ።” ተገዲዱ ዝኣትዎ ዝነበረ ገበን’ዩ። ዘይከውን ኮይንዎ እምበር ነቶም ከምኡ ዝገብሩ’ውን ብልቢ’ዩ ዝጸልኦም። ሎሚ ግና ነቲ ዝጸልኦ ክገብር ይርአ ኣሎ። ፍቕሪ ምርጭኡ እምበር ምርጫ ተጻወቱ ስለዘይግድሶ።

“ህይወትካ ከይተበላሹ። ወረኻ ምስ ተሰምዐ ዋላ እታ ዝለኣኽትካ ራሄል’ውን ክትቕርበካ ኣይኮነትን። ሰብ ምስ ክብሩ’ዩ ዝውለድ ባዕሉ ተዘይቀኒስዎ። ባዕልኻ ክብርኻ ባይታ ኣይተዝብጥ። እዚ ትገብሮ ዘለኻ ንሓዋሩ’ውን መውስቦ ዘኽልክል ከምዝኽውን ፍለጥ። ከምዚ ከምዝገበርካ እንተፈሊጡ፡ ዝኾነ ስድራ ጓሉ ክህበካ ኣይምነን’ዩ።” ካብ ዝፍለጦ ከምዚ ገይሩ ተሰሚዕዎ ኣይፈልጥን’ዩ።

“ተጋንኖ ኣለኻ።” ብሃውሪ ተዛረበ።

“እቲ ዝተጋነነ ውጽኢት ጌጋኻ ምስ ፈለጥካ ኢኻ ትዝክረኒ። ከምዚ ከማኻ ዘረባ ሰብ ዘይሰምዑ ሰባት፡ ጣዕሳ’ዩ ናይ ሓባር ረጃሒኦም። ከም ሰብ ምግጋይ ኣይጸልእን’የ። ዘይዕረ ጌጋ ግና እቲ ፍጹም ክገጥሞ ዘይብህግ’የ። በጃኻ ዘይዕረ ጌጋ ኣይትጋገ።” ናብ ልማኖ ኣተወ።

“ኣይትለምነኒ።”

“እሞ ዝሓሰብካዮ ከይገበርካ ክቓልዓካ’የ።” ናይ መጠንቐቕታ ቓላት ኣሕለፈሉ። ዋላ’ኳ ከረድኦ ብዙሕ እንተጸዓረ ክቕንዖ ግን ኣይከኣለን። ‘መድሃኔ እዝኑ ሸይጡ ብዝዓደጎ ቓላት’ዩ ዝመላለሰኒ ዘሎ!’ ብምባል ብልቡ ተዛረበ።

“ምሳይ ንዘልኣለም ትብኣስ።” መጠንቐቕትኡ ሰሚዑ ንሱ’ውን ኣጠንቐቐ። ዳዊት ከምቲ ዝበሎ ተገይሩ፡ ካብኡ ዝዓቢ ጸላኢ ከም ዘይህልዎ ብኡንብኡ ገመተ። ዝኸሰረ ይኽሰር ራሄል ዝበለቶ ክገብር ምስ ነብሱ ወዲኡ’ዩ።

“ካብ ህይወትካ ንዘልኣለም ዝበላሾ ንዘልኣለም እንተተባእስና ይሓይሽ።” ቕጭጭ ዝበሎ’ውን ኣይመስልን። ገጹ ካብ ዝበሎ ፈልከት ከምዘይብል’ዩ ዝዛረብ ነይሩ።

“ኣብ ህይወተይ ዘእቱ የብልካን። እዚኣ ተጌርካ...” ክፍክር’ዩ ሓሲቡ። ግና ቓላት ክዋደድኡ ኣይከኣሉን። ሰራውር ደሙ ልዕሊ ንቡር ተገቲሮም ሸግር ፈጠርሉ።

“ቀጽል’ባ።”

“ደመኛይ ክትከውን ኢኻ።” ኣብ ቀረባ ዝጸንሑ ቓላት ደርበየ።

“ደመኛኻ?” ስለዝገረሞ ሓተተ።

“እወ ደመኛይ።” ብታህዋኽ መለሰሉ።

“እሞ ደመኛኻ ከይከውን እንታይ’የ ክገብር ዘለኒ?” በሸካዕላል ሓተቶ። ሓሳባቱ ኣብ ቀራና መንገዲ’ዩ በጺሑ። ውሽጡ ከም ሕምባሻ ተመቓቐለ። ድልየቱን ንመድሃኔ ዝበጽሖ ሳዕቤንን ክልተ ጫፋት’ዮም።

“ኢድካ ሒዝካ ስቐ በል።” ካብ ተራ ዘረባ ትእዛዝ ክትብሎ ይቀልል። ኣጣምትኡ ከም ኣራዊት’ዩ ዝባላዕ ነይሩ። ብኽቱር ሕርቓን ነብሱ ኣንቀጥቀጠ። ሕርቓኑ ዝጸውር ሰብ ኣይኮነን። ሕርቓኑ ኣብ ቀረባ’ዩ ዝጸንሕ። ዋላ’ኳ ቀልጢፉ ተመላሲ እንተኾነ፡ ኣብታ ዝሓርቐሉ እዋን ግና ሓደገኛ’ዩ።

“እሞ ንዓይ ሓንቲ ዕድል ሃበኒ።” ጠባይ መድሃኔ ስለዝፈልጦ፡ ከሕርቆ ኣይመረጸን። ኩሉ ኩነታቱ ይዕዘቦ ስለዝነበረ፡ ካብኡ ንላዕሊ ከሕርቕ ኣይደለየን። ንሓዊ ማይ ኳንካ እንተጸናሕካዮ’ዩ ዝጠፍእ ዝብል መርገጺ ኣለዎ።

“ናይ ምንታይ ዕድል?”

****

እታ ቆጸራ ኣኽለት። ሄርሜላ ንዮናስ መልሲ ትህበሉ ዕለት ሸዑ’ዩ ነይሩ። ልቢ ሄርሜላ ግና ኣይረግአን። ዋላ’ኳ ኣራም ክመጻ ትጽበ እንተዘይኮነት፡ ውሳኔኣ ዘምጽኦ ከቢድ ሳዕቤን ከይህልዎ ስግኣት ኣቐመጠት። ከምዝሓለፈ ሰሙን ዮናስ ብመኪና’ዩ ካብ ዝሰርሕሉ ቦታ ኣምጺእዋ። ኣብ ኣምባሳደር ሆቴል ኣድሪሩ ከኣ፡ ናይ መወዳእታ መልሲ ንምስማዕ ኣብ መኪና ኮይኑ ይጽበ ነበረ።

ዮናስ! ነታ ሕቶ ክትኩሳ ወሰነ። ኩነታት ካብ ዝሓለፈ ተመሓይሹ ከም ዝነበረ ኣስተውዒሉ’ዩ። ኣብኡ ዝነበራ ድሌት ከምዝዓበየ ዘረጋገጽ ዘረባታት ሰሚዑላ’ዩ። እዛ መዓልቲ እታ ንሱ ዝሓልማ ናይ ሓጐስ መዓልቲ ከም ትኸውን’ዩ ዝግምት።

“ሄርሜላ!” ንዝሰፈነ ጸጥታ ኣፍረሶ።

“ኢሂ ዮናስ?” ብስያፍ ጠመተቶ። ቐንጣብ ፍቐሪ’ውን የብላን። ከም ዝፈትዋ ግን ትፈልጥ’ያ። ትፈትዎ እንተኣስቒጡ፡ ናብ ዝፈትዋ ከተድህብ ዝደፋፍአኣ መሓዙታ’የን። ኣብ ህይወት ምስ ትፈትዎን ተፍቕሮን ምንባር’ዩ እቲ ዝበለጸ።

“መልስኺ ክሰምዕ ተሃንጥየ ኣለኹ። እዚ ዝውስኽ እምበር ዘይጐድል ፍቕረይ ይህውጸኒ ኣሎ። እታ ባዕልኺ ዝሃብክኒ ግዜ ኣኺላ ስለዘላ፡ መልስኺ ክሰምዕ ይጽበየኪ ኣለኹ።” ልቡ ህርመታ ኣፍጠነት። እቲ ኣጋጣሚ ናይ ሞትን ህየትን ገይሩ’ዩ ዝሓስቦ ነይሩ። ‘ኣይፋል!’ ትብል ቐታሊት መልሲ ከይሰምዕ ሰግኣ።

“እንታይ ክብለካ ትጸበ?” ተገምጢላ ሓተተቶ። ሕቶኡን ኩነታቱን ዝኾነ ስምዒት ክህባ ኣይከኣለን። ከም ንቡር እቲ ኣጋጣሚ ርዝነት ክህልዎ ይግባእ ነይሩ። ግና ኣይኮነን። ካብ ተራ ኣጋጣሚ ዝፍለ ርዝነት ኣይነበሮን።

“ሰሲዕካ ከይትብልኒ እምበር ኣነ ድኣ ‘ሐራይ!’ ክትብልኒ ይጽበ።” ከም ወታእ፡ ሲጋእ መጋእ በለ። ንፍቕሪ ፋልማይ ዝሓትት ዝነበረ’ዩ ዝመስል ነይሩ። ‘ኣንታ ንፍቕሪ ባዞ ዘይለመደ ህጻን እምበር መሲለ!’ ብምባል ንነብሱ ገለጸ።

“በል ደስ ይበልካ ሐራይ።” እናተቆንዘወት መለስትሉ።

ዮናስ ብሓጐስ ነጢሩ ሓቆፋ። ንሳ’ውን ሓቒፈቶ። ንሄርሜላ ግና ዝኾነ ስምዒት ዘይነበሮ ሕቑፊ ካብ ሙኺን ኣይተዓግተን። ዮናስ ብሓጐስ ዝኣክል ክነዋንዋ ከሎ፡ ፍጹም ቅጭ መጸ። እቲ ዝሓቑፋ ዝነበረ መንእሰይ ኣራም ስለዘይነበረ፡ ኮንቱ ኮይኑ ተሰምዓ። ካብ ኣዒንታ ከኣ ንብዓት ኣውጸኣት። ንዝኽሪ እቲ ዘይሰመረ ፍቕሪ!

29.Z. ‘ትምኒት ብክልሰ ሓሳብ፡ በሊዕካ ትጸግበሉ መኣዲ ጥራይ’ዩ!’

30

30.A. ተገዲሰካ ‘እንቋዕ ብድሓን መጻእካ!’ ዘይበልካዮ ፍቕሪ ብሹራ ሻንፈቱ’ዩ ዝድርቢ!

መሬት ከይሃማ ዝፈርሐት ክትመስል ብፎኪስ ኣራግጻ’ያ ክትሳለ ትርኢ። ለቢሳቶ ዝነበረት ክዳን ንተፈጥራዊ መልክዓ ኣጉሊሑ፡ ጠመትቲ ክዕድመላ ዓቕሚ ኣይሰኣነን። ኣብ ጐደና ሓርነት ብምንባራ’ውን፡ ፍቕሪ ከናድዩ ብዝወፈሩ መንእሰያት ክትምንዛዕ ርሒብ ተኽእሎ ኣለዋ። ጐደና ሓርነት ንኤርትራውያን ጐደና ፍቕሪ’ዩ። ብዙሓት መንእሰያት ኣብኡ ተላልዮም፡ ኣብ ኣጻብዕ ሓድሕዶም ቀሌቤት ቓል ኪዳን ዝኣሰሩ ኣለዉ።

“ስኒት!” ስማ ክጽዋዕ ምስ ሰምዐት ልባ ፈግ በለት። ናብቲ ድምጺ ዝሰምዓትሉ ኣንፈት ግዜ ከይበልዐት ተጠውየት። ምስሊ ናይ ካብ ግምታ ወጻኢ ዝነበረ ሰብ’ዩ ኣብ ኣዒንታ ዐቕባ ሓቲቱ። እቲ ትፈትዎ ሜሮን’ዩ። ጸላም ዝትርብዕ ፍሕሽው ክምስታ ፈንያ፡ ናብኣ ክሳብ ዝመጽእ ክትጽበዮ መረጸት። ብኽመይ ኣጋጣሚ ክራኽቡ ከም ዝኽኣሉ ሓሲባ ፍጹም ተገረመት።

ሜሮን ክምስትኣ ውሽጣዊ ሓይሊ ፈጠረሉ። ናብ ዝነበረቶ ምስ በጽሐ ኢዱ ንሰላምታ ናብ ስኒት ዘርጊሑ፡ ክስዕማ ተወረመ። ምዕጉርታ ኣይበቐቐትሉን።

“ናበይ ደኣ?” ናይ ሰላምታ መስርሕ ምስ ተዛዘመ ሕቶ ኣልዓለ ሜሮን። ልቡ ዕጽፊ’ያ ትሃርም ነይራ። ብዘይ ቐጸራ ሃንደበት ብምርኻቦም ክኣምን ኣይከኣለን። ኣብ ዝሰርሓሉ ቦታ ክረኽባ መደብ ነይርዎ። እንተኾነ ኣብ ኣስመራ ቀዲሞም ተራኺቦም። ምናልባት መልኣኽ ፍቕሪ ብፍሉይ ንዕኡ ዝገበረሉ ሓለፋ ክይከውን ተጠራጠረ። ‘እንድዒ እምበር መልኣኽ ፍቕሪ ኣብዘን ናይ ጎደና ሓርነት ካፈታት ሻሂ ይሰቲ ክይህሉ ደኣ?’ ብምባል ናይቲ ኣጋጣሚ ተምሳጡ ብውሽጡ ገለጸ።

“ከዛወር።” ክምስ በለት። ሜሮን ብግዳማዊ ትርኢታ ንኽምሰጥ ቀመጽመጽ ኣብዝሐት። ንሳ’ውን ከም ሜሮን ነዛ ኣጋጣሚ ከም ዓቢ ዕድል’ያ ጸብጺባታ።

“በይንኺ?” ተገሪሙ ሓተታ። መሓዙታ ወይ ወዲ ዝቐጸራ’ዩ መሲልዎ። ናብቲ ዕዳጋ ፍቕሪ ዝኾነ ጐደና ሓርነት፡ ብዋጋ ጽበቐኣ ፍቕሪ ክትሸምት መጽያ ከይትኸውን ተጠራጠረ። ካብኡ ተስፋ ስኢና ከይትኸውን ስግኣት ኣለዎ።

“እወ በይነይ።” ብምግራሙ እናሓሰበት መለስትሉ። “በይንኻ ክትዛወር ናብ ከተማ ምውጻእ ነውሪ ድዩ?” ዘይኣመላ ቀብዘርዘር እናበለት ጠየቐቶ። ተጻባይት መልሱ ምንባሩ ዘኣንፍት ስምዒት ከተንጸባርቕ ተራእየት። ‘ቀብዘርዘር ጓል፡ ካንሽሎ ፍቕሪ ዝኹሕኩሕ መልሰ ተግባር ንወዲ’ዩ!’ ዝብል እምንቶ ኣለዋ።

“ገበን’ሲ ኣይኮነን። ግና መሓዙት ስለዘለዋኺ’የ ተገሪመ ጸኒሐ።” ግብረ መልሲ ሃባ። ብዝተኻእለ መጠን ምቹእነት ክፈጥረላ ስለዝደለየ፡ ከኽመስምስ ተራእየ።

“ንዓኻ’ስ ኣዕሩኽ ኣለውኻ እንዶ። ግና በይንኻ ኢኻ ትዛወር ዘለኻ?” ከም ክስተት በርቂ ኣስናና ሓንሳብ መስ ኣቢላ ዓጸወቶም። ብቐጸራ ናብቲ ጐደና ወጽዩ ከይከውን ፍርሒ ሓዘ። እዛ ምሸት ዋላ ብቐጸራ ኣይራኸቡ፡ ብሓንሳብ ከሕልፍዋ ድለየት። እቲ ዘይንሳ ክትመስል ሃቒና ዝከሰረቶ ግዜ ከጣዕሳ ክኢሉ’ዩ።

“ብመደብ’የ ወጽየ ዘለኹ። ፍቕሪ ክደሊ። መበቆል ፍቕሪ ጐደና ሓርነት’ዩ ክብሃል ሰሚዐ። ከም መብዛሕትኦም መንእስያት፡ እዚ ጐደና ንዓይ’ውን ፍቕሪ ክሰርሓለይ ደልየ።” ብቐጸራ’ዩ ወጽዩ ነይሩ። ግና ካብ ስኒት ዝዓቢ የብሉን። እቶም ዝቐጸሮም ተጠለሞም ጸገም ኮይኑ ኣይተሰምዖን። ካብኦም እቲ ተቐሪቡሉ ዝነበረ መኣዲ ፍቕሪ ይዓብን ይበልጽን። እቲ መኣዲ ዘይድገም ከይከውን ስግኣት ኣለዎ። ‘ፍቕሪ ዘይከድርረካ ስለዝኽእል፡ ኣትሪርካ ተመሳሕ!’ ትብል ዘረባ ዘከረ።

ስኒት ኣበሃህላ ሜሮን ተገንዚባ ገለ ክትገብር ምስ ነብሳ ተላዘበት። እዚ ዕድል እንተኣምሊጥዋ፡ እቲ ዝኸፍአ ክውንነት ኪጋጥማ ከም ዝኽእል ሓሰበት። ዝተገበዙቶ እኹል ስለዝነበረ፡ ድሕሪ እዛ ስዓት ቀልዓለም ከምዘየድልያ ተኣመነት። 'ካብ ቐልዓለም ዝሕፈስ እቶት የለን!' በለት ብሓሳባ።

"እሞ ፍቕሪ'ዶ ርኢኻ? ባሕሪ ጐደና ሓርነት ንዝደለኻያ ዓሳ ገፊፍካ ከተውጽእ ዕድል ኣይከልኣካን'ዩ። ባዕሉ ከም ዘይገፈልካ ግን ዘክር። ጐደና ሓርነት ንምግፋፍ ዘይመልኩ መንእስያት መባልዕቶም ኣይኮነን።" ንውንኡ ዘነቓቕሕ ዘረባ ኣጋውሐት።

ብሉጽ መእተዊ ዝረኸበ ሜሮን፡ ድልየት ስኒት ሓጋዚኡ ምንባሩ ተጋህደሉ። "ሻሂ ዘይንሰቲ? ኮፍ ኢልና እንተኣዕለልና ይሓይሽ። መን ይፈልጥ እታ ኣነ ዝገፋ ዓሳ ስኒት እንተኾነት።" ብኢዳ ስሒቡ ጉዕዞ ፈለመ። ኣብ ሰኪዐት መግፈፊ ዓሳ ሜሮን ዝኣተወት ስኒት፡ ብዘይ ተቓውሞ ኣእጋራ ንቕድሚት ከስጉማ ኣዘዘት።

****

ደዊሉ'ዩ ጸዊዕዎ። ሓጐሱ ይቕጻጸሮ ኣይነበረን። ሄርሜላ ሐራይ ስለዝበለቶ፡ ዓለም ብምልእታ ከም ባሊና ዝጨበጣ'ዩ መሲልዎ። መላእ ሓሳባቱ ብእኣ ተባሒቱ'ዩ ውዒሉ። ኣብ ዝሰርሓሉ ቦታ፡ 'እዚ'ዩ ዓርኪ ሄርሜላ!' ተባሂሉ ህቡብ ከምዝኸውን ዘከረ። መጠን ባህትኡ እናሻዕ ክልዕል ተፈለጠ።

"ካብ ዝገርመካ ከም ስርዓት'ያ ነቢዓ። ነገር ጓል ኮይንዋ'ያ ከተማላልሰኒ ቀንያ እምበር ፈትያትኒ'ያ ነይራ።" ንኢዮብ ብዛዕባ ሄርሜላ ገለጸሉ። ፈትያቶ ዝነብዐት'ዩ ዝመስሎ ነይሩ። ስእነት ኣራም የንብዓ ምንባሩ ዝነገሮ ኣይነበረን። ሄርሜላ ትኣክል ቕንጆ ብእኡ ከምዝነብዐት እናሓሰበ ግና ጽቡቕ ክሓስብ ወዓለ።

“እምቧእ!” ሰንበደ። ሞሊቾዎ’ዩ። ሄርሜላ ብፍቾሪ ዮናስ ክትነብዕ ኢሉ ኣይሓስብን’ዩ። ሄርሜላ ንመን ከም ተፍቾር ሄለን ነጊራቶ’ያ። እዚ ስለዝፈልጥ ድማ ንዘረባ ዮናስ ክኣምኖ ኣይከኣለን። ግና ክቋወም’ውን ኣይደለየን። ታች ስከሪን ሞባይል ትርኣዮ ስለዝነበረት። ‘ንዮናስ ምቾዋም፡ ነቲ ፈልፋሊ ጅቡኡ መዕጸዊ ዝኸውን ሊኬቶ ከም ምዕዳግ’ዩ!’ በለ ብልቡ።

“ሞይታትለይ’ያ ነይራ።” ዝተሰምዖ ገለጸ።

“ድሓር ከኣ ከመይ ዲኻ ንስኻ? ካብ ሃብቲ ካብ መልከዕ እንታይ’ዶ ይጐድለካ’ዩ?” ዝተባህሎ መብጽዓ ክቀላጠፈሉ ዘኽእሉ ቓላት ደርበየ። ይገብኣዮ ኣይገብኣዮ ንኢዮብ ዘገድስ ኣምር ኮይኑ ኣይፈልጥን’ዩ። ‘ናእዳ፡ ንዮናስ ብምቹእነት ከምዝነብር ዝገብሮ ከኒና’ዩ!’ ኢሉ ዝዛረብ ሰብ’ዩ። ዮናስ ሕማም እንተለዎ፡ ኢዮብ ፋርማሲስት ንሙኺን ጸገም የብሉን።

“ሓቂ ይሓይሽ ማዕረ ክንድኡ ጽቡቕ’የ ኢለ ይሓስብ ኣይነበርኩን። ደሓን ትእቶ ሄርሜላ ኣረጋጊጻትለይ።” ዘጀምሮ ጥራይ’ዩ ዝደሊ። ንነብሱ ንኢዱ ዝጸግባ ኣይኮነን። ሰብ ክኽዕበኒ’ዩ ዝብል ኣተሓሳስባ የብሉን።

“ንስኻ’ዶ ትጽብቕ ኣራም?” ከዘናጋዕ ዝደለየ ኢዮብ ዘበገሶ ሕቶ’ዩ። ካብ ዮናስ ኣራም ከም ዝጽብቕ ዝጠፍኦ ኣይኮነን። እንተኾነ ዮናስ እንተረሲኑ፡ ብዙሕ ሓቕታት ከም ዝግህስ ይፈልጥ’ዩ። ካብ ኩሉ ሰብ ዝበልጽ ኮይኑ ስለዝስምዖ፡ ዋላ ኩሉ ሰብ ዝምስክሮ ሓቂ ኣብ ምኑሳይ ልዑል ተመክሮ ከምዘለዎ ይኣምን’ዩ። ‘ንዮናስ ከተጻውቶ ጽቡቕ ትቕልዕ እንተኢልካዮ፡ ስዋረዝ ኣብ ቕድመይ እንታይ ኣለዎ ንምባል ድሉው’ዩ!’ ኢሉ’ዩ ዝገልጾ።

“ኣንታ ንኣራም ሰብ ዲኻ ሓሲብካዮ? ካብ ውዓግ ፈሊኻ ትርእዮ? ንሱ ከይኣከል ከኣ ድኻ። ሓቂ ይሓይሽ ምንኣድ ደኣ ከይመስል እምበር፡ ሰብ ከማይ

ተኾነ'ዩ። መልክዐይ ጽቡቕ'የ። ሃብታም'የ።" ዓጀውጀው በለ። ካብ ኢዮብ ዝመጽእ ተቋውሞ ከምዘይህሉ ርግጸኛ'ዩ። ስቕታ ኢዮብ ደገፍ ኮይኑ'ዩ ዝስምዖ።

"እወ ጽቡቕ ኣለኻ።" ዘይተኣደነ ኣግርሞት እናተመላለሶ ደገፈትኡ ኣስመዐ። ደገፍ እንተዘይሂቡ ዝመጸ ጸገም ይፈልጦ ስለዝኾነ፡ ከይደንጐየ'ዩ ልኢኽዎ። ዘይቀልጠፍካ ዝብል ኩነኔ ከይቀርበሉ ፍርሒ ዝነበሮ'ዩ ዝመስል። ኩሉ ሻዕ ምስ ፈርሐ'ዩ። ንዮናስ ተቢዑ ዝተዛረበሉ ኣጋጣሚ የለን።

"በል ኣብዚ ጽንሓኒ።" ብምባል ካብ መደቀሲ ክፍሉ ወጸ ዮናስ። ኢዮብ ናበይ ከምዝኾነ ንኽሓቶ'ውን ዕድል ኣይሃቦን። ድሕሪ ዓሰርተ ደቓይቕ ኣቢሉ ይኸውን ድማ ተመሊሱ መጸ። ኣብ ኢዱ እታ ንኢዮብ ዝተባህለት ሞባይል ሒዝዋ ተራእየ። ንዕኣ ክህቦ ክብል'ዩ ጸዊዕዎ። "እዚኣ ንዓኻ'ያ።" ኣብ ኢዱ ኣረከቦ።

"ዋው! ብጣዕሚ ጽብቕቲ።" ካብ ልቡ ኣድነቐ ኢዮብ። ከምኣ ትጽብቕ ሞባይል ቕድሚ ሎሚ ዝረኣየ ኣይመሰሎን። እዛ ጽብቕቲ ሞባይል ናቱ ክትከውን ትወሃቦ ብምንባራ፡ ብባህታ ጭድድ ፍንጭኣ ክብል ደለየ።

"ፈቲኻያ?"

****

"ፍቕርን ጓልን ክገፍፍ ስኪዐተይ ከዋድድ እምበር።" ዘረባ ሜሮን'ዩ። ኣንፈት ዕላሎም ብምልዋጥ'ዩ ናብቲ ዘገድሶ ዘረባ ዝኣተወ። እዛ ምሸት ብዘይ ፍረ ተሓሊፋ፡ ካልእ መዓልቲ ዘካየዶ ፈተነ ከምዘይዕወት'ዩ ዝሓስብ ነይሩ።

ስኒት ኣንፈት ሜሮን ሽዓ ኢሉ ተረድኣ። ቤት መቕደስ ፍቕሪ ከይጠፍኦ ኣብ ኣፋፈት ጸኒሓ ክትሕብሮ ድልውቲ ኮነት። ተገዲስካ 'እንቋዕ ብድሓን መጻእካ!" ዘይበልካዮ ፍቕሪ ብኩራ ሻንፈቱ ዝድርቢ'ዩ ዝመስላ ነይሩ።

“ጽቡቕ ኣለኻ። ካብ ጽምዋ ከገላግለካ ዝኽእል ከኣ ንሱ’ዩ። ኣዋልድ ካብ ዘይተሳእና ፍቕሪ ኣይገይሸን’ዩ።” ንኣበሃልኡ ዘራጉድ ዘረባ ኣስምዐት። ኣብ መዘናግዒ ማእከል ፒስ ላንድዮም ነይሮም።

“ስኒት! ስማ ጠቒሱ ንስምዒታ ከንብብ ኣዒንቱ ተኸለላ። “ዝተሰመዓኒ እንተተዛረብኩ ትጸልእዮ ዲኺ?” ብኣዝዩ ልዙብ መገዲ ክሓትት ተሰምዐ። ከም ዘይትጸልኦ ገጻ የረጋግጸሉ ነይሩ’ዩ። እንተኾነ ቓላታ ደልዩ ነበረ።

“ኣይጸልኦን’የ።” መለሰት።

“በዚ ዝዛረበኪ ኣይትኹርይን ኢኺ ማለት’ዩ?” ዝተጠራጠረ’ዩ ዝመስል። ስኒት ብርእሳ መለሰትሉ። ማዕጾ ልባ ዝኹሕኩሐ ዘሎ መሰላ። ማዕጾ ልባ ክትከፍት ኣብ ልዑል ምሽብሻብ ኣተወት።

“ዝተሰመዓካ ተዛረብ።” ርግእ ኢላ መለሰት። ውሽጣ ግና ዘይከም ግብረመልሳ ተበጽቢጹ’ዩ ነይሩ። ርብሽቲ ምንባራ ንሜሮን ኩተርእዮ ግና ኣይደለየትን።

“ስኒት! ኩነታትኪ ባህ ዘብል’ዩ። ከይሓሰኹ ክዛረብ መልክዐኛ ኢኺ። ንሰባት ምቹእነት ትፈጥሪ ተባሂኺት ጐርዞ ኢኺ። ከምኡ’ውን ለባም። እዚ ኩሉ ናትኪ መኺኑ ምስ ፈለጥኩ ክኽስረኪ ኣይደለኹን። ኣፍቒረኪ።” ኣንቶንሎ።

ልቢ ስኒት ህርመታ ወሲኻ ነጠረት። ሓጐስ ምስ ስንባደ ተወጃቢሩ ኣብ ውሽጣ ቕድሚ ሕጂ ገጢምዋ ዘይፈልጥ ስምዒት ከሸነላ። ሜሮን ክንብሮ ዝነበሮ ስለዝገበረ፡ ካብ ልቢ ተሓጐሰትሉን ኣድነቀቶን። እንተ ንሳ ግና ዕዳ ነይርዋ።

“ስኒት! እንታይ ድኣ ስቕ ኢልኪ?” ስቕትኣ ከም ጽዕነት ከበዶ።

“ሜሮን ኣዚኻ ትፍቶ ኢኻ። ግን...” መመላእታ ቓላት ኣይነበራን። ንሜሮን ኣብ ሓዲግ ኣንጠልጢላቶ ምንባራ ዝዘከረት ኣይትመስልን።

“እንታይ ግን?” ብዓውታ ሓተተ። ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ሰባት ከይክዕብዎን ከይስሕቑኑን ዝተገደሰ ኣይመስልን።

“ቕድሚ ሎሚ ዓርኪ ከም ዘለኒ ነጊረካ ነይረ። እቲ ዝበልኩኻ ግና ሓሶት’ዩ። ስለዝሓሰኹ ይቕሬታ። ካብ ሓሶት ክሳራ እምበር መኽሰብ የለን። ናብ ወዲ ቀሪበ ዘይፈልጥ ጓል ክንሰይ፡ ንስእለ ሕልናኻ ኣጋግየዮ’የ። ስለዚ ቕድሚ ምምላሰይ ኣይትሓዘለይ ክብለካ ኣፍቅደለይ።” ‘ሓቂ ተዛሪብካ፡ ኣብመገዲ…’ ዝብል ስምዒት’ዩ ዓብሊልዋ ነይሩ።

“ጸገም የለን። ኣነ’ውን ሓስየ እየ’ኳ።” ኣረጋግኣ። “መልስኺ ንገርኒ።” ካብ ታህዋኽ ዝነቐል ምሕጽንታ ከቕርብ ተሰምዐ።

“ኣነ’ውን የፍቕረካ’የ።” ንሳ’ውን ስምዒት ውሽጣ ኣንተጐትሉ።

“ከሓቁፈኪ ይኽእል?” ብሓጐስ ተኸቢቡ ሓተታ።

“ኣመና ስከፍቲ’የ። ኣብ ቕድሚ ሰብ፡ እሞ ከኣ ኣብ ማእከል እንዳ ሻሂ ክትሓቑፈኒ ብጣዕሚ ከሕፍረኒ’ዩ። ካብዚ ምስ ወጻና ይኹነልና።” ሕፍርፍር በለት።

“እሞ ንውጻእ።” ሕሳብ ከፊሉ ብድድ በለ።

<u>30.Z. ኣዋልድ ካብ ዘይተሳእና ፍቕሪ ኣይገይሸንየ!</u>

****

31

31.A. ‘ንልብኻ ኣብ ዘይምቕኣ ልቢ ኣቑሚጥካ፡ ሰላም ምጽባይ ዕሸነት’ዩ!’

ፈላሚት ፍቕራዊት ቐጸርኣም’ያ። ዓርቢ ፍቕራት ንሙኺን ምስ ተሰማምዑ፡ ሰንበት’ዮም ዝራኸቡ ነይሮም። ዮናስ ኣብ ቶፕ ፋይቭ ሆቴል’ዩ መሪጹ። ዋላ’ኳ ሄርሜላ ምስ ስክፍትኣ ተነበረት፡ ድራር ክበልዑ ግና ኣጉዲድዋ’ዩ።

ሄርሜላ፡ ከም ሰብ ደገ ወጺኻ ድራር ናይ ምብላዕ ልምዲ ኣይጸንሓን። ብዘይካ ኣብ ገዝኣ ምምጋብ፡ ኣብ ሬስቶራንት ምምጋብ ፍጹም ኣይትፈቱን’ያ። በዚ ድማ ብስክፍታ ክትምገብ ተራእየት። ኣበላልዕኣ ዝተጸየነት’ዩ ዘምስላ ነይሩ። እቲ ልዕሊ ዓቕሙ ተሓጉሱ ዝነበረ ዮናስ፡ እናሻዕ የኾልሳ ስለዝነበረ ከኣ እቲ ኣጋጣሚ መመሊሱ ተጸልኣ። ዮናስ ተዛሪባቶ ክሰምዓ ኣይከኣለን። እንተኣኾሊስዋ ፍቕራ ዝዓቢ ግዲ መሲልዎ ነብሱ ረሲዑ፡ ኢዱ ናብ ኣፋ ከመላልስ ከፍኡ።

ድራር ተበሊዑ ምስ ተወድአ ቀልጢፉ’ያ ንኽወጹ ሓቲታ። ኣብ ህይወታ ከምኡ ዓይነት ጸቕጢ ተሰሚዕዋ ኣይፈልጥን። ብቐደሙ ውን ልባ ኣይመልኣላን። ምስ ዮናስ ብምፍቓራ ዝተፈጥረ ሓድሽ ነገር ኣይተራእያን። እኳ ደኣ በቲ ተፍቕሮ ኣራም ክትሓስብ ዝተጨነቕቶ ይበዝሕ። ሰባት ንኽሕጐሱ የፍቕሩ እንተኾይኖም፡ ምስ ዮናስ ምፍቓራ ካብ ግዜኻ ምጥፋእ ንላዕሊ ስም ኣይረኽበትሉን። ዋላ’ኳ ከምቲ ንሳ ብኣራም ዝተጐድኣቶ ዮናስ ከጉዳእ ዘይትደሊ’ኳ እንተኾነት፡ እቲ ጉድኣት ናብኣ ዝዓዘዘ ኮይኑ ይስምዓ ስለዝነበረ ኣይቀሰትን።

ዮናስ ዘረብኣ ሰሚዑ ካብ ቶፕ ፋይቭ ሆቴል ሒዝዋ ወጸ። ኣብ መኪንኡ ሰቒሉ ከኣ ናብ ገዝኣ ኣእንፊቱ ተጓዕዘ። ምርጭኣ ኮይኑ እምበር ኣይደገፎን። ሓይሊ ክጥቐም ኣይደለየን። ሓይሊ ኣብ ካልኦት እምበር ኣብ ሄርሜላ ከም

ዘየዋጽእ ኢዮብ ነኊርዎ'ዩ። 'ንሄርሜላ ከተእምና እምበር ከተገድዳ ምፍታን፡ ንምፍልላይ ብፊስካ ምጽዋዕ'ዩ!' ዝብል ምኽሪ ኢዮብ ኣይረስዖን።

ኣብ ከባቢ ገዛውታ ምስ በጽሐ መኪንኡ ጠጠው ኣበላ። ዕድል ገይሩ ኣብ መኪና ኮይኖም ከዕልሉ ፍቓደኛ ኮነትሉ። ንሱ ኸማን ስለዝተሰከፈት እምበር ስለዝደለየት ኣይኮነን። ገንዘቡ ጫሕ ኣቢሉ ኣድሪርዋ ክነሱ፡ ዕላላ ክስእን ፍትሒ ኮይኑ ኣይተሰምዓን። ምስ ዘይተፍቕሮ ወዲ ብምፍቓራ ካብ ጥቕሙ ጉድኣቱ ከምዝዓቢ ተረድኣት። ስምዒት ዮናስ ከይሰባበር እምበር ካልእ ኣብ መኪንኡ ኮፍ ከምትብል ዝገበራ መኽንያት የለን። ሕማቕ እናተሰምዓ ከተዕልሎ መረጸት። ፍቕሪ ብምስሉይ ስምዒት ዘይጥዕ ተኽሊ ሙኻኑ ዝነግራ ትደሊ ነይራ። 'ንልብኻ ኣብ ዘይምችኣ ልቢ ኣቕሚጥካ፡ ሰላም ምጽባይ ዕሽነት'ዩ!' በለት ብልባ።

"ሓሚምኪ ዲኺ?" ብጥዕንኣ ፈርሐ። ክትሕጐስ'ዩ ተጸብዩ። ግና ትጽቢቱ ክቓናዕ ኣይተኻእለን። እዚ ድማ'ዩ ሓሚማ ከይትኸውን ዘስግኣ። ኣብ ፍቕሮም ጣዕሳ ከምዘይህልዋ ዝለዓለ ግምት ኣለዎ። ብድልየታ ከምዝኣተወቶ'ዩ ዝፈልጥ።

"ኣይሓመምኩን።" ጽቡቕ ይስምዓ ኣይነበረን። ዮናስ ጽቡቕ ክስምዓ ዝገበሮ እኹል'ዩ በሃሊት'ያ። እቲ ንዕኣ ሓጐስን ቅሳነትን ክፈጥረላ ዝኽእል መገዲ፡ ኣብ ቦታ ዮናስ ኣራም ምትካእ'ዩ። ብዛዕባ'ዚ ምስ ዮናስ ክትዘራረብ ኣይትደልን'ያ።

"እንታይ ድኣ ደስ ዝበለኪ ዘይትመስሊ?" ኩነታታ ኣሻቐሎ። ቅጭ መጽይዋ ምንባሩ ካብ ኣመላልስኣ ከግንዘብ ክኢሉ'ዩ። ንዕኣ ከሐጉስ ዝገበሮ ኩሉ ደስ ተዘየቢልዋ፡ ክስምዖ ዝኽእል ናይ ውድቐት ስምዒት ከይተላበሶ ከግምት ፈተነ።

"ዮናስ ግደፈኒ!" ኣንጸርጸረት። ኣብ መኪንኡ ምህላዋ'ኳ ዘይፈተወቶ፡ ተደራቢ ብሕቶኡ ከዋጥራ ኣይተጻወረቶን። ድሒራ ግን ንዮናስ ምንጽርጻር ከምዘይግብኣ ፈለጠት። "ማለት ርእሰይ ሓሚመ ኣለኹ።" ዘረብኣ ከተዐሪ ተሰምዐት።

“እሞ…”ብዘይ መጠን ተሸገረ።

“ኖኖእ! ከኒና ኣይወስደሉን’የ። ባዕሉ ክገድፈኒ’ዩ።” ዝኾነ ስጉምቲ ከይወስድ ሓሊፉ ጸንሓቶ። ልባ እምበር ርእሳ ኣይሓመመን። ፈውሲ ርእሲ ካብ ዝኸደ ከይዱ ከምጸላ ይኽእል’ዩ። ፈወሲ ልቢ ግና ምስ ኣራም’ዩ ዘሎ። ዮናስ ኣራም ስለዘይኮነ ከኣ፡ ሕማም ልባ ዓቢጣ ትም ምባል መረጸት። ‘መድሃኒተይ ኣብ ፋርማሲ ኣራም ጥራይ’ዩ ዘሎ!’ በለት ብልባ።

“ሐራይ በሊ።” ንሱ’ውን ተዓዘመ። ፍቕሪ ቕድሚ ሕጂ ስለዝፈልጦ፡ ንሄርሜላ ከምኡ ኣይተጸበያን። ተናፋቒ ህይወት ከሕልፉ እምበር፡ ክትዝክሮ ዘባህርር ኣጋጣሚ ኣብ መዛግቦም ከስፍሩ ትጽቢት ኣይነበሮን። ‘ፍቕሪ ንመጺጽ ዛንታ ዝኸውን መዝገብ ኣለዎ ድዩ?’ ብምባል ንነብሱ ሓተተ።

“እሞ ክኸይድ።” ሃንደበት ሓሳብ ኣበገሰት። ንዮናስ ከተሐጉስ ናብ ዘይትጸወሮ ስቓይ ክትኣቱ ገበን ኮይኑ ተረድኣ። እዚ ትኸፍሎ ዘላ መስዋእቲ ከፍርዮ ዝኽእል ቁምነገር ከምዘይህሉ ደምዲማ’ያ። ትርጉም ዘይብሉ መስዋእቲ፡ ንማዕጾ ከሳራን ዘይዕግበትን ዝኹሕኹሕ ረጃሒ ሙኺኑ ዝተረድኣት ትመስል። ካብ ምስ ዮናስ ምዕላል፡ ኣብ ዓራት ኮይና ብኣራም ምንባዕ መረጸት።

“ዘይነዕልል።” መሸከንከን በለ።

“መስዩ ኣሎ። ገዛ ክጽበዩኒ’ዮም።” ኣብ ቀረባ ዝጸንሓ መመኽነይታ ሰንደወት።

“እሞ…” ከናፍራ ክስዕም ናብኣ ቀረበ።

“ኖኖእ! ካልእ መዓልቲ።” ከናፍራ ሓየበት። ከይደንጐየት ከኣ ካብ መኪንኡ ወረደት። ዋላ ሐራይ ትበሎ ከናፍራ ከተስዕሞ ግና ባህጋ ኣይነበረን። ንተፍቕሮ እምበር፡ ንዘይተፍቕሮ ዝሰለዓተን ገጸ በረከት ስለዘይነበራ!

****

“ንስኺ ዲኺ ራሄል?” ብኣካል ርእይዋ ስለዘይፈልጥ ምስ ቀረበቶ ሓተታ። ብሰብ ገይሩ’ዩ ኣጸዊዕዋ። መድሃኔ ቕድሚ ምውሳኑ ሓንቲ ዕድል ሂብዎ ነበረ። በታ ዝሃቦ ዕድል ድማ’ዩ ንራሄል ረኺቡ ከዘራርባ መሪጹ።

“እወ ኣነ’የ።” መለሰትሉ።

“ዳዊት ይብሃል።” ኢዱ ንሰላምታ ወንጨፈላ።

“ስመይ’ኳ ፈሊጥካዮ ኣለኻ። ኣነ ኣይፈለጥኩኻን።” ኣጻብዑ ጨቢጣ ዝበለቶ’ዩ።

“ዓርኪ መድሃኔ’የ።” ናብ ዝሓሰቦ ክሰጋገር ተኾይኑ መንነቱ ከፋልጣ ነይርዎ። መንነቱ ምስ ኣፍለጣ ዝተሰምዓ ስምዒት ጽቡቕ ዘይምንባሩ ውን ኣስተውዓለ። ገጻ ንእለቱ ብጽውግታ ተሸማቐቐ።

“እንታይ ኢኻ ደሊኻ መጺኻ ሕጂ?” ተገሪማ ሓተተቶ። ስም መድሃኔ ምስ ኣልዓለላ ከም ሰይጣን’ያ ሓሲባቶ። ‘ዓርኪ ሰባር ነቓዕ!’ ዝብል ምስላ’ያ ዘኪራ። ንዳዊት’ውን ካብቲ ንልባ ዝሰበረ መድሃኔ ፈልያ ትርእዮ ኣይነበረትን። ‘ዓርኪ ጸይቒ፡ መን ገበሮ መጸበቒ!’ ናይ ባዕላ ምስላ ፈጠረት።

“ትጋገዱ ከምዘለኺ’የ ክነግረኪ መጽየ።” ስምዒታታ ጐስዩ መምጽኢኡ ገለጸላ።

“ኣላ ንስኻ!” በሽካዕላል ሰሓቐት።

“ብሓቂየ ራሄል።” ዓቲቡ ተዛረበ። ተግባራታ ኣሕሪቕዎ’ዩ። ግና ሕርቓኑ ክውሕጥ ነይርዎ። ህይወት መድሃኔ ክመዓራረ እንተኾይኑ ግድን’ዩ ከምኡ ክገብር። ‘ምእንቲ ሞጐጐ ትሕለፍ ኣንጭዋ!’ እዩ ነገራቱ።

“እንታይ ሓቂ ኣለካ?” ብስርዓት ሓረቐት።

“እንታይ ድዩ በዲሉኪ?” ሕርቓና ምስ ዘሓለ ጠየቐ።

“ንሱ ይቐርበካ። ንዕኡ ሕተቶ።” ከይተገደሰት መለሰትሉ።

“በደሉ ኣይፈልጥን’ዩ። ብዘይ መጠን ከምዘፍቕረኪ ጥራይ’ዩ ዝፈልጥ። ራሄል ህይወት መድሃኔ ኣብ ዝኸፍአ ደረጃ ከወድቕ ተቓሪቡ ኣሎ።” ከደንግጻ ወሰነ። ጓል እንተደንጊጻ ተጀሊሓ ዘይትውዳእ ማዕከን ለውሃት ከምትኸውን’ዩ ዝኣምን።

“ናቱ ተቓሪቡ’ዩ ዘሎ። ናተይ ግና ኮይኑ’ዩ።” ጸገማ ከም ዝዓቢ ተዛረበት።

“እንታይ ድዩ ጸገምኪ ራሄል?” ተገዲሱ ሓተታ።

“ዓርከኻ ልበይ ሰይሩኒ።” ንብዓት ክስዕራ ደለየ።

“መድሃኔ?” ተገሪሙ ሓተታ።

“እወ ንሱ። ብፍቕሪ ከምዘይቐረበኒ፡ ናብ ዘይፈልጦ ሰብ ተለዊጡ። ግና ንሱ ይጽንሓልና። እንታይ’ዩ ኮይኑ?” ሓተተቶ። ኩነታት መድሃኔ ዘሻቕላ ትመስል።

“ዝኣዘዝክዮ ክገብር ወርቂ ካቲም ናይ ኣዲኡ ሰሪቅዎ ኣሎ።” ብግልጺ ሓበራ። ከምቲ ንሱ ዝሰምበዶ ንሳ’ውን ከምትስንብድ ግምት ኣለዎ።

“እዋእ…”ብዓውታ ጨደረት።

****

ናይ ሓሶት ፍቕሮም ትዛዘመላ ዕለት ደበኽ በለቶም። ከዕልሉ’ኳ እንተተራኸቡ ከም ቀደሞም ግና ኣይነበሩን። ዋሕዚ ዕላሎም ቀጻልነት ኣየርኣየን። ጀጀሚሮም ከበትከዎ ኣምሰዩ። ኣብ ከልቲኦም ናይ ምድፍናቕ መንፈስ ዝነበረ’ዩ ዝመስል። ሰሰሪቆም ከጠማመቱ ተራእዩ። እታ ዕለት ልዕሊ ዝኾነ ከበደቶም።

“ኣይትስዕመንን ዲኻ ደኣ?” ሄለን ዝበለቶ’ዩ። ኣብ ዝሓለፈ ርክቦም ኣልሚድዋ ዝነበረ ስዕመት ኣይገበሮን። ስዕመቱ ክትናፍቆ ጀሚራ’ያ። ኣብታ ናይ መወዳእታ ዕለት ፍቕሮም እንተዘይረኺባቶ ከኣ ኣብ ካልእ ጐፍ ዝበላ ይመስላ ኣይነበራን።

ኢዮብ ዘረብኣ ምስ ሰምዐ፡ ናብ ከናፍራ ቀሪቡ ሰዓማ። ንመወዳእታ እዋን ይረኽቦ ምንባሩ ዝፈለጠ ከመስል ከናፍሩ ምእላይ ሓንገደ። ኣብ ከውሊ ስለዝነበሩ ዘሰክፍ ኣይነበሮን። ድሕሪ ደቓይቕ ካብ ከናፍራ ኣዝለቐ። ብትኩረት ድማ ክጥምታ ተቐሰበ። ኣብ ልዕሊ ሄለን ዘለዎ ስምዒት እንታይ ምንባሩ ተጋሂድሉ’ዩ።

“ንከናፍርኪ እናፈተኹዎ ይፍለዮ ኣለኹ።” ቓንኡ ተለወጠ። መሪር ስዕረት ዝቐመሰ ኣስልጣኒ ኩዕሶ እግሪ’ዩ መሲሉ። ደባን መንፈስ’ዩ ተቐጻጺርዎ።

“እናፈተኻዮ’ሞ ንምንታይ ትፍለዮ?” ሕቶኣ ሰንደወት። ልባ ኣይረግኣላን። ቐዳማይ ዕላምኣ ብሜላ ናብ ፍቕሪ ከተእትዎ’ዩ። ምስቲ ን13 መዓልታት ከም ኣፍቓሪኣ ዝሓሰበቶ ኢዮብ፡ ዘሕለፈቶ ህይወት ተናፋቒ’ዩ ነይሩ። እንተስኢናቶ ኣቕንዛዊ ከም ዝኸውን ንምግማቱ ኣይተሸገረትን። ‘ፈጣሪ ን13 መዓልታት ናብ ገነት ከዛወር ዝሃበኒ ዕድል’ዩ!’ ብምባል’ያ ንኩነታቶም ትገልጾ።

“ከም ውዕልና ከንከይድ ስለዘለና እምበር ካባኽን ካብ ከናፍርከን ናይ ምእላይ ድልየት የብለይን።” ሕቡእ ውሽጣዊ ስምዒቱ ገለጸላ። እዚ ዘይብሃል ናይ ስክፍታ ስምዒት ከወሮ ኣይደንጐየን። ሄለን ከም ናቱ ሓሳባት ዘይከህልዋ ይኽእል’ዩ ዝብል መርገጺ ነይርዎ። ከምኡ እንተኾይኑ ድማ ጽቡቕ ከምዘይስምዓ ገመተ።

“ፍቐራት ኳንና ክንቕጽል ዲኻ ደሊኻ?” ድላዩ ንምፍላጥ ሓተተቶ። ካብ ዘረብኡ ገለ ኣንፈት ዝህብ መጻኢ ተረዲኣ’ያ። እንተኾነ ብርግጸኛ ዘይኮነትሉ ነገር ክትዛረብ ኣይሓረየትን። ምናልባት ታህዋኽ ዘበገሶ ከይከውን ፍርሒ ኣለዋ።

እምበር ንሳ ነቲ ድንግልና ከናፍራ ዘፍረሰ ኢዮብ፡ ክትስእኖ ድላይ የብላን። ንኢዮብ ዝለመዳ ከናፍራ ንካልእ ሂባ ከተመራስሐን ኣይደለየትን።

“ምደለኹ። ግን…” ካብ ሳዕሳዕካ ተቐጻጸ ገበሮ። ጀሚርዎ ስለዝነበረ ስክፍትኡ ቀንጺሉ ቀጸሎ። ‘ከቢድ ሕማም ካብ ሞት ነይሓልፍ!’ ዝብል ስምዒት’ዩ ተሓንጊርዎ ነይሩ። ዝበለት ትበሎ ናይ ውሽጡ ክዛረብ ዝበለጸ ኮይኑ ተሰምየ።

“እንታይ ግን?” ዘይመልኡ ዘረባ ክቐጽሎ ኣተባብዐት። ሓሳባቱ ኣብ ዝተፈራረቐ ስምዒት ከም ትወድቕ ገይርዋ’ዩ። ከምዚ ስለዝኾነ ሕጂ’ውን ርግጸኛ ክትከውን ኣይከኣለትን። መልሱ ብህንጡይ መንፈስ ክትጽበ ተቐሰበት።

“ዘይትድግፍዮ ከይትኾኒ ኢለ’የ። ኣብዘን ዘሕለፍናየን ናይ ፍቐሪ ዕለታት ናይ ብሓቂ ኣፍቂረኪ’የ። ዋላ ደኣ ናይ ሓሶት ይንበር እምበር ንዓይ ግና ናይ ብሓቂ ተለዊጡ’ዩ። በይነይ ከምዚ ኢለ ግን ትርጉም የብሉን። ናትኪ ሓሳባትን መደባትን ኣይፈልጥን’የ።” ርግጸኛ ትኾነሉ መደረ ብልዝበት ተሰንዩ ኣስምዓ።

“ፈሪሐካ እምበር ካብ ናትካ ዝፍለ ሓሳብ የብለይን። ደሓር ከኣ’ስ ከናፍረይ ስዒምካ ክትፍለየኒ ጽቡቕ ኣይኮነን። ተዘየፍቐረካ ከመይ ኢለ ኣሕሊፈ ይህበካ።” ሓሳባታ ገለጸት። ኢዮብ ከይጸንሐ ጥምጥም በላ።

“ንዘልኣለም ኣይፍለየክን’የ ሄለነይ።” ቓል ኣተወ።

“ከናፍረይ ንዝኾነ ካልእ ኣየስዕመልካን’የ ኢዮብይ።” ንሳ’ውን ንዕኡ መሰለት።

“ናይ ብሓቂ ፍቕርና’ኸ ንክንደይ’ዩ ክቕጽል።” ሓቒፍዋ ከሎ ሓተታ።

“ንዘልኣለም።”

31.Z. ፍቕሪ ብምስሉይ ስምዒት ዝጥዕሪ ተኽሊ ኣይኮነን!

32

32.A. መኽንይቱ ብዘየገድስ ኩሉ ሻዕ ዝፈርሕ ሰብ የለን!

ምቑልላብ ኣወንዚፎም ከወሓሓጡ ተሰምዑ። ዳዊት ከም ራሄል ክንድር ኣይተራእየን። ንኹሉ ስምዒታዊ ዘረብኣ ተጻዊሩ፡ ኣብ መወዳእትኡ ከምትረዳዳእ ገበራ። ንባዕሉ'ውን ከምኡ ኢላ ክትሃድእ'ያ ዝበል ግምት ኣይነበሮን።

"የፍቕረኒ'ዩ ማለት ድዩ?" ተሓዋወሳ። ንኽተካስሮ ዝኣዘዘቶ ጠለብ ወርቂ ካትም ወላዲቱ ሸይጡ ከገዝኣላ ካብ ሓሰበ ክትሓቶ ትኽእል ንሱ'ዩ። ዝጸሓፈላ ደብዳቤ ኣብ ፍቕሪ ዘድሃበት ስለዘይነበረት ግና ተፈራረቐት።

"ልዕሊ መጠን'ዩ ዘፍቕረኪ። እዚ ስጉምቲ ከወስድ ዘኽኣሎ ፍቕር'ኺ'ዩ ራሄል። ስርቂ'ኳ ገበን'ዩ። ምእንታ'ኺ ክብል ግን ኣትይዎ። ዘየፍቕረኪ ነይሩ እንተዝኸውን ንትእዛዝኪ ምነጸጐ። ሕጽይቱ ወይ ሰበይቱ'ኳ ኣይኮንክን። እንተኾነ መድሃኔ ከም ሰበይቱ ሓሲቡ'ዩ ጠለባትኪ ከማልእ ተጓይዩ። ስለዚ ብፍቕሪ ክትጠራጠሪ የብልክን። ካብዚ ክኣትዎ ዝደሊ ዘሎ ስሙ ዘባላሹ ነውሪ ግን ኣድሕንዮ።" ኣብ ስምዒት ኣትዩ ከዛረብ ተሰምዐ። ራሄል ክትርድኣ ተስፋ ኣንቢሩላ'ዩ።

"ዘፍቕረኒ ነይሩ እንተኾይኑ ደኣ'ሞ ስለምንታይ ንዓይ ዝዝልፍ ደብዳቤ ይጽሕፈለይ። ንተፍቕራ ጓል ተዋርዳ ዲኻ?" ብዛዕባ ጸገማ ምስ ዳዊት ተዛረበት።

"ደፊርካ ደኣ ኣይትበልኒ እምበር ትጋይ ኣለኺ። ንዓኺ ዝዝልፍ ደብዳቤ ክጽሕፍ ኣይክእልን'ዩ። ልዕሌኺ ዘኽብሮ ሰብ ከምዘይብሉ የረጋግጸልኪ።" ተሓለቐሉ። ብሓሶት ይሕለቐሉ ስለዘይነበረ፡ ዝኾነ ናይ ስክፍታ ስምዒት ኣይነበሮን። ኣብ መላእ ህይወቱ ከም መድሃኔ ፈቓር ሰብ ኣይገጠሞን። ብራሄል ከመይ ከምዝኸውን ስለዝፈልጥ፡ ነቲ ዝበለቶ ውዒልዎ ዝበል ግምት የብሉን።

“ኣይጸልኦንን’የ ንመድሃኔ። ሓቂ ይሓይሽ ‘ሐራይ!’ ክብሎ’ውን ተቀሪበ’የ ነይረ። እታ ደብዳቤ መጽያ ግን ልበይ ሰይራቶ። መድሃኔ ኣብ ፍቕሪ ዘይኮነ፡ ኣብ ጸወታ ከምዝነበረ’ያ ትገልጽ።” ካብ ባዶ ተበጊሱ ይሕለቐሉ ምንባሩ ክትግምት በቕዐት።

“ከመይ ዓይነት ደብዳቤ ድያ?” ተጠራጠረ። ንመድሃኔ ይኣምኖ’ዩ። እንተኾነ ምእማን ጠቕላላ ዘይምጥርጣር ገይሩ ኣይሓስቦን’ዩ። ራሄል ትብሎ ዘላ ብዝበዝሐ ሽነኹ ቅኑዕ ኮይኑ ኣይተራእዮን። ንእንተታት ቦታ ዘይምግዳፍ ልቦና ኣይኮነንን ኢሉ ገመተ። በዚ ድማ’ዩ ብዛዕባ’ታ ራሄል ትብላ ዝነበረት ደብዳቤ ተገዲሱ ዝሓተተ።

“እንታይ’ሞ ክብለካ’የ?” ናብ ዝርዝር ክትኣቱ ዝደለየት ኣይትመስልን’ያ። ምስ መሓዙታ ብዝርዝር ኣዕሊላትሉ’ያ። ምስ ዓርኪ መድሃኔ ግና ዝተዋሕጠላ ኣይመስልን። ጌና ከሳብ ሕጂ ይጻወቱ ከይህልወ’ውን ስክፍታን ጥርጣረን ኣለዋ።

“ቁሩብ’ከ?” ብቀሊሉ ክገድፋ ኣይመረጸን። እቲ ካብ ድርኩቺት ‘ሐራይ!’ ምባል ዝመለሳ መኽንያት ምፍላጡ ኣገዳሲ ኮይኑ’የ ተራእይዎ።

“ሮበት ኣይገድፍ። ጠረው ኣይገድፍ። እንታይ’ከ ዘይበለኒ?” ሕጂ’ውን ከፊላዊ መግለጺ ሃበት። ሸፈፍ ኢላ ክትሓልፎ ትኽእል ነይራ’ያ። እንተኾነ ካብ ሓቂ ዝዓቢ ዋላ ሓንቲ ስለዘየለ፡ ዳግማይ ከይጻወቱላ ትፈርሕ ኣይኮነትን።

“እውይ!…” ካብ ልቢ ሰንበደ።

****

“እሞ እንታይ ደኣ ሐራይ ኢልክዮ?” ብምግራም ሓተተት ሄለን። ምስ ሄርሜላ ኣብ መደቀሲ ክፍለን እየን ነይረን። ዮናስ ናብ ሄርሜላ ደዊሉ ክትመጾ ምስ ሓበራ፡ ሄርሜላ ክትመጾ ከምዘይትኽእል ስለዝነገረቶ’ያ ከምኡ ኢላ።

“እንድዒ።” ከይተረድኣ መለሰት።

“ኣይተፍቕርዮን ዲኺ?” ሕጂ’ውን ሓተተት።

“ተዘፍቕሮ ደኣ ዘይከዶ?” ቅጭ ዝመጻ’ያ ትመስል። “ብዘይካ ኣራም ዘፍቕሮ የለን።” ብዓቕሊ ጽበት ተዛረበት። ነብሳ ጸሊኣ ነበረት። ‘መናድቕ ልበይ ስእልታት ኣራም ጠቒዐሉ ከብቕዕ፡ ከመይ ኢለ ንዮናስ ከእትወሉ!’ በለት ብሓሳባ።

“እሞ ንዮናስ ከምዘይተፍቕርዮ ንገርዮ።” ኣማኸረታ።

“ኣይተርፍን’ዩ።”

****

እቶም ሓደስቲ ፍቕራት ኣብ ቦታ ስርሖም’ዮም ተራኺቦም።

“ሜሮነይ! ከመይ ክኾነልካ?” ገጻ ብከምስታ ልቒ ወሊዓትሉ። ከም ዝብህጋ ክትከውን ወጢና’ያ። ደጊም ብእኣ ክኾርዕ እምበር፡ ክጉሂ ድላያ ኣይኮነን።

“ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ሃዋሁ ልበይ ዘይትሰብር ጓል ኩንለይ።” ብስያፍ ጠመታ። ሰለይ እናበሉ’ዮም ዘዋግዑ ነይሮም። ምሸት ድሕሪ ምምጋቦም’ዮም ተራኺቦም። ናይ ጐደና ብርሃን ንዕኦም ዝዕጅብ ዝነበረ መሰለ።

“እመነኒ። ልብኻ ኣይክሰብሮን’የ።” ቃል ኣተወትሉ። “ንስኻ’ ውን ልበይ ኣይትስበሮ። ከምታ ሓንሳብ ዝነብር ሓንሳብ ከፍቕር’የ ዝደሊ። በጃካ ናብ ካልኦት ኣይተማዕድወኒ።” ምሕጽንትኣ ኣቕረበትሉ።

“ቃልኪ ከም ቃል መጽሓፍ ቕዱስ ኣየዕብሮን’የ። ጥራይ ልበይ ዝሰብር ኣይትስርሒ።” ብፍቕሪ ልቡ ዝተሰብረ ኣራም ዓርኩ’ዩ ዝረኣዮ ነይሩ። ንሱ’ውን ብሰንኪ ስኒት ንዕኡ ከይመስል ዝሰግኣ’ዩ ዝመስል።

“እመነኒ። ልብኻ ምስባር ብጣዕሚ ኢኻ ትፈርሓ ማለት’ዩ።” ብስያፍ ጠሚታቶ ተዛረበት። ብእኣ ክጠራጠር ኣይትደልን’ያ።

“ኣብ ናይ ቀረባ ዓርኪይ ስለዝረኣኽዎ፡ ከም ቀሪ’የ ዝፈርሖ። ካብቶም ዝኸበዱ ብድሆታት ኮይኑ ድማ’የ ረኺበዮ።” ኣብ ስእለ ሕልንኡ ኣራም እናመጸ፡ ተዛረበ። ሳዕቤን ምስባር ልቢ ኣብ ኣራም እንተዘይርእዮ፡ ተገዲሱ ኣይመዕለለሉን።

“እንታይ ድዩ ኣጋጢምዎ ዓርኪኻ?” ንክልተ ዕላማታት ሓተተቶ። እቲ ቀዳማይ ካብኡ ክትምሃር። እቲ ካልኣይ ድማ መዕለሊ ክኾኖም።

“ንሓንቲ ጓል ፈትይዋ። ኣብዚ ቦትዝ ስራሕና’ዩ። ብጣዕሚ’ያ ጽብቕቲ። ክኸስራ ስለዘይደለየ ድማ ሓቲትዋ። ጓል መዓልቲ ቀይርካ ምጸኒ ትብሎ። ግና ዳርጋ ተሰማሚዓ’ያ ነይራ። ሓደ ሃብታም ዓርከና ከኣ ብገለ ተላልይዋ። ብመኪና ገይሩ ከመላልሳ ምስ ጀመረ፡ ነዚ ዝብለኪ ዓርከይ ገዲፋ ኑቲ ሃብታም መሪጻ። እዚ ዓርከይ ተባሳጭዩ። ድኻ’ዩ። ብድኽነቱ ከማርር ቀሲባቶ። ብሓቂ’ያ ጨካን። ስኒተይ በጃኺ ከምኣ ኣይትኹኒ።” ኣሕጽር ኣቢሉ ብዛዕባ ኣራም ኣዕለላ።

“ኣይከውንን’የ ሜሪ ሓወይ።” ኣረጋገጸትሉ። “ካብ ዝገርመካ ንዓይ’ውን ልባ ዝተሰብረት መሓዛ ኣላትኒ። ብዙሓት ኣወዳት’ዮም ዝሓቱዋ። ግና ንሳ ንሓደ ፈትያ። ዕድል ገይራ እቲ ዝፈተወቶ ወዲ ይሓታ። ከም ጓል መጠን ቀልጢፉ ሐራይ ክትብሎ ኣይደለየትን። ካልኣይ ተመሊሱ ምስ ሓተታ ‘ሐራይ!’ ክብሎ’የ ትብለና ነይራ። ግና ወዲ ሽርብ ኢልዋ።” ከተዕርፍ ኣቓረጸት።

“እንታይ ደኣ ረኺብዎ?” ሓተተ ሜሮን።

“ሓንቲ ካልእ መሓዛና ትፈልጦ ወዲ ኣሎ። ነዚ ዝብለካ ዘለኹ ከኣ ዓርኩን ወዲ ገዝኡን’ዩ። ሕጂ ይብለካ ንዕኣ ዕዮ ገዛ ሂባታ። ተሰማዕካ ወዲ ብጥራጣ’ውን ዘይግደስ ኮይኑ ጸኒሑ። ኣብቲ ገዛ ሸማ ክልዓል’ውን ኣይደልን’ዩ። ዓርኪ ውን

ጸኒሓቶ። ሓፍትና በዚ ሓሚማ። ሓደ ዝሓታ ነይሩ። 'ሐራይ!' ኢላቶ ግና ፍጹም ኣይቀሰነትን። ምፍልላዮም ኣይተርፍን'ዩ። ሄርሜላ መሓዛይ ጉድ ረኺባ።" ኣብኣ ከም ዝበጽሐ ከተስተማስል ተራእየት።

"እ.." ስም ሄርሜላ ሰሚዑ ሰንበደ። "እቲ ተፍቕሮ ወዲ'ኸ መን ይብሃል?"

"ኣራም ድዩ ኣሮን?" ተጠራጢራ መለሰትሉ።

****

"ኢዮብ ከተማኽረኒ ይደሊ ኣለኹ። ሄርሜላ ጠባያ ይቐያየረኒ ኣሎ። ደዊለ ክረኽበኪ ደልየ ተበልከዋ፡ ኣይጥዕመንን'ዩ ኢላትኒ።" ዮናስ ብጭንቀት ተጐቢኡ ተዛረበ። ጸገም ምስ ተረኽበ ከም ልሙድ ናብ ኢዮብ'ዩ ዝጐዩ። 'ኢዮብ ሓሳባት ዝሸየጦ ዕሙር ዱኳን'ዩ!' ምስ ዝብል ምሉእ ሓሳብ ይሰማማዕ'ዩ።

"ሕጂ ደኣ'ሞ ዘይትጥዕመኒ።" ኣብቲ ሰዓት ምስ ሄለን ተቋጺሩ ስለዝነበረ፡ ዝኾነ ግዜ ከጥፍእ ኣይደልን'ዩ። ተነፍዐ ቐድሚ ቆጸራ፡ ተሓመቐ ድማ ኣብ ልከዕ ሰዓት ኣብ ቦታ ቆጸራ ክበጽሕ ከም ዘለዎ'ዩ ሓሲቡ።

"እንታይ?" ሓረቀ ዮናስ። ኢዮብ ዝኾነ መኽንያት ከቕርብ ሰሚዕዎ ስለዘይፈልጥ ክጻወሮ ኣይከኣለን። ከም ህያብ ዘበርከተሉ ታች ስኪሪን ሞባይል፡ ብዘይ ዕላማ ኣይኮነን ሂብዎ። ዝገደፈ ገዲፉ ክሕግዞ ከም ዘለዎ'ዩ ዝፈልጥ።

"ቆጸራ ስለዘለኒ ኣይጥዕመንን'ዩ።" ቅጭ ዝመጾ'ዩ ዝመስል ነይሩ። ካብ ዮናስ ሄለን ትበልጾ። ዋላ'ኳ ከም ዮናስ ሞባይል ኣይትሃቡ፡ ልባ ዝሃበቶ መንእሰይ'ያ ግን። ፍልልዮም እዚ እናኾነ ንዮናስ ከቐድም ፍጹም ዘይሕሰብ'ዩ።

"ናይ ምንታይ ቆጸራ? ምስ መን ተቋጺርካ?" ብንዕቀት ሓተቶ። ከም ሰራሕተኛኡ'ዩ ዝሓስቦ። ንሱ ዘይፈልጦ ነገራት ከጉበር ኣይተዋሕጠሉን።

“ምስ ኣፍቓሪተይ ቆጸራ ኣለኒ።” ቕርጽ ክብል ደለዮ። ዓቕሉ ዝወድአ’ዩ ዝመስል። ዓመታት ከም መዓልታት ዝተጸመመ ሰብ’ዩ። ‘ዮናስ ዓቕሊ እናኸፈልካ ትቀርቦ ኣሸጋሪ ሰብ’ዩ!’ ብምባል’ዩ ዝገልጾ።

“እንታይ? ንስኻ’ስ ኣፍቒርካ?” ኣስተናዓቆ።

“እምኒ ድየ ደኣ ዘየፍቅር?” ንሱ’ውን ኣሸካዕለለ።

“እሞ ከይነገርካኒ ዲኻ ተፍቕር?” ጽጋብ ኢዮብ ልዕሊ መጠኑ ዝሓለፈ ኮይኑ ተሰምዖ። እዚ ኩሉ ወጻኢታት ጌርሉ ከብቕዕ እዚ ክፍደ ኣይተጸበየን። ‘ቓላት ኢዮብ ምስ ሸለልትነት ዝምድና ዝፈጠሩ ይመስሉ!’ ኣብ ዝብል ግምት ወደቐ።

“ከፍቅደካ ደሊኻ? ሕጂ ኣይተሕርቀኒ። ጽብቕተይ ከኣ ትጽበየኒ ስለ ዘላ ክኸይድ’የ።” ብዓውታ መለሰሉ። ኣዒንቱ ብጽልኢ ዝተኳሕላ’የን ዝመስላ ነይረን። መግዛእቲ ዝተመነዎ’ዩ ዝመስል። ዋላ ክሰበሉ መግዛኣቲ መግዛእቲ’ዩ።

“ዋይ ጽጋብ! በል ሞባይለይ ሃበኒ።” ንብረቱ ክመልሰሉ ሓተተ። ህጻናዊ ኣተሓሳስባኡ ኣብ ዝንድረሉ እዋን’ዩ ዝነልሕ።

“ንሄርሜላ ብሳላይ ስለዝረኸብካያ ኣይመልሰልካን’የ። እዚ ገለ ካብቲ ፍጹም ክትሓስቦ ዘይብልካ ነገራት’ዩ።” ሰይጣኑ ከም ዝዓቢ ሓበሮ።

“እንታይ?” ሰንበደ ዮናስ።

“ኣይህበካን’የ። ኢደይ ስለዝቐድመኒ ድሕሪ ሕጂ ክይትዛረበኒ። ክይለኽዓካ ክትጥንቐቕ ኣለካ።” ገዲፍዎ ወጸ። መኽንያቱ ብዘየገድስ ኩሉ ሻዕ ዝፈርሕ ሰብ የለን። ዮናስ ግና ኩነታት ገሪምዎ ተዓኒዱ ተረፈ።

****

“እቲ ጌጋ ናተይ’ዩ።” ዳዊት ንመድሃኔ ዝበሎ’ዩ። ራሄል ንመድሃኔ ዝጸልኣትሉ ደብዳቤ ባዕሉ ከም ዝጸሓፋ ፈሊጡ ነበረ። “ ትዝክር እንተኼንካ፡ ንስኻ ንራሄል ኣነ ድማ ነታ ከነራስና ዝደለና ጓል ስታፍና ደብዳቤ ንጽሕፍ ኔርና። ጾስታ ገዚአ ነቲ ደብዳቤታት ባዕለይ’የ ዓሺገዮ። ሽዑ ከኣ ኢና ኣጋጊናዮ።” ብጣዕሳ ተዛረበ።

“ርግጸኛ ዲኻ?” ጠንቂ ኩራ ራሄል ንሱ ክኾነሉ ይምነ ነበረ። ወላዲቱ ወርቂ ካትማ ከም ዝጠፍኣታ እንተፈሊጣ፡ ናብ ጽልልቲ ከም ትቐየር ኣይጠፍኦን’ዩ።

“ርግጸኛ’የ። ነታ ደብዳቤ ቀዲዳ ደርብያታ’ያ። ተኾነ ትሕዝቶኣ ነጊራትኒ’ያ። ምስታ ኣነ ዝጸሓፍኩዋ ደብዳቤ ተመሳሳሊት’ያ።” ጥርጥር ከም ዘይብሉ ሓበሮ።

“እሞ ኣነ ንራሄል ክረኽባ’የ።” ህንጡይነት ኣሕደረ። ዳዊት ክዛረባ ከም ዝደሊ ምስ ነገሮ፡ ብዙሕ ዘፍሪ ኣይመሰሎን። ግና ዘይከም ዝተጸበዮ፡ ዳዊት ብዝፈጠረሉ መስተርሆት ዳግማይ ናብ ፍቕሪ ዝተመልሰ ኮይኑ ተሰምየ።

“ኖኖእ! “ተቋውሞኡ ኣስመዐ።

“ስለምንታይ?” ሓተተ ዳዊት።

“ቕድም ናብታ ከራስና ዝሓሰብኩ ጓል ክኸይድ’የ።” ለዚቡ ተዛረበ።

“ንምንታይ ዕላማ?” ስለዘይተረድኦ ሓተተ።

“ራሄል እታ ናታ ደብዳቤ ስለዝደለየት።”

32.Z. ምእማን ጠቕላላ ዘይምጥርጣር ክኸውን የብሉን!

****

33

33.A. 'ሙኺን ሕልንኡ እንተተሻይጥዎ ፡ ካብ ሰብ ዝኸፍእ ኣራዊት የለን!'

ሄርሜላ ፡ ኣብ መዝገብ ዕለታዊ ህይወታ ክትጽሕፍ ተራእየት።

"ዳየሪየይ! ብጣዕሚ ሕማቕ ኣለኹ። ምስ ዮናስ ዝተባህለ መንእሰይ ፍቕሪ ጀሚረ። ግና እቲ ዝኸፍአ ፍቕሪ'ዩ። ምስ ዘይተፍቕሮ ፍቕሪ፡ ካብ ሲቓይ ንላዕሊ ሸም ዝርከቦ ኣይኮነን። ምስኡ ከለኹ ብኣራም ይሓስብ። ኣራም ካብ ልቢይ ምውጻእ ኣብዩኒ።

ዳየሪየይ፡ ኣራም ዘይብሉ ህይወትየ ዝመርሕ ነይረ። ግና ብዘይ ኣራም ዘይነብረሉ ፍቕሪ ሒዙኒ። ባዕለይ ከይደ ንኣራም ከየዛረቦ ድፍረት ስኢነ። ምስ ንብዓት ዓይነይ ይውዕል ኣለኹ። እዚ ኣራም እንተዝፈልጠለይ ምተሓጐስኩ። ግና ዕድል ኣይገበርኩን። ኣራም ዓርኪ ከምዘላቶ ተነኒረ። ብዘይብኡ ከም ዝነብር ንኣራምባ ንገርለይ። ሙኺን ልሳን ከለኒ ኣነ ዘይተዛረብኩዎ ደኣ፡ ንስኺ....

ዳየሪየይ፡ ምስ ዮናስ ክፈላለ ወሲነየ። ዘየፍቕሮ ክነሲይ ምስኡ ተተሳለኹ ትርጉም የብሉን። ኩሉ እቲ ናይ ልቢይ ነኒረ እንተተፈለኸዎ፡ ዝሓሸ ኮይኑ ተሰሚውኒ። በይኑ ኣጣቒው ዝፈጥሮ ድምጺ ስለዘየለ! ዳየርየይ ብሩኽ ለይቲ።"

****

"ንዓይ ተፍቕረኒ እንተኾይና ደኣ'ሞ፡ እንታይ ኮይና ንዮናስ ሐራይ ትብሎ?" ዝተቐብሩ ስምዒታት ፍቕሩ መቻብሮም ፈንቂሎም ክወጹ ደለዩ። ሜሮን ብዛዕባ እቲ ስኒት ዝበለቶ ዘረባ'ዩ ነኒርዎ። ሄርሜላ ልክዕ ከምቲ ንሱ ዝብላ እንተኾይና፡ ንመልኣኽ ፍቕሪ ብኽመይ ከም ዘመስግኖ ኣይፈልጥን'ዩ። 'ዝሞተ ፍቕሪ ዝትንስእ እንተኾይኑ፡ ጻማ ፍቕረይ መለሳ ኣይሰኣኖንዩ!' ክብል ምስ ውሽጡ ተዛረበ።

“ንስኻ ምስ ደንጐኻያ’ያ ናብ ዮናስ ወዲቻ። ንስኻ ብኣኣ ከም ዘይትግደስ ሓበሬታ በጺሕዋ’ዩ። ካባኻ ተስፋ ምስ ሰኣነት ከኣ ናብ ዮናስ ዘንቢላ። እምበር ቀዳማይ ምርጫኣ ንስኻ ኢኻ። ዓርኪ ከምዘላትካ ተነጊራ’ያ።” ግብረ መልሲ ሃበ ሜሮን። ዝተሰብረ ልቢ ኣራም ዝጽገነሉ ዕድላት ከም ዘሎ ስለዝፈለጠ ተሓጉሱ’ዩ።

“እሞ እንታይ ክንገብር ንኽእል?” ጥርኑፍ ሓሳባት ኣይነበሮን። “ኣነ ብሄርሜላ ከምዘይግደስን ዓርኪ ከምዘላትንን ዝተዛረበ ሰብ ኣሎ ድዩ?” ጽምዲ ሕቶታት ኣበገሰ። ብልቡ ጸሎት ካብ ምግባር ኣየዕረፈን። ናብቲ ዝምነዮ ናይ ፍቕሪ ህይወት ክኣቱ ዝነበሮ ጥሙሕ ቀምሲሉ’ዩ ነይሩ።

“ምናልባት ኢዮብ ከይከውን። ትዝክሮ እንተኼንካ ዮናስ ንሄለን ከራስና ደዊሉላ ነይሩ’ዩ። ሽዑ ኢዮብን ሄለንን ተላልዮም። ሄለን ከኣ ካብ መሓዙት ሄርሜላ’ያ። ብመደብ ከምኡ ኢሉ ንሄለን ኣዕሊልዋ ክኸውን ኣለዎ። ሄለን ከኣ ንሄርሜላ እንተነጊራታ፡ እንታይ ትደሊ?” ከረድኦ ፈተነ። ኣብ ገጽ ኣራም ዘስተውዕሎ ዝነበረ ስምዒታት ተስፋ ከይሃበ ኣይተረፈን። እቲ ከም ድሙ ኣብ ዓራት ተዓምጺጽካ ምውዓል ተታሓሒዝዎ ዝነበረ ዓርኩ፡ በዚ ጉዳይ ናብ ንቡር ከምለስ ተመነየ።

“ስኒት! ክትምስገን ዘለዋ ሰብ’ያ።” ተዛረበ ኣራም።

“እወ ሓጊዛ’ያ።” ሜሮን ብልቡ ሕጉስ በለ። ኣፍቓሪቱ ኣብ ህይወት ዓርኩ ብከቢድ ዝግለጽ ሓገዝ ከተበርክት ምኽኣላ ኩርዓት ፈጠረሉ። ካብ ነብሱ ፈልዩ ይርእያ ስለዘይነበረ ከኣ፡ ምስጋንኣ ምስጋንኡ’ዩ።

“ተዘይትራኸቡ፡ ተራኪብኹም’ውን ተዘይትፋቐሩ እዚ ሕጂ ተስምዓኒ ብስራት ኣይምሃለወን። ስለዚ ክሳብ ረኺበ ዘመስግና ‘የቐንየለይ!’ በለለይ።” ንዓርኩ ብትኹረት እናጠመተ መልእኽቱ ኣመሓላለፈ። ተዘራሪጉ ዝነበረ ህይወቱ ሄርሜላ ተሓዊሳቶ እንተተመዓራርዩ፡ ስእነት ዘኪሩ ዘማርረሉ ሃዋሁ ከም ዘይህሉ ኣመነ።

“ንሄርሜላ ቐድሚ ምርካብካ ሓደ ነገር ሓሲብና ኣለና።” ብልዝበት ከዳምጽ ተሰምዐ ሜሮን። ምስ ስኒት ብዛዕባ እዞም ክልተ ፍቑራት ነዊሕ’ዮም የዕሊሎም። እዞም ብልቢ ዝፋቐሩ መንእስያት ከም ዝምነይዋ ፍቑራት ንክኾኑ ድማ ዝከኣሉም ከም ዘበርክቱ ቓል ኣትዮም ‘ዮም።

“እንታይ’ዩ?” ክፈልጦ ተሃንጠየ።

“ኢዮብ ምስታ ሄለን ትብሃል መሓዛ ስኒት ፍቕሪ ጀሚሩ ኣሎ። ስኒት ከም ዝበለትኒ ንዕኣ መደብ ከህባኣ’የን። ኢዮብ ብሓሶት ዘይስምካ ከም ዝሃበካ ንሄርሜላ ከረጋግጸላ ስለዝደለያ’ዩ። ብድሕሪኡ ትራኸቡ።” ብዛዕባ እቲ መደባት ገለ በሎ።

“ኢዮብ ተዘይኣሚኑላ’ኸ? ማለተይ ኢዮብ ቀንዲ ዓርኪ ዮናስ ከም ዝኾነ ይፈልጣ ድየን? ዓርኩ ከሎ ከመይ ኣቢሉ ዮናስ ዘይረብሓሉ ይገብር? ዋላ ድኣ እቲ ዝብሎ ሓሶት ይኹን እምበር ፡ ንዮናስ ኣሕሊፉ ክህቦ ግና ኣይጽበን’የ።” ዘለዎ ተቐውሞ ኣስምዐ። እቲ ዝፈልጦ ኢዮብ፡ ንረብሓ ክብል ካብ ሓሶት ዘይሕየብ ሰብ’ዩ። ንዮናስ ክብል ንነብሱ ናብ ሓጥያት ክድርቢ’ዩ ዝፈልጦ።

“እዚ’ኳ ሄርሜላ ብኣኻ ከይትቐየም ዝግበር ዘሎ’ዩ። ኢዮብ ንሄለን ከይከስር ከም ዝእመን’ያ ስኒት ሓቢራትኒ። እንተዘይኣሚኑ ከኣ ኣነ ምስክርካ። ብሄርሜላ ዝኣክል ስራሕካ ገዲፍካ ከም ዘለካ ዝፈልጥ ባዕለይ’የ። ንስኒት ነጊረያ ስለዝኾንኩ ኣይትሸገር። ስኒት’ውን ኩነታትካ ገሪምዋ ኣራኽበኒ’ያ ኢላትኒ።” መፍትሒ ከም ዘለዎም ጠቀሰሉ።

“እሞ ሄርሜላ ክትኣምን ድያ?” ተጠራጠረ።

“ገጽካ ይዛረበልካ ኣሎ ኣራም። ሕብርኻ ተደዊኑ እንታይ ዲኻ ትመስል ዘለኻ? ብሰንካ ዓጸቦ ከም ዝሓዘካ ተመናኒግካ’ኳ ኢኻ ዘለኻ። ኣይትሸገር ክትኣምን’ያ። ሄርሜላ ከኣ ብዘይካኻ ተፍቕሮ ወዲ የብላን።” መግለጺ ሃበ።

“ከም ቓልካ ይግበሮ።”ተመነየ።

****

ኣብ ቆይቒ ክጽመዱ’ዮም ተራእዮም። እዚኣ ካልኣይቲ ናይ ብሓቂ ፍቕራዊት ቆጸርኦም’ያ። እንተኾነ ብቆይቒ እምበር ብፍቕራዊ ዕላል ኣይደመቕትን። ሄለን መደብ ተዋሂብዋ’ያ መጽያ። ኣፍቓሪኣ ንልቢ ሄርሜላ ዝሰብር ዘይቕኑዕ ሓበሬታ ከም ዝሃባ’ያ ተነኒራ። ምስ ብዕላማ ዝሕሱ ሰብ ምቕራና ፍጹም ኣይተዋሕጠላን።

“ሄለን! ከምኡ ምባለይ ይቕሬታ። ካብ ዮናስ ንላዕሊ ንስኺ ትቕርብኒ። ሓቂ ይሓይሽ ኣራም ንሄርሜላ የፍቕራ’ዩ። እንተኾነ ከምኡ እንተኢለኪ ንዮናስ ኣይሰልጦን’ዩ። ኣነ ከኣ ዮናስ ክሰልጦ’የ ዝደሊ።” ክትቕጣዕ ስለዝርኣያ ከተሃዳድኣ ዝበሎ’ዩ። ምስ ዮናስ ተባቲኹ ስለዝኾነ፡ ምስኣ ውን ክባተኽ ኣይመርጽን’ዩ።

“ስለምንታይ ሓቂ ዘይተዛረብካኒ? ኢዮብ! ህይወት ሄርሜላን ኣራምን’ኳ ብሰንክኻ’ዩ ተባላሸዩ ዘሎ። ከም ዝርድኣኒ ዮናስ ሓደገኛ ሰብ ኣይኮነን።” ርድኢታ ገለጸት። ካብቲ ዘዕለላ ክትርድኦ እንተኾይና፡ ብተንኮል ኢዮብ ዝተበላሸወ ይዓቢ። ኣፍቓሪኣ ኣብ መንጐ ፍቕራት ኣትዩ ልብታት ዘዕኑ ገበነኛ ኮይኑ ተሰምዓ።

“መን ድኣ ሓደገኛ?” ተወሪሙ ሓተታ።

“ንስኻ። እሞ ድማ ንዘይጠቕም ረብሓ ክትብል።” ሕርቓና ገለጸትሉ። ልባ ዝሃበቶ መንእሰይ’ዩ። ከም ሰብ ምስ ካልኦት ኮይና ብዛዕባ ጭውነቱ ክትምክሓሉ’ያ ትብህግ ነይራ። እንተኾነ ኣይተኻእለን።

“ኣይትሕረቕ’ባ። ዘይጠቕም ረብሓ ኣይኮነን። እዛ ሞባይል’ኳ ኣሽሓት’ዩ ዋግኣ።” ከጸናንዓ ሓሰበ። ከደዓዕሳ ክብል ፍጹም የቕጥዓ ምንባሩ ኣይተረድኦን። ካብ ምስ ዮናስ ዝነበሮ ዕርክነት፡ ምሉእ ብምሉእ ከሲሩ ከም ዘይወጸ’ዩ ዝነግራ ነይሩ።

“እቲ ዝሰበርካዮ ልብታት ሄርሜላን ኣራምን’ከ ክንደይ’ዩ ዋግኡ?” ሓሪቓ ግብረ መልሲ ሃበቶ። ቕጭ’ዩ ኣምጺኡላ። ሰብ ድዩ ኣራዊት ዝተጠራጠረት ክትመስል ብትኩረት ተመልከተቶ። ‘መኺን ሕልንኡ እንተተሻይጥዎ፡ ካብ ሰብ ዝኸፍእ ኣራዊት የለን!’ ኣብ ዝብል መደምደምታ ክትበጽሕ ከኣለት።

ኢዮብ ሕቶኣ ገሪምዎ ተዓዚሙ ኣስቐጠ። እንታይ ከም ዝምልስ ኣይፈልጥን’ዩ። ሰብኣዊ ክብሩ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከውርድ ዝደለየ ኣይመስልን። ንልብታት ኣራምን ሄርሜላን ብዋጋ ክትምኖ ከም ዘይክእል ይርዳእ’ዩ። ስለዚ ከይመለሰ ከስቕጥ መረጸ። ስቕታ ንሄለን መልሲ እንተኾይንዋ!

“ብዝኾነ ምሳኻ ክቕጽል ኣይደልን’የ።” ስለዘይመለሰላ ሓሪቓ ተዛረቦት።

“ሄለን!” ሰንበደ። ክኸስራ ኣይደልን’ዩ። ምስ ዮናስ ስለዝተባእሰ ሰብ የብሉን። ሜሮንን ኣራምን ጸላእቱ ቀይርዎም’ዩ። እታ እንኮ ምስኡ ትተርፍ፡ ካብ ዮናስ ዝተቀበላ ሞባይል’ያ። ሞባይልን ሰብን ግና ፍልልይ ኣለዎም ኢሉ ሓሰበ። ክንዲ ዝተራቐቐት ትራቐቕ ‘ህ!’ ኢላ ትሰምየ ኣይኮነትን። ሰብ ግና ክንዲ ዝሓመቐ ይሕመቕ ዋላ ፍታሕ ኣየምጽእ ጽን ኢሉ’ኳ ይሰምየ። እዚ ዝተረድኦ’ዩ ዝመስል።

“ምሳይ ክትቕጽል ተደሊኻ ሰለስተ ነገራት ክትገብር ኣለካ።” ወተሃደራዊት ሓላፊት ክትመስል ብመልከዕ ትእዛዝ ተዛረበቶ።

“እንታይ’ዩ?” ተቐላጢፉ ሓተተ።

“ቀዳማይ፡ ካብዚ ረሳሕ ጠባይ ተኣለ። ብልሕኻ ኣብ ካልእ ተጠቕመሉ። ከምዚ ከምዘይትገብር ቓል እተወለይ።” የማናይ ኢዳ ንኽጠቅዓሉ ቀረበትሉ።

“ቃል ይኹነኒ።” መብጽዓ ኣተወ። “ካልኣይ’ከ?” ክትቅጽል ሓተታ።

“እዛ ካብ ዮናስ ዝተቐባልካያ ሞባይል ንዋንኣ ሃባ። ፍጹም ኣይተድልየካን’ያ። እዚ ከም ትንብሮ’ውን መሓለለይ።” ሕጂ’ውን ኢዳ ወፈየትሉ።

“ዓይኒ ብርኪይ ዝህቦ።” መሓለ ኢዮብ። ብዋጋ ሄለን ክጻወት ኣይመረጸን። ንሞባይል ክብል ሰብ ከጥፍእ ዝተዋሕጠሉ ኣይመስልን። ‘እዛ ብቻርጅ ትሰርሕ ሞባይል፡ ምስቲ ብደም ዝንቐሳቐስ ሰብ ትወዳደር ኣይኮነትን!’ ብልቡ ተዛረበ።

“ሳልሳይ ከኣ ንሄርሜላን ኣራምን ይቕሬታ ሕተቶም።” ተዛረበት ሄለን።

“ሐራይ።” ተሰማምዐ።

****

ነታ ካብ ዳዊት ዝተቐበለታ ደብዳቤ ሒዛ ጽምዋ ደለየት። ዋላ’ኳ እታ ደብዳቤ ድሕሪ ገለ ሳምንቲ ናብ ኢዳ ትብጻሕ፡ ከተንብባ ግና ህንጡይነት ኣሕደረት። ብጌጋ ምስ ካልእ ከምኣ ጐርዞ’ያ ጸኒሓ። ነቲ ንሳምንታት ዝሓዘነትሉ ጉዳይ ትድብስ ክትከውን ተተስፈወት። ሰብ ዘይብሉ ብጽምዋ ዝተቋሰለ ቦታ ምስ ረኸበት፡ ኮፍ ኢላ ብታህዋኽ ከፈተታ። ብኣዝዩ ህንጡይ ዝኾነ መንፈስ ከኣ ከተንብብ ጀመረት።

“ናብ ዝኸበርኪ ራሄል!

ብመጀመርታ ፍቕራዊ ሰላምታይ ተቐበሊ። ብምቕጻል ጸጋ ጥዕናኺ ናተመነኹ፡ ኣብ ናብራኽን ሰራሕክን ሰላምን ዓወትን መሓዙት ክኾናልኪ ይጸሊ።

ራሄል፡ ንግስቲ ልበይ ካብ ትኾነ ኣይወሓደን። ኣብ ልበይ ዝርከብ ‘ወርቂ ወንበርኪ!’ ንዓኺ ክጽበ ፍጭም ክብል ይውዕል ኣሎ። ኣሉታዊ መልሰኺ ንድምቀት ጸሓየይ ዝዓግት ደበና ኮይኑኒ። ዓለመይ ምድብዛዙ ከይኣክል፡ ጽምዋ ጥሒሰዋ ንሸግራተይ ዘራብሕ ዓንኬል ተቐይሩ። ፍቕሪ ከምዚ ክኸውን ኣይተጸበኹን። ግና ኣማራጺ የብለይን፡ ክሳብ ሓሳብ ልበይ ዝሰምር ክጽበየ።

ራሄል፡ ምምልላሰይ ጽልኣት የሕድረልኪ ይኸውን። ዝነብሮ ሰለ ዝጠፍኣኒየ። ከይረኣኹኺ ተውዒለ ዝፍጠር ጭንቂ ናይ ምጽዋር ብቕዓት የብለይን። ሸው ለይትን ቀትርን ይወጀበሩኒ። ንማለቱየ ኣብ ዓራት ዝድርበ እምበር ድቓስ ኣይወስደንንየ። ከሓስቦ ከለኹ ኣፍቂረ ድየ ተጸሊለየ ዝብል። እንተኾነ ውዱእ መልሲ ኣይረኽበሉን። ፍቕሪ ጽላለ እንተኾኑ ግና፡ ብዝእ ፍቓደይ ንሰለ ፍቕርኺ ዕቡድ ከኸውን ወሲነ ኣለኹ። ግና ፍቕሪ እምበር እምኒ ዘይድርበ ዕቡድ።

ኣብ ቀይድኺየ ዘለኹ። ናብራ ቀይድኺ ዝጽወር ኣይኮነን። ፍቕሪ ጠቢቕ ዝኸውን ተኾይኑ፡ ከጣበቐለይ ይጸበ ኣለኹ። ከማኺ ምልከዕቲ ምፍቓር ፍጹም ቅሳነት ዝህብ ኣይኮነን። ኣብ ዓይኒ ብዙሓት ሰለ ትኣትዊ፡ ብኮን ደኮን ዝሻቀሎ እንተተፈልጥለይ ምደንገጽኪ። ራሄለይ ልብኺ ናተይ እምበር ናይ ካልኦት ከይትከውንባ ሓግዘኒ። ዝሓመመ ልበይ ጥዕና ኣብ ኢድኪ ርእዩ የንብሁቕ ኣለ።

ራሄል፡ ፍጹም ተሰፋ ክቆርጽ ኣይኮንኩን። ኣይትጽልእኒ ድኣ እምበር ኩሉ ሻዕ ከመላለሰኪየ። እንታይዩ እዚ ለማኒ ኣይትበልኒ። ዘይልምን ፍጡር ሰለዘየለ። ኩሉ ሻዕ ኣብ ልበይ ኣለኺ። ኣብ ልብኺ ክህሉ ክሓኹሮ ዘለኒ መዳያይቦ እንተሓበርክኒ ምደለኹ። ራሄለይ ሓንሳብ ሰለዝነብር ሓንሳብ እየ ዘፍቕር። ኢታ ዘፍቕራ ድማ ንስኺ ኢኺ። ሰለዚ ሐራይ በልኒ።

ካብ ዘፍቕረኪ መድሃኔ!"

ኣንቢባ ምስ ወድኣት ኣብ ከቢድ ሓሳባት ጠለቐት። ጣዕሳን ሓጐስን ተፈራረቓማ ኣእጋራ ኣመሳቒላ፡ ምዕጉርታ ብየማናይ ኢዳ ደገፈቶ።

<u>33.Z. ዝሓመመ ልበይ ጥዕና ኣብ ኢድኪ ርእዩ የንብሁቕ ኣለ!</u>

****

34

34.A. ፍቕሪ ከም ካርድ ናይ ምባይል፡ ኣብ ድኳን ዝተጠንለለ ኣቕሓ ኣይኮነን!

“ሄርሜላ ይቕሬታ ግበርለይ።” ካብ ኢዮብ ዝወጸ ቓላት’ዩ ነይሩ። ንሄለን ዝኣተወላ መብጽዓ ከተግብር’ዩ ከምኡ ኢሉ። ንዮናስ’ውን ሞባይሉ መሊስሉ’ዩ። ሄለን’ያ ምስ ሄርሜላ ኣራኺቦቶ። ብተመሳሳሊ’ውን ኑቲ ዝበደሎ ኣራም ይቕሬታ ሓቲቱ፡ ዝምድንኣም ናብ ንቡር ከምለስ ተሰማሚዑ’ዩ።

“ይቕረ ይኹንካ ኢዮባ። ኩሉ’ዩ ዝጋገ፡ እንተኾነ ውሑድ’ዩ ዝእረም። ብዝኾነ ኣይሕዘልካን’የ። ከም ኣፍቓሪ ሄለን’ውን ጽቡቕ ዝምድና’የ ክህልወና ዝደሊ።” ሄርሜላ ብከምስታ ተሰንያ መለሰትሉ።

“የቕንየለይ። ለባም’ዩ ዝምሕር። ኣብ ዝቕጽል ክኽሕስኪ’የ።” ኣኽመስመሰ።

“ካብ ዝገበርካዮ ንላዕሊ ካሕሳ ኣይደልን’የ። ዘይርስዖ ውዕለት ኢኻ ጌርካለይ። ዝኾነ ዘሰከፍ የብልካን። ህይወተይ ብሳላኻ ስለዝተመዓራረየ፡ ካልእ ኣይደልን’የ። ጥራይ ነዛ መሓዛይ ብፍቕርካ ኣጽግበለይ።” ናብ ሄለን ጠሚታ ተዋዛየት።

“ኢዮበይ! ከምዚ ክትከውን’የ ዝደሊ።” ሄለን ሓቐፈቶ። ከምቲ ንሱ ናብ ዝደለዮ ዝቐየራ፡ ንሳ’ውን ናብ ዝደለየቶ ክትቕይሮ ብምኽኣላ ብዘይ መጠን ተሓጕሳ ነበረት። ዝቕጽል ህይወቶም ብፍቕርን ስኒትን ዝነብርሉ ክኽውን ተተስፈወት።

“በሉ ይመልኣልኩም። ኣነ ክኽይድ?” ነቶም ፍቕራት በይኖም ገዲፉቶም ናብ መደቀሲ ክፍላ ተበገሰት። ኢዮብን ሄለንን ከኣ ተሓቓቀፍም መገዶም ቀጸሉ። ዕላሎም ብዋዛ ዝተኽበ ብምንባሩ፡ ጸጸኒሖም ብዓውታ ክስሕቁ ተሰምዐ።

****

ናብ መደቀሲኡ ከይዳ'ያ ጸዊዓቶ። ቐድም ንሱ'ዩ ዝጽውዓ ነይሩ። ግና ሎም'ስ ብኣንጻሩ ኮነ። ከህደን ዘለዎ መንእሰይ ሙኺኑ'ያ ኣሚና። ብዘይገበሮ ስለዝፈረደቶ ኣብ ውሽጣ ጣዕሳ ኣለዋ። ግና ክትረኽቦን ከተዕልሎን ብዘይ መጠን ሃሪፉ ነበረት።

"ራሄል!" ምስ ርኣያ ብስንባደ ዝበሎ'ዩ። ዋላ'ኳ ብሳላ ዳዊት ዝመጸ ለውጢ ፈሊጥዎ ተነበረ፡ ራሄል ከተጸውዖ ግና ኣይሓሰበን። ገጹ ብከምስታ ተወልዐ። ራሄል ትኣከል ቆንጆ ናብኡ ምምጽኣ ፍጹም ዝእመን ኮይኑ ኣይተሰምዖን። 'መልኣኽ ናብ ከባቢኻ እንተተዛዊሩ፡ ምልክት ሰናይ መዓልቲ'ዩ!' በለ ብሓሳቡ።

"መዳ ሓወይ!" ብከምስታ ዓጸፋ መለሰትሉ። ኣዒንታ ንብዓት ክቋጽር ኣይደንጐየን። ናፍቆታ መስፈሪ ዝስኣነትሉ ትመስል። ኣብ ገጹ ዝርኣየቶ ከምስታ፡ ተስፋ ዝምጡ ቀላይ ገይራ ሓሰበቶ። "መዳ ሓወይ! ይቕረ ክትብለለይ ዲኻ?" ሰላም ክትብሎ'ውን ኣይተገደሰትን።

"ሕድገት ዘይገብር'ኳ ይጽልኣኒ። ብዓጀባ እምበር ራሄለይ። ኣሽንኳይ ንተፍቕሮ፡ ንጸላኢኻ'ውን ሕድገት ግበረሉ'ዩ ዝብል ፈጣሪ። ይቕረ ይኹንኪ።" ፍቕሪ እምበር ቂምታ ዘሳሲ ልቢ ኣይተዓደለን። 'ፍቕሪ ቐምታ ዝፈልጥ ስምዒት እንተኾይኑ፡ ኣደ ጭካኔ ተፈልፍል ፍጥርቲ'ያ!' ምስ ዝብል ሓሳብ ይሰማማዕ'ዩ።

"የቐንየለይ መዳ ሓወይ።" ምስጋንኣ ገለጸትሉ።

"ከመይ ኣለኺ?" ኩነታታ ክፈልጥ ደለየ።

"ጽቡቕ። ካቲም ናይ ኣዴኻ'ባ ኣርእየኒ።" እቲ ዳዊት ዝበሎ ከተረጋግጾ ስለዝደለየት'ያ ከምኡ ኢላ። መድሃኔ ካቲም ወላዲቱ ኣብ ጅብኡ ስለዝጸንሐት ኣረከባ። ራሄል ነታ ካቲም ምስ ተረከበታ ከይተዛረበት ንብዓት'ዩ ቀዲምዋ። ኣዒንታ ከም ሰማይ ክረምቲ ኣጅረብረበ። ክትክልክሎ ዓቕሚ ኣይነበራን።

"እንታይ ድኣ ነቢዕኪ?" ካብ ልቢ ሰንበደ።

“ብሓቂ ምእንታይ ክትብል ጌርካዮ?” ሓተተቶ።

“እወ ራሄለይ። ብዘይካኺ ዘፍቕሮ የብለይን። ዝኾነ ነቲ ዝበልክዮ ዝኸውን ገንዘብ ስለዘይነበረኒ’የ። እምበር ናይ ስርቂ ልምዲ የብለይን።” ከዳፋነቕ ተሰምዐ።

“እዚኣ ንማማኻ ምለሰላ። ዘርኣርኻኒ መስዋእቲ ንዓይ እኹል’ዩ። ዋጋ 3500 ናቕፋ ክዳን ዝዓብሰለይ የብሉን። ንዓይ ክትብል ዝኣተኻዮ ሓደጋ፡ ውሕስነት ፈጢሩለይ ኣሎ።” ነታ ካቲም ኣረከቦቶ። “ጨኪነልካ’የ። ግና ብልበይ’የ ዘፍቕረካ። ናትካ ክኸውን’ውን ይደሊ’የ። በደለይ ተጻዊርካ ምሳይ ክትፋቕር ድሉው እንተለኻ ሕቆፈኒ። እንተዘይኮይኑ...” ኣየወድኣን። ከም ኣሰለት ተጠምጠማ።

****

ብዝገበረቶ ተጣዒሳ ክትከውን ተሃንጠየ። ደዊላ ምስ ጸውዓቶ ቕድሚ ዝበለቶ ሰዓት’ዩ ኣብ ቦታ ቆጸራ ተረኸቡ። ልቡ ተሃወጸት። ዝገብሮን ዝብሎን ይፈልጥ ኣይነበረን። ደንጉያ ከይትኸውን እናሻዕ ሰዓቱ ተዓዘበ። ግና ንሱ’ዩ ቀልጢፉ።

“ዮናስ ከመይ ጸኒሕካ?” ድሕሪ ሕሱም ትጽቢት ቃላታ ሰምዐ። ቃል እታ ከም ንግስቲ ልቡ ዝሓሰባ ሄርሜላ’ዩ። ብኣኽብሮት’ዩ ተቐቢልዋ። ካብ ኮፍ ዝበሉሉ ተንሲኡ ኮፍ ከም ትብል ገይሩ፡ ንሱ’ውን ኮፍ በለ። ብመሳጢ ኣገባብ ተሰንዩ ውን ከምቲ ንቡር ኩነታታ ሓተተ። ብኡ ንብኡ ከኣ ብዛዕባ ዘምጽኦም ከዕልሉ ጀመሩ። ሄርሜላ ብዛዕባ ኩሉ እቲ ምስ ኢዮብ ኮይኖም ዝገበርዎ’ያ ኣዕሊላቶ።

“ሄርሜላ ተጋግየ’የ። ግና ኣይትሓዝለይ ኣዝየ ስለዘፍቕረኪ’የ ውዒለዮ። ክደግሞ ኣይኮንኩን።” ተመሻኸነ። ምሕረት ዝጽበ መንእሰይ’ዩ። ትዕቢቱ ምስኡ ኣይነበረን።

“ኣይሕዘልካን’የ። ካብቲ ዝጐዳእካኒ ዘሕለፍካለይ ትምህርቲ ይዓቢ። ግና ኣይተጋገኻን ንምባል ኣይኮነን። እዚ ኣብ ኣራም ዝገበርካዮ ኣብ ካልኦት ክትገብሮ ከይትሓስብ ይምሕጸነካ።” ንእግረ መንገዳ ማዕዳ የሕለፈትሉ።

“ፍጹም ኣይሓስቦን’የ።” ከሐጉሳ ተቓላጢፉ መለሰ። ክትቐየሞ ፈጺሙ ኣይብህግን’የ። ዋላ’ኳ ከም ሰብ ንሰባት ኮነ ኢልካ ናይ ምንእኣስን ምቑጣዕን ባህሪ እንተነበሮ፡ ኣብታ ልዕሊ መጠን ዘፍቐራ ሄርሜላ ግና ኣይጥቀመሉን’የ።

“ሕጂ ናብቲ ቀንዲ ዘምጽኣኒ ጉዳይ ክኣቱ።” ግብረ መልሱ ክትሰምዕ ኣቋረጸት።

“ቀንዲ?” ስንባደ ኣርኣየ። ኪኖ’ዚ ክትዛረቦ ዝጸንሐት ቀንዲ ክህሉ ኣይገመተን። እቲ ዝበለቶ ክትብል ዝጸውዓቶ’ዩ መሲልዎ። ኪኖኡ ካልእ ኣይተጸበየን።

“ምስ ዘይተፍቐረካ ክትነብር ትደሊ’ዶ?” ርግእቲ ኣይነበረትን። ሰብ ምብዳል ኣይብርሃን’የ። ግና ንዕኡ ከይትብድል ንዘልኣለም ነብሳ እናጐድኣት ክትነብር ኣይትደልን’ያ። ‘ንሰባት ክትብል ነብስኻ ምብዳል፡ ገበን’የ!’ በለት ብልባ።

“ከመይ ጌረ’ሞ ክነብር?” ተጠራጠረ። ንምንታይ መኽንያት ከም ዝሓተተቶ ኣይፈለጠን። ክቆጻጸሮ ዝተጸገመ ፍርሒ ኣብ ውሽጡ ከሸኮንድር ተረድኡ።

“ኣየፍቐረካን’የ። ስለ’ቲ ዝገበርካለይ ጽቡቕ የመስግነካ። ኣብ ውሽጠይ ውን ቦታ ኣለካ። ግና ፍቐሪ የብለይን ምሳኻ።” ስምዒታታ ተዓቢጦም ዝዕበጡ ኣይነበሩን። ከተዐሸዎ ኣይደለየትን። ካብ ምስ ዘይተፍቐሮ ኮለል ዝብል፡ ንተፍቐሮ ከናዲ ክትገድፎ ነይርዋ። ዋላ ተደለየት ከተፍቐሮ ከም ዘይትኽእል’ያ ትፈልጥ። ፍቐሪ ከም ካርድ ናይ ሞባይል፡ ኣብ ድኳን ዝተጠንጠለ ኣቐሓ ስለዘይኮነ።

“ሄርሜላ ከምኡ ከይተስምዕኒ።” እታ ዝፈርሓ መጸቶ።

“ይቐሬታ ዮናስ። ኣየፍቐረካን’የ ንፈላለ።” ደገመትሉ።

“ስለምንታይ?” ዘርባዕባዕ በለ።

“ስለዝበደልካኒ ኣይኮንኩን። ስለዘየፍቕረካ ግና ከሀውትተካ ኣይደልን’የ።”

“ሄርሜላ ሓፍተይ! በጃኺ ኣይፍለየክን’የ።” ከም ቆልዓ ነብዐ።

“ሓፍትኻ ንሙኺን ድልውቲ’የ። ጸገም ከይመጽእ ኣብ ጐንካ ኣለኹ። ከፍቕረካ ግን ኣይክኣልን’የ።” ንብዓቱ ክትጻወሮ ስለዘይክኣለት ሓዲጋቶ ከደት። ዮናስ ግና ምንባዕ ኣየቋረጸን። ዝእብድ ሰብ ኣይነበሮን። እቲ ዝምከሓሉ ገንዘቡን ሃብቱን፡ ’ኣለኹልካ’ ኣይበሎን። ገንዘብ ሕልና ዘለዎም ሰባት’ዮም ሰሪሑሞ። እንተኾነ ገንዘብ ሕልና የብሉን። ብዝኾነ እቲ ንብዓት ቀጻሊ’ዩ ዝመስል -ንብዓት ድኻ ልቢ!

****

ተጠማሚቶም ኣይተጻገቡን። ብዘይ ዘረባ ዓይኒ ንዓይኒ ተጋጠሙ። ዓባሳት’ዮም ዝመስሉ። ሜሮንን ስኒትን ኣራኺቦሞም ካብ ዝኸዱ ገለ ደቓይቕ ተደፊኑ ነበረ። እንተኾነ ኣዒንቶም እምበር ልሳኖም ክዛረብ ኣይተሰምዐን። ኣብ ኣዒንቲ ክልቲኦም ንብዓት ተቆጺሩ ተራእየ። ፍቕሪ ግድን ኣይኮነን ንጹር ቓላት ክሓትት።

“ኣራም ሓወይ!” ቀዲማ ተዛረበት ሄርሜላ።

“ኢሂ ሄርሜላ?” ምስኣ ምህላዉ ኣበሰራ ኣራም።

“ብሰንከይ ኣብ ዓራት ተዓምጺጽካ ክትውዕል ቀኒኻ?” መልሱ ትጽበ ምንባራ ዘኣንፍት ስምዒታት ኣብ ገጻ ለጠፈት። ኩሉ ኩነታት ኣራም ሜሮን ኣዕሊልዋ’ዩ።

“ብሰንከኺ ዘይኮነ’ስ ብሰንኪ ዘይሰመረ ፍቕሪ።” ‘ብሰንከኺ!’ ምባል ከም ምውንጃል ገይሩ’ዩ ሓሲብዎ። ነታ ዘፍቕራ ሄርሜላ ክውንጅላ ኣይደልን’ዩ። ከም’ቲ ድሒሩ ዝሰምዖ ዛንታ ተኾይኑ ድማ፡ ናይ ሄርሜላ ጉድለት ኣይተራእዮን።

“ተፍቕረኒ’ዶ?” ግብረ መልሱ እናፈለጠት ሓተተቶ። ስለዘፍቕራ ኣብ ጸገም ከም ዝወደቐ ትፈልጥ’ያ። እንተኾነ ካብ ኣፉ ክትሰምዖ ደልያ።

“ልዕሊ ነብሰይ’የ ዘፍቕረኪ። ዘገድሰኪ ንብረት’የ ክህበኪ መጽየ። ተኾነ ዘይነጽፍ ፍቕሪ ሒዘ ተመሊሰ። ብጓል ተገዲሰ ይፈልጥ ኣይነበርኩን። ንስኺ ግና ፍሉይ ስምዒት ፈጢርክለይ።” መግለጺ ሃበ። “ንስኺ’ኸ ተፍቕርኒ’ዶ?” ብጊድኡ ሓተተ።

“ትዝክር ተኼንካ ብሕማቕ’የ ተቐቢለካ። ግና ተጣዒሰ። ምስቲ ንብረት ፍቕሪ ገዲፍካለይ። ትምክሕቲ ከይመስል እምበር ብዙሓት’ዮም ዝሓቱኒ። ብዘይካኻ ዘፍቐርኩዎ ግና የለን። ኣብ ድያሪየይ ብዛዕባኻ ዝጸሓፍክዎ ከርእየካ’የ። እዚ’ውን መግለጺ ፍቕረይ’ዩ። ዳየሪየይ ኣንቢብዋ ዝፈልጥ ሰብ የለን።” ክምስ በለትሉ።

“እሞ ዕድለኛ’የ።” ዘረብኣ ብዘይ መጠን ኣሐጐሰ።

“ኣነ’ባ ዕድለኛ።” ጠሚታቶ ጥቕስ በለት። “ኣራመይ! ሜሮን ብዛዕባኻ ኣዕሊሉኒ። ንምንታይ ብስእነትካ ተማርር?” ብተገዳስነት ሓተተቶ። ከማርር ኣይትደልን’ያ። ‘ህይወት ክንዲ ዝሓሰመት ትሕሰም ፍቕሪ ተልይዋ፡ ርኽበት’ያ!’ ዝብል እምንቶ ዘለዋ። ምስ ምሉእ ጸጋታቶም ዘማርሩ ሰባት ስለትፈልጥ፡ ፍቕሪ’ያ ተቐድም።

“ስቐ ኢለ’የ።” ርቡሕ መመኽነይታ ኣይነበሮን። እናከማርር ዝተኣለየሉ ስእነት ስለዘይነበረ ግና ትርጉም ከም ዘይብሉ ገመተ። ‘ምምራር፡ ዝምልኡ ጁባ ወይ ከኣ ዝውሰኽ ቐመት የለን!’ ዝብል ምሉእ ሓሳብ ኣብ ርእሱ ደወለ።

“ካብ ጠባይካ ዝዓቢ ሃብቲ ኣሎ ድዩ? በጃካ ድሕሪ ሕጂ ኩተማርር ከይሰምዓካ። ኣራመይ ኩሉ ክኾነልካ’የ። ክንዲ ገንዘብካ ክንዲ ወርቕኻ ጌርካ ሕሰበኒ። ኣብ ዓወትካን ሽግርካን ካብ ጐንኻ ክፍለ ኣይኮንኩን። ብዘይካኻ ዝጥምቶን ዘፍቕሮን ስለዘይብለይ እናማረርካ ከይትጉህየኒ ሓደራ።” ኣብ ስምዒት ኣትያ ተዛረበቶ።

“ቓል ይኹነኒ ሄርሚ። ንስኺ ዘይትፈትውዮ ኣይሰርሕንየ።” መብጽዓ ኣተወላ። እታ ዝበለጸት ብፈጣሪ ዝተመጠወትሉ ህያብ ኮይና ተሰምዓቶ። ዝተሰብረ ልቡ ብቓላታ ተጸጊኑ ምንባሩ ኣረጋገጸ። ዓለም ፍትሒዊት ዝኾነት መሰለቶ።

“ዓለምካ’የ ኣራመይ። ማንም ዘይሓኮ ፍቕርኻ ኣሎኒ። ካባኻ ሓንቲ ነገር’የ ዝደሊ። ንሳ ከኣ ከም ዘፍቕረካ ብዘይ ቁጠባ ኣፍቕረኒ።” ክትቆጻጸሮ ዘይከኣለት ንብዓት ካብ ኣዒንታ ከፍልፍል ተራእየ። እቲ ንብዓት ምስከር ፍቕራ’ዩ ነይሩ። ሓንሳብ ሓንሳብ ንብዓት ምስከር ፍቕሪ ይኸውን’ዩ። ‘እቲ ፈሳሲ ጥራይ ዝመስለና ንብዓት፡ ልሳን ኣብቑሉ ምስከር ዝኾነሉ ኣጋጣሚ ኣሎ!’ በለት ብውሽጣ።

“ከፍቕረኪ’የ ሄርሜላ።” ንሱ’ውን ነብዐ። ኣትሪሩ ብምሕቓፍ ናብ ነብሱ ኣልገባ። ንብዓት ካብ ኣዒንቶም ምጅርብራብ ኣየቋረጸን። ግና ትርጉም ዝነበሮ ንብዓት!

“ህያበይ ክህበካ ፈንወኒ።” ድሕሪ ደቓይቕ ተዛረበት ሄርሜላ።

“ህያብ!” ገረሞ ኣብ ኢዳ ዝሓዘቶ ነገር ስለዘይነበሮ’ዩ ተገሪሙ።

“እተን ንዓኻ ኢለ ዝዓቀብከወን ከናፍረይ’የን ህያበይ። ስዓመን።” ክምስታ ኣርኣየቶ። ኣራም’ውን ክምስ ኢሉ ናብተን ብሉጻት ከናፍራ ቀረበ። ኪኖ ምስዓም ከም ከይጠበወ ዝወዓለ ህጻን ክመጽየን ተራእየ። ኑተን ኩሉ ዝበሃገን ከናፍር!

34.Z. *ህይወት ክንዲ ዝሓሰመት ትሕሰም ፍቕሪ እንተኣለዋ ፡ ርኽበት’ያ!*

****

ኣጀሚርካ እተወድእ ልዑል ፈጣሪ ምስጋና ንዓኻ ይኹን!

ተፈጸመ!